የሳጥናኤል ጎል ኢትዮጵያ !!



ፍስሐ ያዜ ካሣ
2007 ዓ.ም

ናይ ሳጥናኤል ጎል ኢትዮጵያ!!

ኣም ህይወት!

ገነት!

ኢትዮጵያ!

ትርጉም ብ yesatnaelgoal.wordpress.com

“የሳጥናኤል ጎል ኢትዮጵያ” ካብ ዝብል ብ ፍስሓ ያዜ ኣብ 2007 ዓ.ም ግእዝ ዝተጻሕፈ፣ ንጸሓፊኡ’ውን ምኽንያት መጥፍኢኡ ካብ ዝኾነት ሚስጥራዊ መጽሓፍ ዝተተርጎመ!

ኣብ ውሽጥ’ዚ መጽሓፍ ሓደሓደ ንሃይማኖታውን ንኻልኦት ጉዳያትን ዝምልከት ዘለፋታት እንተልዩ፣ እቶም መራሕቲ ሃገራት G20ን እቲ ናይ ቫቲካን ጳጳስን ተኣኪቦም ውዲት ክኣልሙ ኸለዉ ዝተዛረብዎ ኩሉ ከምዘለዎ ስለዝሰፈረ ምኽኑ ከፍልጥ ይደሊ።

ደራሲኡ።

ክቡር ኣንባቢ፣ ኣንቢብካ ምስወዳእኻ ነዚ ሚስጥራዊ ሰነድ’ዚ ንኻልኦት ነዚ ሚስጥር ዘይፈለጡ ኣሕዋትካ ብምሃብ መንነታዊ ግቡእኻ ፈጽም ደኣምበር ኣይትጨነቕ፣ እንተ እቶም ነዚ ኣንቢቦም ጌና ሕጂ’ውን ብመንነቶም ዘላግጹ ኣሕዋትና ግና ዝዓወረ ልቦናኦም የብርሃሎም! ወዲኡ!

ተርጓሚ።

ሰናይ ንባብ።

ቀዳማይ ክፋል

ኣዲስ ኣበባ ኣብ ወርሒ መስከረም 2007 ዓም ግዕዝ

“እዚ ሕጂ ንመን እዩ ዝንገር? ሕራይ እንታይ ክገብሮ? ንመን ክህቦ? ብኽመይ ክዝርግሑ? መንከ ይቐበለኒ? መን ሰሚዑ መን ይኣምነኒ? ከይፈለጥክዎ ብኻ ተሪፈ ኣይብልን፣ እንቋዕ ፈለጥክዎ። ግን እንታይ ፋይዳ ኣለዎ? ኣኺሉኒ፣ ንበይነይ ሒዘዮ ምሟተይ እዩ! ኣነ ጥራይ ፈሊጠዮ ክመውት? ኣይውዕሎን!”

ይጭድር፣ ይበኪ፣ ጸጉሩ ይነጺ.....። ሃንደበት ድማ ርጉእ መሲሉ ጠጠው ይብል እሞ ፍዝዝ .... ኢሉ ይተርፍ። ሒደት ምስ ገዛእ ርእሱ ኣጉረምሪሙ እንደገና ብፍጥነት ይነይይ። ናበይ ክበጽሕ ይነይይ ከምዘሎ ዘይምፍላጡ ምስተረድአ ድማ መሊሱ ጠጠው ይብል’ሞ ንብዙርያኡ የቋምት። ብድሕሪኡ ጁባታቱን፣ ብዙርያ ቁልፉ ዘሎ መዓጥቑን ይድህስስ። “ግርም! ምሳይ እዩ ዘሎ። ኣይጠፍኣን፣ ኣይክጠፍእን ከኣ’ዩ።” እጂ’ውን መሊሱ ኣፍልቡ ይድህስስ። ገጹ በእዳዉ ዳህሲሱ “ግርም ኣለኹ፣ ብሕይወት ኣለኹ፣ ኣይሞትኩን ኣይደቀስኩን። ኣብ ሕልሚ’ውን ኣይኮንኩን ዘለኹ። ከምኡ’ውን ኣይዓበድኩን። ጥዑይ ኢየ። ግን እንታይ ክገብር? ስለምንታይከ ክረጋጋእ ዘይከኣልኩ? ስለምንታይ? ስለምንታይ? ስለምንታይ?” ስቕ.....ስቕ.....ስቕ.....ስቕ..... ኢሉ ይበኪ። ንብዓቱ በተን ዝረስሓ ልምሉማት የእዳዉ ደራሪዙ፣ ኣብታ ቆይሙላ ዘሎ ቦታ ብፍጹም ተስፋ ምቑራጽ ተዋሒጡ ብዝግታ ኣብቲ መሬት ኮፍ ይብል። ብዙሕ ከይጸንሐ ከም ዝሰምበደ ኮይኑ ይትንስእ’ሞ፣ ነቲ መልሲ ኣልቦ ዝኾነ ተደጋጋሚ ሕቶታት ይሓትት። ብርግጽ ንመን ይሓትት ከምዘሎ እኳ እንተዘይፈለጠ ግን ይሓትት . . .።

“በጃኺ ኢትዮጵያ! በጃኺ! እዚ ነገር እዚ ይቃላሕ’ሞ ንዓኽን ንደቅኽን ዘድሕን ይኹን!? በጃኺ ርድእኒ!?” መልሲ የለን ...። ንሱ ግን ይቐጽል፣ “በጃኺ፣ ብውሕዱ ሕዝብኺ ይፍለጦ። ዘይተርፍ ነገር እኳ እንተኾነ፣ ብውሕዱ ሕዝብኺ ይፍለጥ’ሞ ነናይ ገዛእ ርእሱ መትከል ይሓዝ። በጃኺ ኢትዮጵያ ተለመንኒ! ንስኺ እኮ ኢኺ ትጠፍኢ! ንሕና’ሞ ካብ ንጠፍእ ሓያሎ ጌርና’ለና። እዚ ኾነ እቲ ግና ኣጠፋፍኣኺ ብውሕዱ ደቅኺ ይፍለጥዎ። በጃኺ!? .....

“ሕራይ...ሕራይ... በቃ ኣምላኽይ ስምዓኒ። እዚ ነገር እዚ ክወጽእን ክፍለጥን፣ ክርእን ኣለዎ። ኩሉ ነገር ዝተኣዘዘ ብኣኻ’ኳ እንተኾነ፣ እዚ ነገር እዚ ብሕዝቢ ኢትዮጵያ እንተተፈለጠ ሸግር ኣለዎ ኢለ ኣይሓስብን። ስለዚ ተለመነኒ ክልምነካ፣ በጃኻ ብገለ ሜላ

ብወግዒ ይቃላሕ! ከምኡ ክኸውን እንተዘይተደልዩ፣ ስለምንታይ ኣብ ኢደይ ክኣቱ ከኣለ? በጃኻ! ነዚ ሓቂ ሒዘ ክመውት ኣይደልን። ምእንትኡ ኩሉ ነገረይ እኮ'የ ስኢነ! ህይወተይ፣ ናብራይ..... ሃብተይ፣ ተስፋይ... ጽናሕ....ኣነ....ኣነ....” ብልዑል ኣውያት እንዳተንሰኞሰቐ ምብካዩ ቀጸለ....።

ኣበይ ከምዝሓደረ ኣይዝክርን። ጥራይ ኣብኡ እንከሎ፣ ጎቦ ኾይኑ ሒደት ኣብ ዘዕረፈሉ ሓደ ጸግዒ ገዛእ ርእሱ ከምዝረኽባን፣ ኣጸቢቑ ከይወግሐ ምትንስኡን፣ ኣንዳሓተተ ምስጓም ከምዝጀመረን ይዝክር።

ብኽያቱ ከየቋረጸ ንብዙርያኡ የማን ጸጋም ምስ ኣቋመተ ከባቢ ኣራት ኪሎ ከምዘሎ ተረድኣ። ሰዓት እኳ እንተዘይሓዘ ብግምት ንግሆ ሰዓት ትሸዓተ ክኸውን ከምዝኽእል ገመተ። ብኽያቱ ኣቋሪጹ ብትካዘ ተዋሕጠ። ኣብ ኩርናዕ ናይቲ ቀንዲ ጎደና ኮፍ ኢሉ ከምዘሎ ምስ ኣስተውዓለ'ውን ብፍጥነት ተንሲኡ ናብ ሓደ ሓጹር ብምኻድ ተጸጊው ኩርምይ ኢሉ ኮፍ በለ። ብኽያቱ'ውን ቀጸለ።

“እንታት ክገብሮ? ንመን ክህቦ? ንመን ክኣምን? ንመን እየ'ኽ ዝደሊ? ንናይ ቤተክህነት ሰባት'ዶ ክህቦም? ንሲኖዶስ? ንማህበረ ቅዱሳን? ነቲ ጳጳስ? ወይ ዕብዳን! ሕሉፍ ሓሊፉስ ከኣ ነቶም ቀንዲ? ይዓብድ ኣለኹ! ዓቢደ ክህሉ ኣለኒ!

“ንቴሌቪዥን ኢትዮጵያ'ዶ ደፊረ ክህቦም? እቲ ቅኑዕን ኣማራጺ ዘይብሉ ውሳነ ንሱ'ዩ ነይሩ። ግን ንሶም የቃልሕዎ'ዶ? ኣይገብርዎን! ሓንሳብ ከይጸንሑ እዮም ብሚልዮን ዶላር ዝሸጥዎ! እንተቃልሕዎ'ውን፣ ንጽባሒቱ..... እሞ ንመን ክህብ? ብቀጥታ'ዶ ከይደ ነቲ ናይ ድሕነት ሚኒስተር ክህቦ? ንሳቶም ከኣ.... ተቐቢሎም ምኽሓድ ጥራይ ዘይኮነ ንዓይ'ውን ክቐትሉኒ እዮም። ሕራይ ንናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን መጽሔታትን? እዚ'ኽ ከመይ ጌሩ ክኸውን? ንፈነወ ሬድዮ? ኣይከውንን! ምናልባት ንማሕበረሰብ ዩኒቨርስቲ...?....ሕሉፍ ሓሊፉ ንዕኡም? ብቐጥታ ነቲ ጉዳይ ከረድኡም ምስጀመርኩ፣ ብዘይዝኾነ ምውልዋል ንዕብዳነይ ወግዓውነት ሂቦ እዮም ዝሰጉኒ። እሞ እንታይ ክገብር ይኽእል? ኣባዚሐዶ ከም ናይ ሓበሬታ ወረቐት ንሕዝቢ ክብትኖ? ብውሕዱ ሓደ ርድኢት ዘለዎ ሰብ ይረክብ ይኸውን። ሽዑ.... ሽዑ....፣ ንምኻኑ በየናይ ገንዘብ እየ ከምኡ ክገብር'ከ ዝኽእል? ሙሉእ ዕድመይ ዝኣከብክዎ ፍርቂ ሚልዮን ዶላር ተዘሚተ'ለኹ! ዝበልዖኽ ኣበይ ሃልዩኒ? ዋይ ኣነ ሞት ይረስዓኒ ረሲዐዮ! ከምዚ ዘለኹዎ ብጥሜት እንተሞትኩኽ? ይዳኽም እኳ'የ ዘለኹ!”

“ስድስት ኪሎ ፈረንሳይ፣ ፈረንሳይ ስድስት ኪሎ ክልተ ሰብ... እህ ሓፍተይ ትኸዲ ዲኺ? ፈረንሳይ ስድስት ኪሎ....” ሓደ ናይ ታክሲ ፎተሪኖ ኣብ ጥቕኡ ኮይኑ የጭድረሉ ኣሎ። ኣቐርቂሩ ይበኪ ነበረ’ሞ ምጭዳሩ ገዲፉ ቅንዕ ኢሉ ረኣዮ።

“ኢሂ ሓወይ ናበይ ኢኻ”

“ናብ ዋላሓደ”

“ምናልባት ናይ ትራንስፖርት ስኢንካ እንተኼንካ ከፋንወካ ኢለ’የ”

“የቕንየለይ፣ መንገዲ ሕይወት እዩ ጠፊኡኒ ዘሎ”

“መንገዲ ሕይወት ድኣ’ሞ ገና ዘይተነድቀ”

“ተነዲቕ’ሎ! ወይ እቲ ምንዳቕ ጀሚሩሎ!” በሎ ኣትርር ኣቢሉ።

“ስድስት ኪሎ ፈረንሳይ ክትመልእ ዝቐረበት! ከምዝተነድቀን ምንዳቕ ጀሚሩ ከምዘሎን እንተፈሊጥካ እሞ እቲ መንገዲ ሕይወት ክጠፍኣካ ኣይክእልን እዩ። ንኻልኦት ከማን ከተርኢ ትኽእል ኢኻ ማለት እዩ። ውሰደኒ ከይብለካ ኣብ ስራሕ እየ ዘለኹ። ግን ልክዕ ኣለኻ መንገዲ ሕይወት ኣሎ። ከማን ብነጻ። ስድስት ኪሎ ፈረንሳይ ክትመልእ ዝቐረበት!”

“ብጣዕሚ መስተውዓሊ ወዲ ትመስል። ዝኾነኾይኑ ክትረድኣኒ ስለዝሓሰብካ ጥራይ ዘይኮነ ቀሪብካ ሽግረይ ስለዝሓተትካኒ ኣዚይ እየ ዘመስግነካ። ግን ኣዝየ ጠምየለኹ! በጃኻ ባኒ ክትገዝኣለይ ትኽእል?” በሎ ንብዓቱ እንዳደራረዘ።

“ያው... ከመይ ደኣ፣ ምርድዳእ ባሕልና እዩ። ኣብ ርእሲኡ’ውን ብምኾት ትነብር ከምዝነበርካ ኣጸቢቕካ ኢኻ ተፍልጥ። በጃኻ ኣጆኻ..... ንዕቁብ ኢለ ካብ ዘቕመጥክዋ ካብ ናይ ትማሊ ጆርናታይ ነክየ እሞ ክህበካ....” ኢሉ፣ ካብታ ዳሕረወይቲ ጹባ ናይታ ዝረስሐት ጅንስ ስሪኡ፣ ብምንዋሕ ዕድመ ክትጅላዕ ዝጀመረት ቦርተፊሎኡ ኣውጺኡ ጥቕላል ዓሰርተ ብር ሂቡ፣ “ኣጆኻ ብራዘር ንቕሕ በል” ብማለት ናብ ማኪንኡ ነጢሩ ኣትዩ ተሰናበቶ።

“እግዚኣብሔር ይሃብካ! ብጣዕሚ እየ ዘመስግን!” ብማለት ንብዓት እንዳኣሕነቕነቐ ብሓደ ኢዱ ነታ ዓሰርተ ብር ጨቢጡ በታ ኻልእ ኢዱ ድማ ቻው ንምባል የእዳዉ ኣንበልበለሉ። ምእማን ሰኣነ። ካብ ሓደ ፎተሪኖ ዘይትጽበዮ ነገር ምኺኑ ሓሲቡ’ውን ተገረመ።

ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝኣቱ ኣትሒዙ ንዝኾነ ሰብ ጠምየለኹ ባኒ ግዝኡለይ ኢሉ ኣይሓተተን። ንመጀመርያ ጊዜ ገበሮ፣ ንሱ'ውን ሰለጦ። ኣብ ጥቕኡ ኣብ ዝነበረ ናይ ዳግማይ ሚኒልክ ቤት ትምህርቲ ሓጹር ተጸጊየም ሻሂን ፓስተን ካብ ዝሸጣ ዝነበራ ኣዋልድ ናብ ሓንቲ ከይዱ፣ ክልተ ውዑይ ፓስት ምስ ሓንቲ ቢኬሪ ሻሂ ተመጊቡ ሓደ ኩባያ ማይ ሰለሰሉ። ብኡንብኡ ብርትዐ ተሰምዖ'ሞ ንኣምላኹ ኣመስገነ። ሰለስተ ብር ተመለሰሉ። ዓጻጺፉ ኣብተን ሚስጥራውያን ጆብኡ ከተተን። ኣብቲ ቦታ'ውን ሒደት ኣዕረፈ።

"ፈረንሳይ ስድስት ኪሎ፣ ስድስት ኪሎ ፈረንሳይ...." ናይ ካልእ ፎተሪኖ ድምጺ.....ብነጻ እንተዝጽውዓሎም ደስ ምበሎ።

ኣማዕድዩ ተመልኪቱ ጽን ምስበለ ድማ፣ "ስቴድየም ሜክሲኮ፣ ካሳንችስ ሃያ ሁለት መግናኛ....." ናይ ፎተሪኖታት ኣውያት፣ ናይተን ታክሲታት ጉያ፣ ናይቲ ሕዝቢ ዕግርግር፣ ንኹሉ ብጽሞና ኣስተውዓለ። ኣስተውዒሉ'ውን ሓዘነ። "እንታይ ዋጋ ኣለዎ!" ኢሉ'ውን ተበሳጨወ።

"ነዚ ምስኪን ሕዝቢ ብዘይፈልጦን ዘይሓሰቦን መንገዲ ከጥፍእዎ እዮም። ነዛ ምስኪን ሃገር ብስውር ከፍርስዋ እዮም! ነዚ ድማ፣ ኣብዛ ቅድስቲ ምድሪ ካብ ዝነብሩ ብዙሕ ሚልዮን ሕዝብታት ኣዝዮም ውሑዳት እኳ ኣይፈልጡን። ኣነ ግን ብሙሉእ እቲ ፕላን ሒዞ'ለኹ! ግን እንታይ ክገብሮ ይኽእል? ምስኪን ሕዝቢ ኢትዮጵያ! ምስኪን ከይበሃል ዘሕርቕ ሕዝቢ ኢዩ! ዘሕርቕ ሕዝቢ ኢዩ ከይበሃል ምስኪን ሕዝቢ ኢዩ! ስለዚ ዋላ ሓንቲ ክግበር ኣይከኣልን!" ብማለት ኣብቲ ነቢሩሉ ዝነበረ ኾይኑ ሒደት ምስ ገዛእ ርእሱ ክዛረብ ጸኒሑ ብዘይሓሰቦን ብዘይደለዮን መንገዲ ሃንደበት ተወርዊሩ ተንስኣ።

"ጽረግ!" ብዝብል ቃል ጀሚሩ ከም በርቂ እንዳጨደረ ናብ ናይ ኣራት ኪሎ ዩኒቨርስቲ ናይ ሳይንስ ፋካልቲ ኣፍደገ ኣምርሐ። ስጉምቱ'ውን ብፍጥነት ነበረ። ኣውያቱ'ውን ኣተኩሮ ናይቲ ሕዝቢ ዝስሕብ ኮነ። "ጽረግ ነዚ ጓሓፍካ! ጽረግ! ግርም ድንቂ ሳይንስ! ኣየናይ ሳይንስ ኢዩ? ምድራዊ ወይስ ሰማያዊ ሳይንስ ምሂርኩም ትመሃሩ? ሳይንስ እንታይ ኢዩ? እቲ ሳይንቲስት'ኸ መን'ዩ? ናይ ሳይንስ ዕላማ'ኸ እንታይ ኢዩ? ክልተ ጀነሬሽን ሙሉእ ሳይንስ ምሂርኩም ኢኹም። ኣበይ በጺሕኩም? ክንድምንታይ ሳይንቲስት ኣፍሪኹም? ካብ ባዕሉ ካብ ሳይንስ'ከ እንታይ ተማሂርኩም? ናይ ሳይንስን ሳይንቲስትን ቅኑዕ ትርጉም'ከ እንታይ ኢዩ? ናይ ምሁርነት ጎሉ'ኸ እንታይ ኢዩ? ናይ ኢትዮጵያ ሳይንስ'ከ ንባዕሉ ብኸመይ ኢዩ ዝትርጎም? እንተትፈልጥዎስ ሳይንስ ባዕላ ኢትዮጵያ ኢያ ነይራ! ነዚ ከንቱ ሕንጻ ኣፍሪስካ

ከም ብሓድሽ ስርሓዮ፣ መጀፈሪያ ኣእምሮኻ ኣፍሪስካ ስርሓዮ'ሞ ንሳይንስ ድሉው ግበሮ! ጽረግ ኢለካ'ለኹ ጽረግ! ጽረግ ነዚ ረስሓትካ! ነዚ እራይ ምራይ ጓሓፍካ ኣርሒቕካ'ሞ ደርብዮ ሸዑ ርእስኻ ኣዳሉ! ……" እንዳበለ ምስ ኣንጎድጎደ ብዙሕ ሕዝቢ ተኣኪቡ ይዕዘቦን ይሰምዖን ነበረ። ናብቲ ቀጽሪ ንኹይኣቱ እቶም ዋርድያ ከሊኣሞ እምበር ክኣቱ ድሌት ነበሮ። ናይ ምእታው ፈተንኡ ምስ ፈሸሎ ኢዩ ኣብቲ ኣፍደገ ኮይኑ ብሕዝቢ ተኸቢቡ ከም ሰባኺ ባህታዊ ናይ ጸርፍን ናይ መጠንቀቕታ ቃላትን ከም ልቡ ከውጽእ ዝጸንሐ። ብዙሓት ከም ሰብ'ኳ እንተዘይቆጸርዎ፣ ውሑዳት ግና ብምሕዛን ከንፈሮም መጽዮምሉ ኣለዉ። እቶም ዝተረፉ ድማ ካብቲ ዩኒቨርስቲ ብምስጓጉ ተበሳጭዩ ዝዓበደን እንዳተጻረፈን ዘሎ መሲልዎም ኣሎ። ኣዝዮም ውሑዳት ከኣ ብሰንኪ ቅይሑ፣ ኣምሓርኛ ዝኽእል ፈረንጂ እንዳመሰሎም ጽግዕ ኢሎም ይርእይዎ'ሞ ሓበሻ ምኳኑ ።ኣረጋጊጾም እልይ ይብሉ።

ኣብ መወዳእታ ብምትሕብባር እቶም ሓለዋ ነቲ ከባቢ ክለቅቕ ተገብረ'ሞ ቁልቁል ናብ ኣምስት ኪሎ ናይ ቴክኖሎጂ ፋካልቲ ኣምርሐ። ብዓቢ ኣውያት ይጭድር ስለዝነበረ፣ ትንፋሱ ምቁጽጻር ስኢኑ ልቡ ክሳብ ትወጽእ ሰብነቱ ብህልኽ ሓዘል ስምዒት ተወጢሩሎ። ንሱ ዘይኮነስ እቲ ዝሓዞ ሓቂ መዕረፊ ስለዝሰኣነ የዕለብጥ። የዒንቱ ንብዓት ቋጺረን ፈጢጠን ኣለዋ።

ኢትዮጵያ ካብ ዝኣቱ ኣትሒዙ ተንኪፍዎ ዘይፈልጥ ጸጉሩ ብፍላይ ጭሕሙ ኣብ ምድብ ጽሉላት ንኽስራዕ ናይ ገዛእ ርእሰን ሚና ተኣጻዊተን'የን። እቲ ቀይሕን ጽቡቕን፣ ልስሉስን ዝነበረ መልክዑ'ውን ካብ ምፍሕሻው ሓሊፉ በልዩ ናብ ቢጫነት ዝልወጥ ዘሎ ይመስል። ብሰንኪ ስእነት መግቢ ምዕጉርትታቱ ብምጥሓለን ነቲ ነዊሕ ኣፍንጭኡ ዝያዳ ነዊሑ ክርኤ ገይረን ኣለዋ። ኣብ ርእስ'ዚ ትርኢቱ ከኣ እቲ ዘይተመሸጠ ለሚሸ ጸጉሩን ነዊሕ ጽሕሙን፣ ሃይማኖታዊ ልብሱ ኣውጺኡ ብምድርባይ ዓለማዊ ዝኾነን ዝዓበደን መንእሰይ ባህታዊ ኣምሲልዎ'ሎ። ኣብቲ ፋሕ ዝበለ ጽሕሙ'ውን ርፍራፍ ፓስተ ይርኣሎ። ኣብ ቁርን ቀዝሕን ብዘይ ዝኾነ ኣልባሳት ኣብ ፈቐዶ ጸግዓጸግዒ ጎደናታት ክሓድር እዩ ቀንዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ነኳላት ናይታ ነዋሕ ኣፍንጭኡ ዝምንጭዉን ጀረብረብ ዝብሉን ፈሰስቲ በብቑሩብ ምፍሳስ ኣየቋረጻን። ሓድሽ ዝነበረ ነገር ግን እቲ ብሰንኪ ደሮና ኣዝዩ ረሳሕ ዝመስል ጸሊም ናይ ሱፍ ኮቱ ኣብ ልዕሊ ቲሸርቱ ደሪብዎ'ሎ። ካብ ዝመጽእ ኣትሒዙ ዘይቀየራን ኣብ ዝኾነ እዋን'ውን ከይቕይራ ዝኽእልን ሰማያዊት ጅንስ ስሪኡ ብተመሳሳሊ ደሮና ከርፊሓላ። ወድዩዋ ዘሎ ሳእኒ ብብዝሒ ምርጋጽ ረቒቓ ምርኣያ፣ ኣብ እግሩ ዝተኾመረ ደሮና፣ ኣብ ልዕል'ዚ ድማ ኣብ ጊዜ ካፊያ ኣብ እግሩ ዝነጠበ ናይ ዝናብ ነጠብጣባት ከቢብ ከቢብ ምስርሑም…. ኩሉ ተደማሚሩ "ዕቡድ" ኢልካ ንምጽዋዕን ንምስያምን ካብ እኹል ንላዕሊ ኢዮም። ብሰንክ'ዚ

ይኸውን ኣብ ኣደባባያት ኣብ ዝዛረበሉ እዋን ሓደ ሓደ መንገደኛታት ሓንሳብ ምስ ጠመቱ ጠጠው ኢሎም ንምስማዕ ዘይዳፍኡ። ተማሃሮ ግና ከቢቦም ይሰምዕዎ።

ሕጂ'ውን ብዘይዘሓለ ሕርቃኑ ንምዝራብ ኣፉ ኣብሊሑ ናብቲ ኣፍደገ ቀጽሪ ዩኒቨርስቲ ብቕልጡፍ ሰጉሙ በጽሐ'ሞ፣ "ጽረግ" ክብል ጀመረ። "ጽረግ ነዚ ጓሓፍካ! ንየው በሎ ነዚ እራይምራይካ፣ ቴክኖሎጂ እንታይ ኢዩ? ኢንጅነርነትከ ኣበይ ፈሊጥኩሞ ኢኹም ትምህርዎ? ኢንጅነርነት ሕንጻ ምሕናጽ ጥራይ ዝመስለኩም ክሳብ መዓስ ኢዩ? ኣበይ ኣለው'ቶም ኢንጅነራትኩም? ኣበይ ኣለዉ ናይ ቴክኖሎጂ ሊቃውንትኹም? ክልተ ጀነሬሽን ሙሉእ ምሂርኩም ኢኹም፣ ግን እንታይ ኣትሪፍኩም? ምንም! እታ ሃገር ክሳብ ሎሚ ይትረፍዶ ናይ ገዛእ ርእሳ ኢንጅነራት ናይ ገዛእ ርእሳ መንገዲ ክትሓንጽ ኣይከኣለትን፣ ኣይጀመረትን! ሰብ ናይ ዝሰርሖ ኮምፕዩተር ኣጠቓቕማ ዲኹም ትምህሩና? ኣበይ ኣሎ ናይ ቴክኖሎጂ ውጽኢትኩም? ኣበይ ኣለዉ ናይ ሞያ ክኢላታትኩም? ዘፍረኹሞም ልሂቃን በዓል መን እዮም? ኦረ ንምኺኑ ንስኹም እንታይ ትፈልጥዎ ነገር ኣሎ? ትምህርቲ ንገዛእ ርእሱ እንታይ ኢዩ? እስከ ንትምህርቲ ዲፋይን ግበርዎ፣ ኣይትኽእሉን፣ ኣፍርሶ ነዚ ሕንጻ! ነቲ ሕንጻን ገዛእ ርእስኹምን ኣፍሪስኩም ከምብሓድሽ ጀምሩ! ብዛዕባ ቴክኖሎጂ ቅድሚ ምምሃርኩምን ምስትምሃርኩምን ኣእምሮኹም ኣጽርይዎሞ ጽሩይ ርእሲ ሒዝኩም ብዘይ ግብዝነት ኳንኩም ካብቲ ትርጉሙ ጀምሩ! ከም ብሓድሽ ብናይ ኣቦይ የኔታ ፊደል "ሀ" ንማለት ተዳለዉ። ጽረጎ ነዚ ጎሓፍካ! ልምዓት ልምዓት እንዳበሉ መሬት መሬት ጥራይ ክትሪኡ ጌሮም! ንሳቶም ግን ብኣኻትኩም የላግጹ ኣለዉ። ኣብ ልዕሊ ኣዴኹም ዝሕሰብ ዘሎ ውዲት እንተትፈልጡስ እንታይ ኮን ምበልኩም?! ኣፍርሶ ንየው በሎ ነዚ ጉድፍ! ማይ እንተጎነጽዎ እንቦጭ እዩ ዝብል! ንስኹም'ውን ካልእ ምንም ክትኮኑ ኣይትኽእሉን ኢኹም፣ ድንቂ ቴክኖሎጂ! ቴክኖሎጂ እንታይ ኢዩ? ኢንጅነራትኩም ናበይ እዮም?" እንዳበለ ቀጸለ....።

ገዛእ ርእሱ ምቁጽጻር ክሳብ ዝሰኣኖ'ውን በኸየ....። ብዙሕ ከይጸንሐ ግን ከም ናይ ዝሓለፈ እዋን ብድፍኢት ናይቶም ኣባላት ሓለዋ ካብቲ ከባቢ ክርሕቕ ተገብረ። ኣብቲ ኣፍደገ ብተናጸልን ብሕብረትን ኮይኖም ነቲ ዝብሎ ይሰምዑ ካብ ዝነበሩ ሰባት ፍርቆም ብምልጋጽ መልክዕ፣ "ልክዕ ኣለኻ ናትና ኣንበሳ፣ ከምኡ ጌርካ ልክዕ ልክዖም ኣስምዓልና በጃኻ!" እንዳበሉ ከራስንዎ ከም ዝጸንሑ ከምኡ'ውን፣ ሓሪቕም ብቕጥዓ ዘማራስሕዎ ውሑዳት ኣይነበሩን። እቶም ዝተረፉ ከኣ ከም ናይ ቅድሚ ሕጂ ካብቲ ዩኒቨርስቲ ተሰጉጉ ብምትሕልላኽ ይጻረፍ ከምዘሎ ገሚቶም፣ ንዕኡን ንዘረብኡን ኣርእስቲ ዝገበረ ዕላሎም ቀጺሎም ብዓይኒ ፍሽኽታን ሓዘንን እንዳረኣዩ ኣፋነውዎ።

ሓሲቡሉ ናብዚ ከባቢ ዝመጸ ንኽመስል ሕጂ'ውን ነቲ ነዊሕ ዓቕብ ደዱቡ ናብ ስድስት ኪሎ ዩኒቨርስቲ ኣቕንዐ። ትርኢት ገጹ በታ ናይ ንግሆ ጸሓይ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጡ ብዘሎ ናይ ብስጭት ስምዒት ረሲኑ ብረሓጽ ተሓጺቡ'ሎ። "ወይ ኣነ" እንዳበለ ጸጉሩ እንዳነጸየ የዕዘምዝም፣ ይበኪ። እንታይ ይገብር ከምዘሎ ብልክዕ'ኳ እንተፈለጦ ነቲ ጉዳይ ፍታሕ የናድየሉ ከምዘየለ ግን ዝተረድኣ ኣይመስልን።

"እወ መሕረቕቲ ኢዮም። ከመይ ጌሩ ጥርጣረ ዘይብሎም? ናታቶም ፈላጥነት ኣብ ምንታይ እዩ? ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት ሓበሬታ ንዘልሕኹሎም ኣካል ካብ ምንክልባትን ምንሻውን ሓሊፎም እንታይ ጌሮም? ስለዚ ልክዕ ኣለኹ። ልክዕ ልክዖም ክነግሮም ኢየ።...." እንዳበለ ንባእሲ ከምዝተዓደመ ተጓሳጣይ ናይ ኮቱ እጅግ ናብ ላዕሊ እንዳኣከበ ኣብቲ ቦታ በጽሐ'ሞ ካብቲ ቀንዲ ኣፍደገ ቀጽሪ ርሕቐ ኢሉ ኣብ ማእከላይ ቦታ ቆይሙ ጀመረ። "እንተሰማዕኻ ስማዕ እንተዘይሰማዕኻ ናይ ባዕልኻ ጉዳይ!" ክብል ጀመረ። "አረ.... ሓድሽ ዓይነት ናይ ኣተዓባብዳ ስታይል ሒዙ ተቐልቀለ። ሓንፈጽ ኢዩ ኽኣ መስለኒ.... እንታይ ክነግረና ኮን ይኸውን? በጃኻ ቀጽል ኣይንሕወክን ኢና" ብማለት ሓደ ተማሃራይ እንዳሰሓቐ ተማሕጸኖ።

"ከይበልካኒ'ውን ክቐጽል'የ" ክብል ነቲ ሰብ ምላሽ ሂቡ ብዝጭድር ድምጺ ቀጸለ "እዞም.....እዞም ምሁናት ኢና በሃልትኹም ፍልጠቶም ክሳብ ክንደይ ምኺኑ ትፈልጡዶ?"

"ኣይንፈልጥን...." ናይ ሓባር ፍሽኽታ ዝመልኦ መልሲ ሃብዎ።

"ኣነ ክነግረኩም እየ! ፍልጠቶም ክሳብ ዋላ ሓደ እዩ። ክስምዑ ደኣምበር ክሰምዑ ስለዘይደልዩ! ጽን ክበሃሉ ደኣምበር ጽን ክብሉ ስለዘይደልዩ። ክነቐፉ ደኣምበር ክንቀፉ ስለዘይደልዩ! ንዝተሰርሐ ስራሕ ምምርሳሕ ደኣምበር ምስራሕ ስለዘይፈልጡ! ንናይ ካልኦት ደኣምበር ናይ ገዛእ ርእሶም ሓቂ ምቕባል ስለዘይፈትዉ...." እንዳበለ ክቐጽል ምስበለ ብግሩፕ ኮይኖም ተጸጋጊየም ይሰምዕዎ ካብ ዝነበሩ ተማሃሮ ሓደ ጦብሎቕ ኢሉ "ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ዝብል ቃል ካብ ማቴዎስ ወንጌል እንተትውስኽሉ ኣይምሓሸን?" ክብል ኣቋረጸ።

"ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን እኮ ዝቃወሙ ዝነበሩ ንጥቕሞም ክብሉ እዮም። ንጥቕሞም ክብሉ ዝዘርግሕዎ ሕጊ ተኽናኺኖምን ዓቂቦምን ከጽንሕዎ ክብሉ እዮም። ክብሮም፣ ጥቕሞምን ሃብቶምን ንምድላብ ክብሉ እዮም። ነቲ ሓቂ እንዳፈለጥዎ ነገር ግን ካብ ንሓቂ ንናይ ርእሶም ጥቕሚ ኣብሊጾም ስለዝነበሩ እዮም ዘይተቐበልዎ። እዚ ንዕኣም እኹልን

ከእምን ዝኽእልን ምኽንያት ነይሩ። እዚኦም እኮ ምኽንያት የብሎምን። ዝጥቀምዎ ጥቕሚ'ውን የለን። ተኸናኺኖምን ዓቂቦምን ከጽንሕዎ ዘለዎም ነገር'ውን የብሎምን። ነጻ ባርነት እኳ'ዩ! ካብ ፍልጠት ነጻ፣ ካብ ምጥርጣር ነጻ፣ ካብ ሓቂ ነጻ ካብ ኩሉ ነገር ነጻ እዮም። እታ ዘላቶም ፍልጠት ኣዝያ ንእሽቶ ኢያ። ንሳ ኸኣ፣ ጸርፊ፣ ካልኣይቲ ምንሻው፣ ሳልሰይቲ ከምቲ ንስኻ ዝበልካዮ ግብዝነት፣ ራብዐይትን ናይ መወዳእታን ብየዋህነት ንኢትዮጵያ ምጥፋእ! ጽረጎ! እወ ጽረጎ! ነዚ ጓሓፍ ካሪክለምካ! ነዚ ከም ድርዒ ተጎልቢብካዮ ዘለኻ ጉድፍካ ካብ ልዕሌኻ ቀንጢጥካ ኣርሒቕካ ደርቢ! ሓምሳ ዓመት ሙሉእ! ክልተ ጀነሬሽን ሙሉእ! ብስም ዩኒቨርስትን ብጉልባብ ምሁርነትን ተነይሩ። ግን ሓንቲ ጠብ ትብል ነገር ካብ ገሌኹም ኣይመንጨወትን። ኣበይ ኣለዉ ምሁራትኩም? ኣበይ ኣለዉ ዘሰልጠንኩሞም ሊቃውንትኹም? እስከ እንታይ ሰሪሕኩም? እስከ ናይ ዝለፋዕኹምሉ ውጽኢት ኣርእዩ? እስከ ዱክትርናኹም ይገለጽ? ምፍላጥሲ ሕራይ ኣይትፍለጡ፣ ዘይምፍላጥ ሓጢኣት ኣይኮነን። ግን ስለምንታይ ንዓድኹም ብነጻ ትሸጥዋ? ስለምንታይ? ስለምንታይ?" ዘረብኡ ብሃንደበታዊ ንብዓት ተዓገተ። በዚ ድማ ብዙሓት ተማትኡ።

"እወ" ብማለት እንዳበኸየ ዘረብኡ ክቕጽል ፈተነ፣ "እወ ንኢትዮጵያ ብነጻ ኣይትሸጥዋ! በጃኻትኩም! እስከ ሕራይ መዓስ ኢኹም ትነቕሑ? ኣብ ልዕሊ ኣዴኹም ኮፍ ኢሉ ሓምሳ ዓመት ሙሉእ ርእስ ርእስኹም ክወቕዓኩም ንዝጸንሐ ኣካል ከመይ? ከመይ ብውሑዱ'ኳ ቁሩብ ምጥርጣር ተሳእነኩም? ልዕሊ ዝኾነ ነገር ጌርኩም ነቲ ዝበሎ ትሰምዕዎን ነቲ ዝበሎ ትፍጽሙሉን ስለምንታይ እዩ? ክሳብ መዓስ ብጸዓዱ ኣማልኽቲ ትእዘዙ? ክሳብ መዓስ ኢኹም ነቲ ናቶም ሓሶት ትቕበሉን ነቲ ናትኩም ሓቂ ድማ ምምርሳሕ እትቕጽሉ? ዕላማኹም'ከ እንታይ እዩ? ርእስኻን ነቲ ናትካ ዘበለን ናይ ምንዓቕ ሕማምኩም'ከ ክሳብ ክንደይ እዩ ተዓዊኑኩም ዝቕጽል? ክሳብ መዓስ? ናይ ገዛእ ርእስኹም ዘበለ ንምንዓቕን ናታቶም ዘበለ ጥራይ መሪጽኩም ንምቕባልን ዘገደደኩም ሓቂ'ኸ እንታይ እዩ? ትምህርቲ፣ ፍልጠት፣ ስልጣነ እንታይ ማለት ከምዝኾነ እኳ ጌና ኣይተረዳኣኩምን። ኦ ኣቱም ባህልኻን ታሪኽካን ብምንዓቕ ናይ ዝግለጽ ፍልጠት ተሰከምቲ! እዚ መንነትኩም ናብ ምንታይ ኮን ይድርብየኩም ይኸውን? ኣቕድም ኣቢሉ ብዝተሓንጸጸልኩም መበገሲኡን መዕለቢኡን ኣብ ዘይፍለጥ ጃልባ ኴንኩም ትፈሱ ዘለኹም'ከ ናበይ ንምብጻሕን እንታይ ንምግባርን ኮን ይኸውን? ነየናይ ጥቕሚ ደሊኹም ኮን ይኸውን? እቲ ብጸዓዱ ዝተኣልመ ጃልባ ናይ መወዳእታ መዕረፊ ወደብ እንተዝህልዎ ነይሩ ሓምሳ ዓመት ሙሉእ ብኽንቱ ከተንሳፍፉ ኣይምጸናሕኩምን ኔርኩም! ስለ ዘይትፈልጡ እኮ እዩ! ኣይትፈልጡን ኢኹም ከምኡ'ውን ኣይትሓቱን ኢኹም! ዕድመኹም ብከንቱ ምንቕቓፍ ተወዲኡ፣ ንሓቂ ከይፈለጥኩማ

ቀበርኩምዋ! እትስ ኣይምሓሰመን፣ ሕጂ ግና ነታ ሃገርን ሕዝባን መዕገቲ ንዘይብሉ ጥፍኣት ተቃልዕዎ ኣሎኹም'ሞ ክጭድር ተገደድኩ! ጥበብ እንታይ እዩ? ካበይ'ከ ይቕዳሕ? እዚ ንዓኹም ክቕርብ ዝግብኦ ሕቶ'ዩ ነይሩ፣ ነገር ግን ክትምልስዎ ዘይኮነስ ክትስሕቑን ከተባጭዉን፣ ክትነቕፍዎን ከተንቅፍዎን ደኣምበር ክትምልስዎ ስለዘይትኽእሉ ኣይሓተኩምን! ታሪኽ እንታይ እዩ? ንምንታይ'ከ ይጠቅም? ናበይ'ከ የብጽሕ? ነዚ'ውን ኣይትፈልጥዎን፣ ከይፈለጥኩምዎ ግን ትምህሩ ኣሎኹም፣ ካበይ ንዝፈለጥኩሞ ኢኹም ትምህሩ? መን እዩ'ኽ ነጊሩኩም? ናይ ታሪኽ መማህራንኩም'ከ ካበይ ኢዮም መጺኦም? ኣበይ ንዝተማሃርዎ እዮም ኣብዚ መጺኦም ዝምህርዎ? ኣበይ ንዝፈለጥዎ፣ ካበይ ንዝቕድሕዎ ትምህሩን ትማሃሩን ኣሎኹም? ኣብ ልዕሊ መንነትኩም ዝሾምኩምዎ ባዕዲ'ኽ ብዛዕባ'ዛ ሃገር እንታይ ፈሊጡ ንዓኹም ይቕርጸኩም?"

"ቋንቋ እንታይ እዩ? ብዛዕባ ቋንቋ ትምህሩ ዘሎኹም'ከ ካበየናይ ቋንቋ ተበጊስኩም ኢኹም? ናይ ቋንቋ ምንጩ'ኽ ኣበይ ነበረ? ካበይ'ከ ቀዳሕኩሞ? ኦ ኣቱም ምሁራን! ኣብ ልዕሊ'ቲ ባህላውያን ኣቦታትኩም ገዲፎሞ ዝኸዱ መሰረት ድዩ ወይስ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጸዓዱ ኣዘባሪቕም ኣብ ዘንጸፉሉኩም ናይ ፍልጠት ሜዳ ቕምኩም ትምህሩ ዘሎኹም? መሰረት ዘይብሉ ቤት ክቕውም ኣይክእልን'ዩ! ንስኻትኩም'ውን መሰረት ስለዘይብልኩም ብገዛእ ርእስኹም ደው ከይበልኩም ሚእቲ ዓመት ሙሉእ ኣባኽንኩም! ሕጂ'ውን ኣብ ዝኾነ እዋን ብርእስኹም ኣይትቕሙን። መበገሲኹም መሰረት ኣልቦ ነበረ፣ ሕጂ'ውን መሰረት ኣልቦ ኣወዳድቓ ክትወድቁ ኢኹም! ናትኩም ምውዳቕ ጸገም ኣይምነበሮን! ግን ኢትዮጵያ ትወድቕ ከምዘላን ሓንኩልታ ኽኣ ንስኹም ምኻንኩም ምፍላጠይ እዩ ዘሕዝነኒ። እጂ'ውን ነቶም ባዕዳን ልዑላንኩም፣ ብዝረቕቕ ሴራ ብስም ፈተውቲ መሓዙት ናብዚ ቀጽሪ ኣትዮም ዘለዉ ኣቦታትኩም ካብ ምምላኽ ኣይትቕጠቡን! ንሳቶም ኣብ ዝሞቱሉን ዝተቕበሩሉን ቅንያት ድማ ንደቆም ንምኟም ምድላዋቶም ኣጠናቒቕም ኣለዉ። ናይ ደቅ-ደቆም ምቕጻልን ዘይምቕጻልን ግና እንድዒ። ናይ ምንታይ ስክፍታ እዩ? ብጉዳይ ሃገር ስክፍታ የለን! ኣቡኡ ፈራዲ ወዱ መንዛዒ ከምዝበሃል፣ ብዝተኽታተለ ናይ ባዕዳን ትውልዲ ነዛ ምስኪን ሃገር ምቕታል! ኣውጽኣዮ ንየው በሎ! ኣየስክረና! ክሳብ ሎሚ ዘስከሮን ዘኽሰሮን ይኣክል!

እዚ'ዩ ናትኩም ፍልጠት! እዚ'ዩ ናትኩም ምሁርነት! ሕጂ ግና ኩሉ ነገር ገሃድ ወጺኡ ንኣማዒት ዓመታት ዝተነድፈ ውጥን ተግባራዊ ምኻን ምስ ጀመረ.... ሽዑ ምስረኣኹም ብገዛእ ርእስኹም ምሕፋር ክትጅምሩ ኢኹም! ምናልባት'ውን ትሓንኩ ትኾኑ! ኣውጺእኻ ደርቢ ነዚ መሰረት ኣልቦ ዝኾነ ሴረኛ ስርዓተ ትምህርቲ! ኣውጺእኻ ደርቢ! ብድሕሪኡ

ይርፊድ ኣይርፈድ ምንም ኣማራጺ ስለዘየሎ እንደገና ናብቶም ዝነዓቕካዮም ኣቦይ የኔታ ኬድካ “ሀ” ኢልካ ጀምር። መሰረት ዘይብሉ ቤት ሓቕሩፍካ መዓልቲ ምውዳቕካ እንዳተጸበኻ ካብ ምንባር፣ ነቲ መሰረት ከም ብሓድሽ ደርቢኻ ናይቲ ሕንጸት ፍጻሜ ብተስፋን ብደስታን ምጽባይ ስለዝሓይሽ ከምኡ ግበር! ድንቂ ፈላጥ! ድንቂ ዩኒቨርስቲ! እወ ሰሓቕ! ናትኩም ሰሓቕ፣ ክትርእዩ ነቲ ሓቅነት ከምዘይልውጦ!

እቲ ዘሕዝን ነቶም ባዕዳን ከተግንኑ ክትብሉ ንኽንደይ ፈታው ዓዱ መንእሰይን ናይ ብሩህ ኣተሓሳስባ ብዓልቤት ዝኾኑ ወሓለ ቆልዑ ርእስ-ርእሶም ወቒዕኹም ካብ ጸወታ ወጻኢ ምግባርኩም ኢዩ! ልዕልናኹም ኣረጋጊጽኩም ንምሟት? ወይስ ዋላ ሓንቲ ከም ዘይሰራሕኩም ንምሕባእ? ገለ’ኳ ኣይትጥርጥሩን። ንኽንድቲ ዝኣክል ዓመት ኣብ ጸልማት ከተንገርግሩን ፍረ ኣልቦ ምኺንኩም እንክትሓስቡ ከለኹምን እኳ “ስለምንታይ?” ኢልኩም ንገዛእ ርእስኹም ስለምንታይ ዘይሓተትኩም? ንስኹም ኮንኩም እቶም ኣብ ትሕቴኹም ኮይኖም ዝመሃሩ ተማሃሮኹም ዝጭብጥዎን ዝጨበጥኩምዎን ሓደ ነገር ጥራይ እዩ። ርእስኻ ምንዓቕ! ነቲ ዝበልጸኩም ምቕባር! ነቶም ዝሰርሑ ምእላይ! ምንቁሻሽ፣ ምንእኣስ! ስለዚ ነዚ ዩኒቨርስቲ ዕጸውዎ! ኣብ ልዕሊ ሕንጻ ምንባር፣ ኣብ ኣስፋልት ምስጓም፣ መኪና ምዝዋር፣ ሱፍ ምኽዳን፣ ሞባይልን ኮምፕዩተርን ክትጥቀም ምኽኣል ኢዩ ናታትኩም ስትራተጂ ምንዳቕ ስልጡን ሕብረተሰብ? ነዚ ደኣ እንተድኣ ሂብካዮም እንስሳታት’ውን እኮ ይጥቀሙሉ እዮም። ናይ ሰናይ ራእይ ብዓልቤት ዝኾኑ ዜጋታት ንኽይፍጠሩ ዝገበረ ዓቢይ መሰናኽል እዚ ቦታ እዩ’ሞ ዕጸዉዎ! ንሕዝቢ ኢትዮጵያ ከዘራርብ ዝደሊ ካልእ ኣካል ኣሎ፣ ንዕኡ ክዳሎ ኣለዎ። ብርግጽ እዚ ንዓኹም ዝርድኣኩም ዘረባ ኣይኮነን። እስከ ሐራይ መን ይሙት፣ ካባኻትኩም ብዛዕባ ሚስጥር ኣበቓቕላ ጽፍሩ ዝፈልጥ ኣሎ? የለን! ነዚ ከይፈለጡ እዮም እምበኣር ‘ፈጣሪ የለን’ ኢሎም ንኽፈላሰፉን፣ በዚ’ውን ፈላጥነቶም ተረጋጊጹሎም ንኽነብሩ ትገብርዎም ዘሎኹም። ንስኹም ትጥርጥሩ ነዝን ከምዝን ዝኣመሰለ መንፈሳዊ ነገር ኢዩ። ነዚ ጥራይ ኢኹም ግና ክትጥርጥሩ ዘይነበረኩም። ኮይኑ ኸኣ፣ ይትረፍ’ዶ ብዛዕባ መንፈሳዊ ነገር ከተልዕል፣ ክትዛረብ ምጅማር ከማን ብኣኹም በቶም ምሁራን ዕሽነት ኢዩ። ጽፍሪ! ጽፍሪ ከመይ ይበቁል? መልሲ የሎን! ስለዚ ‘ፈጣሪ የለን’ ዝብል ናይ ፍልስፍና ትምህርቲ! ነዚ ኣብ ክንዲ ምጥርጣር ግና ሸርሒ ናይቶም ኣብ ሕቕፍኹም ዘቕመጥኩሞም ባዕዳን መላገጽቲ ምጥርጣር ይቕልል ነይሩ። ግን ኣይኮነን! ኣጽርዮ ነዚ ዝዓሰየ ኣእምሮኻ! ኣጽርዮ ነዚ ርእሲ! ብድሕሪኡ እዩ ምምሃር! ትምህርቲ እንታይ እዩ? ንምኺኑ ብዛዕባ መንነት ትምህርቲ ካባኻትኩም መብርሂ ክህብ ዝኽእል ኣሎ? መቸም ኣይትሓፍሩን ‘ኣሎ’ ትብሉ ትኾኑ! ገዛእ ርእስኻን መንነት ርእስኻን ካብ ምፍላጥ ዘይጀመረ ትምህርቲ ከመይ ጌሩ ትምህርቲ ክበሃል ይከኣል? ካብ መንነት ገዛእ

ርእስኻ ዘይጀመረ ትምህርቲ ናይ ምምሃሮም ነገር ከይኣክል ሕሉፍ ሓሊፎም ነቶም ናብ ናይ ገዛእ ርእሶም ጥበብ ከቕንዑ ተዳልዮም ዝነበሩ ብሓይሊ ደው ከምዝብሉ ብምግባር ናብ ናይ ጥፍኣት ጃልባ ምድርባይ እንታይ ይጠቅም? ጽረግ ነዚ ጎሓፍካ! እንታይ ኣለዎ ነዚ እሳተ ነበልባል ዝኾነን ነገር ግን ዘይተማሃረ መንእሰይ ዕድል እንተትህብዎሞ ነቲ መድረኽ እንተትለቁሉ? ካልእ ይትረፍ ነቲ ናትኩም ጥፍኣት ንኽይደግም ዝፍትን ዝሓሸ ትውልዲ ይህልዋ ይኸውን። እዚኣ ምስኪን ሃገር እኮ'ያ፣ እንታይ ኣለዎ ቁሩብ ዘይትርህርሁላ? ኣብ ኣፍደገ ቀጽሪ ናይ ስድስት ኪሎ ዩኒቨርስቲ ሓደ ጽሉል ዝተዛረቦ ኢልኩም ነዚ ዘረባ ጽሓፍዎ! ብዛዕባ'ዚኣ ዩኒቨርስቲ መንነት ግና እዚ ዩኒቨርስትን እቲ ማሕበረሰብ ኣብ ቀረባ እዋን ክርዳእ እዩ! ሽዑ....ሽዑ....ሽዑ....!" ንብዓቱ ብዘይምቁራጽ ጠብ ጠብ ጠብ ክብልዎ ጀመሩ። በዚ ምኽንያት ዘረብኡ ወይ ጸርፉ ወይ'ውን ነቐፌታኡ ምናልባት'ውን ሓቁ በዚ መልክዑ ብስምዒት ገሊጹ፣ ነቲ ከቢቡ ዝሰምዖ ዝነበረ ሕዝቢ እንዳደፋፍአ ክሳዱ ደፊኡ ብስምዒት ሓዘን ጸጉሩ እንዳነጸየ ክስጉም ጀመረ። ተሪፍዎ ዘሎ ቦታ ኣበይ ምኺኑ ንርእሱ ኣይፈለጠን። ናይቲ ኣስፋልት ኮሪደር ጸግዒ ሒዙ ብዝግታ ናብ ላዕሊ ከደ። ካብተን ክልተ ካምፓሳት ዝዛይድን ኣዝዩ ዝበዝሐን ሕዝቢ ኢዩ ኣብዚ ናይ ስድስት ኪሎ ካምፓስ ተኣኪቡ ዝነበረ። ኣብ ልዕልዚ'ውን ኣብዚ ቦታ ዘረብኡ ኣብ ናይ ባዕሉ ጊዜ ወድኡ ድኣምበር መንም ደው ከብሎ ኣይፈተነን። እቶም ተኣከብቲ እንተኾኑ ጽቡቕ ኮነ ሕማቕ ከይተዛረቡ ብጽሞና እዮም ዝሰምዕዎ ኔሮም። ሕጂ ምስተፈለዮም ብዘይ ገለ ጉርምርምታን ብዘይ ግምታዊ ኣሉታዊ ምላሽ ብዓይኒ ሓዘን እንዳጠመቱ ኣፋነውዎ ደኣምበር ካልእ ዝበልዎ ነገር የለን።

ብዙሕ ከይረሓቐ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ መናፈሻ ኣትዩ ኣብቲ ሳዕሪ ሮፋዕ በለ። ተስእ ዝበሎን ዝተዛረቦን'ውን ኣይነበረን። የግዳስ ገለ ተማሃሮ፣ ይቕጽል ይኸውን ብዝብል ግምት ደድሕሪኡ ስዒቦሞ ነበሩ'ሞ ኣብጥቓ እቲ ኮፍ ኢልዎ ዝነበረ ቦታ ኮይኖም ክዝንብዩ ጸንሑ። ንሱ ግና ትንፍስ ኣይበለን።

ብኽምዚ ኩነት ጊዜ ረፋድ ተወዲኡ ንኻልኦት ናይ ምሳሕ ሰዓቶም ኣኽለ። ንዕኡ ግና ዝበጽሖ ኮነ ምእንትኡ ክብል ዝበጽሐ ሰዓት እኳ እንተዘይሃለወ ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝጸንሐ ተሲኡ ከም ብሓድሽ ቁልቁል ወረደ። ድሕሪ ነዊሕ እግሪ ጉዕዞ ኣራት ኪሎ ናብ ዝርከብ ቤተ መንግስቲ ምስ ቀረበ ጽርግያ ተሳጊሩ ብደመ ነፍስ ናብ መእተዊ ኣፍደገ እቲ ቤተ መንግስቲ ሰንመ። ናብቲ ቀጽሪ ከምዝቐረበ ብኣግራሞት ዝምልከትዎ ዝነበሩ ዕጡቓት ኣባላት ጸጥታ'ውን፣ "ተመለስ! ናበይ ኢኻ?" ብማለት ብቕልጡፍ ናብኡ ክመጹ ጀመሩ።

ንሱ ግና ብሙሉእ ልቡ፣ "እንተተመለስኩ እንተዘይተመለስኩ ኩሉ ሓደ! ንሰባት ናይ'ዚ ቤተ መንግስት'ዚ መልእኽቲ ኣለኒ! ንመራሕቲ'ዛ ሓገር ብስም ልምዓት ክሳዶም ኣቕቢሮም፣

ናይ ኢትዮጵያን ናይ ደቃን ዕጫ ንዘመናት ክምንዝዑን ከመንዝዑን ዝተዳለዉ መሰርያት ኣበይ ደረጃ ከም ዝበጽሑ ክፈልጡ ኣይደልዩን ደኣምበር፣ እንተዝደልዩ ነይሮም ክነግሮምን ብጭቡጥ መርትዖ ኣሰንየ ክትንትነሎምን ኢየ ነይረ ካብ ርሑቕ.....” ብድሕርዚ እንታይ ከም ዝተፈጠረ ዝፈልጦ ነገር ኣይነበረን። ኣብ ኣጋ ምሸት ድንገት ምስ ነቕሐ ንነብሱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ጽልምት ዝበለን ክፉእን ክፍሊ ሕክምና ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ንእሽቶ ተንቀሳቓሲት ዓራት ረኸባ። ሰምቢዱ ክትንስእ እንተበለ’ውን፣ ኣብ ጥቕኡ ዝነበረ ክኢላ ሕክምና ኣፍልቡ ብሓይሊ ተጻዒኑ ተመሊሱ ንኽድቅስ ገበሮ።

“እ..... እንታይ ኢዩ.....? እ..... እንታይ ኮይነ ኢየ.....?” ንግዚኡ ምላሽ ዝሃቦ የለን። ንሱ’ውን ልዕል’ቲ መልሲ ክፈልጦ ዝደለዮ ካልእ ነገር ኔሩ። ኣብ ውሽጣዊ ክፋል ስሪኡ ኣብ ዙርያ ቁልፉ ዘቕመጠን ኣብዚ ሰዓት ኣብ ልዕሊ’ዛ ምድሪ ኣዝዩ ልዑል ዋጋ ዘለወን ንብረታቱ ምህላወንን ዘይምህላወንን ምፍላጥ፣ ወይ’ውን ኣብ ውሽጢ ኳሌትኡን ኩስትምኡን ሰፍዩ ዘቕመጠን ነገራት ብምርምሳስ ህላውነተን ከረጋግጽ ኢዩ ነይሩ ድሌቱ። ይኹን ደኣምበር ኣብ ክልተ የእዳዉ ናይ ጉሉኮስ መራፍእ ተሰኺዕወን ስለዝነበረ ኣይከኣለን። ንዕኡ በቲኹ ክርምስሰን ደስ ምበሎ። እዚ ግና ብዝያዳ ንኽጥርጥርዎ ምግባር ስለዝኾነ፣ ነቲ ዝኸውን ብትዕግስቲ ምጽባይ መረጸ። ጽቡቕ ነገሩ፣ ኮቱ እኳ ከየውጽኡ እጅጎኡ ንላዕሊ እክብ ኣቢሎም’ዮም ጉሉኮስ ዝገጠሙሉ። በዚ ኸኣ ተስፋ ሰነቐ። ናብ ሓደ ኣንፈት ግልብጥ ኢሉ ብዉሑዱ ናይ ኮቱ ኳሌታ ክትንክፍን ከረጋግጽን ፈተነ፣ ግን ኣይከኣለን። ስለዚ ተመሊሱ ብሕድኣት ተጋደመ።

****

June 3/ 2014 Belgium /European Union/ Brussels

ጉባኤ መራሕቲ ሃገራት G8

መበል 40 ናይ G8 ዓመታዊ ኣኼባ ተቓኒው ዝነበረ ካብ June 4 ክሳብ 5 2014 እኳ እንተኾነ፣ እቶም መራሕቲ ግና ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ናይ ብሕቲ ዕጹው ጉባኤኦም ዝገበሩሉ እዋን June 3 /2014 ኣብ ኣጋ ምሸት እዩ። ዝተቓንአ ከኣ ኣብ ቤልጀም ብራስልስ ኢዩ። በዚ መሰረት ነቲ ናይ ኣባልነት መረጋገጺ ዝኾነ ፍሉይን ረቂቕን ዝኾነ ናይ ኤክስሬይ ምርመራኦም ኩሎም ብዝባኖም እንዳተጋደሙ ምስ ኣረጋገጹ ናብቲ ቀይሕ ሚስጥራዊ ኣዳራሽ ኣቕኒዖም በቦትኦም ሓዙ።

እቲ ቦታ ኣብ ትሕቲ ቀንዲ መኣከቢ ኣዳራሽ ኣብ ውሽጢ ግራውንድ ዝርከብ ኮይኑ፣ መራሒ ኣሜሪካ ድማ ኣብቲ ቀንዲ ኣዳራሽ ኣብ ዘሎ መቐበሊ ኣጋይሽ ኮይኑ፣ ነቶም ብንጽል ዝኣትዉ ዘለዉ መራሕቲ ናይ ይሕለፍ ቃል ዝመስል ሓንቲ ሓንቲ ቃል እንዳድመጸ በታ ኣብ ጥቕኡ ዘላ ብሩራዊ ሕብሪ ዘለዋ ላፕቶፕ ብፍጥነት ጽሕፍ ጽሕፍ ኣቢሉ እዩ ዘእትዎም ነይሩ። ብድሕርዚ ድማ እቶም መራሕቲ ኣስታት ሽዱሽተ ስጉምትታት ሰጒሞም ኣብ ልዕሊ ሓደ ቀይሕ ቀለም ዘለዎ ምቹእ ኮፍመበሊ ስፖንጅ ከይዶም ሮፋዕ፣ ሮፋዕ ይብሉ። እቲ ዝፍትሽ መን ምኺኑ'ኳ እንተ ዘይተፈለጠ፣ እቲ ዝጋደሙሉ ምቹእን ቀይሕ ሕብሪ ዘለዎን ስትሬቸር ግና ነቶም መራሕቲ ገና ኮፍ ምስ በልዎ፣ ብፍጥነት ሸተት ኢሉ ናብ ውሽጢ ሒዝዎም ይኸይድ። እንደገና ጥርሑ ኮይኑ ብፍጥነት ተመሊሱ ብምምጻእ ንኻልእ ተኣንጋዲ ድሉው ይኸውን። ካልእ በዓል ተራ መጺኡ ሮፋዕ ይብል፣ ንዕኡ'ውን ኣብጺሕዎ ይምለስ። ብኸምዚ ዓይነት ኩሎም ምስ ኣተዉ ናይቲ ቀንዲ ኣዳራሽ ማዕጾ ኣብ ሰዓቱ ይዕጸ። ምስ ተዓጸወ'ውን እቲ ጸሊም ፕሬዚደንት ኣሜሪካ ላፕቶፑ ክዓጽፋ ከሎ ይርኣ። እዚ ምስ ኮነ ጽልምት... ይብል።

እቲ ጸልሚቱ ዝነበረ ነገር ካብ ሓደ ደቒቓ ኣብ ዘይዛይድ ጌዜ መሊሱ ውልዕ በለሞ፣ እቲ መራሒ ኣሜሪካ ኣብ መድረኽ ቆይሙ ነታ ብሩራዊት ሕብሪ ዘለዋ ላፕቶፕ ክጠዋውቕ ከሎ ይርኣ። ሕጂ፣ ነቲ ኣብ መድረኽ ዘሎ መራሒ ወሲኽካ ኣብ ትሕቲ መድረኽ ንዘለዉ ሰባት ምስ ሙሉእ ትርኢት ናይቲ ኣዳራሽ ክርኣ ተኻእለ። እዚ ትርኢቱ ደስ ዘብል ኣዳራሽ ከቢብ ቅርጺ ክህልዎ ኸሎ፣ ብዙርያ እቲ መንደቕ ብዘንጸባርቑን ቀይሕ ቀለም ብዘለዎምን ነዋሕቲ መጋረጃታት ዝተኸበበ እዩ። መንጸፍ ናይቲ ባይታ፣ እተን ኮፍ መበሊ መናብር፣ ናይቲ ቦሎፎን ኮነ ብዙርያ እቶም ተኣከብቲ ዘሎ ጠረጴዛታት ቀይሕ ሕብሪ ነበሮ። እቶም ተኣከብቲ ድማ ብጸሊም ሱፍን ብቀይሕ ክራባትን ማዕሪጎም ኣለዉ። እቲ ጸሊም ፕሬዚደንት ኣመሪካ ነታ ላፕቶፑ ኣብ ልዕሊ'ታ ኣብ መድርኽ ዘላ ናይ ቁም ጠረጴዛ ኣቕሚጡ ነቲ መድረኽ ለቒቑ

ናብቶም ብጾቱ ተኣከብቲ ኣምሪሑ ኮፍ በለ። ብድሕርዚ ልዑል ብርሃን ዘለዎ መብራሕቲ ተወልዐ'ሞ ነቲ ኣዳራሽ ካልእ ግርማ ሃቦ።

ኣብ ዋላሓደ ካብኣቶም ናይ ምርባሽን ስንባደን ኩነታት ኣይስትውዓልን። ኩሎም ብፍሕሹው ገጽ በሪሆም ኣለዉ። ምጅማር ናይቲ ጉባኤ'ውን ብህርፋን ዝጽበዩ ዘለዉ ይመስል።

"መራሒ እዩ! ናይ ነፍስ ወከፍ ተኣካቢ ኣእምሮን ኣተሓሳስባን፣ ከምኡ'ውን ውጥኑን ብሓቂ ተገዛእነቱን ከጻርይን ክፈልጥን ይኽእል። ናይቶም ሹማምንቲ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ናይ ኩሎም ተራ ኣባላት ናይ ኣእምሮ ዳታ ከንብብ ይኽእል። ምኽንያቱ ሓንሳብ ኣሚኖምሉን ተቐቢሎሞን ገዛእ ርእሶም ብፍቓደኛነት የሕሊፎም ስለዝሃቡ፣ ናይ ምድርባይ፣ ናይ ምልዓል፣ ናይ ምቕታል ናይ ምድሓን፣ ከምኡ'ውን ናይ ምብልጻግ፣ ብሓፈሻ ኩሉ ናይ ምግባር መሰል ዝተነናጸፈ ልዑል እዩ! ንደቁ፣ ንፈተውቱ፣ ንሰዓብቱ ብግልጺ ኹልዕ ኢሉ ይርኣ። ጥበብ ይገልጽ! ንዝደልይዎ ኩሉ ብለጋስነት ይህብ! ተኣማንነቱ ክሳብ ዘልኣለም ኢዩ! ንኹሉ ብኢዱ ሒዙ'ሎ! ነቲ ዝሓዞ'ውን ንሰዓብቱ ይህብ! ዓወት ናቱ እያ፣ ንሱ ክስዕር'ዩ፣ ልዑል ኢዩ፣ ዓወት ብምጉንጻፍ ክነግስ ኢዩ! ወድ ሰብ ኩሉ ብሓጎስ ይግዝኣሉ!" ዝብል ብርቱዕ ድምጺ ነቲ ኣዳራሽ መልኦ።

እቶም መራሕቲ ግና ጌና ዘረባ ምስ ጀመረ እዮም ብድድ ኢሎም ብሓጎስ ከጣቕዑ ዝጀመሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ውሽጢ እቲ ኣዳራሽ ብጀካ እቶም ሸሞንተ መራሕቲ መንም ኣይነበረን። እቲ ዝዛረብ ዝነበረ'ውን ሓደ ካብቶም መራሕቲ ኣይነበረን። ኣብቲ መድረኽ'ውን መንም የለን። እቶም መራሕቲ ግና መን ይዛረብ ከምዘሎ ዝፈለጡ ይመስል። ናይ ምድንጋር ስምዒት'ውን ኣይተራእየሎምን።

"ክብሪ ነቲ ልዑል!" ምስበለ፣ እቶም መራሕቲ ብሓደ ድምጺ፣

"ኣሜን!" ክብሉ ተሰምዑ።

"ክብሪ ነቲ ሓያል!"

"ኣሜን!"

"ክብሪ ነቲ ዕዉት ተቓላሳይና !"

"ኣሜን!"

ብሸነኽ እቲ ናሕሲ ኮሽታ ድምጺ ከይተሰምዐ ሰፈፍፍፍፍፍ..... እንዳበለ ወሪዱ ብሕድኣት ኣብቲ መድረኽ ዕርፍፍፍፍፍ..... በለ። ግዙፍ ዝኾነ ቁመት ኣለዎ። ብኣገላልጻ ደቅሰባት ናይ ወድተባዕታይ ቆንጆ፣ ዘውዛው ጸጉሪ፣ ዘማህልሉ የሚንቲ፣ ካብ በረድ ዝጸርዩ ኣስናን፣ ኢንጆሪ ዝመሰሉ ከናፍር ኣለዎ። ቅይሑን ልምሉምነት ገጹን ንምግላጽ ዝኸብድ ኢዩ። ከምዚ ኮይኑ ዝርአ ዘሎ ግና ካብ ክሳዱ ንላዕሊ ጥራይ ኢዩ።

ገጹ ገጽ ሰብ ኢዩ። ትሕቲ ክሳዱ ክርአ ከሎ'ውን ናይ ሰብ ቅርጽን ኩሎም ናይ ሰብ ክፍልታት ሰብነትን ዘማልአ ቁመና ዘለዎ ኢዩ። ነገር ግን ሓፈሻዊ ቁመንኡን ግዝፉን ሰብ ከም ዘይኮነ ዘፍልጥ ኢዩ። ከም ሰብ በእጋሩ ኢዩ ቆይሙ ዘሎ፣ ነገር ግን ክልቲኦን የእጋሩ ኣዝየን ረኀድትን ኣንጸባራቒ ቆርበት ዘለወን ገባብል እየን። ኣብ ከባቢ ሰለፉ ርጉድ ዝበለ፣ ኣብ ከባቢ ዳንግኡ ድማ ቅጥን ዝበሉ ጠጠው ዝበሉ ገባብል፣ ኣእጋር ኮይኖምሉ ኣለዉ። የእዳዉ ድማ ውሉድ ናይቶም ኣእጋር ኮይኖሞ ዘለዉ ረኀድቲ ገባብል ንኽመስሉ፣ ብመጠንን ብርጉድን ካብኣም ክንእሱ ኸለዉ፣ ነገር ግን ሕብሪ ቆርበቶምን ገበል ምኳኖምን ብንጹር እዩ ዝርአ።

ከምቲ፣ ገበል ካብ ቅድሚቱ ርጉድ ኢሉ ናብ ጭርኡ እንዳቐጠነ ዝኸይድ፣ የእጋሩን የእዳዉን ብተመሳሳሊ ቅርጾም ሓልዮም፣ ገበል ምኳኖም ብግልጺ እንዳተፈለጠ፣ ነገር ግን ርእሶም ከይተራእየ ኣብ ተርታ መሓውርነት ተመዲቦም የገልግሉ ኣለዉ። ከምኡ ኮይኑ'ውን፣ ኣብራኽ የእጋሩን ኩርናዕ የእዳዉን ከም ናይ ሰብ ዓይነት መጋጠሚ ዘለዎን ዝዕጸፍን ዝዝርጋሕን ከም ዝኾነ ብግልጺ ይርአ። ድሕሪ ሸኾና ናይ ክልተ ኣእጋሩ ዘለዋ ናይቲ መድረኽ ባይታ ረጊጹለን ዘሎ የእጋሩ ድማ ናይ ሰብ እየን። ሓሙሽተ ሓሙሽተ ኣጻብዕ ኣለወን። ንውሓተን'ውን ካብ ናይ ሰብ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ካብ ናይ ሰብ ዝፈልየን ነገር ግን ኣሎ። ንሱ ኸኣ ታሕተዋይ መርገጺ ናይተን ክልተ የእጋሩ ርሱን ሓጺን ብዝመስል ኣሰንባዲ ሓዊ እንዳተቓጸላ ወይ'ውን እንዳነደዳ ምህላወን ጥራይ እዩ።

ናይቲ ገበል ቅርጽን ቆርበትን ካብቲ ንቐልጽሙ ሓሊፍካ ዝርከብ ቅርጹ ቀጺልካ ዝርከባ ከብዲ ኢዱ፣ ከምተን የእጋሩ ናይ ሰብ ዝመስላን፣ ብግፍሒ ከብዲ ኢዱን ምንዋሕ ኣጻብዕቱን ጥራይ ካብ ናይ ሰብ ግዝፍ ምባሎም እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ፍሉይ ነገር ኣይርኣየሎምን። ንሰን'ውን ሓሙሽተ ኣጻብዕቲ ኣለወን። ንሰን'ውን ብተመሳሳሊ ከምተን የእጋሩ ጓህሪ ብዘለዎ ሓዊ ተኸቢበን ይነዳ ኣለዋ። እቲ ነገር ዘይልሙድን ንምግላጽ'ውን ዝኸብድ ኢዩ።

ካብ ክሳዱ ንታሕቲ ከም ሓጺን ዝተረረ ምኳኑ ዘፍልጥ ካብቲ ገፊሕ ኣፍልቡ ጀሚሩ ክሳብ ናይ ሰለፍ የእጋሩ ዝበጽሕ ቀንዲ ልብሲ ዝመስል ጸቢብን ቀይሕን ፒትልስ ተኸዲኑ'ሎ። የእጋሩን የእዳዉን ግና ብዘይ ክዳን ተቓሊዐን ይርኣያ ኣለዋ። ኣብ መንኩቡ'ውን ነዊሕን ኣንጸባራቕን ከፉት ካባ ኣሎ። ሳእኒ ኣይገበረን፣ ነገር ግን እግሩ እሳት ለቢሱሎ። ኣጻብዕቱ ኣብ

ውሽጥ'ቲ ሓዊ እየን ዝረኣያ። ነተን ደው ኢሉለን ዘለዋ የእጋር ዝረኣየ ሰብ፣ እቲ ኣብ መድረኽ ተነጺፉ ዘሎ መንጸፍ ካብሕጂ ክተክኽን ክቃጸልን እዩ ኢሉ ከይሰግአ ኣይተርፍን። ግን ምንም ትኪ ኮነ ዝቃጸል ነገር የለን። በእዳዉ'ውን ዝሓዘ ነገር ኣይነበረን። ንሽዱሽተ ደቓይቕ ዝኣክል ካብ ኣንደበቱ ዝወጸት ቃል የላን። ዝገበሮ ምንቅስቓስ'ውን ኣይነበረን። ጥራይ ከም ሓንቲ ሞዴሊስት ብፍሉይ ቅዲ ቆይሙን ብፍሽኽታ ደሚቕን ብጎቦ ዓይኑ ነቶም ተኣኪብቲ ስቕ ኢሉ ክጥምት ጸንሐ።

እቶም መራሕቲ ሃገራት G8 እውን ካብቲ መጺኡ ደው ዝበለሉ ግዜ ኣትሒዞም እዮም ቆይሞም ምጥቓዕን፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዘገርም ናይ ሓጎስ ስምዒት ኣትዮም ምእዋይን፣ ዕልልል...ልልል... ዝብል ዓይነት ድምጺ ምሃብን ብደስታ ምዝላልን ዝጀመሩ።

እቲ ኩነታት ብኽምዚ ዓይነት እንዳቐጸለ ኸሎ፣ እዚ መንነቱ ዘየነጸረ ነገር ብዝመጸሉ ኣመጻጽኣ፣ ኳሕ ትብል ድምጺ ከየስምዑ ሃይማኖታዊ ልብሶም ለቢሶም ከለዉ ብሓደ ኢዶም ናይ ወርቂ መቐምያኡም ጨቢጦም፣ ነቲ ካብ ዕንቁን ካብ ወርቅን ዝተሰርሐ ናይ ርእሲ ኣኽሊሎም ደፊኦም ብቐይሕ ካባ ማዕሪነም እቶም ናይ ቫቲካን ዋና ጳጳስ ሕውስ በሉ።

እቲ ቦሎፎን ከምዘለዎ ከይተበስዐ ካብ ላዕሊ ወሪዶም ብዘይ ገለ ስምባደ ብድሙቕ ፍሽኽታ ተዋሒጦም ክወርዱ ከለዉን በቲ ዝወደይዎ ቀይሕ ምቑእ ሳእኒ፣ ንወለል ናይቲ መድረኽ ምስረገጹ እቶም ተኣኪብቲ ይርእይዎም እኳ እንተነበሩ፣ ዝኾነ ካብኡም ናይ ምግራም ስምዒት ስለዘይተንጸባረቐ እቲ ጉዳይ ልሙድ ምኽኑ ክረጋገጽ ተኻእለ። እቶም ጳጳስ ብርግኣት ኣብ ጎኑ ቆሙ። ብሓደ ብርኮም ተንበርኪኾም ኣኽብሮቶም ድሕሪ ምግላጽ ብድድ በሉ።

“ክብሪ ንልዑልና!” በሉ፣ ብርሱን ድምጺ።

“ኣሜን!” በሉ እቶም ተኣኪብቲ።

እቶም ጳጳስ ሓደ ኢዶም ኣልዒሎም ናይ ‘ኮፍ በሉ’ ምልክት ኣርኣይዎም። እቶም መራሕቲ ሃገራት G8 ምስ ጀህራ ዝተዓጀበ ምስጋንኡም ወዲኡም ኣብ መናብሮም ኮፍ በሉ። እቶም ናይ ቫቲካን ጳጳስ'ውን ነቶም ተኣኪብቲ ኮፍ ኣቢሎም ብዝተፈለየ ቋንቋን ንመንም ብዘይተሰምዐ ሕሹኽታን ነቲ ቀዲምዎም ዝመጸ ገበል ዝተኽደነ ሰብ ደኒኖም ለፍለፉ'ሞ ኢድ ነሲኡም ቅንዕ በሉ። ነዚ ድሕሪ ምግባር ካልእ ቃል ከይተዛረቡ በቲ ዝመጽዎ ኣመጻጽኣ ናብ ላዕሊ ተንሲኡም እንዳተንሳፈፉ ከዱ። እቲ ቦሎፎንን ናሕስን ከይተኽፈተ ከይተኽደነ ከምዘለዎ ኣሕለፎም። እቶም ጳጳስ ምስ ከዱ፣ እቲ ክሳብ ሕጂ ኣብቲ ዝዓረፈሉ ቦታ ቆይሙ ከም ሞዴሊስት ተገቲሩ ብፍሉይ ፍሽኽታ ነቶም ተኣኪብቲ ብጎቦ እንዳረኣየ ተወሲኑ ዝጸንሐ ሰብ መሰል ኣካል፣

በሰላሕታ ኣብቲ መድረኽ ክንቀሳቐስ ጀመረ። ከይጸንሐ'ውን ዘናውጽ ድምጺ ካብ ኣንደበቱ ወጸ። ብጽሩይ እንግሊዝኛ እዩ ዝዛረብ ዘሎ።

"ክብሪ ነቲ ሓያል ኣቦይ!" ክብል ብኽቢድ ድምጺ ጀመረ።

"ኣሜን!" ዝብል ናይ ሕብረት ድምጺ ኣስምዑ።

እቲ ተዛራቢ ኣብቲ መድረኽ ንየው ነጀው ክብል ጸንሐ'ሞ እቲ ኣዳራሽ ብጸጥታ ምስተወሓጠ ብስግንጢር ተሸከርኪሩ ናብቶም ተኣከብቲ ዞረ። ብድሕሪዚ ነተን ምልኩዓትን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ሰብ ዝመስላን የሚንቱ ንቐሩብ እዋን ዓሚቱ ብድሕሪኡ ገለጸን። ነዚ ምስ ገበረ እተን ፍሉያት ኣርማኡ ዝኾና ክልተ ጸሊም ኣቐርንቲ ኣብ ጸጋምን የማንን ግንባሩ ብቐጽበት ወጻ። በዚ'ውን ዝተገረመ ተኣካቢ ስለ ዘይነበረ ልሙድ ክስተት ምኳኑ ንምፍላጥ ተኻእለ።

"ናይታ ትመጽእ ዘላ ድንቅን ተሃራፊትን ሓዳስ ዓለም ዜጋታት እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም!" ኢሉ ምስጀመረ፣ ካብቶም ተኣከብቲ ዘይልሙድ ናይ ምጉርምራም ድምጺ ተሰምዐ። ኩሎም፣ "ብኽመይ ኢና ዜጋታት ንበሃል? ዘይልሙድ ኣጸዋውዓ ዝኾነ'ኽ ስለምንታይ ኢዩ?" ዝዓይነቱ ኢዩ ነይሩ ምጉርምራሞም። ንሱ ግና ነቲ ብሓጎስ ዝተዋሕጠ ገጹ ነቶም ተኣከብቲ እንዳርኣየን ብቐርበት ገበል ዝተለበጡ ዝመስሉን ክልተ ነዋሕቲ የእዳዉ የማን ጸጋም እንዳዘርግሐ፣ "ኣይትፍርሑ ዝተለወጠ ነገር የለን። ዜጋታት ብዝብል ጋሻ ስም ዝጸዋዕኩኹም ብምኽንያት ኢዩ። ናይታ ሓዳስ ዓለም ሹማምንቲ ዘይበልኩ፣ ካብቲ ሓያል ጎይታ ዝኾነ ኣቦይ ሓድሽ መምርሒ ስለዝተቐበልኩ እየ። እዚ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዓይነት ዝኾነ፣ ናትኩም ናይቶም ሹማምንቲ ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን። ብዛዕባ'ቶም ኣብ ውሽጥኹም ዘለዉን ንመጻኢ'ውን ብመንገድኹም ብጸሊም ሓዊ ተጠሚቕም ዜጋታትና ክኾኑ ናይ ዘለዎም ብዛዕባ ካልኦት ዜጋታት'ታ ሓዳስ ዓለም ዝምልከት ጉባኤ ስለዝኾነ እዩ!" ምስ በለ፣ ናይቶም ተኣከብቲ ፍሽኽታ ተመሊሱ ርግኣት ሰፈነ። ንሱ'ውን ቀጸለ።

"እንቋዕ ደስ በለኩም! ምቕራብ ናይቲ ዘመን ካብ ኣቦይ ተረዲኡ! እቲ ዘመን ምስ ተቓረበ ድማ ዝያዳ ዘመናዊ ጥበብ ናባኹም ክትመጽእ ኢያ። ሎሚ'ውን ነቲ ተዋሂቡኩም ዘሎ ከረክበኩም መጺአ ኣሎኹ! ብዘይ ውረድ ደይብ ዜጋታትኩም እትምልምሉን እተጠምቕሉን ሓድሽ መንገዲ! ናይቲ ፍጻሜ መጀመርታ! ከምኡ'ውን መደምደሚታ!" ዜማዊ ቃና ብዝለበሰ ድምጺ እዩ ዝዛረብ ነይሩ።

“ኩልካትኩም ብሓድነት ደገኹም ኣብርሁ!” በሎም። ኩላቶም ብሓድነት የዒንቶም ንሸዱሽተ ሰከንድ ዝኸውን ዓሚቶም ድሕሪ ምጽናሕ ቋሕ ኣበሉ። ምስገለጹ’ውን ልሙዳት ጸለምትን ጠዋያትን ሓጸርቲ ኣቕርንቶም ኣብ የማን ጸጋም ናይ ነፍስወከፎም ግንባር ወጹ። በዚ ዘይምግራሞም’ውን እዚ ነገር ንዕኡም ዘይልሙድን ሓድሽን ተርእዮን ከም ዘይኮነ ምርዳእ ተኻእለ። ኩሎም ኣባላት ደጊኡም ኣብ ዘብርሁሉ እዋን እቶም ክልተ ንኣሽቱ ጸሊምን ሓጸርትን ኣቕርንቲ ኣብ የማን ጸጋም ግንባሮም ይበቕሉ። ዘይተለመደ ሓድሽ ነገር እዚ ዝቕጽል ትእዛዝን ተግባርን ነበረ።

ቀጸለ “ሕጂ ድማ ውሽጥኹም ንምብራህ ተመሳሳሊ ነገር ብዕጽፊ ግበሩ!” ምስበለ፣ እቶም ዕዱማት ንዓሰርተኽልተ ሰከንድ ዝኣክል የዒንቶም ዓሚቶም ድሕሪ ምጽናሕ ገለጹ። ይኹን ደኣምበር ዝረኣይዎ ሓድሽ ነገር ኣይነበረን። ከይጸንሑ፣ “ንሓድሕድኩም ተጠማመቱ” ምስ በሎምን ምስ ተጠማመቱን፣ እቲ ብሕንጡይነት ዝጽበይዎ ዝነበሩ ነገር ኣብ ገግንባሮም ተጻሒፍዎም ረኣዩ። ብኣንጸብራቕ ናይ ኩሕሊ ቀለም 666 ዝብል ምልክት ተጻሒፍዎም ምስረኣዩ ምእማኑ ሰኣኑ።

“ኣመስግኑ! ነቦይ ኣመስግኑ!” ተባህሉ።

ዘገርም ነገር እዩ ነይሩ፣ ናይ ምድርና ብዓል ስልጣናት ኮይኖም ክንደይ ነገር ክገብሩን ክኽበሩን ብዝረኣያ የዒንትና ነዞም ሰባት ሕጂ ብዘለውዎ ኩነታት ተመሊስና ክንርኢ ኸለና ፍጹም ዘይእመንን ዝፍንፍኑን ሰባት ኮይኖም ኢና ንረኽቦም። ክዳውንቶም ኣውጺኦም ኣብቲ ባይታ እንዳተንከባለሉ ብሓደ ዓይነት ድምጺ፣ ብናይ ሓባር ነዊሕን ከቢድን ዘደንጹ ኣውያት ብዝተሓወሶ ኣንደበት ክስሕቑን፣ ክቕዝሙን ጀመሩ። ንነዊሕ ደቓይቕ’ውን ናብቲ መድረኽ ቀሪቦም ኣብ ልዕል’ቲ ባይታ እንዳተንከባለሉ ኣመስገኑ።

“እቲ ዘመን በጺሑ! ሹመትና መጸ! ነቲ ገንሸል ክንሓርዶ ኢና! ሓይልና ዝኾንካ ንስኻ’ውን ስልጣን ሃብካና! ክብሪ ነቲ ኣሸናፊ ሓለቓና! ንግስነት ንዓኻ! ጎይትነት ንዓኻ! ናይ ምድሪ ነብሳት ኩሎም ንዓኻ! ....” ብማለት እንዳተንከባለሉ ኣመስጊኖም ምስ ወድኡ ንሓድሕዶም ብሓጎስ ተሓቑቒፎም እንዳተሰዓዓሙ ናብ ቦትኣም ተመለሱ።

“ሕጂ ዝተንከፍኩሞ፣ ዝዳህሰስኩሞን፣ ዝደለኹሞን ኩሉ ዜጋ ናይታ ሓዳስ ዓለም ይኸውን! ነቦይ’ውን የኽብር! ነቲ ዝተዋሃበ ጥበብ’ውን ንጎይትኡ ንምኽባር ይጥቀመሉ! ንስኻትኩም’ውን ብኽብሪ ክትሸየሙ ኢኹም! ንሞትን መውግኢኡን ተሓባቢርና ክንምንዝየ ኢና! ነዚ’ውን ንኽረድኣና እቲ ሓያል ኣቦይ፣ ዘለዎ ጥበብ ኩሉ ክጥቀም’ዩ! ንዓኹም ከኣ ክህበኩም እዩ! ክብሪ ነቲ ዓቢ ኣቦይ! ክብሪ ነቲ ኣብዮታዊ ሓቀኛ ሓለቓይ! ሹመት ንንጉሰ

ነገስት ናይታ ሓዳስ ዓለም! ሃሃሃ... ሃሃሃ... ሃሃሃ... ሃሃሃ... ካካ.. ካካ.. ካካ .. ካካ.. ሃሃሃ... ሃሃሃ...” ንእዝኒ ዘደንጹ ናይ ሓባር ሰሓቕ...

“ሕጂ” ክብል ከምብሓድሽ ጀመረ። “ሕጂ ነቶም ካልኦት መራሕቲ ሃገራት G20 ኣኪብኩም፣ ካብ ሱር መሰረት ጀሚርኩም ነቲ ግስጋሰ፣ ከምኡ’ውን ብዛዕባቲ ሰናይ ዝኾነ ፍጻሜን ጎልን ኣብርሁሎም። ኣይትጠንቀቑ! ነቲ ስራሕ ብሙሉኡ ኣቦይ ስለዝፈጸመልኩም ዝኾነ ሞገት ኣይክገጥመኩምን’ዩ። ብድሕሪ ሕጂ ዝኾነ ሚስጥርን ዝሕባእ ነገርን የለን። እዚ ዘመን ብኣቦይ ስለዝተወነነ እንደገና ደስስስስስ.... ይበልኩም! ኩሉ ኣብ ኢድና ኮይኑሎ’ሞ ተሓጎሱ! ነዚ ዝተወነነ ዘመን ደጋጊምኩም ወንንዎ! ጸዊዕኹም ኣበስርዎም! ኦ ናይቲ ዝስዕር ውሉድ! ናይ ምምንዛዕ ዘመን ሕጂ እዩ! ምምንዛዕ ይቕለለልኩም፣ ኢለ ባረኽኩኹም! ንመሰረት ናይታ ሓዳስ ዓለምና ንደቕ! በርቲዕኹም’ውን ስርሑ። በርቲዕኹም’ውን መንጥሉ። ናይ ገንዘብ ናይ ኢኮኖሚ ናይ ኣጽዋር ኩናት ናይ ቴክኖሎጂ ዕብላለ ስለዝተጎናጸፍኩም መንም ደው ከብለኩም ከም ዘይክእል ተረዲኡኩም ኣሎ። ምድሪ ካብ ዘላቶ ናይ ጸልማት ተስፋ ወጺኣ ናብ ናይ ዘልኣለማዊ ህልውና ክትምለስ ኣለዋ። ሸዑ.. ሸዑ.. ኣቦይ፣ ኣነ፣ ንስኻትኩምን ሹማምንትኹምን ንዘልኣለም ክንነግስ ስለዝኾንና ደስ ይበልኩም! ብዛዕባ ትገብርዎ ነገር ኣይትሕሰቡ! ብዛዕባ ትሕተትዎ ሕቶ ኣይትጨነቑ። ኣነ ኣብ ኩሉ ሓዲረ መልሲ ክህበልኩም እየ! ይብል ልዑልና! ከምኡ’ውን መንም መውጽእን መምለቕን ስለዘይብሉ ደስ ይበልኩም! ውድቀት ነቲ ዝሕረድን ዝተሓረደን ገንሸል! ዓወት ነቶም ዝስዕሩ ናይታ ሓዳስ ዓለም ንጉሰ ነገስትን ነገስታትን!”

ዘረብኡ እንዳረሰነ ምስኪደ እተን ናይ ሰብ የሚንቱ ናብ ደምነት ተለወጣ። እቲ ምልኩዕ ዝነበረ ገጹን ቅርጺ ርእሱን ሃንደበት ቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ ናብ ዘለዎ ናይ ፒራሚድ ትርኢት ተለወጠ። ተሰቲሩ ናብ ዝባኑ ወሪዱ ዝነበረ ወርቃዊ ጸጉሩ’ውን በኒኑ ብምጥፋእ ሰለስተ ኩርናዕ መላጥ ኮነ። ካብዚ መላጥ ቅርጺ’ውን ካልኦት ክልተ ኣቕርንቲ በቐላ። ትሕቲ ክሳዱ ዝነበረ ቅርጺ ግን ኣይተለወጠን። “መረጋገጺ ሹመትኩም ተዋሂብኩም ኣለኹም! ሕጂ ዝተረፈ ነገር የለን! ትናፍቕዎ ዝነበርኩም ነገር ኩሉ በጺሑልኩም! ናይ ኣቦይን ኣቦኹምን ናይ ዓወት ዘመን በጽሐ! ሕጂ ሕጂ ኣብስርዎም! ነዚ ድንቂ ጥበብ ለግሱሎም’ሞ ብፍስሃ ኣዕለቕልቕዎም! ብዓወት ኣዋፍርዎም! ኣመስግኑ! ኣመስግኑ! ኣመስግኑ! ኣመስግኑ! ኣመስግኑ! ኣመስግኑ!” ድምጹ ብጣዕሚ እንዳለዓለን እንዳረሰነን ከደ።

“20ኹም ኬንኩም ብተመሳሳሊ ስልጣን ኩሉ’ቲ መስርሕ ኣፍልጥዎም! ንስኹም’ውን ተወሳኺ መምርሒ ተቐበሉ። ብናጽነት ተመሊእኹም ኩሉ ነገር ፍለጡን ኣፍልጡን!

መበገሲኹምን መዕለቢኹምን ክትፈልጡ ኢኹም’ሞ ደስ ይበልኩም! እታ ናይ መወዳእታ ተሓቢአ ዝነበረት ሚስጥርን ትእዛዝን፣ ዘመና ሓልያ ካብ ኣቦይ መጺአ! ተገሊጻ! ኣነ’ውን ተፈሳህኩ! ክብሪ ነቲ ሓያል ልዑል!”

“ኣሜን!”

ነታ ኣሜን ትብል ናይ ሕብረት ድምጺ ሰሚዑ፣ ናይ ምፍናው ቃል’ውን ከየስምዐ፣ ነቲ ቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ ዘለዎ ትርኢት ገጹን ናብ ደም ምኻን ዝተለወጣ ቀያሕቲ የሚንቱን ሒዙ ተጸዊጉ ኣብ ኣየር ድሕሪ ምንስፋፍ ብቐጽበት ሰላሕ ኢሉ ተሰልበ። ናይ ሕጂ ኣካይዳኡ ከም ኣመጻጽእኡ ኣይኮነን። እቶም ጳጳስ ዝተመለሱሉ ዓይነት’ውን ኣይኮነን። ኣብቲ ንጹር ቪድዮ ከም ዝርአ እንተኾይኑ ሓደ ሜትሮ ዝኸውን ብራኽ ሓፍ ኢሉ ምስተንሳፈፈ ጠፍአ፣ ወይ ተሰወረ።

ንሱ ምስ ከደ እቶም ተኣከብቲ ብናይ ሓባር ሰሓቕ እንዳሸካዕለሉ ብሓጎስ ተዋሒጦም ምስ ኣቕርንቶምን ናይ ግንባር ምልክቶምን ምምስጋኖም ቀጸሉ። ንሰላሳ ደቓይቕ ዝኣክል እንዳተንስኡ እንዳወደቑ ኣመስገኑ። ምስጋና ቅድሚ ምውድኡም መራሒ ኣሜሪካ ብሓጎስ እንዳሰንመ ጉያ ብዝመስል ስጉምቲ ተጓዒዙ ናብ መድረኽ ደየበ’ሞ ቁርጽራጽ እንዳተንፈሰ፣

“ክብሪ ንልዑልና ኣሜን!” ክብል ተዳህየ።

“ኣሜን!” በሉ ብሕብረት። ነቲ ጸሊም መራሒ ኣሜሪካ ወሲኽካ ኩሎም ካልኦት ተኣከብቲ ብረሃጽ ጠልቂዮም ነይሮም።

እዚ ሰብ መሲሉ ስልጣን ዝሓዘን ንኣሜሪካ ብፕሬዚደንትነት ዝመርሕ ዘሎን መራሒ ሕጂ ብዘለዎ ኩነት ካልእ ዘይፈልጥ ሰብ እንተዝርእዮ፣ ክገጥሞ ዝኽእል ስንባደ ኣዝዩ ከቢድ ከም ዝኸውን ጥርጥር የብለይን። ነቲ ከቢድ ስንባደ ግና ኣቐዲመ ክስንብዶን ክጋፈጦን ዝኽኣልኩ ኣነ ኮንኩ!

እቲ ናይ ምስጋና ኣውያት ምስ ሓድኣን ተኣከብቲ’ውን በቦትኡም ኮፍ ምስ በሉን መራሒ ኣሜሪካ ዘረባ ጀመረ።

“ዳግም እንቋዕ ሓጎሰና ክብል ይደሊ!” ምስ በለ፣ ናይ ሓባር ጣቕሚት ተጣቕዓሉ። “ሕጂ ደጌናን ውሽጥናን ነጥፍእ” ምስ በለ ድማ ኩሎም የሚንቶም ዓሚቶም ገለጹ። ንሱ’ውን ተመሳሳሊ ነገር ገበረ’ሞ ናይ ኩሎም ኣቕርንቲ ናብ ውሽጢ ሰጠማ። እቲ ናይ ቁጽሪ ምልክት’ውን ካብ ግንባሮም ጠፊኡ ነጻ ግንባር ኮነሎም። ሰብ ኮኑ፣ ወይ መሰሉ።

“ዝቕጽል ሕጹጽ ዕጹው ጉባኤና ብኣይ ዝምራሕን ምስ መራሕቲ ሃገራት G20 ንገብሮን እዩ ክኸውን። ንሕጂ ግና ተሪፉ ዘሎ ሓደ ሰዓት ንሓባራዊ ዘተና ተጠቂምናሉ ኢና ክንፈላለ። እዚ ክብል ከለኹ እንታይ ማለተይ እየ ....እ... ምስ ልዑልና ኣብ ዘይተሓሓዙ ኣብ ዙርያ ተራ ዝኾኑ ናይ ሽፋን ነጥብታት ማለተይ እየ” በለ’ሞ ነታ ብሩራዊት ላፕቶፕ ኣጥፊኡ ዓጸዋ። በታ ሓንቲ ሰዓት እንታይ ከም ዝተዘራረቡ ብጀክኦም ዝፈለጠ የልቦን።

****

Jun 21 / 2014

New York

እቲ ብወግዒ ዝፍለጥ ናይ 2014 ዓመታዊ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት G20 November 14 ከምኡ'ውን November 15 2014 ኣብ ኣውስትራሊያ እዩ ነይሩ ዝካየድ። ነገር ግን ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ሕጹጽ መልእኽቲ ስለዝተነግሮም እቲ ቀንዲ መኣከቢ ግዜኣም ቅድሚ ምብጽሑ 4 ወርሒ ኣቐዲሞም ኣብ ኣጋምሽት ናይቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ዕለት ነቲ ቀንዲ ዕጹው ኣኼብኦም ኣቃኒዖም ነይሮም እዮም።

እቲ ጉባኤ ኣብታ ናይ ሉሱፈል /ምክትል ሳጥናኤል/ ዋና መንበር ከተምኡ ዝኾነት ኣብ ኣሜሪካ "ኒውዮርክ" ነይሩ ተቓኒዑ። ኣብዚ እዋን ካብ ናይ ሉሱፈል መንፈሳዊ መራሒ ቀጺሉ ነቲ ጉባኤ ዝኣከበን ዝመርሐን እቲ ጸሊም ፕሬዚደንት ኣሜሪካ ክኸውን ከሎ፣ ወሃቢ መልሲ ግና እቶም መሰርይ ዝኾኑ ናይ ቫቲካን ሊቀ ጳጳስ ነበሩ። እቲ ጉባኤ'ውን ሙሉእ ለይቲ ዝወሰደ ኮይኑ'ሎ።

"ናብታ ዓባይ ከተማ ልዑልና ዝኾነት ኒውዮርክ እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም!" ክብል ጀመረ እቲ ጸሊም ፕሬዚደንት ኣሜሪካ።

"እዚ ሕጹጽ ጉባኤ ዝተቓንዐ ሕጹጽን ዘሐጉስን ዜና መሰረት ብምግባር እዩ! ሎሚ'ውን ከም ናይ ኩሉ ግዜ ሓድሽን ባህ ዘብልን ነገር ተዋሂቡና'ሎ። እቲ ናብዚ ጉጅለ ክትጽምበሩ ከሎኹም ኣብ ውሽጣዊ መንነትኩም ዝሰረጸ መራሒ መዓሙቕ፣ ንተኣማንነትኩም ስለዘረጋገጸ ብእንብሎ ነገራት ከምዘይትደናገሩን ብቐሊሉ'ውን ከም ትርድእዎን ተስፋ ይገብር። ነቶም ሓደስቲ ኣባላትና ማለተይ እየ። እቶም 11 ትኾኑ ሹማምንቲ ትፈልጥዎን ብሚስጥር ዓቂብኩም ከተጽንሕዎ ዝተነግረኩምን ናይታ ሓዳስ ዓለም ኣመሰራርታ ሜላ ነይሩ። ሕጂ ግን እቲ ናይ መወዳእታ ጎል ክንገረኩም ዝግብኣሉ ዕለት ስለዝበጽሐ ተጸዊዕኹም" ምስ በለ፣ ሃንደበታዊ ከቢድ ናይ ሓባር ጣቕሚት ኣበርከቱ። መራሒ ኣሜሪካ ቀጸለ፣

"ነዚ ጥበብ ትርድኡሉ ንቐሕ ኣእምሮ የድልየኩም። ንዕኡ'ውን ብናይ ልዑልና ናይ መመስገኒ ጸሎት ሕጂ ክትዕደልዎ ኢኹም!" በለ ብታሕጓስ ክነቱግ እንዳደለየ።

ጸሎት ጀመሩ። መራሒ ኣሜሪካን እቶም ካልኦት መራሕቲ ሃገራት G8ን ኣቕርንቶም ክበቕላ ኸለዋ ዘስተውዕሉ ዝነበሩን ተጋይሾም ዝጸንሑን መራሕቲ፣ ኣብ ልዑል ስምኺት ሓጎስ ሰጠሙ... ብታሕጓስ ኣሸካዕለሉ.... ተንከባለሉ.... ኣመስገኑ.... ። ብድሕሪኡ ኩሎም

መራሕቲ ሃገራት G20 ወነንቲ ናይ ክልተ ሓጸርትን ጸለምትን ኣቕርንቲ ኮኑ። ንሓድሕዶም ምስ ተጠማመቱ'ውን ኣብ ግምባሮም 666 ዝብል ቁጽሪ ሰብ ብጸሊም ደሚቕ ኩሕሊ ተሓቲምዎም ረኣዩ። ፍጹም ዘይተጸበይዎን ክሕንጠዩሉ ዝጸንሑን ነገር እዩ'ሞ ኣዝዮም ተሓጎሱ። ምኽንያቱ ብናቶም ኣተሓሳስባ ብደረጃ መራሒ ነዚ ነገር'ዚ ቀዲሙ ዝተዓደለ ኣብታ እትምስረት ሓዳስ መንግስቲ ምድሪ ሹመቱ ስለዝቕጽል፣ ናይ ዘልኣለም ገዛኢ'ውን ስለዝኸውን እዩ። ናይ መወዳእታ ዘመን ከይበጽሐ እንተሞተ'ውን፣ ብድሕሪ ማሕረድቲ ናይቲ ገንሸልን፣ ዓወት ናይቲ ጎይታ-ማዕሙቕን ስለዝትንስእ እዩ። ትምህርቶም'ውን ዘልዓለማዊ ናይ ምድሪ ህይወት ከምዝቕጽል ምግባርን ምኽኣልን እዩ።

ጸሎታዊ ምስጋና ምስተዛዘመ ኩሎም በቦትኦም ሓዙ'ሞ ነቲ ዝቕጽል ትንታነ ብፍሕሹው ገጽ ደሚቕም ክጽበዩ ጀመሩ። መራሒ ኣሜሪካ ቀጸለ፣ "እንታይ ተሪፉና? ዋላሓደ! ናብ ጎልና ብናጽነት ምግስጋስ ጥራይ!" ናይ ሓባር ጣቕሚት.....።

"ናይ ልዑልና ኣባላት ዕላምኣም ሓደን ዘይልወጥን እዩ። ንሱ ድማ ነታ ትመጽእ ሓዳስ መንግስቲ ምድሪ ምምስራት! ሓደ ሕዝቢ፣ ሓንቲ ዓለም፣ ሓደ ዘልኣለማዊ መንፈሳዊ መራሒ፣ ሓንቲ ዘልኣለማዊት ነብስን ህይወትን እዩ! ሓደን ሓንትን ጥራይ!!

"ሉሱፈል ዘልኣለማዊ ላዕለዋይ ሓላዊና ክኸውን'ዩ! ናጽነት ኣጎናጺፉ ዘልኣለማዊ ህይወት ክህበና እዩ። ሓጎስን ዓሚቕ ፍስሃን ኣብኡ ጥራይ እዩ ዝርከብ። ጥበብ'ውን ከምኡ! ንሕና ኣባላቱ ድማ ናይዚ ኹሉ ወረስቲ ኳንና ብሹመት ማዕሪግና ክንነብር ኢና! ከምኡ መታን ክኸውን ድማ ናይቲ መፈጸምታ መጀመርታ ሕጂ ኮነ! ነዚ ከኣ ዓቢ ዕዮ ገዛ ተዋሂቡና'ሎ። ሎሚ ንኩልኹም ንጹር ክኸውን'ዩ።

"እቲ ወድሰብ ዝተበሃለ ፍጡር ቅድሚ ምምጽኡ ኣቕዲሙ እቲ ናይ ናጽነት ኣብዮተኛ (ሰውራዊ) ዝኾነ ናይ ጸልማት ልዑል ንናጽነቱን ናጽነትናን ክብል ከዛእ ርእሱ የሕሊፉ ሂቡሎ። እቲ ቅድሚ ወድሰብ ዝነበረ ኣይግዛእን በሃሊ ኣሸናፊና፣ እቲ ዝተበሃለ ዘመን ክሳብ ዝበጽሕ ተጸበየ ድኣምበር ኣይተሳዕረን። ሕጂ ግና ዝዕወተሉ ግዜ ኣኺሉ'ሎ። ንሕና ኩላትና ድማ ናይዚ ልዑል'ዚ ተገዛእትን ናይ ክብሪ ወተሃደራቱን ኢና።

"ወድሰብ ነጻ ኮይኑ ብዝደለዮ ዓይነት መንገዲ መታን ክጓዓዝ፣ "ብዘይ ሕግን ብዘይ ወሰንን ብደረት ኣልቦ ናጽነት ክነብር ኣለዎ" ኢሉ ብምምጻቱ ካብ ስፍርኡ ዝተገለለ ልዑልና ኣብቲ ሸዑ እዋን ናባና ናብ ናይ ምድሪ ሰባት ናብቶም ተበደልቱ መጺኡ ተጸምበረና፣ ንሽግራትና'ውን ክካፈል ጸንሐ። ቀስ ብቐስ'ውን ልቡ ንዓና እንዳራህርህ ስለዝኸደ ስልጣነ

ኣብዚሑ ሃበና። ጥበብ'ውን ገለጸልና። ንኹሉ ነገር ኣጎናጺፉ ካብ ጸልማትን ካብ መሃይምነትን ኣውጽኣና፣ ነጻ ሰባት'ውን ኮና። ሕጂ ድማ ነቶም ተቐናቐንትና መታን ከጥፍኣልና ኣብ ጎንና ተሰለፈ። ንሕና'ውን ኣንገስናዮ፣ ኣምለኽናዮ፣ ሓረናዮ። እቲ እንኮ ናይ ምድርን ናይ ደቅሰባትን ኣቦ ናጽነት እዩ'ሞ ምድርን ኩለንትናኣን ተጠቒሊላ ብእኡ ክትግዛእ ኣለዋ። እዚ ምስ ኮነ ሞት ክጠፍእ'ዩ፣ ህይወት'ውን ዘልኣለማውን ፍጹም ስልጡንን ፍጹም ነጻን ኮይና ንዘልኣለም ክትነብር'ያ።

"እቲ ክሳብ ሎሚ ዝጸንሐ ትንታነ ሳይንሳዊ ኣመጻጽኣ ወድሰብ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ኣእምሮኹም ኣውጽእዎ። ንሱ፣ እቲ ወድሰብ ዝተበሃለ ድኹም ፍጡር ቅድሚ ምፍጣሩ ንዝነበረ ናይዛ ዩኒቨርስ ዕድመን ኣመጻጽኣን ንምግላጽ ዝተፈተነሉ ሜላ እዩ። ከምኡ ዓይነት ትንታነ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ንዓና ኣድላዩ ኣይኮነን። ንሓፈሻዊ ርድኢት ይሕግዘና ደኣምበር። ምኽንያቱ ከምቲ ቀጺለ ብዕምቆት ዘብርሆ ከም በዓል "ሉሲ" ዝኣመሰሉ ኣብ ናይ ሳይንሳዊ ኩዕታ መሬት ዝተረኸቡ ኣሰር ኣካላት፣ ልዑልና ውግእ ኣብ ዝገበረሉ እዋን ዝሞትዎን ካብ ሰብን ካብ ኔፊሊምን ዝተዳቐሉ ዓጽሚ ወተሃደራቱ ስለዝኾኑን እዩ።

"ካብቲ ኣዳም ዝተበሃለ ስርሓት ሓመድ ዝኾነ ፍጡር ኣቐዲሞም ልዑልናን የሕዋቱን ነበሩ። ኩሎም እቶም ካልኦት ግና ኣብ ጎኒ እቲ ኣኽራሪ ሕጊ ዝኾነ ሓለቐኦም ተሰሊፎም ንዓና ራሕርሑና። ልዑልና ግን ንዓና ክብል ላዕለዋይ ክብሩ ገዲፉ ናይ ታሕታይ ውርደት መረጸ። ነቲ ከም ኣራዊት ዱር ገዛእ ርእስና ከይፈለጥና ክንነብር ዝተፈረድናዮ ፍርዲ ተቓዊሙ ናይ መጀመርያ ዓመጸኛ ኮነ። ስለ ፍትሒ ክብል'ውን ተዋግኦም፣ ዓመጸ'ውን፣ ስለዚ ነቲ ንሶምን ጎይትኦምን ተሓባቢሮም ንዝነፈጉና መንነት፣ ልዑልና ንዓና ሃበና። የኒንትና ኣብሪሁ፣ ጥበብ ገሊጹ፣ ኣሰልጢኑ፣ ነጻነት ኣልቢሱ ክሳብ ሎሚ ኣጽንሓና።

"ኣብቲ ወቕቲ ዝተረድኣሉ ስለዘይነበረ ምስ ብዙሓት ብጾቱ ኮይኑ በይኑ ምእንታና ተዋግኦ። ከይፈለጥናዮ ፈሊጡ ተሚገተልና። ነገር ግን ንግዚኡ ዓወት ናይቶም መቐናቐንትና ኮነት'ሞ ምስ ክብሩ ናባና መጸ። ሓጋዚ ጀኔራል ኣይነበሮን፣ ስለዚ ነቶም ዝነበርዎ ሒደት ናይ ሰላም ወተሃደራት ሒዙ መኸታና ኮነ።

"እቲ ውግእ ካብ ላዕሊ ጀሚሩ ክሳብ ምድሪ ዝበጽሕ ኢዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ብቐጸራ ተፈላለዩ። ሕጂ ግን እቲ መዓልቲ ቆጸራ በጽሐ። ነቲ ክሳብ ሎሚ፣ ግዜያዊን ሓላፍን ተባሂሉ ዝተወሰነ ናጽነት ወድሰብ ዘልኣለማዊ ክገብረሉ ዝኽእለሉ ግዜ መጸ። ንሕና'ውን ተሓባበርቱ ኮንና። እቲ ሽዑ ዘዝለቐ፣ ሓይሊ ሓጺርዎ ጥበብ ጎዲልዎ ኣይኮነን። ነገር ግን ንሕና ደቅሰባት ክሳብ ንረድኡ ክጽበ ስለዝነበሮ እዩ።

“ሎሚ ኣእምሮና በሲሉ ነቲ ሓቂ ስለዝተረዳእና ኣብ ጎኑ ኮንና። በዚ’ውን ባህ በሎ። እዚ ባህታኡ’ውን ዘልኣለማዊ ሓጎስ መታን ክኾነሉን ክኾነልናን ተዓጢቑ ተንስኡ። ነታ ብ ኢፍትሓዊነት ዝተመንጠልናያ ኦም ህይወት ኣብ ኢዱ ከእትዋን ንዓና ነቶም ዋናታታ መሊሱ ክህበናን ሒደት ግዜ ተሪፍዎ’ሎ። …” ሕጂ’ውን ርሱን ጣቕሚት ተዋህቦ።

“ነዛ ኦም ህይወት ኣብ ኢዱ ክሳብ ዘእትዋ ዕረፍቲ የብሉን። ንሕና’ውን ነታ ሽዑ ዝተመንጠልናያ ኦም ህይወት ኣብ ኢድና ክሳብ ዘየእተና ህልውና የብልናን፣ እንተሃለወና’ውን ግዜያዊ እዩ። እቲ፣ ሞትን መውግኢኡን ኣብ ኢዱ ዘለዎ ኣካል፣ እዛ ኦም ህይወት ብልዑልና መታን ከይትውሰድ ን8 ሽሕ ዓመት ሙሉእ ብጽኑዕ እንዳሓለዋ ይርከብ ኣሎ። ናይ ልዑልና ልዑል’ውን ንዓና ነቶም ታሕተዎት መታን ከገልግሉናን ከሰልጥኑናን መንፈሳዊ ወተሃደራቱ ልኢኹ፣ ንሱ ግና ኣብ ውሽጢ እሳተ ጎመራ ኣትዩ ንነብሱ ነታ ናይ መወዳእታ ዓወት እንዳኣዳለወ 8ሽሕ ዓመት ሙሉእ ኣብ ውሽጢ መዓሙቕ ጸኒሑ’ሎ። ስልጣኑን ሓይሉን ግና ኣብ ውሽጢ ኣእምሮ ኩላትና ፈተውቱ ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ’ሎ፣ ሕጂ’ውን ይሰርሕ ኣሎ። ንመጻኢ ኸኣ ኩሉ ንዓና ሂቡ ዕረፍቲ ክወስድ እዩ። ኦ ፈተውቲ ናይቲ ሓያልን ሰውራውን ልዑልና! እንቋዕ ደስ በለና! እቲ ዘመን ስለዝበጽሐ ባህ ይበለና።

“እቲ ካብቲ ዘመን’ቲ ኣትሒዙ ብጽሞናን ትዕግስትን ዝተጸበየ ዓቢ ልዑልና እዚ ዘመን ጸልማት ሓንሳብን ንሓዋሩን መታን ከብቅዕ ብሕቡእን ብፍሉይ ጥበብን እዩ ክሰርሕ ጸኒሑ። ልዑልና ኩሉ ነቲ ስርሑ ብወግዒ ስለዘይገበሮ፣ ትምህርቲ ናይቶም ኣብ ፈቐዶ ሽሕ ዓመታት ዝተበረዘ ትምህርቲ ሒዞም ዝመጹ፣ ደቅሰባት ነቢያት ኢሎም ዝጽውዕዎም ሰባት ክፍለጥ ከሎ፣ ናይ ልዑልና ትምህርቲ ግና ተደፊኑ ዝጸንሐ ኣድላዪ ኮይኑ ስለዝተረኸበ ጥራይ እዩ። እዚ ሓቀኛ ልዑል ኩሉ ስርሑ ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ብግልጺ ዘይሰርሐን ብውሑዳት እሙናቱ ጥራይ ተወሲኑ ክሰርሕ ዝጸንሐን ንሕና ደቅሰባት ኣብ ዘይተደልየ ሓሸውየ ከይንኣትዎ ፈሪሑ እዩ። ሕጂ እቲ ዘመን ምስ ቀረበ ግና ንኹሉ ከንቅሕን ከፍልጥን ስለዘለዎ ነቲ ስራሕ ጀመሮ። ኩሉ ከምዝሰዓር ኣቑዲሙ ይፈልጥ ነበረ። ንሕና’ውን ሕጂ ነቒሕና’ለና፣ ፈሊጥና’ለና።

“ነታ ኦም ህይወት ንምጉንጻፍ እቲ ቃልሲ ዝተጀመረ ኣብቲ ሽዑ ዕለት እዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ኣብ ዘመን ፈርኦናት ግብጺ ቀጺሉ፣ እቲ ቃልሲ እንዳተወደበ ብኣባላቱ እንዳተበራትዐ ዝጸንሐ’ኳ እንተኾነ፣ ብዘመናዊ መንገድን ብዝተወደበ መልክዑን ምሕዳስ ተገይሩሉ ምድላዋቱ ክቀጻጸል ዝጀመረ ግና ብኣና ብናይ ደቅሰባት ኣቆጻጽራ ኣብ 1770 ዓ.ም እዩ። ካብቲ ግዜ’ቲ ኣትሒዞም ኣባላት ናይቲ ማሕበር ዓበይቲ ዕማማት ክዓሙ ጸንሑ። ኣብ ውሽጢ 200 ዓመት’ውን እቶም ንዓና ዝኣመሰሉን በቲ ሞት ዝተበሃለ ኢፍትሓዊ ነገር

ዝተነጠቕን፣ ነገር ግን ንመጻኢ ምስ ዘልኣለማዊ ህልውናኦም ንረኽቦም የሕዋት ኣፍረዩ። ኣካይድኡ ብኽምዚ መልክዑ ቀጺሉ ጸንሐ'ሞ ሎሚ ኩሉ ነገር ተቐጻጺርና ነቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ተዳለና። ነቲ ናይ ልዑላን ልዑል ዝኾነ ገበልና ነምልኽሉ ጥራይ ዘይኮነ ንሕግዘሉ ዘመን'ውን በጽሐ። ሓገዝና'ውን ንዓወት ከምዘብቅዖ ነገረና። ናይ መወዳእታ ጎልና ደኣ እንታይ ኮነ?" ክብል ብስምዒት ሓተተ።

"ኣም ህይወት!" ክብሉ ብሓድነት መለሱ።

መራሒ ኣሜሪካ ቀጸለ፣ "እወ! ኦም ህይወት! እቲ ሽዑ ዝተበልዐ ፍረ እዚ'ዩ ነይሩ!" ብማለት፣ ናይ ላግጺ ስሓቕ እንዳጋበዘ ኣብ ዝባን ላፕቶፑ ዘሎ ኣርማ ኣርኣዮም። ናይ "ኣፕል" ማርክ ወይ ኣርማ ዝተገምዐ ፍረ ስለዝኾነ። እታ ናይ ኣፕል ማርክ ዘለዋ ብሩራዊት ላፕቶፕ ኣብ ፈቐዶ ኣኼባታት ንዝካየድ ዘተን ሓፈሻዊ ፍጻመታትን እንዳተዛወረት ትምዝግብን ቃለ ጉባኤ ትሕዝን ክትከውን ከላ፣ እቲ መራሒ ኣሜሪካ ካብ ኢዱ ኣይትፍለን'ያ። ብናቱ ናይ ኢድ ሓሸራ'ውን ትዕጸን ትኽፈትን ነበረት።

"ህልውናናን ሙሉእ ክብርናን ኣብ ቀረባ እዋን ክምለስ እዩ! ዕላማና ን ኦም ህይወት መሊስካ ምርካብ እንተኾይኑ፣ ናይ መጀመርታ ስራሕና ዝኸውን ድማ ነቲ ኦም ህይወት ዘላትሉ ቦታ ምቁጽጻር ይኸውን ማለት'ዩ! ኦም ህይወት ክበሃል ከሎ ነቲ ፍረን ኦምን ክትሓስቡ የብልኩምን። ወይ'ውን ፍረ ብምብላዕ ዝመጽእ ዘልኣለማዊነት ዘሎ ጌርኩም ክይትሓስቡ። ንሱ ምሳሌኡ እዩ። ብሓጺሩ ንምግላጽ እቲ ናይ መወዳእታ ኩናት ዝካየድ ንኻልእ ዕላማ ተባሂሉ ዘይኮነ፣ ነታ ቦታ ንምቁጽጻር ነባሂሉ ጥራይ እዩ። ነቲ ውግእ ስዒሩ ነታ ኦም ህይወት ዘላትሉ ቦታ ዝሓዘ ኣካል ናይዛ ምድሪ ሙሉእ ብዓልስልጣን ኮይኑ ነቶም ዝኣመንዎን ዝኣምኖምን "ይኹን" ብእትብል ሓንቲ ቃል ጥራይ ኣብ ነፍሲ ኩሉ ወድሰብ በብዘለውዎ ቦታ ከስርጽ ይኽእል። እዚ፣ ልዑልናን እቲ ላዕለዋይ ኣካልን ዝተሰማምዑሉን ነቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ብቐጻራ ዝተፈላለዩሉን ነጥቢ እዩ! ዓወት ናይ ልዑልና እዩ! ንምድራውያን ሰባት ዘልኣለማዊ ናይ ምግባር ስልጣን ናይ ልዑልና ክኸውን'ዩ!!

"ልዑልና ነቲ ውግእ ብዓወት ከምዝዛዝሞ ይፈልጥ'ዩ! ሓገዝና ግን ይደሊ እዩ! ነታ ቦታ ንምቁጽጻር መታን ክረድእ'ውን ንብዙሕ ሽሕ ዓመታት ዝቐጸለ ብዙሕ ስራሕ ተሰሪሑ'ሎ። ቀዳሞት ኣቦታትና ካብቲ ዘልኣለማዊ ልዑል ትእዛዝ እንዳተቐበሉ ብዝተጸንዐ መንገዲ፣ መሰረት ከንብሩ ጸኒሖም ኣለዉ። ከምርምሩ ከሪሞም'ዮም። ንሕና'ውን ሎሚ ካብቲ ንሳቶም ዘንበሩልና መሰረት ብምብጋስ ነታ ቦታ ንምሓዝ ሙሉእ ብሙሉእ ድሉዋት ኳንና ንርከብ!

“ነታ ቦታ.... እወ! ነታ ቦታ ተቐጻጺርካ ምጽናሕ ናይ ኩላትና ናይ መወዳእታ ሸቶ እዩ! ፈተውቲ የሕዋት! እስከ.... በጃኹም.... በቲ ሎሚ ዝተዋሃበኩም ፍሉይ ጥበብ ተጠቂምኩም ኣእምሮኹም ከፊትኩም ነታ መንገሲትና ረኣዩዋ!” ብማለት ትእዛዝ ሃበ’ሞ ነቲ ኣብ መንደቕ ዘሎ ሰፊሕን ዘመናውን ንጹር ስክሪን ወልዖ።

ኣብታ ቅጽበት እቲኣ፣ እታ ኣብ ናይ ኩሎም ኣእምሮ ክትንጸባረቕ ዝተገብረት ምድሪ፣ ገነት ኩልዕ ኢላ ተራእየቶም። ብኣንጸባራቒ ከቢብ ብርሃን ደሚቕላ። መንም ብሰብኣዊ ኣእምሮ ሓሲብዎን ስኢልዎን ርኢዎን ሓሊምዎን ዘይፈልጥ ሓዳስ ዓለም!

ንሶም ኣብ ኣእምሮኦም ዝረኣይዎ ሪኦም ኣለዉ። ዝርእይዎ ዝነበሩ ነገር ግን ኣብቲ ስክሪን ከምዘለዎ ኮይኑ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ህዋ ናይቲ ኣዳራሽ ተንሳፊፉ ኣብ ዝቕመጥን ዝርአን፣ ሳምፕል ተባሂሉ ክጽዋዕ ብዝከኣለሉ መልክዑ ተዳልዩ ቀሪቡ ብግልጺ ይርኢ። ንኣብነት መንም ሰብ ኣብ ህዋ ቴሌቪዥን ክርእ ኸሎ እንተረኣየ ኣይገርሞን ይኸውን። ኣብ ከምኡ ዓይነት ቴክኖሎጂ ስለዝተበጽሐ። ነገር ግን ኣብ ህዋ ተንሳፊፉ ዝተርፍ ወይ ዝቐውም ሓደ ንእሽቶይ ከተማን ሩባን፣ ቀላይን ወሓዝን፣ ገረብ፣ ኣትክልቲ፣ ሳዕሪ.... ወዘተ... ተራእዩ ኣይፈልጥን። ስዕሊ እንተዘይኮይኑ። ሕጂ ኣብ ማእከል እቲ ኣዳራሽ ኣብ ልዕሊ ህዋ ብጋህዲ ትረአ ዘላ ነገር ግን ነቲ ዝተባሃልዎ ነገራት ኩሉ ዘማልኣትን ብኣዝዩ ጽሩይ ቀላይ ዝተኸበት፣ ፍጹም ማራኺትን ልምልምትን፣ ድምጺ ናይቲ ማያት ከይተረፈ ዝስምዓላ ዘሎ ከተማ እያ። ምስ ካልእ ግሩም ከተማ ኣወዳዲሮም ክገልጽዋ ትኽብድ ውቅብትን ንእሽተይን ከባብ ዓለም እያ። እቲ ሳምፕል ዝዓረፈሉ ቦታ ብግምት 25 ካሬ ሜትር ይኸውን። ንዕኣም ኣብ ኣእምሮኣም ክርእይዎ ዝተገበረ’ውን ንሱ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

የሚንቶም ምስዓመቱ ኩሎም ተደነቑ፣ ኣራእሶም እንዳነቕነቑ ብኣድናቕት ተመሊኦም ተራእዩ። ብቕጽበት ገነት ካብ ኣእምሮኣም ተሰሊባ ጠፍኣት’ሞ፣ ባዕሎም ዘብርህዎ ውሽጦም ብዘይ ፍቓዶም ጠፊኡ ናብ ሰብኣዊ መንነቶም ደምበርበር እንዳበሉ ተመለሱ። እቲ ሳምፕል’ውን ኣብ ግዚኡ ናብቲ ባይታ ትሕት ኢሉ ጠረጴዛ ኮነ መንበር ከይዓገቶ፣ ከምኡ’ውን ዝኾነ ጨርማሕማሕ ከየስምዐ፣ ነቲ ምቹእ መንጸፍ ኣዳራሽ ሓሊፉ ናብ ውሽጢ ምድሪ ጠሓለ፣ ወይ’ውን ተሰለበ። መራሒ ኣሜሪካ’ውን፣ “ድንቂ’ዩ ኣሕዋት! ድንቂ ሓዳስ ዓለም!” ምስ በለ፣ ኣእምሮ ተኣከብቲ ካብ ናይ ኣድናቕት ዓለም ከይወጸ ዘረብኡ ቀጸለ። “እዛ ዝረኣኹማ ናይ መጻኢ ዓለምና ናይቲ ዓቢ ገዛኢናን ናይቲ ጌና ካብ ሕጂ ንዓና ምሿምን ምሽላምን ጀሚሩ ዘሎ ጎይታና፣ ከተማ ንግስንኡ እያ። ንኹሉ ዓለም ንዓና ገዲፉ፣ ኣም ህይወት ንዓና ኣጎናጺፉ፣ ንሱ ኣብኣ ከዕርፍ እዩ። እዛ ዓዲ እዚኣ ናይቲ ዓቢ ዝኾነ ሩባ ግዮን

ምንጪ እያ። ብናይ ሎሚ ኣጸዋውዓ ኢትዮጵያ ትበሃል!” ምስበለ፣ ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ዝኾኖም ተበከልቲ ኣጋይሽ ብስንባደ What? ክብሉ ተሰምዑ።

“እወ ኢትዮጵያ እያ!” በለ ኣትርር ኣቢሉ።

“ናይ ሎሚ ጉባኤና’ውን ብቐንዱ ዘተኩር ብዛዕባ እዛ ኢትዮጵያ ዝተባሃለት ምስኪን መሳሊት ዓባይ ምድሪ ክኸውን እዩ። እዚ ከቢድ ሓቅን ሚስጥርን ብኣኹም ብዕምቆት ክፍለጥን ክዕቀብን ኣለዎ። በዚ መሰረት፣ ብፍላይ ነዞም ሎሚ ናብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ዕቤት ሹመት ዝተጸንበርኩም የሕዋት ካብ መጀመሪኡ ኣትሒዙ ክሳብ ግስጋሰኡን ናይ መጻኢ ውጥናቱን ናይ ምግላጽ ሓላፍነት ተዋሂቡኒ ስለዘሎ ብሓጺሩ ከብርሃልኩም እየ። ክብሪ ነቲ ዓቢ ጥበበኛን ናይ ናጽነት ሰውራዊናን ይኹን! ኣሜን!”

ካብቶም ዝተኣከቡ መራሕቲ 20 ሃገራት ገሊኦም ነቲ ናይ ሉሱፌል ተሸያሚ ዝኾነ መራሒ ኣሜሪካ ወሲኽካ፣ ናይ ጥልያን፣ ፈረንሳ፣ እንግሊዝ፣ ሩስያ፣ ጀርመን፣ ጃፓን፣ ካናዳ፣ ኣውስትራልያን ናይ ቻይናን መራሕቲ ቅድሚ ሒደት እዋን ጎሎም ኣየነይቲ ምድሪ ምኽና ይፈልጡ ነይሮም። ነገር ግን ናይ ኣርጀንቲና፣ ብራዚል፣ ህንዲ፣ ኢንዶኒዥያ፣ ሪፕብሊክ ኦፍ ኮርያ፣ ሜክሲኮ፣ ስዑዲ ዓረብያ፣ ናይ ቱርክን ደቡብ ኣፍሪቃን መራሕቲ ፈጺሙ ዝኾነ ኣፋፍኖት ስለዘይነበሮም “ኢትዮጵያ” ዝብል ስም ምስ ሰምዑ ብልዑል ምግራም፣ “እዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን?” ብማለት ንሓድሕዶም እንዳተጠማመቱ ብሕሹኽታ ተሓታተቱ።

እቲ ሰብ ዝመስልን፣ ስጋ ሰብ ለቢሱ ካብ ፒራሚድ ዝወጸን ጸሊም መራሒ’ውን፣ /ኣብ ዝስዕብ ገጻት ብንጹር ክትንተን’ዩ/ ገለጽኡ ቀጸለ። “ዘይተጸበኹሞ ነገር ከምዝኾነኩም ይርድኣና’ዩ። ንሕና’ውን ሓደ እዋን ተመሳሳሊ ስምዒት ኣሕዲርና ስለዝነበርና ከምኡ ተገሪምና ኔርና። ዝኾነ ኮይኑ እቲ ታሪኽ ከምዚ እዩ” ብዝብል መበገሲ ጀሚሩ ብሓጺሩ ክትንትነሎም ጀመረ።

“ነቲ ዝበሃለኩም መታን ክትሰምዑን ከተስተውዕሉን ሰሚዕኹም’ውን መታን ክትርድእዎ ውሽጥኹምን ደገኹምን ኣብርሁ። ንሱ ምስኮነ ልዑልና ናይ ምርዳእ ጥበብ ክህበና’ዩ። ምኽንያቱ በቲ ዘይረብሕን ድሑርን ዝኾነ ሰብኣዊ ኣይኪውና (IQ) ክንርድኦን ክንስእሎን ዝኽብደና ነገር ክህሉ ስለዝኽእል” ምስበለ፣ ዕዱማት ብልዑል ሕንጡይነት ውሽጦምን ደጊኦምን ኣብሪሆም ክሰምዑ ጀመሩ። ተደጋጊሙ ከምዝስትውዓል እዚ ውሽጥን ደገን ምብራህ ዝብልዎ ነገር ኣቕርንትኹም ኣውጽኡ ምልክትኩም’ውን ኣብ ግምባርኩም ከምዝርኣ ግበሩ ዝብል ትእዛዝ ክኸውን ከሎ፣ የሚንቶም ንቑሩብ ካልኢታት ዓሚቶም ቋሕ ብምባል

ዘብርህዎን፣ ከጥፍእዎ ክደልዩ ከለዉ'ውን ብተመሳሳሊ የሚንቶም ዓሚቶም ብምግላጽ ከጥፍእዎ ዝኽእሉ ነገር እዩ። ስለዚ ከምቲ ዝተባሃልዎ ገበሩ።

መራሒ ኣሜሪካ ነቲ ኣብ ስክሪን ዝርኢ ተንቀሳቓሲ ምስሊ እንዳጠቆመን ንየው ነጀው እንዳበለን ትንተንኡ ቀጸለ፣

"እታ ናይ ቀደም ኢትዮጵያ ናይ ሰብ ፍጥረት መንበሪት ጥራይ ኣይነበረትን። ናይ ካልኦት ቀዳሞትን ስልጡናትን ፍጡራን መንበሪ ምድሪ'ውን ነይራ። እዞም ቅድሚ ሰብ ዝነበሩ ስልጡናትን ሓያላትን ፍጡራን ኣብ ሰማይ ናይ ገዛእ ርእሶም ስፍራ ዝነበሮም እኳ እንተኾኑ፣ ወድሰብ ኣብ ምድሪ ምንባር ካብ ዝጀመረሉ ጊዜ ኣትሒዞም ከም ካልኣይቲ መንበሪኦም ጌሮማ ነይሮም። ኣብ ምድርና ነቶም ፍጡራን መንበሪ መታን ክትኮኖም ዝተፈቕደትን ምችእትን ዝኾነት እንኮ ሃገር ኢትዮጵያ ነበረት። ኣየራ'ውን ንዕኦም ዝሰማማዕ ነበረ። ኣብቲ ዘመን ናብ ካልእ ምድሪ ከይዶም መታን ምንባር ከይኽእሉ ዘተንፍስዎ ጽሩይ ኣየር ኣይነበረን። እቲ ኣየር ነይሩ፣ ግን ከቢድን ንዕኦም ምቹእ ዘይኮነን ዓይነት ነበረ።

"እዞም ፍጡራን ናይ ኣተሓሳስባኦምን ናይ ጥበብን ኣድማሶም ካባና ካብ ደቅሰባት ብ5 ሽሕ ዕጽፊ ዝዛይድ እዩ። ኣብ ኣየር ከንፍሮም ዝኽእል ረቂቕ ክንፊ'ውን ይውንኑ ነበሩ። እዚ ረቂቕ ስልጣነኦም'ውን ኩሉ ናይ ምግባር ሓይሊ ኣልቢስዎም ነይሩ። ወተሃደራት ናይቲ መጻርርትና ዝኾነ ላዕለዋይ ኣካል'ውን ነበሩ። መልክዖምን ቅርጾምን ኣብዚ ስክሪን ካብ ምንቅስቓሳቶም ከምትርእይዎ ብኣና ዘይተለመደን ዘይንፈልጦን ዓይነት እዩ። ፍርቆም ንኣሽቱ፣ ገሊኦም ገዘፍቲ፣ ዝተረፉ ከኣ ብቅርጺ ኣሞራን ተሰሓቢ እንስሳን ተመሲሎም ዝተፈጠሩ እዮም። ኣዝዮም ምልኩዓት'ውን ኣለዉ። ኣብቲ ጥንቲ ዘመን ማለት ሰብ ኣብ ዝተፈጠረሉ ቅንያት ንሶም ኢዮም ሓለውቲ ናይዛ ፕላኔት ዝነበሩ። ዝሕልውዎ ነገር እኳ እንተዘይነበረ ካብ ላዕለዋይ ስፍርኦም ናብዛ ምድሪ እንዳመጹ ኣብቲ ምቹእ ኣየር ይፍስሁ ነበሩ። ግን ንቑሩብ ዓመታት ጥራይ። "እቲ ልዑልና ብተኣማንነት ዘገልግሎ ዝነበረ ኣካል፣ ኣብ ልዕሊኦም ሙሉእ ስልጣን ሂብዎ ስለዝነበረ ናይ ልዑልና ተኣዘዝቲ ነበሩ። ምኽንያቱ ናይ ወድሰብ ተፈጥሮኣዊ ፍትሒ ቅድሚ ምዝባዑ ልዑልና ናቶም ኣካል ስለዝነበረ እዩ። እቶም ረቀቕቲ ፍጡራን ኔፊሊም ይበሃሉ።

"ብድሕሪኡ ቅድሚ 7500 ዓመት እቲ ዋና ኣካል ናብዛ ምድሪ መጺኡ ካብ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ሓመድ ነቲ ናይ መጀመርያ ሰብ ዓየየ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል ነቶም ሰባት ዝተበሃልና ወይ ዝተበሃለ ፍጡር ካብ ማይ ግዮን /ካብ ኢትዮጵያ/፣ ካብ ነፋስ ኣዜብ /ካብ ኢትዮጵያ/፣ ካብ ናይ ኮሬብ እሳተ ጎመራ /ምብራቕ ኢትዮጵያ/፣ ከምኡ'ውን ካብ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ዝበሰለ ሓመድ ኣጣሚሩ ብምውህሃድ ሰብ ሰርሐ። ነቲ ሰብ ድማ ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ

ኦክስጅን ሃቦ'ሞ ህልውና ሃልይዎ ቆይሙ ምስጓም፣ ምትንፋስ፣ ድምጺ ምውጻእን ምዝራብን፣ ምንባርን ምዕባይን ጀመረ።

"እዚ ምስ ኮነ እቲ ናይ መጀመርያ ሰብ ናብ ዓዱ ከይዱ ከምዝነብር እዩ ተገይሩ። ዓዱ ከኣ፣ ሽሕ'ኳ እቲ ሓመድ ካብ ማእከላይ ምብራቕ እንተኾነ እተን ሰለስተ ትሕዝቶታት ናይ ኢትዮጵያ ስለዝኾና ዓዱ ኢትዮጵያ ነበረት። ገነት'ውን ኢትዮጵያ እያ።

"ኣብታ ልምዕቲ ገነት ወድሰብ ምንባር እኳ እንተጀመረ ናብርኡ ግና ሙሉእ ኣይነበረን። ብብዙሕ መልክዐ እገዳታት ዝበዝሑን፣ ናጽነት ኣልቦ ዝኾነ ናብራን ኮነ። ኣብቲ ሸዑ እዋን ኣብቲ ላዕለዋይ ፕላኔት ናይ ናጽነት ሕቶ ተላዕለ። ነዚ ሕቶ ዘልዓለ ልዑልና እዩ!

"ሰብ ብናጽነት ክነብር እንተዘይክኢሉ ስለምንታይ ተፈጥረ?" ክብል ወቕታውን ግቡእን ቅኑዕ ሕቶ ኣልዓለ። ስለዚ እዚ ሕቶ እንዳሰፍሐ ከይዱ፣ መበገሲ ናይ ዓቢ ባእሲ ኮነ።

"ኣብ ሰማይ'ውን ኣብዚ ጉዳይ ዘተኰረ ናይ ፈለማ ዓቢ ናይ መላእኽታት ጉባኤ ተኻየደ። ነቲ ሙሉእ ጉባኤ ብረቂቕ ናይ መራኸቢ ጥበቦም ዝከታተሉ ዝነበሩ ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ ዝነብሩን ንወድሰብ እንዳረኣዩ ዝድነቑ ዝነበሩን ኔፊሊማት ነቲ ሙሉእ ክትዕ ተኸታተልዎ። እቲ ጉባኤ ብዘይ ምርድዳእ ምስተበተነ'ውን ካብቶም ኔፊሊማት ፍርቆም "ጀኔራልና ቅኑዕ ኣሎ!" ብማለት ደገፍዎ። ፍርቆም ድማ ተቓወሙ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እቲ ዓቢይን ናይ ኩሎም ላዕለዋይ ኣዛዝን ዝነበረ ልዑልና ዓሚጹ ውዲት ኣበገሰ! ነቶም ኣብ ላዕልን ኣብ ታሕትን ዝነበሩ ሰዓብቲ ወተሃደራቱ ነቲ ሓቂ ኣረዲኡ ኣብ ጎኑ ኣሰለፎም። ነቲ ምስኡ ዝነበረ ጥበብ ተጠቂሙ'ውን ኣእምሮ ወድሰብ ክኽፈትን ገዛእ ርእሱ ፈሊጡ ብናጽነት ክነብርን ገበረ። ነዚ ዝገበረ ብናቱ ስልጣን ክኸውን ከሎ፣ ዕላምኡ'ውን ወድሰብ ብናጽነት ክነብር ኣለዎ ዝብል እዩ።

"ነታ ዝተኸልከለት ኦም ፍልጠት ብግልጺ ዓዲሙ ኣብልዮም። ካብታ ቅጽበት ጀሚሩ ሰብ ገዛእ ርእሱ ዝፈልጥ በሊሕ ሰብ ኮነ። እቲ ዋና ኣካል'ውን በቲ ናይ ቀደም ጀኔራሉ ዓመጽን ተግባርን ኣዝዩ ተበሳጨወ። ብዝገበሮ ነገር'ውን ሓዘነ። "ወድሰብ ከም ሓደ ካባና ኮነ" ክብል ተጣዒሱ ኣብ ልዕሊ ወድሰብ ናይ ዕድመ ገደብ ኣንበረ። ናብ ናይ ዱዳሌብ ሓመድነቱ ንኽምለስ'ውን ኣወጀ። ሰብ'ውን ካብ ገነት ወጺኡ ኣብቲ ኣጻምእ ዝኾነ ማእከላይ ምብራቕ ንኽነብር ተገብረ። ኣብቲ ግዜ ልዑልና ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ክሚገት ከሎ'ውን እቶም ነቲ ናቱ መትከል ዝድግፉ ዝነበሩ ኔፊሊማት'ውን ካልእ ዓመጽ ኣበገሱ። "ንወድሰብ ኣዝዩ ምልኩዕ ጌሩ

ብምፍጣሩ ኣድልዎ ገሩ'ሎ!" ካብ ዝብል ተበጊሶም ኣብ ልዕሊ ደቅሰባት ወሲባዊ ርክብ እንዳፈጸሙ እዮም ነይሮም ተጸብዮሞ።

"እዚ ክኸውን ከሎ'ውን ናትና ልዑል ላዕለዋይ ሹመቱን ክብሩን ከምዝተገፈፈ ተነኒርዎ ስለዝነበረ ቦትኡ ገዲፉ ናብ ምድሪ ብምምጻእ መንበሩ ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ ገይሩ፣ ናይ ወድሰብ ኣጸናናዕን ኣጆኻ በሃልን ኮይኑ ክቐጽል ዝኽእለሉ ኩነታት ከሰላስል ጸንሐ። እቲ ዋና ኣካል ከይጸንሐ "ነቲ ዝወደቐ ጀኔራል ትድግፉ ኣብኡ ትረፉ፣ ዘይትድግፉ ናብ ቦታኹም ተመለሱ" ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ብዙሓት ንልዑልና ደጊፎም ተረፉ፣ ሒደት ናብቲ ዋና ኣካል ናብ ናይ ቀደም ቦትኦም ተመለሱ። ሕጂ'ውን እቲ ላዕለዋይ ኣካል በቶም ንዕኡ ዘይደገፉን ዘይተመልሱን ተበሳጭዩ ንኔፊሊማት ኮነ ነቶም ካብ ሰብ ዘዳቐልዎም ውሉዶም ንናይ ገነት ክልል ገዲፎም ናብ ካልእ ኣንፈት ክኸዱ ከምዘለዎም ብርቱዕ መጠንቀቕታ ተዋህቦም። ገነት'ውን ኣብቲ ሸዑ እዋን ከም ዘይትርከብ ኮይና ተሓብኣት። ኣብ ውሽጢ ገነት ድማ እታ ካብ ሞት ናብ ህይወት እትመልስ ኦምን ፍረን ኣሎ። ከምዝበልክዎ እቲ ነታ ቦታ ኣብ ኢዱ ዝገበረ ሓይሊ ጥራይ ንወድሰብ ዘልኣለማዊ ህይወት ክህብ ይኽእል። ክደግሞ እየ፣ ነቲ ፍረ ብምብላዕ ኣይኮኑን ሰባት ናብ ህይወት ዝምለሱ። ወይ ነታ ኦም ወይ ቆጽላ ቀንጢቦም ብምሽታት ኣይኮነን ዘልኣለማዊ ዝኾኑ። ነገር ግን ላዕለዋይ ኢድ ናይታ ቦታ ምኽኑ ዘረጋገጸን በዓል ዓወት ዝኾነ ኣካልን ብመንፈሳዊ ጥበቡ "ይኹን" ብማለት ጥራይ ኣብ ውሽጢ ኩሉ ክትሰርጽ እንተኣዚዝዋ ኩሎም ህያዋን ይኾኑ። እዚ ስለዝኾነን እቲ ላዕለዋይ ኣካል ግና ኦም ህይወት ንወድሰብ ሕልሚ ጥራይ ኮይና ክትተርፍን፣ ሕያዋን ከይኮኑን፣ ስለዝደለየን ስለዝነፈጎምን፣ ነቶም ንሱ ዝነፈጎም ልዑልና መሊሱ ክህቦም ከምዘለዎ ብምእማኑ ነታ ቦታ ኣይለቅቕን በለ። ከምኡ ብምባሉ'ውን ናይ መጀመርያ ውግእ ተጀመረ። ኣብ ቦታ ናይ ልዑልና ዝተተክኡ ካልኦት ጀኔራላት ኣብ ልዕሊ'ቲ ናይ ናጽነት ሓርበኛናን ሓያል ሰውራዊናን ኩናት ኣሊሞም ተለዓልዎ። ንሱ'ውን ናብ ሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ኣዝሊቑ ነቲ ነጎድጓዳዊ ከቢድ ናይ በርቂ ኩናት ንምክልኻል ወተሓደራቱ ሒዙ ተሰለፈ። ናይ ተዋጋኣይ ሓይሊ ላዕለዋይ ኢድ ናታቶም ነበረ። ኣብ ርእስ'ዚ እውን እኹል ምድላዋት ኣብ ዘይገበረሉን ሃንደበታዊ ኣብ ዝኾነ ወቕትን ስለዝነበረ፣ ናይቲ ዝተጀመረ ውግእ ላዕለዋይ ኢድ ናብኦም ከዘዙ ጀመረ። ይኹን ደኣምበር ልዑልና ክንድ'ቲ ዝኽእሎ በርቲዑ ተፋለሞም። ኣብቲ ግዜ ውግእ ኔፊሊማት ንመዘከርታና ኢሎም ብዝረቐቐ ስልጣነኦም ዝሓነጽዎ ኩሉ ዓነወ። ብሓጺሩ ገነት ካብ ዝተኸበበትሉ ቀጽሪ ወጻኢ ዘሎ ቦታ ኩሉ ከም ዘይነበረ ኮነ። ሎሚ ኢትዮጵያውያን ኣክሱም እንዳበሉ ዝጽውዕዎ ሓወልቲ ኣብ ናይ ኔፊሊማት እዋን ዝቐመ እዩ። ዝተሰባበረ'ውን ኣብ ግዜ እቲ ኩናት እዩ። መዓስ ከምዝተሰርሐን ብኽመይ ከምዝቐመን ኣማታኢ ኮይኑ ዝጸንሐን፣ ከመይ ኢሉ ብናይ ወድሰብ ሓይልን ጉልበትን ክቐውም ከኣለ? እንዳተባሃለ ከገርም

ዝጸንሐን፣ ምግራም ጥራይ ዘይኮነ መልሲ ከይተረኽበሉ'ውን ክጸንሕ ዝኽኣለ፣ በዚ ምኽንያትን ወቕትን ዝቐመን ዝፈረሰን ስለዝኾነ እዩ። ክብደት ናይቲ መድፍዕ ብእኡ ክትርድኦ ትኽእል። ውሑዳት ተመሳሲሎም ብኢድ ሰብ ዝተሰርሑ ሓወልትታት ጥራይ ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን በቶም ተኽታተልቲ ነገስታቶም ዝተተኽሉን ዝፈረሱን እዮም። እቶም ዓበይቲ ግና ኣብቲ ውግእ ዓንዮም'ዮም። ኣብ ግዜ እቲ ኩናት ዝተቐተሉ ናይ ልዑልና ወተሃደራት'ውን ነበሩ። ክሳብ ሎሚ ኣዕጽምቶም ኣብኡ ዝርከብን ዝወጽእን በዚ ምኽንያት እዩ።

"ብድሕሪ እቲ ውግእ እቲ ዋና ኣካል ከምዚ ክብል ናብቲ ዘደስከሎ ጀኔራል መልእኽቲ ለኣኸ፣ "ነቲ ዝሃብኩኻ መሊሰ ከምዘይወስድ፣ ቃለይ'ውን ጽኑዕ ምኳኑ ትፈልጥ ኢኻ። ማዕርግካ ንናተይ ኣገልግሎት ኣይውዕልን እዩ ንዓኻ ኮይኑ ግን ክቐጽል እዩ። ነገር ግን እቲ ዝሃብኩኻ ስልጣን ሓደ ደረጃ ዝተርፎ ስልጣን እዩ። ነቲ ሓደ ደረጃ ድማ ኣብ ካልኣይ ዕድሜኻ ኣብ 7 መዓልትኻ /ማለት 7 ሸሕ ዓመት/ እትለብሶ ደኣምበር ሕጂ ትረኽቦ ኣይክኽውንን። ስለዚ ነቲ ውግእ ክትስዕር ኣይትኽእልን ኢኻ'ሞ ተመለስ!" በሎ። ልዑልና'ውን ነቲ ሓቂ ስለዝፈልጥ ነቲ ተሓባባሪኡን ሙሉእ ሓይሉ ዘዕረፈሉን፣ ንውግእ ጥራይ ዝሕግዞ፣ ዘመኑ ከይበጽሐ መንም ዝኾነ ነገር ክገብሮ ዘይክእል፣ ነቲ ዓቢ ገበሉ ኣብኡ ገዲፉ፣ ነቲ ውግእ ጠጠው ኣቢሉ፣ ስልታዊ ምዝላቕ ብምግባር ምስቶም ምእዛዝ ዝኣበዩ እልፊ ኣእላፍ ወተሃደራቱ ናብ ግብጺ፣ ካብኡ'ውን ናብ ማእከላይ ምብራቕ ብምምራሕ ንደቅሰባት ምሕጋዙ ቀጸለ። ኢትዮጵያ'ውን ባዶ ምድሪ ኮነት። እቶም ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ጀኔራላት ክለቀሎም ዝደልይዎ ናይ ገነት ዶብ ነበረ'ሞ ለቐቐሎም። ካብታ ዶብ'ቲኣ ምስወጸ'ውን መንፈሳዊ ሰራዊቱ ብሙሉኡም ኣኪቡ፣ ሓይሉ ሂቡ ሸመት እንዳሃበ ነናቶም ብጽሒት ስርሑምን መጠን ጥበቦምን እንዳመዘነ ኣካፊሉ ንደቅሰባት ክገዝኡ ሾሞም።

"ነቲ ሙሉእ ሓይሉ ዘዕረፈሉን ውግእ ክህሉ ኸሎ ዝዋግኣሉን፣ ሰራዊቱ ዝቆጻጸረሉን ዓቢ ገበሉ፣ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ኮነ ጀኔራላቱ ዋላ'ኳ ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ እንተረኽብዎ ናይ ግዜ ቀመሩን ቀመሮምን ከይኣኽለ ሓንቲ ክገብርዎ ስለዘይከኣሉ፣ ኣብኡ ተሪፉ ምስረኽብዎ ክኣስርዎ ደለዩ። ናይቲ ዘመን ፍጻመ ክሳብ ዝበጽሕን ሓይሉ ክሳብ ዝሕድስን ሓዲሱ'ውን ክሳብ ዝልቀቕ ተለቂቑ'ውን ናይ መወዳእታ ኩናቱ ገይሩ ከምዝፋለሞም ውጥናቱ ገለጸሎም። ክሳብ ሽዑ ናብቲ ክጸንሓሉ ዝደልዮ ቦታ ወሲዶም ዓጸውዎ። ብጀካ ሒደት መተንፈሲ ኩሉ ተዓጽይዎ ኣብ ብርቱዕ እሳተ ጎመራ ገዛእ ርእሱ እንዳኣዳለወ ይርከብ። ክወጽእ ከሎ ድማ ምስ ሙሉእ ሓይሉ እዩ። ነቲ ቦታ'ውን ንነብሱ መታን ክሓንጸሉን ከሐይለሉን ይደልዮ ስለዝነበረ ናብቲ ድሌቱ እዩ መሪሕዎ። ናይዚ ዓቢ ገበል ሓይልን ስልጣንን ብሙሉኡ ናይ ልዑልና እዩ። እዚ ዓቢ ገበልና ካብ መጀመርያ'ውን ንልዑልና ዝተወሃበ እዩ። ካብ ላዕለዋይ ስፍርኡ ምስ

መጸ'ውን ናቱ ነበረ። ኣብቲ ናይ መወዳእታ ውግእ'ውን ቀንዲ ሓጋዚ ልዑልና እዩ። ሓይሉ'ውን ንጀኔራላት ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ብሙሉኣም ክድምስስ ዝኽእል እዩ። ዝእዘዝ'ውን ብልዑልና እዩ። ብሓጺር ኣገላልጻ እቲ ገበል ቀንዲ ናይ ልዑልና ጀኔራል እዩ።

"ገነት ኣብታ ኢትዮጵያ ትበሃል ምድሪ ኣብ ውሽጢ ቀላይ ጣና ተሓቢኣ ትርከብ። ናትና ዓቢ ልዑል ድማ ካብ ገነት ብሸነኽ ምብራቕ ኣብ ዘሎን ኣብ ናይ ዓፋር ክልል ኣብ ዝርከብ ብናቶም ስያሜ ኤርታሌ ኣብ ዝበሃል ወሳንን ኣገዳስን ዝኾነ እሳተ ጎመራ ተቐቢሩ ገዛእ ርእሱ እንዳኣዳለወ ሓይሉ እንዳኣበራትዐን ባህ ኢልዎ ይርከብ። መንፈሱ ግና ኣብቶም ትሕቲኡ ዝኾኑ ሹማምንቱ ሰሪጹ ስለዘሎ፣ ብመንገዶም ኩሉ ስርሑ ካብ ምስራሕ ዓዲ ውሒሉ ኣይፈልጥን። ሙሉእ መንፈሱ'ውን ንልዑልና ምእዛዝ ኣየቋረጸን። ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ድማ ከምትምልከትዎ ዘለኹም ነዚ ዝመሰለ ዓወት ክጎናጸፍ እዩ! ንሞትን መውግኢኡን መንጢሉ ንኣም ህይወት ክጎናጸፍ'ዩ!" ኢሉ፣ ከም በርቂ ጨዲሩ ዘለለ።

እቲ መራሒ ኣሜሪካ ዓወት ከምዝተጎናጸፈ ብታሕጓስ ድሕሪ ምዝላል ተመሊሱ ጠጠው ኢሉ ቅድሚ ምቕጻሉ፣ ሃንደበት ንኹሎም ተኣከብቲ ሓዊስካ ተሰሚዑ ዘይፈልጥን ድምጺ 20 ሰባት ዘይኮነስ፣ ናይ ሚልዮናት ናይ ሕብረት ድምጺ ዝመስል ኣውያት ብምጭዳር ነቲ ኣዳራሽ ኣናወጽዎ። "ዋ.....ይይይይ..." ዝብል ከቢድን ተመሳሳልን ድምጺ እዩ ነይሩ ተሰሚዑ። ሽዑ ብቕጽበት ኩሎም በብዘለውዎ ክምብል ክምብል ኢሎም ወደቑ። ፕሬዚደንት ኣሜሪካ'ውን ኣብቲ ቆይሙ መግለጺ ዝህበሉ መድረኽ ከሎ ናብ ድሕሪት ዘፍ ኢሉ ፈረጠ፣ ወደቐ። እዚ ዝኾነ፣ ኣብ ኣእምሮኡም ብግልጺ ምስ ኣፈጻጽማኡን ኣሰምባድነቱን ክርእይዎ ዝተገበረ ነቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ፍጻሜ ክኸውን ከሎ፣ ካብ ስጋውን መንፈሳውን ኣእምሮ ንላዕሊ ዝኾነ ከቢድ ድምጺ በርቂ /መድፍዕ/ ዝመስል ምስ ሰምዑን ኣብ ልዕሊ ክልተ ዓበይቲ ተዋጋእቲ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል እቲ መድፍዕ ዓሊቡ ክብተኑን ምድሪ ብቕጽበት ከም መኻኺ ሓጺን ም...ኽኽ... ክትብል ከላን ስለዝረኣዩ እዩ። እዚ ናይ ኣእምሮኡም ትርኢት'ውን በቲ ናይ ዓንተዎ ዓይነት ሳምፕል ኢልና ክንጽውዖ ብእንኽእለሉ መልክዑ፣ ኣብ ማእከል ኣዳራሽን ትሕቲ ቦሎፎንን ልዕሊ ባይታን ኣብ ዘሎ ህዋ ተራእየ። ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኣንጸባራቒት ሉል ትመስል ከባብ ቅርጺ ቅጽበታዊ ዝኾነ ከቢድ ድምጺ ምፍንጃር ተሰምዐ'ሞ፣ ነታ ኣብ ህዋ ዘላ ሉል ናብ ሓርጭ ለወጣ። ዓይንኻ ክሃስየካ ዝኽእል ብርሃን ሓዊ ተራእዩ'ውን ነደደት። ዝኾነ ፍንጣር ግና ኣብቲ ኣዳራሽ ኣይተራእየን። እዚ ምስ ኮነ ኩሎም ነቕሑ'ሞ ካብ ዝወደቕዎ ብኣንክሮት ተዋሒጦም ተንስኡ። ሕጂ ገና ኣብ ውሽጢ ኩሎም ልዑል ፍርሒ ዝሓደረ ይመስል። ይኹን ደኣምበር ቀልጢፎም ናብ ናይ ሰብ ኣእምሮኡም ከምዝምለሱ ኮነ። ብድሕሪኡ ካብቲ ዝወደቕሉን ዝደንዘዙሉን ስምዒት ወጺኡም ናብቲ ኩሉ ግዜ ክስምዖም ዝተገብረ ፍሉይ ሓጎስ ዘይኮነስ ናይ ፍስሃ ስምዒት ኣትዮም ብባህታ ኣዕለቕለቕ። ኩሉ ነገር

በዒንቶም ሪኦም ስለዘረጋገጹ እምነቶም ከም ዓንዲ ጸንዐ፣ ስለዚ ኣመስገኑ። “ክብሪ ንዓኻ!” እንዳበሉ ብታሕጓስ ዘለሉ። መራሒ ኣሜሪካ’ውን ብልዑል ሓጎስን ፍሽኽታን ተዋሒጡ፣ “እዚ ንዓና ዝተዳለወ ዓወት’ዩ! ደጊመ እንቋዕ ሓጎሰና ይብል!” ምስበለ፣ ሕጂ’ውን ርሱን ጣቕዒት መለሱሉ።

“ናይታ ሓዳስ ዓለም ክቡራን ሹማምንቲ! ገዛእ ርእስና ነብርህ’ሞ ንቕጽል” ምስበለ፣ ኩሎም ውሽጦም ኣብርሁ’ሞ ክልተ ኣቕርንቶምን ምልክት ግንባሮም ዝኾነት 666ን ክርኢ ጀመረ፣ እቲ ጉባኤ’ውን ቀጸለ።

“ኣብታ ምስኪን ሃገር ናይ መንነትና ሚስጥር ኣሎ። ስለዚ ኣጥቢቕና ክንሕልዋ ይግባእ! ከምቲ ዝረኣኹሞ እቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ከቢድ ጥምጥም ዘለዎ እዩ። ዓወት ናትናን ናይ ልዑልናን ምኽኑ ፍሉጥ’ኻ እንተኾነ፣ ንሱ እቲ መወዳእታ ደኣምበር እቲ ገስጋስ ግን ጌና ኣየብቅዐን። ኣብቲ ግስጋስ ጌጋ ክሳብ ዘይተፈጸመ ጥራይ እዩ እቲ ዓወት ክውን ዝኸውን። ጌጋ ከምዘይፍጸም’ውን ፍሉጥ እዩ። ነገር ግን ክርድኣና ኣለዎ። ነፍስ ወከፍና ንዓሞ ዓቢ ዕዮ ገዛ ኣሎ። ኣብኡ ኢና ክንጥንቀቕ ዘለና። እቲ ዝረኣናዮ ዓወት ቅድሚ 7ሽሕ ዓመት እዩ መሰረት ተነቢሩሉ። ኣብ ዝሓለፉ 8ሽሕ ዓመታት ኩሉ ውጥናት ብዘይ ዝኾነ ጌጋተት ተተግቢሩ’ሎ። ስለዚ ኣብዘን ተሪፈን ዘለዋ ሒደት ዓመታት ከመይ ጌርና ኢና ስሕተት ይፍጸም ኢልና ንሓስብ? ኣይንሓስብን። ጥንቃቐ ግና መፈተኒና ስለዝኾነ ግድን እዩ። ውግእና ምስ ሃገርን ሕዝብን፣ ወይ ምስ መንግስትታት ዝገብርዎ ዓይነት ኣይኮነን። ምስ መንፈሳዊ ኣካላት ዝግበር ዓቢይን ዘሐጉስን ቅልስ እዩ። ስለዚ ፍሉይ ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና። እቲ ጥንቃቐ ዘድለየሉ ምኽንያት ንዓወት ኣይኮነን። እቲ ዓወት ትረፍ እንተበልዎ’ኻ ኣይተርፍን እዩ። ነገር ግን ንሕና ዝኾነ ስሕተት እንተፈጺምና ናይ ሹመትና ነገር ከብቅዕ እዩ። ኣብ ዕድልና ካልኦት ስለዝትክኡሉ እዩ ኣድላይነት ጥንቃቐ ደጋጊምና ንነግር። ነቲ ዓወት ኣስተዋጽኦ ዘበርከተ ግና ኣብታ ትመጽእ ዘላ ሓዳስ ዓለም ይሸየም፣ ምስ ዝፈትዎምን ዘፍቅሮምን ሰባት ንዘልኣለም ኣብ ዓሚቕ ሓጎስ ኣትዩ ክነብር’ዩ። እዚ እዩ። እዚ ዓብን ዓሚቕን ሸልማት እዩ! ቅድሚ ሕጂ ዕላምኡ ኣሚንኩም ክትፍርሙ ከሎኹም ነቲ ስነ ሓሳብ ጥራይ ደኣምበር ነቲ ጎልን ቦታን ኣይነገርናኩምን። ሎሚ ግን ልዑልና ክትፈልጥዎ ፈቐደ! ኣፈጻጽምኡ’ውን ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ኣብዚ ኣዳራሽ ክትፈልጥዎ ተፈቐደ። the new world order ኢልና ንጽውዖ፣ ነሉ እዚ እዩ! ንሕና’ውን ንልዑልና ብዝረቐቐ ኒውክሌራት ክንሕግዞ ኢና!” ሕጂ’ውን ዝረሰን ጣቕዒት።

“ንቕጽል። ወድሰብ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኣብ ዙርያኡን ብናጽነት እንዳሰፈረ፣ ብነጻ ኣተሓሳስባ ህይወቱ ክመርሕ ጸንሐ። ተኸተልቲ ልዑልና ዝኾኑ ኣማልኽቲ’ውን ወድሰብ ኣብ

ዝሰፈረሎም ከባቢታትን ዓድታትን እንዳኸዱ ነቶም ፈጣሪኦም ዝራሕርሖም መሳኪን ምጽንናዕ፣ ምስልጣንን ምሕጓሶምን ቀጸሉ። ካብ ናይ ዘመንና ዲሞክራሲ ዝበልጽ ዲሞክራሲ እዩ ሸው ነይሩ። በዚ ድማ እቲ ዋና ኣካል ናብ ካልእ ፍትሓውነት ዝጎደሎ ተግባር ኣምርሐ'ሞ ንሰብን ምድርን ብማይ ንኸጥፍእ ቆሪጹ ተንስኡ። ከምኡ ቅድሚ ምግባሩ ግና ነቲ ዓቢ ልዑልና መሊሱ ኣብ ትሕቲኡ ንምግባር ብዙሕ ጽዒሩ ነይሩ፣ ግን ኣይሰለጦን። ወድሰብ ገዛእ ርእሱ ስለዝፈለጠ ክግዝኣሉ ኣይከኣለን። ስለዚ ከጥፍኦም ቆረጸ። ንልዑልና ናብ ትሕቲኡ ንምእታው ካብ ዝተጠቐመሉ መንገዲ ሓደ፣ ነቲ ሄኖክ ዝተበሃለ ካብ ወገን ልዑልና ዘይነበረ ሰብ መልእኽተኛ ገይሩ ብምልኣኹ እዩ ነይሩ። እዚ ሄኖክ ዝተበሃለ ሰብ ብመንገዲ ጀኔራላት ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል /ቅዱሳን መላእኽቲ/ ተወሲዱ ንኹሉ መንፈሳዊ ኣሰራርሓ በጺሑ ንኽርኢ ዝተገብረ ናይ መጀመርያ ሰብ እዩ። ነቲ ወድሰብ ዘይረኣዮ ቦታ፣ ጥበብ፣ መጀመርታን መፈጸምታን ብግልጺ በጺሕዎ'ሎ። ድሕሪ ዑደቱ'ውን ናብ ናይ ልዑልና ወተሃደራት መጺኡ ከተዓርቕ ብዙሕ ፈቲኑ'ዩ። ሰራዊት ልዑልና ግና "ይትረፍዶ ብናይ ሰብ ፍጡር ብሽምግልና ናይቶም ዝመስሉና መላእኽቲ'ኳ መትከልና ኣይንቕይርን!" ብማለት ኣብ ጎኒ ኣሸናፊ ልዑልና ቆይሞም'ዮም ተሪፎም። እዚ ሄኖክ ዝተበሃለ ሰብ ነቲ ዝረኣዮን ዝተዓዘቦን ከምኡ'ውን ዝዳህሰሶ፣ ናይ ልዑልና ናብ ምድሪ ኣመጻጽኣን ሚስጥርን፣ ካብ ታሪኽ ናይቲ ባእሲ ጀሚሩ ክሳብ እቲ ንመጻኢ ዝፍጸም ፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ገነትን ብዛዕባ ኩሉ ውሽጥን ውሻጠን ተንቲኑ ንኽረድእ መታን ክሕግዞ፣ ኩሉ ኣብ ዘመኑ ጸሓፎ። ነቲ መጽሓፈ ሄኖክ /the book of enoch/ ዝተሰመየ ብዛዕባ መንፈሳዊ ጥበብን ኩላ ምድርን፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ክፍጸም ዘለዎን ክይተረፈ፣ ናይ ዩኒቨርስ ሓፈሻዊ ኣቃውማ ብባህላዊ መንገዲ ብዝተረድኦን ብዝበርሃሉን መጠን ኣጸቢቑ ጽሒፍዎ ኣሎ። ወተሃደራት ልዑልና ዝመለሱሉ ናይ እምቢተኛነት መልሲ'ውን ብግልጺ ኣስፊርዎ'ሎ። እዚ መጽሓፍ ድማ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ይርከብ ስለዝነበረ ድሕሪ ነዊሕ ሽሕ ዓመታት ኣብ ኢድና ከነእትዎ ክኢልና ኣለና። ነታ ሓዳስ ዓለም ንምምስራት ኣብ ንገብሮ ጻዕሪ'ውን ዓቢ ሓገዝ ገይሩልና'ሎ። እቲ ቀንዲ ስራሕ ዝነበረ፣ ነዚ ናይ መጀመርያ መጽሓፍ ወድሰብ፣ ኢትዮጵያውያንን ካልኦት ኣካልና ዘይኮኑ ናይቲ ተቐናቓኒና ኣካል ደገፍቲ ዝኾኑ ሃይማኖተኛታትን ከምዘይርድእዎ ምግባርን ኣብ ኢዶም ንኸይኣቱ ምጥንቃቕን ነበረ። ነቲ ከቢድ ስራሕ'ውን ቀዳሞት ኣባላትና ኣቕዲሞም ዓሚሞሞ'ለዉ። ልዑልና'ውን ካብ ኢድ ደቁን ካብቶም ደቁ ክኾኑ ዝፈቐዱን ወጻኢ ኣብ ኢድ መንም ንኸይኣቱ ተጠንቂቑ ክሕልዎ ዝጸንሐ መጽሓፍ ኢዩ። ኣብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብልዎ'ውን ከይካተትን ተቐሪጹ ክወጽእን ጌርና'ለና። ሙሉእ ብሙሉእ ከነጥፍኦ'ኳ እንተዘይከኣልና ካልኦት ከምዘይርድእዎን ክዳናገሩሉን፣ ተደናጊሮም'ውን ከምዝንዕቕዎ ጌርና'ለና። ኣባላትና ጥራይ በቲ ቅኑዕ መንገዲ ከምዝርድእዎ ጌርና ብምድላው'ውን ሒዝናዮ

ኣለና። እቲ ኣብ ኢድ ካልኦት ብናጻ ክኣቱ ዝተገብረን ከም ተራ መጽሓፍ ብቐሊሉ ከርከብ ዝኽኣለን፣ እቲ ፍረ ነገሩ ተቐሪፉ ዝተኣለየ ተራን ዋላሓንቲ ክነግር ዘይኽእልን እዩ።

“እዚ ሄኖክ ዝተበሃለ ሰብ ንማቱሳላ ይወልድ’ሞ ማቱሳላ ድማ ንኖህ ይወልድ። ስለዚ ኣብቲ ዘመን፣ እዞም ትውልዲ ሄኖክ ጥራይ ነቲ ዲክታተር ዝኾነ ላዕለዋይ ኣካል ክመርጹ ኽለዉ ዝተረፈ ኩሉ ወድሰብ ግና ኣብ ትሕቲ እምነት ልዑልና ነይሩ። ስለዝኾነ ከኣ ወድሰብ ብ ኢፍትሓውነት በቲ ናይ ማይ ጥፍኣት /ማይ ኣይሂ/ እንዳተባሃለ ዝጽዋዕን ዝዝከርን ታሪኻዊ መቐጻዕቲ ተቐጺዑ ጠፍኡ። ኖህ ግና ምስ ቤተሰቡን ምስ እንስሳታት ምድርን ክድሕን ተገብረ። እዚ ቅድሚ ምኽኑ’ውን እቲ ሄኖክ ዝተባሃለ ሰብ በቲ ላዕለዋይ ኣካል ተነጢቑ ስለዝተወስደ ሞት ዘይረኣየ ናይ መጀመርያ ሰብ ክኸውን ከኣለ። ኣብ ግዜ ጥፍኣት ማይ’ውን ልዑልና፣ ወተሃደራቱን ነቶም ምስ ሰብ ዝተዳቐሉ ኔፊሊማትን፣ ነቲ መመክሒኡ ዝኾነ ሓዊ ኣልቢሱ ኣሕለፎም። ነቶም እልፊ ኣእላፍ ሰራዊቱ’ውን ኣኪቡ ኣብ ከብዲ ምድሪ ናብ ዘሎ መዓሙቕ እሳተ ጎመራ የእትዩ ሓብኦም። ብድሕር’ዚ ከኣ ሓድሽ ምዕራፍ ደቅሰባት ተኸፈተ። ሕጂ’ውን ግና ልዑልና፣ ንኹሎም ደቅሰባት ኣብ ትሕቲኡ ንምግባር ግዜ ኣይወሰደሉን። ነቶም ድሕሪ ኖህ ዝተባዝሑ ኩሎም ደቅሰባት ኣብ ትሕቲኡ ገይሩ ናይ ናጽነት ህይወት መሊሱ ሃቦም። ካብቲ ዘመን’ቲ ጀሚሩ’ውን ክሳብ እዚ ዘመን ኣባላቱ እንዳመልመለ ንብዙሕ ሽሕ ዓመታት ጸንሐ። ስለዚ ሕጂ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ክስዕር ተዳለወ።

“እቲ ነዛ ዓለም ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺኡያ ዝበኦ ኣካል፣ መሊሱ ድማ ካብ ምንባር ናብ ዘይምንባር ከምዝወስዳ ብግልጺ ተኣዊጁን ተጻሒፉን ይርከብ። ስለዚ ናትና ዋና ዕላማ ነዛ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ዝመጸት ከምኡ’ውን ካብ ምንባር ናብ ዘይምንባር ክትውሰድ ተዳልያ ዘላ ምድሪ ካብ ምንባር ናብ ምንባር ምግታእ ይኸውን! ማለት እዩ። እዚ ድማ እቲ ናይ መወዳእታ ናይዛ ዩኒቨርስ መዛዘሚ እዩ! New world order!” ኢሉ ነታ ናይ መወዳእታ ቃል ጸቒጡ ብኽቢድ ድምጺ ጨደረ። ዓይኑ’ውን ዓሚቱ ከምብሓድሽ ገለጸ። እቶም ካልኦት’ውን ከምኡ ገበሩ።

“ሕቶታት ክቕበል ኢየ፣ ናይ ሕጂ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ጉባኤ’ውን ከተልዕልዎም ሓሲብኩሞ ዝነበርኩም ወሲኽካ ማለተይ ኢየ” ኢሉ፣ ካብቶም ዝተራኣይዎ 15 ዝኾኑ የእዳው ነቲ ዓይኑ ዘዕረፈሉ መሪጹ ዕድል ሃቦ።

****

“የቐንየለይ፣ ዕቤትን ክብርን ንልዑልና!” ክብል ዝጀመረ መራሒ ኢንዶኒዥያ እዩ። “የቐንየለይ፣ ዕቤትን ክብርን ንልዑልና! ...እ... ሕቶይ ኣብ ዙርያ’ቲ ጋሻ ዝኾነንን ኣቓልቦይ ዝሰሓቦን መጽሓፈ ሄኖክ ዘተኩር እዩ። ስለምንታይን ብኽመይን ኢዩ ካብቲ ቀንዲ መጽሓፍ ቅዱስ ክሕከኽ ዝትገብረ? ከምኡ ክግበር ዘድለየሉን ዝተኻእለሉን ብኽመይ ኢዩ? ከምዝተረድኣኒ መንፈሳዊ መጽሓፍ ኢዩ። ካብ ካልኦት መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ዝፈልዮ እንታይ ኢዩ? ስለምንታይ’ከ ማዕረ ኽንድኡ ትኩረት ተዋህቦ? ማዕረ ኽንድዚ ኣድላዩ እንተኾይኑ’ኽ ስለምንታይ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ኢድና ጥራይ ከምዝህሉ፣ ኣብ ኢድ ካልኦት ከምዘይርከብ ስለምንታይ ዘይተገበረ? ቀደም ከምኡ ክግበር ስለዘይተኻእለ እንተኾይኑ’ኽ ሕጂ ስለምንታይ ከምኡ ዘይንገብር? ዝብል ክኸውን ከሎ፣ ካልእ ምስ’ዚ ዝተሓሓዘ ሕቶይ እቲ መጽሓፍ ስለምንታይን ብኽመይን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ተረኽበ? ሄኖክ ዝጸሓፈሉ ቋንቋን ፊደልን’ከ እንታይ እዩ? ስለምንታይ’ከ እቲ ኦሪጅናል መጽሓፍ ሕጂ ንዓና ተዋሂቡና ዘይነጽንየ? ነቲ መጽሓፍ’ከ ብኽመይን መዓስን’ዩ ክርከብ ዝተኻእለ? ዝብል ኢዩ። ከምኡ’ውን መጽሓፈ ሄኖክ እንተድኣ ኣብኡም ተረኺቡ ኮይኑ፣ ብዙሓት’ኳ እንተዘይኮኑ ሒደት ናይታ ዓዲ ሊቃውንቲ ብዛዕባ’ቲ ነገር ብመጠኑ’ውን እንተኾነ ኣፍልጦ ይህልዎም ኢለ ይግምት እሞ እንዳፈለጡ ስለምንታይ ሱቕ በሉ.....? ማለተይሲ፣ ብዛዕባ’ዚ መጽሓፍ ብልክዕ እቶም ኢትዮጵያውያን እንታይ እዩ ዝስምዖም? ኣብቲ መጽሓፍ ዘለዎም ኣጠማምታ’ኽ እንታይ ይመስል? ካልእ ኦሪጅናል ቅዳሕ ኣብ ኢዶም ከምዘየለ እንታይ መረጋገጺ ኣሎ? ነዚ ክብል ዝተገደድኩ ናይዛ ፕላኔት ናይ መጀመርያ ጽሑፍ ምኳኑ ስለዝተገለጸልና ኢየ። የቐንየለይ፣ ዘልኣለማዊ ዓወት ንልዑልና!” ስዒቡ ዝተዋህበ ዕድል ንመራሒ ጃፓን እዩ።

“የቐንየለይ ክብሪ ነቲ ኣሸናፊ ኣብዮታዊ መራሒና! ናተይ ሕቶ ኣብ ዙርያ ሕዝቢ ኢትዮጵያ እዩ። ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ፣ ምድራዊ ገነት ኣብ ዓዶም ከምዘላ እኳ ኣይፍለጡ ግና ዝጥርጥሩ ይመስለኒ። ምናልባት ዝፈልጡ እንተኾይኖምን ኣነ ብዛዕባዚ ከይፈለጥኩ ተሪፈ እንተኾይነን ክንገረኒ ይደሊ። ከምኡ’ውን ካብ ናይ ዓዶም መራሕትን ፈጠርቲ ጽልዋ ካብ ዝበሃሉ ዜጋታታን ብዛዕባ እታ ሓዳስ ዓለም ዝተረድኣ ኣባል ኣለና ድዩ? ፈጠርቲ ተጽዕኖ ዝኾኑ ዜጋታታኽ መሰናኽል መታን ከይኮኑና እንታይ ጻዕሪ ክካየድ ጸኒሑ’ሎ? ዝብል’ዩ። የቐንየለይ፣ ክብሪ ነቲ ናይ ናጽነት ኣብዮታዊ መራሒና!” ብምቕጻል ንሪፐብሊክ ኦፍ ኮሪያ ዕድል ተዋህበ።

“የቐንየለይ፣ ክብሪ ንሉሱፈል! ነታ ሃገር ንምጽዋድ ዝግበር ምንቅስቓስን ጻዕርን ክንድምታይ ስርሑ ተጻፊፉ’ሎ? ብፐርሰንት እንተዝግለጸልና፣ ኩነታት ኣጸዋውድኡ’ኽ

ብኽመይ መልክዑ ክትግበር ጸኒሑ? ነቲ ፍጻመ'ኽ ብኽመይ ኢና ክንዳሎ ዘለና ዝብል'ዩ የቕንየለይ" ስሚቡ ንስዑዲ ዓረብ ተዋህበ።

"የቕንየለይ፣ ክብሪ ነቲ ናትና ዓቢ ይኹን። ናብ ሕቶይ ክሓልፍ ከለኹ፣ ነቲ ውግእ ልዑልና ከም ዝዕወተሉ ንፈልጥ ኢና። ስለዚ ንሕና ብኡኡ ተኣሚንና ምንባር ዝኣኽለና ኣይኮነን ድዩ? ኣባላትና እንዳብዛሕና ማለተይ ኢየ የቕንየለይ" ምስበለ፣ እቲ ኣዳራሽ ብሰሓቕ ደመቐ። ንጉስ ስዑዲ'ውን ካብ ምምታእ ሓሊፉ ሕፍረት ተሰምዖ። እቲ ኣካቢ መራሒ ኣሜሪካ ግን ኣይሰሓቑን፣ ቀልጢፉ ንመራሒ ህንዲ ዕድል ሃቦ።

"የቕንየለይ፣ ክብሪ ንልዑልና! እምበኣር ከምዝፍለጥ ናብዚ ዝተቐደሰ ሕብረት ክንጽዋዕ ከለና ብኽምዚ መልክዑ ኣይነበረን። ብሓፈሻ ነታ ሓዳስ ዓለም ንምምስራት ብዝብል ኢና ተጋቢዝና። ቀስ ብቐስ ግና ኩሎም ነገራት ብግልጺ እንዳተነገርና ኣብዚ በጺሕና'ለና። ሎሚ ድማ ዘይተጸበናዮን ክድንጹ እዩ ኢልና ፈሪሕናዮ ዝነበርና ነገር ዘይከምቲ ዝሰጋእናዮ ነዚ ዓቢ ዕድል በቒዕና'ለና። ይኹን ድኣምበር ብዙሕ ንጹር ዘይኮኑ ነገራት ኣለዉ'ሞ ሕቶታት እንተበዝሑ ክገርመና ኣይግባእን ክብል ይደሊ። ነዚ ኢለ ናብ ሕቶይ ክኣቱ። እቲ ዘመን እንተድኣ በጺሑ ኮይኑ ስለምንታይ እቲ ልክዕ ግዜ ማለት ዕለቱ ወርሑን ዓመቱን ተነጊሩና ኩላትና ነቲ ዕለት ብትኽክል ፈሊጥና..... ንምንታይ ኣጸቢቕና ዘይንዳሎ? ዝብል ሓደ ሕቶይ እዩ። ካልእ ካብቶም ኣባላት ተባሂሎም ዝምልመሉ ሓዲኡም ወይ ሓዴና ብክሕደት ነቲ ሚስጥር፣ ኣባላት ንዘይኮኑ ሰባት ወይ ጉጅለታት ከምዘየፍልጡ ወይ ከምዘይነፍልጥ እንታይ መተኣማመኒ ኣሎ? ዝብል እዩ። ናይ መወዳእታ ሕቶይ ድማ.... ናይ ቀደም ኣባላት ብህይወት ዘየለዉ ወይ ሞይቶም ዘለዉ ማለተይ እየ.... ስርሑም በብዘመኖም ሰሪሑም ሓሊፎም ኣለዉ። ድሕሪ ዓወት እዮም ምሳና ዝራኸቡ ማለት ድዩ? የቕንየለይ"

እቲ ጸሊም መራሒ ኣሜሪካ "ናይ ኩላትኩም ሕቶታት ተቐቢልና ጥቕልል ዝበለ መልሲ ምሃብ ዝሓይሸ ስለዝኾነ ቀጽሉ" በለ'ሞ፣ የሚንቱ ናብቶም መራሕቲ ሰንድዩ ዕድል ንመራሒ ብራዚል ሃበ።

"የቕንየለይ፣ ዘልኣለማዊ ክብሪ ንሉሱፈልን ንልዑልናን ይኹን! በዚ ነገር ብጣዕሚ ተደኒቕ'ለኹ። እታ ንእሽቶን ተሕዝንን ሃገር ናይዚ ዓቢ ሕብረት ጎል ክትከውን'ያ ኢለ ፈጺመ ጠርጢረ ኣይፈልጥን። ሕጂ'ውን ክሓትት'የ፣ እዚ ከመይ ክኸውን ከኣለ? ዝብል ቀንዲ ሕቶይ እዩ። ብዝተረፈ ጎልና እታ ተሕዝን ሃገር እንተኾይና እንታይከ ጥብቂ ምድላዋት ኣድለየና? ኒውክሌር የብሎም፣ ዝተመሃረ ሰብ የብሎም፣ ምዕቡል ኣጽዋር የብሎም፣ ካልእ ይትረፍ ዝምገብዎ መግቢኽ ኣበይ'ዶ ኣለዎም'ዩ? ከምዚ ስለዝኾነ ኣነ ክሳብ ዝርድኣኒ ብቐሊሉ ኣብ

ትሕቲ ቁጽጽርና ክንገብራ ስለንኽእል ናብ ካልኦት ወሰንቲ ወሰንቲ ነጥብታት እንተሓለፍና ዝሓሸ ኢዩ ይብል፣ የቕንየለይ”

እቲ ኣካቢ ክሳዱ ነቕኒቕ የማናይ ኢዱ ኣልዒሉ ነቲ ዝቕጽል ዕድል ንመራሒ ኣርጀንቲና ሃበ።

“ክብሪ ነቲ ዓቢ ልዑልና! ኣነ ብወገነይ ነዛ ኢትዮጵያ ትበሃል ሃገር ብሸም ደኣምበር ብኻልእ ብዋላሓደ ኣይፈልጣንየ። ብዑደት በጺሐያ’ዶ ይኸውን? ኣይዝክርን’የ። ብኡነት ከይወዓልኩ ከይሓደርኩ ቀልጢፈ ከምዝበጽሓ ንገዝእ ርእሰይ ቃል ይኣቱ! ስለዚ ኣነ’ውን ከምቶም ካልኦት ተገሪመ’ለኹ። ደስ’ውን ኢሉን’ሎ፣ ምኽንያቱ ዕዮ ገዛና እታ ሃገር እንተድኣ ኮይና ብርቱዕ መሰናኽል ኣይጽበየናን። ነገር ግን ኣብ ክንዲ ኢትዮጵያ ዝጥርጥሮ ዝነበርኩ ንእስራኤል ኢየ። ከምኡ ዝሓሰብኩ ብተደጋጋሚ ስማ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ስለዝተጠቐሰ ኢዩ። ሕቶይ’ውን እዚ ኣዩ። ኣብቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብልዎ፣ ስም እስራኤል ብተደጋጋሚ ዝተላዕለሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ? እስራኤልን ኢትዮጵያን’ከ እንታይ ኢዩ ዘራኽበን? እስራኤል’ከ ኣባል ናይዚ ሕብረት ዘይኮነት ስለምንታይ እዩ? ከ.... ከምኡ’ውን ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ብዛዕባ ሃይማኖታት ሓፈሻዊ ኩነታት እንተዝግለጸለይ ይብል፣ የቕንየለይ” ዝስዕብ ዕድል ንመራሒ ሜክሲኮ ዕድል ተዋህበ።

“ዘልኣለማዊ ሓያልነት ነቲ ዓቢ ሰውራዊና! ትፈልጡ’ዶ.... ከምዚ ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ ከለኹ ካብ መጀመርያ’ውን እንተኾነ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ኮነ ቁርዓን ኩሉ ክጠፍእ ነይርዎ ይብል። ብርግጽ ግን ስለምንታይ ከምኡ ምግባር ዘይተኻእለ? ነዚ ከም ሕቶ ዘይኮነ ከም ኣግራሞታዊ... ርእይቶ እየ ዘልዕሎ። ናብቲ ቀንዲ ሕቶይ ክሓልፍ፣ ልዑልና ተዓዋቲ ምኽኑ ግልጺ እዩ። ነታ ቅጽበት ዓወት ክንርኢ ብምግባሩ’ውን ዓቢ ኩርዓት ተሰሚዑን’ሎ። ነገር ግን መጽሓፍ ቅዱስ ኮነ ቁርዓን ወይ ካልእ ኣብ ኢድ ኩሉ ሕዝቢ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ እቲ መጽሓፍ ድማ ብዛዕባ መወዳእታ ዘመንን ሽዑ ዝህሉ ውግእን ብግልጺ ተጻሒፉ ይርከብ። በቶም ኣመንቲ’ውን ልዑልና ከምዝሰዓር ተገይሩ እዩ ዝሕሰብ። እሞ ነዞም ሰባት ናብዚ ዝተቐደሰ ሕብረት ምምጻእ ቁሩብ ከቢድ’ዶ ኣይከውንን? ነዚ ብዝምልከት እቲ ሜላ ክንገረና ይግባእ። ካልእ ይትረፍ ኣብዞም መጻሕፍቲ እቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ምስ በጽሐ ዝኸውን ነገራት ካብ ምግላጽ ሓሊፉ እዚ ዝኸበረ ኣርማና ከይተረፈ ተጠቒሱ’ሎ “ነቲ ቁጽሪ ሓዝዎ እቲ ቁጽሪ ቁጽሪ ሰብ ክኸውን ከሎ ንሱ ድማ ሽዱሽተ ሚእትን ሱሳን ሽዱሽተን ኢዩ” ይብል። እሞ ተመልመልቲ ነዚ ነገር ምስረኣዩ ምስቲ መጽሓፍ ኣመዛዚኖም ፈተንትን ተጻባእትን እንተኮኑና’ኸ? እንደገና እቲ መጽሓፍ ብመጽሓፍነት ካብ ምርካብ ሓሊፉ ጭራሽ ኣብ ዘመንና

ኣብ ናይ ነፍስ ወከፍ ናይ ኢድ ቴሌፎን ብቐሊሉ ክርከብ ጀሚሩ'ሎ። እዚ ስለምንታይ ኮነ? የቕንየለይ" ምስበለ፣ መጠነኛ ጉርምርምታ ሰዓበ። ብድሕሪኡ ንመራሒ ቱርኪ ዕድል ተዋህበ።

"ክብርን ሓያልነትን ንዘልኣለማዊ ጎይታና ይኹን! ብዙሕ ሕቶ የብለይን፣ ነገር ግን ካብ ክልተ ዝኾኑ የሕዋት ዝተለዓሉ ናብ ዝንግዐ ዘምርሑ ድምዳመታት ብዝተመልከተ ሒደት ክብል ይደሊ። ንኢትዮጵያ ኣቕሊልና ክንሪኣ የብልናን። ንኡሽተይ ኮኑ ዓቢ ክንጥንቀቕ ድኣምበር ክንንዕቕ ኣይግባእን። እኳ ደኣ እንተተኻኢሉ ነቲ ናይ መጀመርያ ዝኾነ ቋንቋኣም ክንፈልጦ ኣለና በሃሊ እየ። ሕቶይ'ውን እዚ እዩ፣ ነዚ ብዝምልከት እንታይ ክግበር ተሓሲቡ ኣሎ? ቋንቋኣም ምፍላጥ፣ ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ካልኦት ሚስጥራዊ ሰነዳት ከይተረፈ ንምምርማርን ሽቶና ንምቅላልን ይረድኣና ይብል። ስለዚ ስለምንታይ ናይቲ ቋንቋ ጥበብ ዘይግለጸልና? የቕንየለይ" ምስበለ፣ መራሒ እንግሊዝ በይኑ ብኣድናቕት ኣጣቕዐ፣ ካልኦት'ውን ስዒቦም ኣጣቕዑ። መራሒ ኣሜሪካ'ውን ኣብቲ መድረኽ ኮይኑ ብ ይኹን ዝዓይነቱ ስምዒት ክሳዱ ነቕኒቑ፣ ነቲ ዝስዕብ ዕድል ንመራሒ ኣውስትራልያ ሃበ።

"ዕቤት ንዘልዓለማዊ ብዓል ዓወትና! ሕቶይ ብዝሒ ሕዝቢ ዝምልከት ኢዩ። ነታ ሓዳስ መሐንሲት ዓለም ብናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድን ሓገዝን ክንምስርት ከለና ክንድምንታይ ዓቕም-ሰብ ኣብ ውሽጥና ክህሉ እዩ? ነቶም ኣባላት ንዘይምኽን ዝውስኑ'ኽ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ኢና ንወስደሎም? ነዚ ብዝምልከት ክበርሃለይ ይደሊ፣ የቕንየለይ" ቀጺሉ መራሒ ካናዳ ናይ ምሕታት ዕድል ተዋህቦ።

"የቕንየለይ፣ ክብሪ ነቲ ናትና ዕዉት! እምበኣር ንሕና ኣብታ ትመጽእ ሓዳስ ዓለም ናይ ልዑልና ተሸየምቲ ኢና። ስለዚ ካባና ብዙሕ ስራሕ ከምዝጽበ ንኣምን። ብኣና በቶም ተሸየምቲ ጥራይ ዘይተወሰነን ንኩሉ ዝሓቁፍ ምልመላ ይካየድ ከምዝነበረን ይካየድ ከም ዘሎን ንፈልጥ። እዞም ኣባላትና ብቕንዱ ካበየናይ ክፍሊ ሕብረተሰብን ሃገራትን እዮም ዝምልመሉ ዘለዉ? ነዚ ድማ ብደረጃ ዕድሚኡም፣ ፍልጠቶምን ስርሖምን ተተንቲኑ እንተዝንገረና ሰናይ ኢዩ ይብል። ካልእ ድማ፣ ምስ'ዞም ኣባላትና ንገብሮ ሚስጥራዊ ርክብ ብኽመይ ዓይነት መልክዑ'ዩ ዝፍጸም? ንያኡም'ከ ጎልና ተኒግርዎም ድዩ? ብልክዕ እቲ ዕላማ ተገሊጹሎም ድዩ? ናይ ተኣማንነት መስፈርቱ'ኽ እንታይ ይመስል? በዚ ሕጂ ዝተዋሃበናን ኣባላት ንምምልማል ንዝቐለለልና ነዚ ሹመትን ውህብቶን'ከ ኣብ ከመይ ዓይነት ሰባት ኢና ተግባራዊ ንገብሮ? ዝብል ሕቶ'ዩ ዘለኒ፣ የቕንየለይ" ስዒቡ መራሒ ቻይና ሕቶኡ ከቕርብ ተፈቕደሉ።

"የቕንየለይ፣ ዓወት ነቲ ሰውራዊ ሽዱሽተ ሚእትን ሱሳን ሽዱሽተና! ነታ ሓዳስ ዓለም ንምምስራት ዝተረፈ እንተሎ ዋላሓደ ዘይምትራፉ ኢዩ። ነዚ መርኣዩ ከኣ ናይ ሹመትና

ቀልጢፉ ምምጻእ ኢዩ። እቲ ዓቢ ጥበብ ስለዝተዋሃበና ድሕሪ ሕጂ ዝዓግተና ዕንቅፋት ኣይክህሉን ኢዩ። ከም ዕድል ኮይኑ፣ ንሕና ናብዚ ሕብረት ብወግዒ ቅድሚ ምጽንባርና ናይ ዕጹው ጉባኤ ዕዱማት ኢና'ሞ ሎሚ ጎልና ክትንገር ከላ ኣቐዲመ ይፈልጥ ስለዝነበርኩ ከም ካልኦት ኣሕዋት ካብ ምስንባድ ተሪፈ'ለኹ። ስለዚ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ደጋጊመ ዝተዛረብክዎ ኣነ ከምዝርድኦ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ናይ ፋይናንሳዊ ትካላት ምምስራትን ምስፍሕፋሕን እቲ ቀዳማይ ስራሕ ክኸውን እንዳተገብኦ ነገር ግን ዝተጀመረ ነገር ዘይምህላዉ የተሓሳስበኒ። እዚ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ኣብ ዙርያ'ታ ሃገር ናይ ጦር ካምፕታት ክቐሙ ኣለዎም ክብል ኢየ ጸኒሐ። ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ? እዚ ኣድላዩ ኣይኮነን ኢልና'ዶ ንሕሰብ? ነዚ ብዝምልከት ናይ ልዑልና ውጥን እንታይ እዩ? የቕንየለይ" መራሒ ፈረንሳ ድማ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ኣቕረበ።

"ዘልኣለማዊ ዓወት ነቲ ሓያል ሰውራዊና! ሕቶይ ናይ ሚድያ ማዕከናት ብዝምልከት እዩ። ኩሉ ግዜ'ኳ እንተዘይኮነ ሓሓሊፉ ብዛዕባ ናትና ምንቅስቓሳት ኣብ ዝተፈላለዩ ሚድያታትን መርበብ ሓበሬታታትን ይቕርብ። ብዛዕባ ኢልዩሚናቲ፣ ብዛዕባ እቲ ሓያል ሉሱፌል፣ ብዛዕባ ሰዓብቱን ዝኣመሰሉ ነገራትን። ብፍላይ ህቡባት ሙዚቀኛታትና ነዚ ጽንጽንታ ማዕጾ ዘርሓዉ ይመስለኒ። እዚ ኣካይዳ ድማ ኣባላት ንዘይኮኑ ሰባት ዝህቦም ኣፋፍኖት ኣሎ። እዞም ነገራት ብናትና ድሌት ወይስ ብዘይ ድሌትና ኢዮም ዝዝርግሑ ዘለዉ? ናይዞም ነገራት ብወግዒ ምውጽኦም'ከ ኣብ ልዕሊ ጎልና ከሕድሮ ዝኽእል ገለ ጽልዋ የለን? የቕንየለይ"

ሕጂ'ውም መራሒ ኣሜሪካ ንሕቶኡ ብኣኽብሮት ከምዝተቐበለሉ ብዘርኢ ኣጠማምታ ሪኡን ብምንቅስቓስ ሰብነቱ ብሕቶኡ ከምዝተሰማምዐ ኣረጋጊጹን፣ ነቲ ዝስዕብ ዕድል ንመራሒ ኢጣልያ ሃበ።

"ዘልኣለማዊ ክብሪ ነቲ ርእሱ ገሊጹ ስልጣን ዝሃበና ሉሱፌልን ልዑልናን! ሕቶይ ንኢትዮጵያን ሕዝባን ዝምልከት እዩ። እቲ ሕዝቢ ንሕና ከም ንሓስቦ ደንቆሮ ጥራይ ኣይኮነን። ገለገለ ጥንቁቓት ከምዘለዉ ሓበሬታ ይበጽሓና'ዩ። ጥራይ ኣነ ከምዝረኣየኒ ከምቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝረአን ክርኢ ከምዝጸንሐን፣ ኩናት ሓድሕድ እንተዝለዓል ሰናይ ምኺኑ ይሓስብ። ከምኡ ግን ኣይኮነን። ስለምንታይ ከምኡ ዘይንገብር? እታ ዓዲ ሰላም እንተስኢናን እቲ ሕዝቢ እንተተመቓቒሉን ኩላ እታ ሃገር ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ትሕቲ ኢድና ከምትኣቱ ጥርጣረ ዝበሃል የብለይን። ነዚ ስራሕ ስለምንታይ ኢና ዘይንትግብሮ? ግዚኡ በጺሑን፣ ኣብቂዑን ኣሎ። የቕንየለይ" ስዒባ ትሓትት ናይ ጀርመን ነይራ።

“የቐንየለይ፣ ክብሪ ነቲ ዕዉትና! ሕቶይ ንቋንቋ ብዝምከት እዩ። ኣመሰራርታ ናይታ ሓዳስ ዓለም ከምዘለዎ ኮይኑ፣ ቀንዲ ቋንቋና ኣየናይ ቋንቋ እዩ ክኸውን ተወጢኑ ዘሎ? እታ ሓዳስ ዓለም፣ ሓደ ሕዝቢ፣ ሓደ ዘልኣለማዊ ገዛኢ፣ ኩሉ ነገራታ ሓደ እንተኾይና ሓደ ቋንቋ’ውን ግድን ስለዝኾነ ነቲ ቋንቋ’ቲ ብዝምልከት ካብ ሕጂ እንተዝንገረና’ሞ ተዳሊና ንኻልኦት’ውን እንተነዳልወሉ ይብል። ከምኡ’ውን ነቲ ግእዝ ዝተባሃለ ናይ መጀመርያ ቋንቋ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ገጽ ኢትዮጵያ ምጥፋእ ኣድላዩን ወሳንን ምኻኑ ከም ሓንቲ ሹም ከተሓሳስብ ይደሊ። ካባናን ካብ ኣባላትናን ወጻኢ ካልኦት ክፈልጥዎ ስለዘይብሎም ማለተይ ኢየ። ምኽንያቱ እቲ ክሳብ ሎሚ ነቲ ቋንቋ ንምጥፋእ ዝተሰርሐ ስራሕ እኹል ኣይነበረን። ብወገንና ካብ ቅድም ኣትሒዙ ዝከኣለና ኩሉ ብምግባር ከነጥፍኦ ፈቲንና ኢና። ካብኡም ወሲድና’ውን ኣብ ኣውሮጳ ጥራይ ከምዝስልጥን ጌርና ኢና። ይኹን ደኣምበር ክሳብ ሎሚ ነቲ ቋንቋ ዝጥቀሙሉ ብፍላይ ናይ ቤተክርስቲያን ሰባት መሊኦም’ዮም። ከም ዝፍለጥ ከኣ እቲ ዓብን ዓሚቕን ሚስጥር ዘሎ ኣብቲ ግእዝ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ናይቲ ሃይማኖት ሰባት ሽሕኻ ኣብ ውዱእ ሰዓት ይኹን ደኣምበር ገለ ገለ ኣፋፍኖታት እንዳረኣዩን ሒደት ሚስጥራት እንዳተረድኡን ምናልባት’ውን እንዳጠርጠሩ ንምእመናኖም የካፍሉ ኣለዉ። ስግኣተይ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብ ግዜ እቲ ውግእ እቶም ሓገዝቶም ምስኦም ክራኸቡ ዝፍትኑ በዚ ቋንቋ’ዚ ምኻኑ ኢዩ። መራሕቲ ካልኦት ሓገራት ኣጸቢቕም ከምዝርድእዎ ክግበር ዘለዎ ነገር ኢዩ’ሞ ክርሳዕ የብሉን። እቲ ቋንቋ ዘይኮነ ስግኣት ኮይኑ ዘሎ ምስቲ ናይ መወዳእታ ዓወት ዝራኸብ ሚስጥር ምህላዉ ኢዩ። ምናልባት ነቲ ዘሎ ሰነድ ንምምርማር ጥራይ ኢሎም ከይሓስቡ፣ ብፍላይ ነዞም ኣጋይሽ ዝኾኑ መራሕቲ ሃገራት G20 ተወሳኺ መብርሂ ክወሃቦም ከዘኻኽር ይደሊ። ብሓፈሻ ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት ውሑዳት’ውን እንተኾኑ ዝነቐሑ ሰባት ክህልዉ የብሎምን በሃሊት ኢየ። ስለዚ ኣብ ዙርያ ቋንቋ እንታይ ዝተሓሰበ ነገር ኣሎ? የቐንየለይ” ስዒቡ ዝሓትት መራሒ ሩስያ ኮነ።

“የቐንየለይ ክብሪ ንዕኡ ይኹን። ጎልና ኦም ህይወት እንተድኣ ኮይናን ናይ ዓወትና መዛዘሚት እንተተባሂላን፣ ዘላትሉ’ውን ኢትዮጵያ እንተድኣ ኮይኑ፣ ኣብ ኢድና ከምዘላ ክንቆጽሮ ይከኣል። ይኹን ደኣምበር እዚ ንባዕሉ ንዓና ዝወሃብ ተልእኾ ስለዝኾነ ቀጻሊ ዝኾነ መምርሒ ስራሕ መስምዒን መቐበልን ግዚኡ ሕጂ ኢዩ ይብል። ድፍን ብዝበለ መልክዑ ጎልና ኢትዮጵያ ኢያ ተባሂልናን ኣበይ ከባቢ ከምዝኾነን ተገሊጹልና ኣብ ክንዲ ዝሕለፍ፣ ብልክዕን ብዘመናዊ ናይ ኣተዓቓቕና ሜላ ተዓቂኑ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታቱ እንተዝንገረና ንዓሚቕ ምድላዋት ምረድኣና። ምኽንያቱ እቲ ስራሕ ካብ ሕጂ ክቐልል ስለ ዘለዎ ኢዩ። እቲ ቅኑዕ ኣንፈት እንተድኣ ተነጊሩና ድማ ኣቐዲምና ነቲ ከባቢ ብዙርያኡ ከቢብና፣ ከቢብካን ኣኽቢብካን ክጽናሕ ይከኣል ኢዩ። ንነበርቲ ናይቲ ከባቢ’ውን ምስቲ ሰነድ ሓዊስካ ንምኽባብ

ወይ ሓባቢልካ ንምጽናሕ ክረድኣና ዝኽእል ይመስለኒ። እዚ ጥራይ'ውን ዘይኮነ፣ ኣየናይ መንገዲ ጉዕዞን ዓይነት መጓዓዝያን ክዳሎ ከምዘለዎ ካብ ሕጂ ፈሊጥና ኢና ክንሰርሕን ክንዳሎን ዝግበኣና። ናይ መወዳእታ ውግእ ክሳብ ዝኾነን ንዋግኦ'ውን ምስ መንፈሳውያን ኣካላት ክሳብ ዝኾነ ዝሓሸ ኒዩክሌር ክንሰርሕ ክረድኣና'ዩ። ስለዚ ናይቶም ተዋጋእቲ ሓይሊ ዓቕሚ ነብሶም ክንፈልጥ ኣለና። ክንድምንታይ ሓይሊ ኢዩ ከጥፍኦም ዝኽእል? ናይ ኬሚካል ኣጽዋር ናይ ምጽዋር ሓይሎም'ከ ክሳብ ክንደይ ኢዩ? ዝብሉ ነገራት ካብ ሕጂ ክንፈልጦ ኣለና። ከምኡ'ውን ብዛዕባ መንነት እቶም ተዋጋእቲ ማለት ኣካላውን መንፈሳዊ ቅርጾምን ከምኡ'ውን ሓይሎምን ብዝሓምን እንተ ዝግለጸልና ሰናይ ኢዩ። ነዚ ምፍላጥ ንፍጥነትን ንዝደልደለ ምድላዋት ይረድኣና ይብል። ሽሕኻ ዓወት ናትና እንተኾነ፣ ክደናነይን ዘልሓጥሓጥ ክብልን፣ ከምኡ'ውን ብዙሕ ሃብቲ ከዕኑን የብሉን። ኣብ ሓጺር ግዜ ምዕዋት ብዙሕ ሃብቲ ንምቑጣብን ነታ ሓዳስ ዓለም ከምዝተርፍ ንምግባርን ክሕግዘና ኢዩ ኢለ ስለዝሓሰብኩ ኢየ ነዚ ሕቶ ኣልዒለ። ስለዚ ካብቲ ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት ዝተነገረና ነገራት ዝሓልፍ ስፍሕ ዝበለ ነገር እንተዝንገረና ይብል፣ የቕንየለይ" ርሱን ጣቕዒት ተሰምዐ።

ስዒቡ ድማ ኤውሮፒያን ዩንየን ተባሂለን ናይ ዝተወደባ ሃገራት ንዝወከለ መራሒ ዕድል ተዋህቦ።

"የቕንየለይ፣ ዘልኣለማዊ ዓወት ኑቲ ናይ ጸልማት ልዑል! ብዘደንቕ ኩነት ዝረኣናዮ ዓወት ኣዝዩ ኣኹሪዑን'ሎ። ስለዚ ሕጂ'ውን እንቋዕ ደስ በለና ክብል ይደሊ። ናተይ ሕቶ ብዛዕባ ኣብ ዙርያና ዘለዉ ንኣሽቱ ውግኣት ዘተኮረ ኢዩ። ልዕሊ ዝኾነ እዋን ብዝዛየደ መልክዑ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንፈልጦምን ዘይንፈልጦምን ግብረ ሽበራታት ኣለዉ። ኣብ ፈቐዶ ሃገራት'ውን ኩናት ሓድሕድ መሰረት ዝገበረ ድምጽታት ተኹሲ ንሰምዕ ኢና፣ ቅትለታት'ውን ንርኢ ኢና። ሃገራት ምስ ሃገራት'ውን ይጋጨዉ። ሃይማኖታዊ ባእስታት'ውን ከምኡ። እሞ ኩሎም እዞም ውግኣት በቶም ኣባላትና ዘይኮኑ ሰባትን ብሰብ ሃይማኖትን፣ ምስቲ ኣብ መጽሓፎም ዝተጸሓፈን ምስቲ ናይ ፍጻሜ ዘመን ውግእ ተባሂሉ ዝፍለጥን እንዳኣዘመዱ፣ ናይ መወዳእታ ዘመን ከምዝበጽሐ የረጋግጹሉን ምሳሌ ገይሮም ብምጥቃስ ንተኣማንነት ቃል ናይቲ መጽሓፍ ንምግላጽ ይጥቀሙሉን ኣለዉ። እዚ ነገር ድማ ንዓና ነቶም ከንቱነት ናይ ሃይማኖት ዝተረዳእና ዕሽነቶም ዝገልጸልና'ኳ እንተኾነ፣ ንሶም ግና ንስብከት ይግልገሉሉ ስለዘለዉ ብመጠኑ ክጎድኣና ይኽእል ኢለ ይሓስብ። ስለዚ ገለ ነገር እንተተገብረ ዝሓሸ ምኽኑ ኣተሓሳሲቡ ናብ ነጥበይ ክምለስ። እዞም ኣብ ዙርያ ዓለም ዘለዉ ንኣሽቱ ውግኣት ብናይ ልዑልና ትእዛዝን ድሌትን ድዮም ዝካየዱ ዘለዉ? እቶም ዓመጽትን ኣሸበርትን ብዝብል ስም ዝጽውዑ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን'ከ ኣባላትና ድዮም? እዚ ኣገዳሲ ሕቶ ኢዩ ኢለ

ስለዝሓስብ ብዕምቆት ተተንቲኑ ክምለሰለይ ይደሊ፣ የቕንየለይ” ሕጂ ካብቶም ዕዱማት ሓደ ኢድ ጥራይ ተራእየ’ሞ መራሒ ኣሜሪካ ነቲ እንኮ ኢድ ዕድል ሃበ። እቲ ዕድል ንመራሒ ደቡብ ኣፍሪቃ ኢዩ ተዋሂቡ።

“የቕንየለይ፣ ክብሪ ነቲ ሓያል ጥበበኛ ልዑልና! ናተይ ሕቶ ንኣህጉር ኣፍሪቃ ዝምልከት ኢዩ። ንኽገርመኩም ግና ጎልና ኢትዮጵያ ምኳና ትም ኢለ ይጥርጥር ነይረ” ምስ በለ ብሕብረት ሰሓቑ’ሞ ዘረብኡ ንቑሩብ ግዜ ደው ኣበሎ። እቲ ሰሓቕ ህድእ ክሳብ ዝብል ተጸብዩ ቀጸለ። “ብሓቂ ኢየ ዝብለኩም። ዝጠርጠርኩዋ ሃገር ስለዝኾነት ደስ ኢሉን’ሎ። ከምቲ ዝተበሃለ’ውን ጎልና ኢትዮጵያ ምኳና ንስራሕና ኣቕሊልዎ’ሎ። ስለዚ ናብ ሕቶይ ምስ ዝሓልፍ፣ መራሕቲ ኣፍሪቃ ነዚ ጉዳይ ኣዝዮም ኣገደስቲ ኢዮም ኢለ ይኣምን። ነገር ግን ብዙሓት ካብኣቶም ዝተጸንበሩ ኣይመስለንን። ርግጽ’ዩ ናይ G20 መምዘኒ ቅጥዕታት ስለዘየማልኡን ከማልኡ ስለዘይክእሉን ምስዚ ጉጅለ ብግልጺ ክጽንበሩ ኣይከኣሉን። ስለዚ ስለምንታይ ብኻልእ መልክዑ ተወዲቦም ዘይጽንበሩና? ርግጸኛ ኢየ ኩላቶም ነዚ ድንቂን ዘሐጉስን ውህብቶ ብታሕጓስ ከምዝቕበሉ። ነዚ ብዝምልከት ዘሎ ነገራት ወይ ዝተወጠነ ነገር እንተዝዝርዘረለይ ደስ ይብለኒ። እቲ ኻልእ... መቸም ከምቲ ብግልጺ ዝረኣናዮ እቲ ዓወት ናትና ኢዩ፣ ስለዚ ዝኾነ መራሒ ኮነ ተመራሒ ሕዝቢ ብፍላይ ኣፍሪቃ ስለምንታይ ብግልጺ ተነጊሮም ኩሎም ኣሚኖምሉ ኣባላት ዘይኮኑ? ዘልኣለማዊ ህይወት ዘይደሊ የለን። ስለዚ ስለምንታይ ናይ ክርስትናን እስልምናን ከምኡ’ውን ካልኦት ማሕበራትን ብሙሉኦም ኣፍሪስና በዚ ዓወት ዝመደምደሚኡ ሓድሽ ሃይማኖት ዘይነጥምቐም? ነቲ እምቢ ዝብል ብሓይሊ ከምዝልውጥ ምግባር! ኣይልውጥን’የ ዝበለ ምጥፋእ! ከምዚ ስለምንታይ ዘይግበር? ኩሉ ሕዝቢ በቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክህብ ተዳልዩ ዘሎ ልዑል ክኣምንን ክግዛእን ኣለዎ ይብል። ከምኡ’ውን ጎልና ኢትዮጵያ እንተ ድኣ ኮይና፣ ህዝባ’ውን ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ዓወትና፣ ፈጣሪ ሽግር ክኸውን ከም ዝኽእል እንተተፈሊጡን ተገሚቱን፣ ወይ’ውን እንተ ኣስጊኡና ስለምንታይ. . . ሽሕ’ኳ ዝተረፈ ፋሽን እንተኾነ..... ማዕረ ክንድዚ ወሳኒት ኮይና እንተተረኺባ..... ኩሎም ሃገራት ናይዚ ሕብረት ኣባላት ኢዮም’ሞ.... ስለምንታይ ብቅሉዕ መግዛእቲ ዘይትተሓዝ? ብዘመናዊ መንገዲ ማለተይ ኢየ። ኣድላዪ እንተድኣ ኮይኑ ነቲ ሕዝቢ’ውን ካብ ሕጂ ምጥፋእ! የቕንየለይ” እዚ ሰብ’ዚ ክዛረብ ከሎ ኣዝዩ ህልኽ ተመሊኡ ነይሩ። መዓስን ብኽመይን ስለምንታይን ከምዚ ገይሩ ክምዝጸልኣና ንምግማት ባዕሉ የሸግረካ’ዩ። ብድሕር’ዚ ኩሎም ዕድል ተዋሂብዎም ሕቶታቶም ኣቕሪቦም ከምዝወድኡ ዝተገንዘበ መራሒ ኣሜሪካ፣

“ጽቡቕ፣ ድልድል ድልድል ዝበሉ ሕቶታት ተላዒሎም’ዮም። ናብ መልስታት ቅድሚ ምሕላፍና ውሽጥናን ደገናን ኣብሪህና ነመስግን!” በሎም’ሞ ኩሎም ናብ ጸሎት ምስጋና ኣምርሑ። ካብቶም ዝተኣከቡ 20 መራሕቲ እቶም 18 ሓቲቶም’ዮም። ዝተረፉ መራሕቲ ኣሜሪካን እንግሊዝን ጥራይ እዮም ነይሮም። መራሒ ኣሜሪካ ኣካቢ ስለዝነበረ ክሓትት’ኻ እንተዘይከኣለ መራሒ ዩናይትድ ኪንግደም ግና ክሓትት ነይርዎ። ግና ኣይሓተተን። ምናልባት’ውን እቲ ብዘመናዊ መልክዑ ተወዲቡ ስርሑ ዝጀመረ ናይ ኢልዩሚናቲ ማሕበር ናይ መጀመርያ መስራቲት ሃገር እንግሊዝ ስለዝኾነት፣ ካብኣቶም ዝተሰወረ ነገር ስለዘየለ ክኸውን ይኽእል ዘይሓተተ።

ሕቶታት ተሓቲቶም ምስወድኡ ምስጋናኡም ቀጸሉ። እቲ ኣዳራሽ ብናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ናይ ጸሎትን ምስጋናን ኣውያት ደሚቕሎ። ክብሪ፣ ዓወት፣ ኣሸናፊነት ነቲ ልዑል! እንዳበሉ እንዳተንከባለሉ ይውጭጩ ኣለዉ። ኩሎም ድንን ቅንዕ እንዳበሉ ኣብ ዘይፈልጥዎ መንፈሳዊ ስምዒት ሓጎስ ኮይኖም የመስግኑ ኣለዉ፣ ይንከባለሉ ኣለዉ። ብልዑል ኣውያት’ውን ይስሕቑ። ኣብቲ ዝተሰኣለ ቪድዮ ከምዝረአ እንተድኣ ኮይኑ ኩሉ ነገር ናይ ዕብዳን ዓይነት ኢዩ። ገለ ሓይሊ፣ ሰብነቶም ሰንጢቑ ከምዝኣቱ ዘሎ እትትት.... ትትት እንዳበሉ ብዘስካሕክሕ ታሕጓስ የንቀጥቅጡ። መሊሶም ድማ ኦፉይ!... ኦ... ኦ... ኦውውው! እንዳበሉ ይድሰቱ። ይዘሉ። እንደገና’ውን የጣቕዑ። ካብዝንከባለሉሉ ጽሩይ ባይታ ተሲኡም’ውን ይዘሉ፣ መሊሶም ይፈርጡ። እቲ ናይ ምስጋና ኣምልኾ በዚ መልክዑ ክካየድ ከሎ ኩሉ ኣብ ነናይ ባዕሉ ስምዒት ሓጎስ ስለዝኣተወ ንሓድሕዶም ኣይረኣኣዩን ነበሩ የለን።

ኣብ ጥቓ እቲ መራሒ ኣሜሪካ ዝንከባለለሉን እንዳተንስኡ ዝዘለሉን መድረኽ ዘላ መደረ መቕረቢት ናይ ቁመት ጠረጲዛ ላዕሊ ተቕሚጣ ዘላ ናይ ኣፕል ማርክ ዘለዋ ዘመናዊት ላፕቶፕ፣ በታ ኣብ ቅድሚኣ ዘላ ንጽርትን ክንዲ ነጥቢ ትኸውን ሌንስ ዘለዋ ካሜራ፣ ኣብ ግዜኣ እንዳተጠዋወየት ብምስኣል ንኹሉ እንዳተዓዘበት ትርከብ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግና፣ መራሒ ሩስያ ጥራይ ካብቲ ኮፍ ዝበለሉ መንበር ከይተንስኡ ክሳዱ ኣድኒኑ ምስቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ጣውላ ግንባሩ ደጊፉ መሬት መሬት እንዳረኣየ እዩ ዘመስግን ነይሩ። ኣይተንስኣን፣ ኣይዘለለን፣ ኣይተንዘፍዘፈን፣ ኣይጨደረን፣ ኣይተንከባለለን። እንታይ እንዳበለ ከም ዘመስግን’ውን ንጹር ኣይኮነን። መንም ድማ ንዕኡ ዘስተውዓለሉ የለን። ሕቶ ከቕርብ ከሎ’ውን ብሽፉን “ክብሪ ንዕኡ ይኹን” እዩ ዝበለ። እቲ ሃዋህው ብኽምዚ ቀጺሉ ብዘይ ምቁራጽ ንሓደ ሰዓት ዝጸንሐ ምስጋንኡም ዛሕተለ፣ እቲ ኣውያት እንዳነከየ ከሎ ድንገተኛ ዘደንቕ፣ ንኻልኦት ኣዝዩ ዘፍርሕ ናይ እሳተ ጎመራ ዝመስል ፈሳሲ ብርሃን ካብ ላዕሊ ወሪዱ ኣብቲ መራሒ ኣሜሪካ ዝነበረሉ መድረኽ “ጓሕ” ምስ ዝብል ከቢድ ድምጺ ክዓልብ ከሎ ተሰምዐ። ኣንጸባራቒ ሕብሪ ዘለዎ ምልኩዕ ገበል እዩ ነይሩ፣ ናይ ገበል ምልኩዕ’ኻ እንተዘየለ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኩሎም ብሓድነት ነቲ ናይ ኣኽብሮቶም ምልክት ዝኾነ በእዳዎም ሰሪሑም ዘንጸባርቕዎ ምልክት ስሉስ ኩርናዕ ኣብ ጸጋማይ ዓይኖም ብምግባር ቅንዕ ኢሎም ሪኦም ነናብ ቦትኣም ኣምሪሑም ኮፍ በሉ። እቲ መራሒ ሩስያ'ውን ካብቲ ተቐርቂሩሉ ዝነበረ ቅንዕ ኢሉ ጠጠው ብምባል፣ የማን ጸጋም የእዳዉ ኣጣሚሩ ነቲ ወተሃደራዊ ዝመስል ምልክት ስሉስ ኩርናዕ ኣርእዩ ድንን ብምባል ኣኽብሮቱ ገሊጹ ኮፍ በለ።

እቲ ወርቃዊ ዓቢ ገበል'ውን ከምቲ ዝናብ ዘጠልቀዮ በጊዕ ኣብ ጸጉሪ ቆርበቱ ንዘሎ ማይ ክነግፍ ክብል ሰብነቱ ዝገብሮ ንሰብነቱ ኣርገፍገፈ። ኣብዚ ግዜ እቶም ኣብ ልዕሊኡ ኮይኖም እንዳነደዱ ፍሉይ ብርሃን ዘልበስዎ ኣንጸባራቒ ናይ እሳተ ጎመራ ምካኽ ተፈናጢሩ ኣብ ሙሉእ ኣዳራሽ ተለጣጠፈ። ካልኣይ ግዜ ከምኡ ምስገበረ'ውን ተመሳሰልቲ ናይ እሳተ ጎመራ ንጣራት ሙሉእ ብሙሉእ ተራገፈ። ኣብቲ መንደቕን ቦሎፎንን ዝዓለቡ ገዘፍቲ ናይ ሓዊ ፍንጣሪታት ግና ነቲ መንደቕ ኮነ ነቲ ቦሎፎን ከይሃሰዩ ብቕጽበት ኣብቲ ዝነበርዎ መኺኾም ጠፍኡ።

ሽዑ እቲ ቀይሕ ገበል ርእሱ ቅንዕ ምስ ኣበለ፣ ናብ ሓመዳዊ ፈረስነት ተለወጠ። ካብ ልዕል'ዚ ብወርቅን ዕንቁሩን ዝተወቀበ ፍሉይ ፈረስ'ውን እቶም ብወርቅን ዕንቁሩን ብዝተወቀበ ሃይማኖታዊ ልብሲ ዝደመቕ ናይ ቫቲካን ዋና ጳጳስ ብንጉሳዊ ስርዓት ርግእ ኢሎም ካብቲ ፈረስ ወረዱ። ብድሕርዚ ነቲ ፈረስ ኣብ ዝባኑ ሕስይ ሕስይ ኣቢሎም ብናይ ምሕዝነት መንፈስ ምዕጉርቱ ቸብ ምስ ኣበልዎ እቲ ሓመዳዊ ፈረስ ብናይ ብርሃን ፍጥነት ናብ ላዕሊ ሓፍ ኢሉ ብምዝላል ነቲ ነዊሕ ቦሎፎን ናይቲ ኣዳራሽ ኳሕ ትብል ድምጺ ከየስምዐ ሰጊሩ በረረ..... ተሰወረ። እዚ ነቶም ከፊል ተኣከብቲ ጋሻ ዝኾነ ነገር ነበረ'ሞ ብዙሓት ተገረሙ። ምኽንያቱ እቲ ፖፕ ኣብ ናይ G8 ጉባኤ ድኣምበር ኣብ ናይ G20 ጉባኤ ተረኺቦም ኣይፈልጡን'ዮም።

እዚ ናይ ቫቲካን ቀንዲ ፖፕ ወይ ጳጳስ ንናይ ዓለም ናይ ካቶሊክ ኣብያተ ክርስቲያናት ከምድሌቶም ክገብሩ ዝኽእሉን ንሃይማኖታት ኤውሮጳ ብሙልኡ ምስ ሰዓብቶም ክእዝዙ ስልጣን ዘለዎም ጳጳስ ምኺኖም ይፍለጥ። ብቅሉዕ ኮነ ብሕቡእ መራሒቲ ክሳብ ምኺምን ምድስካልን ዝበጽሕ ስልጣን ኣለዎም። ሎሚ ኣብዚ ጉባኤ ክርከቡ ከለዉ ድማ ብፍላይ መራሒቲ ሃገራት G20 ካብ ምግራም ሓሊፎም ደስትኡም ወሰን ኣይነበሮን። ምኽንያቱ ነቲ ወሳንን ቀንድን ሞተር ናቶም ክገብሩ እንተኽኢሎም ኩሉ እቲ ጉዳይ ዘብቅዐን ዝሞተን ምኺኑ ስለዝተረድኡም እዮም። እቶም ፖፕ ፈረሶም ኣፋንዮም ብፍጹም ዝተረጋግአ ኩነት ኣብቲ መድረኽ ምስ ቆሙ፣ መጀመሪያ እቲ ኣብ ከባቢ መድረኽ ዝነበረ ጸሊም መራሒ ኣሜሪካ ነቲ ዓይኒ ሆረስ ዘመልክት ምልክት ቅርጺ ፒራሚድ ብጸጋማይ ዓይኑ ድሕሪ ምርኣይ ኢድ ነሲኡ

ብናይ ኣኽብሮትን ተገዛእነትን መንፈስ ድንን በለ። ካልኦት'ውን ኣብ ዘለውዎ ቆይሞም ተመሳሳሊ ኣኽብሮት ኣርኣዩ።

እቲ ጳጳስ ንመራሒ ኣሜሪካ ካብቲ ዝደነነሉ ኣቐኒያም ልክዕ ጓልን ወድን ከምዝገብርዎ ዓይነት ኣሰዓዕማ፣ ምዕጉርቱ ብኽልተ ኢዶም ሒዞም ብከንፈሮም ንከንፈሩ እንዳዳህሰሱ ኣብ ዓሚቕ ስምዒት ኣትዮም ክስዕምዎ ጀመሩ። ሒደት ምስተሰዓዓሙ'ውን ኣቋሪጾም፣

"ደቀይ!" ክብሉ ጀመሩ፣ "ናይታ ሓዳስ ዓለም ተሸየምቲ፣ ደቀይ! ናይ ልዑልና እሙናት ዉሉድ! እንቋዕ ደስ በለኩም! ናጽነት ካብዚ ከም ዝጅምር ተነጊርኩም ኢኹም። ኣንጻርነት ካብዚ ከም ዝጅምር ተነጊርኩም ኢኹም! ፍጹም ዝኾነ ናጽነት ክንለብስ ኣለና። እዚ እቲ ሓደን ተራን ዝኾነ መረጋገጺ ናጽነት ኢዩ! ገደብ ዘይብሉ ናብራ ኣብ ቅድሜና ይጽበየና ኣሎ። ብዘይ ፍርሕን ብዘይ ገደብን ብዝመሰለናን ብዝፈተናዮን መንገዲ ምንባር ክንለምድ ኣለና! በዚ'ውን ባህታ ርኸቡ!" ኢሎም፣ ስሉስ ኩርናዓዊ ምልክት ብዘለዎ ኣርማ ነቲ ኣዳራሽ የማነ ጸጋም ባሪኾም ንከናፍር መራሒ ኣሜሪካ ተመሊሶም ነኽሱ.....።

ዘይእመንን ዘሰንብድን ነገር ኢዩ ነይሩ! ተነፋፊቕም ጸኒሖም ሕጂ ከምዝተራኸቡ ፍቕራት ወድን ጓልን፣ ናይ ሓድሕድ ኪሲንግ ንብሎ ተግባር ክፍጽሙ ጀመሩ። መድረኽ ናይቲ ኣዳራሽ ብዕልግና ብዝተላበሰ ፍንፉንን ዘስካሕክሕን ናይ ፍትወት ትንፋስ ረሰነ። እቲ ጳጳስን ጸሊም መራሒ ኣሜሪካን ነቶም ተኣከብቲ ኣቐሚጦም ንልዕሊ ሓሙሽተ ደቓይቕ ዝኣክል ግዜ፣ ብስምዒት ከንፈር ንከንፈር ተናኺሶም ክሰዓዓሙ ጸንሑ። በዚ ተግባር ዝተገረመ ተኣካቢ ኣይነበረን። ኩሎም ብሕድኣት ተሰዓዚሞም ክሳብ ዝውድኡ ተጸበዩ ደኣምበር ዝበልዎ ነገር የለን፣ ናይ ምግራም መልክዕ'ውን ኣየርኣዩን።

ብድሕሪ'ዘን ነዋሕቲ ደቓይቕ፣ እቲ ጳጳስ ንመራሒ ኣሜሪካ ስዒሞም ምስ ኣፉነው ነቲ ሒዝዎ ዝጸንሐ መድረኽ ተረከቡ። ንሱ'ውን ካብ ኣካባይ ናብ ተኣካባይ ተቐይሩ ምስቶም ብጾቱ ከይዱ ኮፍ በለ። እቶም ጳጳስ'ውን ምስ ሙሉእ ልብሰ ተክህኖኡምን ብወርቅን ዕንቁን ዘጋየጸ ኣኽሊሎምን ደፊኡም ኣብቲ መድረኽ ብኹርዓት ሒደት ንየው ነጀው ድሕሪ ምባል፣

"ክብሪ ነቲ ናይ ጸልማት ልዑል!!" ክብሉ ጀመሩ..... ።

እቶም ተኣከብቲ'ውን ብሕብረት ጠጠው ኢሎም እንዳኣጣቐዑ ንቃል ምስጋና ናይቲ ጳጳስ ብናይ ሓባር ድምጺ ደጊሞም ቦትኦም ሓዙ።

"ደጊመ እንቋዕ ደስስስስ.... በለኩም!" በሉ።

እዞም ናይ ላቲን ሓረግ ዘርኢ ከምዘለዎም ዝንገረሎም ጳጳስ ነቲ እንዳተወራረሰ ዝመጸን ኣብ ዘመኖም ዝተረከብዎን ስልጣን ልዕሊ ዝኾነ ነገር ይፈትውዎን፣ የኽብርዎንዮም። ኣዝዮም'ውን ዘመናዊ ጌሮሞ'ለዉ። ኣቐዲሞም ዝነበሩ ናይ ቫቲካን ናይ ካቶሊክ ሊቀ ጳጳሳት ደፊሮም ዘይገበርዎ ነገራት ኩሉ እዞም መበል 22 ጳጳስ ኣብ ጽባሕ ሹመቶም ተግቢሮሞ'ለዉ። ተዓቂቦም ዝነበሩ ናይ ካቶሊክ ቤተ ክርስቲያን ናይ ቀኖና ሕግታት ኣብ ኣደባባይ ኣፍሪሶሞ'ለዉ። ካብ ብዙሕ ሓደ ንምጥቃስ'ውን ነዚ ሕጂ ዝገበርዎ ዘለዉ ናይ ተመሳሳሊ ጾታ መርዓ ብግልጺ ምፍቃዶምን ብመንገዲ ቤተ ክርስቲያን መርዓኣም ከምዝፍጽሙ ምግባሮምን ይጥቀስ። በብእዋኑ'ውን ጠጠው ኢሎም የመርዕውዎም። እዞም ቀዳማይ ጸላእቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑን ኣብ ፈቐዶ መድረኽ ደጋጊሞም ነዚ ጽልኣቶም ዝገልጹን እዞም ጳጳስ ግብረሰዶማውያን ሕጋዊ ጽላል ከምዝወሃቦም ገይሮም'ዮም። ኣብ ፈቐዶ በዓላት ግብረ ሰዶማውያን'ውን እዞም ጳጳስ ናይ ክብሪ ዕዱሞም እዮም። እዞም ኣቡን ካልኦት ብዙሓት ዘሰንብዱ ተግባራትን ስርዓታትን ብመንገዲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ንኽትግበሩን ክጠቓለሉን ገይሮም'ዮም። ምስ ንግስቲ እንግሊዝ ብምትሕብባር'ውን ነቲ "ሂውማን ትራፊክ" ብዝብል ስያመ ዝፍለጥ ንግድን ምዝውዋርን ሰብ ተጠናኺሩ ክቕጽልን፣ ቁጽሪ ዝስረቑ ሕጻናት'ውን ክውስኽ ትእዛዝ ኣመሓላሊፎም'ዮም። ናይዚ ኹሉ ወጻኢታት'ውን ሙሉእ ብሙሉእ ብናይ ቫቲካን ካቶሊክ ቤተ ክርስቲያን ዝሸፈን ክኸውን ከሎ ናይቲ መኽሰብ ተጠቃሚት'ውን ባዕላ ኢያ። ካብ ሃገራት ዓለም ዝስረቑን ዝዕደጉን ሕጻናት ብናቶም ላዕለዋይ ሓለዋ ብዝምራሕ ብመንገዲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኢዮም ብቐጥታ ዝመሓላለፉ። እዞም ህጻናት'ውን ምስተደፈሩን ምስተገረፉን ፍርቆም ንሉሱፈል ክስውኡ ከለዉ እቶም ዝተረፉን ንመስዋእትነት ኣይኮኑን'ዮም ተባሂሎም ተመሪጾም ዝተርፉን ድማ ኣመንዝራነት ንምስፍሕፋሕ ብዝብል ብናይቲ ጳጳስን ንግስቲ እንግሊዝን ዝተመስረቱ ክቡር ለይታኢ ክለባት ከምዝዋፈሩ ይግበር። ብንግዲ ሓሸሸን ብተመሳሰልቲ ዘይሕጋውያን ተግባራትን ሃብቶም ዘኻዕበቱ ኣባላት ናይቲ መዓሙቕ ጸልማት ዝኾኑ ሓደ ሓደ ሃብታማት'ውን ነዞም ህጻናት ብቀጥተኛ መንገዲ ካብቲ ጳጳስ ይገዝእዎም። ኣሳቕዮም ድማ ነቲ ናይ ጸልማት ልዑል መሐነሲ ምስ ተጠቕሙሎም ድማ ናይ መውስቦ ባርያ ገይሮሞም ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ዘድለዮም ግዜ ሰብነቶም ተሓሪዱን ተቐዲዱን ደሞም ንመስተ ይውዕል። ልቢ ኩሊትን ካልኦት ኣካላቶምን ድማ ብምትካኽን ብምቅጻልን ብምጥባስን ከምኡ'ውን ኣፍሊሑም መረቕ ብምስታይ ዝግበር ናይ ኣምልኾ ስርዓት ንምፍጻም ይጥቀሙሎም። እዚ ዝተለመደን ብዘይምቁራጽ ክትግበር ዘለዎ ተግባርን ምኻኑ በቲ ጳጳስ ተሓጊጉ'ሎ። ኣብ ናይ ቀኖና ሕጎም'ውን ኣትዩ ይርከብ። በዚ ዓይነት ሕጉ ግና ውሑዳት ዝቃወምዎ ስለዘይተሳእኑ ኣብቲ ኣብ ጀርመን ብራስልስ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ክሲ ተመስሪትዎም ኣሎ። እቶም ብህይወት

100 ሽሕ ህጻናት ዝተኸሰሱ ጳጳስን ንግስቲ እንግሊዝን ከምዝኸውን ገይሮም ነቲ ፋይል ንምዕጻውን ንጉጅለ ናይቲ ከሰስቲ ብምቕታል ነጻ ክወጹ ሓርኮትኮት ክብሉ ይርከቡ። ዝተበሃለ እንተተባሃለ ግና እቶም ጳጳስ ግዲ ኣይህብዎን ኢዮም። “እቲ ዘመን በጺሑ፣ ሹመትና መጺኡ። ፈትዩ ጸሊኡ ፍጡር ናይ’ዛ ፕላኔትን ኩለንትናኣን ኣብ ትሕቴና ክኸውን’ዩ” እንዳበሉ ነቶም ብናይ ምሕዝነት ስምዒት ንዝመኽርዎምን፣ “ብመጠኑ ጥንቅቕ.....እንተ በልና.....ኣቦና....” ንዝብልዎም ኩሎም፣ “ኣይ! ንዮ በሎ! ዘመን ፍርሒ ክብቅዕ ኣለዎ!” ኢሎም ብገታርነት ብወግዒ ምምላስ ዝጀመሩ ገና ኣብ ዝተሾሙሉ ቅንያት ኢዮም።

“ደጊመ እንቋዕ ደስስስስ..... በለኩም!!” ክብሉ ቀጸሉ።

“ነዚ ናጽነት ዝተመልአ ምንቅስቓስ ክንገብርን ገደብ ኣልቦ ርውየት ክኾነልናን ናይቲ ዓቢ መራሒና ሰናይ ፍቓድ ኢዩሞ!

“ሕቶታትኩም ሰሚዕና’ለና። ኣጠቓሊልና ኣዕጋቢ መልሲ ክንህብ ኢና” ምስ በሉ፣ መራሒ ኣሜሪካ ኣብ ገጹ ናይ ምምታእ ስምዒት ተስተውዓለሉ። ምናልባት ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝነበሩ ኩሎም ጉባኤታት ንሱ ኣብ ዝመርሖም ጉባኤታት ባዕሉ መልሲ ይህብ ስለዝነበረ ክኸውን ይኽእል። ይኹን ደኣምበር ነቲ ምምትኡ ከይቐጸሎ ትርኢት ገጹ ብፍሽኽታ ተለወጠሞ ደስ እንዳበሎ መልሶም ንምስማዕ ተዳለወ።

እቲ ጳጳስ ክሳዶም ኣድኒኖም ንውሱናት ሰከንድ ስቕ ኢሎም ድሕሪ ምጽናሕ፣ ቅንዕ ኢሎም ካብ ርሑቕ በተን ኣቕሪቦም ዝሪኡለን ሽሑር የሚንቶም ኣፍጢጦም ነቲ ተኣካቢ ኣትኩሮም ቃነዩ። ኩሎም መራሕቲ ሃገራት’ውን ልዑል ፍርሕን ምንቅጥቃጥን ብዘለዎ ሕንጡይነት ናይ ዘረብኡም ምጅማር ይጽበዩ ነበሩ። ብጀካ ውሑዳት ምናልባት’ውን ብጀካ እቶም ናይ G8 ሃገራት መራሕቲ እቶም ካልኦት ፊት ንፊት ብኣካል ምስረኣዩዎም ናይ መጀመርትኡም ኢዩ’ሞ ፍሉይ ፍርሒ ከም ዝነበሮም ካብ ትርኢት ገጾም ምርዳእ ይከኣል። እቶም ጳጳስ የሚንቶም እንዳሰረቐ በብሓደ ይጠምትዎም ደኣምበር፣ ነቲ ናይ ሩስያ መራሒ ግና ልዕሊ ሓደ ደቂቕ ጠሚቶሞ’ለዉ። መራሕቲ ካልኦት ሃገራት ነሚንቲ ናይቲ ጳጳስ ብምፍራሕ ከም ምሸቕራር፣ ምሕፋር፣ ምፍራሕን ከም ናይ ኣኽብሮታዊ ምሸቕራርን ክስተውዓለሎም ከሎ፣ ኣብቲ ናይ ሩስያ መራሒ ዝነበረ ትርኢት ግና ዝተፈለየ ነበረ። ምስ ኣፍጠጡሉ ንሱ’ውን ኣፍጢጡን ክሳዱ እኳ ከየድነነ፣ ምጥማቶም ክሳብ ዘብቅዑ ከምዝተጸበዮም እዩ ዝርኣ። ኣብ ርእስ’ዚ እውን እቲ እንኮ፣ የእጋሩ ኣመሳቒሉ ኮሪዑ ጽግዕ ኢሉ ኮፍ ኢሉ ዝርኣ መራሒ ሩስያ ጥራይ ነበረ። እቲ ጳጳስ ፍጥጥ.... ንሱ’ውን ፍጥጥ.... ! ኣብዚ ግዜ’ዚ ነቲ፣ ሩስያ ናብዚ ሕቡእ ሕብረት ኣብዝተጸንበረትሉ እዋን መራሒ ኣሜሪካ ብውልቁ ናብ ቤተ መቕደሶም ከይዱ ኣብ

እዝኖም ሕሹኽ ዝበሎም ነገር ትዝ በሎም መስለኒ ደጊሞም ብውሽጦም ሓሰብዎ። ነቲ ዝሓሰብዎ'ውን ከይተፈለጦም ብውሽጦም ዝደግምዎ ዘለዉ መሲልዎም ብዙሕ ብዘይስማዕ ድምጺ ብሕሹኽታ ደጊሞም ተዛረብዎ። እዚ ድምጺ'ውን ኣብቲ ቪድዮ እንዳታቐራረጸ ክስማዕ ተኻኢሉ'ሎ። "ትትረፍ ኢለ ነይረ። ግን እቲ ፍቱው ወደይ ዝበለኒ ነገር ኣስሒቱኒ። እንታይ እዩ ነይሩ ዝበለ? .... ኣባቴ.... ብዘይ ሩስያ.... ነታ ሓዳስ ዓለም ምምስራት ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእስኻ ሓደጋ ምፍጣር ይመስለኒ። 'ሓደጋ' ምባሉ እኳ ዘይመስል እንተኾነ.... ገለ ሓደጋ ምፍጣር ይመስለኒ። .... ስለዚ...." ካብ ሓሳቦም ተመለሱ። ንበይኖም ኣብ ዝህውትቱሉ ዝነበሩ ሰዓት እቶም ተኣከብቲ ሙሉእ ብሙሉእ ኣይስምዑ ደኣምበር ገለ ነገር ይዛረቡ ከምዘለዉ ተረዲእዎም ነበረ'ሞ እንከዕለብጡ ተስተውዓሉ። "ኣይስማዕን'ዩ..." ክብሉ ቁሩብ ዝተረፎም'ውን ነይሮም። ውሑዳት ግና ጸሎት ምኺኑ ገሚቶም ክሳብ ዝውድኡ ተጸበይዎም። እቶም ጳጳስ'ውን ምስ ገዛእ ርእሰይ ኢየ ተዛሪበ ዝብል መልእኽቲ ብዘሕልፍ ኩነት ሕሹኽታ'ኣም ወዲኡም ዓው ብዝበለ ድምጺ ቀጸሉ።

"ስለዚ ነቲ ሓርዩ ነዚ ስልጣን'ዚ ዝሃበና መራሒና ክብሪ ይኹነሉ! መንም ብናትና ፍቓድ እንተዘይተጓዒዙ ክጠፍእ ኢዩ! እንተ ዘይተሓባቢሩ ክስበር'ዩ። ዓይኑ እንዳረኣየ'ውን ናይ ዘልኣለም ህይወት ከምልጦ'ዩ። ኣብ ጎኒ እቶም ተሳዓርቲ ኮይኑ'ውን ክጠፍእ ኢዩ። ንስኻትኩም ግና ናጻ ኢኹም'ሞ ናጻ ኩኑ! መግለጺ ልዑልና ናጽነት፣ ሕብረትን ሓድነትን ኢዩ! ስለዚ ናብዚ ሕብረት ስለዝመጻኹም ደስስስስ ይበልኩም!!"

"ክቡራንን ክቡራትን ናይታ ሓዳስ ዓለም ሹማምንቲ! ገዛእ ርእስኹም ኣጥፍኡ'ሞ ናብ ኣጀንዳና ንእቶ" በሉ። ኩሎም የሚንቶም ዓሚቶም ጸኒሖም ቆሕ ኣበሉ። በዚ ግዜ እተን ኣብ ግንባሮም ዝነበራ ሓጸርቲ ጸለምትን ጠዋያትን ኣቕርንቲ ናብ ውሽጢ ጠሓሉ። 666 ዝብል ኣብ ግንባሮም ዝነበረ ምልክት'ውን ተመሊሱ ሰብ ኮኑ። እቶም ጳጳስ'ውን ርእሶም ኣጥፊኦም ንዕኦም መስሉ።

እቶም ጳጳስ ህድእ ኢሎም'ዮም ዝዛረቡ። ክሳዶም ኣቕኒዖም ነቶም ተኣከብቲ ፊት ንፊት እንዳጠመቱ ኣብ ክንዲ ምዝራብ፣ ክሳዶም ኣቕርቂሮም ብግንባሮም እንዳስተውዓሉ ምዝራብ ኢዩ ዝቐሎም። ነገራት ምድግጋም ይፈትዉ። እንተዘይደጋጊሞም ሰብ ዝርድኦ ኣይመስሎምን። ምናልባት'ውን ኩሉ ከምኦም ደንቆሮ ዝኾነ መሲልዎም ይኸውን።

መራሒ ኣሜሪካ ነቲ ኩሉ ሕቶታት ዝቐበል ዝነበረ ኣብ ልዕሊ'ቲ መድረኽ ጠጠው ኢሉ ኢዩ። ሕጂ ግና ዓንተዎ ዘይነበረን ካበይ ከም ዝመጸ ዘይፍለጥን ምቹእን ብዙርያኡ ብወርቂ ዝተለበጠ ዝመስል ምዕሩግን ኣብጸባራቕን ዝኾነ መንበር ተኸስተ። እቶም ጳጳስ'ውን ኩርዕ

ኢሎም ኣብኡ ኮፍ በሉ። ኣብ ቅድሚ እቲ መራሒ ኣሜሪካ ቆይሙሉ ዝጸንሐ ቦታ ዝነበረ ናይ ቁመት መመደሪ ጠረጴዛ'ውን መንም ከይተንከፎ ኣብ ግዚኡ ትሕት ኢሉ ነቲ ኣቡን ከምዝምችእ ኮይኑ ኣብ ቅድሚኡም ተደቀኖም። ምስቶም ተኣከብቲ ብግልጺ ካብ ምርእላይ'ውን ኣይዓገቶምን።

"እ ሓደስቲ ናይ G20 ሃገራት መራሕቲ! ብናይ ሉሱፈል ዋና ዋና ሹማምንቲ ናይ መተሓዳደሪ ሕጊ መሰረት መንም ኣባል ኮነ መራሒ፣ ኣብ ጉባኤ ኮነ ኣብ ዝኾነ ቦታ ሃንደበት ብዝርእዮ ተኣምርን ዘደንቕ ነገርን ተገሪሙ ብኣድናቕት ከፋጺ ኮነ ናይ ኣድናቕት ቃላት ክዛረብ፣ ወይ'ውን እህህህ.... ኢሉ ኣፍጢጡ ናይ ምስትውዓል ተግባር ብጥብቂ እኳ እንተዘይኮነ ኩልኩል ኢዩ። ኣብ ክንድኡ ግና ዝኾነ ተኣምር ክግበርን ክግለጽን ከሎ፣ ምንም ነገር ከም ዘይተፈጠረ ሓሲቡ ነገር ግን ነቲ ዝረኣዮ ነገር ኣኽብሮት ንምሃብ ቆይሙ ከጣቕዕ ወይ'ውን ነቲ ቀንዲ ናይ መምለኺ ስርዓት ዝኾነ ናይ ሆረስ ፒራሚድ ቅርጺ ብኢዱ ሰሪሑ ኣብ ቅድሚ ጸጋማይ ዓይኑ ብምግባር ምስጋንኡ ኢና ከነቕርብ ዘለና። በዚ ኸኣ ነቲ ዝረኣዮ ነገር ተገዛኢ ምኽኑን ተኣማንነቱን የረጋግጽ። ናይቲ ጥበብ በዓል ቤት ንሱ ባዕሉ ምኽኑ'ውን በዚ መንገዲ ኣረጋጊጹ ይኾርዕ፣ የመስግን። እምበር.... ምግራም.... ምድናቕ...." ብማለት ቅልል ዝበለ መተሓሳሰቢ ሃቡ። እቶም ተኣከብቲ'ውን ብ "ተረዲኡና" ዝዓይነቱ ኣጣቒዖም ብማእከል ናይቲ በእዳዎም ዝሰርሕዎ ቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ የሚንቶም ኣሕሊፎም ብምጥማት ናይቲ ተኣምራት በዓል ቤት ምኽኖም ኣወጁ። ቅልል ብዝበለ ምሳሌ እዚ ቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ ናቶም መስቀል ማለት ኢዩ።

ከምቲ ብሰዓብቲ እምነት ክርስትና፣ መስቀል ናይ እምነቶም መግለጺ ዝኾነ፣ ሰዓብቲ ሳጥናኤል ድማ እዚ ቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ መግለጺኡም ኢዩ። ዓቢ ኣብዮታዊናን ናይ ናጽነት ኣቦናን ኢሎም ዝጽውዕዎ ሓይሊ፣ ንመጀመርታ ግዜ ጥበቡ ዝገለጸሉ፣ ንወድ ሰብ ዘሰልጠነሉ፣ ንወድ ሰብ ተገሊጹ ዝተራእየሉ፣ ብዙሕ ተኣምራት ዝገበረሉ፣ ናይ መጀመርታ ቤተ መቕደሱ እዚ ናይ ስሉስ ኩርናዕ ፒራሚድ ኢዩ። ምድራዊ ጥበቡ ንወድ ሰብ ገሊጹ ዘርኣየሉ፣ የሚንቶም ዝኸፈተሉ፣ ንመጀመርታ ግዜ ንዕኡ ክስዕቡን ከምልኽዎን ዝገበረሉ ቦታ ስለዝኾነ ናይቶም ሰዓብቱ መስቀል ኮይኑ የገልግል። ንሳቶም'ውን ንዕኡ እሙናት ምኽኖም ይገልጹሉ። ተጻረርቲ መስቀል ምኽኖም ይእውጁሉ። ናይ ኣቦኡም ክብሪ ይገልጹሉ። ተኣማንነቶም የረጋግጹሉ፣ ወዘተ...,, ናይዚ ኣርማ ሰዓብቲ ነብሳት በዚሑም ማለት ብናቶም ትርጓሜ፣ ዓወቶም እንዳሰፍሐ ምምጽኡ ዘረጋግጽ ይኸውን ማለቶም ኢዩ።

እቶም ጳጳስ ቀጸሉ፣ "ንሕቶታትኩም ኣብ ኣእምሮይ መዝጊበ ሒዘዮ'ለኹ። ካብቲ ናይ መጀመርታ ሓታቲ ተበጊሰ ብስሩዕ ቅድመ ተኸተል ይኸውን መልሲ ዝህቦ" በሉ። ነዚ ኣብ

ዝተዛረቡሉ ቅጽበት ካበይ ከም ዝመጹ ዘይፍለጡ ንኣሽቱ ኣትማን ኣብ ማእከል ጸጉሮም ፈለኽለኽ ክብሉ ጀመሩ። ቀጺሉ፣ ገጹ ናይ ሰብ ዓጽሚ ዝመስል፣ ካልእ ኣካሉ ግና ቅርጺ ገበል ዝመስል ህጻን ኣብ ትሕቲ እግሮም ኮፍ ኢሉ፣በተን ቀጠንትን ኣዝየን ነዋሕትን ዝኾና መልሓሱ ከንፈሮም ደጋጊሙ ክልሕስ ተስተውዓለ። ብዙሕ ኣይጸንሐን ልሕስ ልሕስ ኣቢልዎም ከደ። እቶም ኣትማን'ውን ሰዓብዎ።

"ኢንዶኒዥያ!" ክብሉ ጀመሩ። ፋልማይ ሓታቲ መራሒ ኢንዶኒዥያ ስለዝነበረ።

"እዚ መጽሓፈ ሄኖክ ተባሂሉ ዘሎ ናይ ዓለምና ናይ መጀመርታ ጽሕፈት ኢዩ። እዚ'ውን ካብ ካልእ ፍልይ የብሎ። ናይ መጀመርታ ኮይኑ ብናይታ ሃገር ቋንቋ ጥራይ ምርካቡ'ውን ከምኡ። ሄኖክ ባዕሉ እንተኾነ ወድሰብ ክንሱ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣእምሮኡ ዝተጠቀመ ሰብ ነይሩ። ወድ ሰብ ካብ 20 ፐርሰንት ንላዕሊ ኣእምሮኡ ኣይተጠቀመን። ሄኖክ ግና 100% ናይ ኣእምሮኡ ኣይ ኪው /IQ/ ዝተጠቐመ እንኮን ናይ መጀመርያን ሰብኣዊ ፍጡር ኢዩ ነይሩ። ልዕሊ ኩሉ ግና ነቲ ልዑልና ጥራይ ዝፈልጦ ነገር፣ እዚ ሄኖክ ዝተባሃለ ሰብ ብዝርዝር ምፍላጡን ክሳብ እቲ ቦታ ከይዱ ምስናዱን፣ ንዕኡ'ውን ብናይ ወድሰብ ቋንቋ ጽሒፉ ንሕዝቢ ዓለም ክበጽሕ ስለዝጸዓረን ከምኡ ኸኣ ክኸውን ስለዘይግብኦ፣ ንብዙሓት'ውን ስለዘስሕት ኣተኩሮ ክንህቦ ተገዲድና ኣለና። ኣብ ውሽጡ'ውን ብሙሉኡ ናይቲ "ናይ ወድሰብ ላዕለዋይ ኣካል ኢየ" ዝብል ኣካልን ናይ ሰዓብቲ ጭፍርኡን ሓፈሻዊ ኣሰራርሓን ተግባርን ተገሊጽዎ ኣሎ። ካብ ናይ ጸሓይን ወርሕን ጀሚሩ ካሳብ ናይቶም ጭፍርኡ ናይ ስራሕ ብጽሒትን መንፈሳዊ ኣሰራርሓን ኣመዳድባን ገሊጹሉ ኣሎ። ነቲ ዝረኣዮ'ውን ተዛሪቡሉ ኣሎ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል ንልዑልና ብዝምልከት ዝሓወሰሉ ገለ ገለ. . . . ሓሶት ነገራት ገዲፍካ ብዙሕ ሓቅታት ኣለዎ። ኣብ ርእስ'ዚ እውን ከም ካልኦት ናይ ሃይማኖት መጽሓፍትታት ተራ ዘይገብርዎ ነገራት ኣብ ውሽጡ ሒዙ'ሎ። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣብ ኢድ ኩሉ ሰብ ዝርከብ መጽሓፍ'ውን እንተኾነ ከም መንም መጽሓፍ ተራን ዋላ ሓንቲ ክነግር ዘይክእልን ይምሰል ደኣምበር ኣብ ውሽጡ ግን ብዙሕ ሓቅታት ኣለዎ። ኣብቲ ቀንድን ኣብ ኢድና ጥራይ ዘሎን ሙሉእ መጽሓፍ ድማ ካብ ካልኦት ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ዝፍለየሉ በብዓይነቱ ነገራት ኣለዎ። ካብዚኣም'ውን እቲ ቀንዲ፣ ንመጀመርታን ንመወዳእታን ግዜ እታ ገነት ዝተባህለት ንደቅሰባት ተሓሲባ ዝነበረት ቦታ ኣበይ ከም ትርከብን ብልክዕ ቦታኣ ኣበይ ከም ዝኾነ ብንጹር ዝሰፈረሉ መጽሓፍ ምኻኑ ኢዩ። ብተወሳኺ'ውን እቲ ካብ ጥፍኣት ማይ ዝደሓነ ናይ መጀመርታን ናይ መወዳእታን ነገድ መስፈሪኡ ዝገበራ ምድሪ ኣየነይቲ ምድሪ ከምዝኾነት ብግልጺ ስለዘፍልጥ ኢዩ። ናይ መጀመርታ ቋንቋ ኣየናይ ከምዝነበረ'ውን ስለዝጥቁም ኢዩ። እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን ወድሰብ ቅድሚ ምፍጣሩ ካልኦት ፍጡራን ከምዝነበሩ ኣጸቢቑ ስለዘረጋግጽ ኢዩ።

ወድሰብ ኣብ ዝተፈጠረሉ ቅንያት እቶም ፍሉያት ፍጥረታት ማለት፣ መጽሓፍ ቅዱሶም ከይዘርዘረ “ኔፊሊም” ጥራይ ኢሉ ዝጸውዖምን ምስ ደቅሰባት መውስቦ ፈጺሞም ዝተዳቐሉን፣ ደሓር’ውን ንናይ ልዑልና ዕላማ ደጊፎም ኣብ ጎኑ ዝቐሙ ረቀቕትን ስልጡንን ዝነበሩ ፍጡራን ዝገበርዎ ዓመጽ ተንቲኑ ስለዝገለጸሉ ኢዩ። ካብ ፍረ ነገራቱ ገሊኦም እዚኦም ኢዮም። እዞም ሓቅታት ድማ ምእንቲ ድሕነት ልዑልና፣ ከይተፈለጡ ክጸንሑ ነይርዎም። ከይተፈለጡ ብምጽንሖም’ውን ንናይ ሄኖክ መጽሓፍ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ቀንዲ መጽሓፎም’ውን ከይተረፈ ኣብ ምልክት ሕቶ ከእቱ ክኢሉ’ሎ። ነቲ ክፍጠር ንደልዮ ዘይንጹርነት’ውን ጽቡቕ ሓገዝ ኮይኖም ኣለዉ። ብርግጽ ነቲ ሄኖክ ብዛዕብኦም ዝጸሓፎ፣ መጽሓፍ ቅዱሶም ብሓንቲ ቃል ብምጥቕላል ገሊጽዎ ይሓልፍ። ንዕኡ’ውን እንተኾነ ካልእ ትርጉም ክሕዝን ክወሃቦን ኢና ጌርና። እስከ . . . . .ሓደ ናይ ቤተ ክህነት ሊቅ ከም ምኽነይ መጠን ነቲ መጽሓፍ ገንጺለ ሓደ ምሳሌ ከርኢ’ሞ ከረድእ ክፍትን” ብማለት፣ ከም ላግጺ ዝበለ ፍሽኽታ ኣርኣዩ’ሞ ርግእ ኢሎም ተንሲኦም ነቲ ስክሪን ዳህሰስዎ። ዓበይቲ ፊደላት ነቶም ተኣከብቲ ብንጹር ከም ዝንበቡ ኮይኖም ክርኣዩ ጀመሩ። እቶም ጳጳስ’ውን ገፈፍ ገፈፍ እንዳበሉ፣ ናብቲ ስክሪን ብኢዶም እንዳጠቆሙ ከረድኡ ጀመሩ።

“ኦሪት ዘፍጥረት ኣብ ዝብልዎ፣ ምዕራፍ 6 ቁጽሪ 1ን 2ን ከምዚ ክብል ይጅምር፣ “ኮነ ድማ ሰብ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ኺበዝሕ ምስ ጀመረ፣ ኣዋልድ ከኣ ምስ ተወልዳሎም፣ እቶም ደቂ ኣምላኽ ድማ ነተን ኣዋልድ ሰብ፣ መልክዔኛታት ከም ዝኾና ምስ ረኣዩ፣ ካባታተን ዘዝሓረይወን ኣንስቲ ወሰዱ።”

“ኣብ ምዕራፍ 6 ቁጽሪ 4 ድማ ከምዚ ይብል፣ “ደቂ ኣምላኽ ናብተን ኣዋልድ ሰብ ምስ ኣተዉ፣ ንሳተን ከኣ ምስ ወለዳሎም፣ በቲ ዘበን እቲ፣ ብድሕሪኡ ድማ፣ ኣብ ምድሪ ንጉዓት ሰባት (ኔፊሊም) ነበሩ። እቶም ካብ ጥንቲ ስሙያት ዝነበሩ ጅጋኑ ሰባት እዚኣቶም እዮም።” ይብል።

“ደቂ ኣምላኽ ዝብል ዘሎ ንመን ኢዩ? እቶም ንጉዓት ሰባት (ኔፊሊም’ከ) በዓል መን ኢዮም? ኢልኩም ንዝኾነ ናይ ሃይማኖት ሊቃውንቲ ሕተቱ። ዝህቡኹም መልሲ ሓደ ዓይነትን ተመሳሳልን መልሲ ኢዩ። ኣብ ናትና ቤተ ክርስቲያን ኮነ ኣብ ካልእ ተመሳሳሊ ቦታታት ካልእ ትርጓሜ ተዋሂብዎ ከምዝተርፍ ኢና ጌርና። እንታይ ኢዩ ንሱ? ደቂ ኣምላኽ ዝብል ዘሎ ንወገን ኣቤል፣ ኣዋልድ ሰብ ዝብል ድማ ንወገን ቃኤል ኢዩ ኢሎም ኢዮም ዝነግሩኹም። ካልእ ሓቀኛ መልሲ ክትረኽቡ ኣይትኽእሉን። ምዝብራቕ ክበሃል ከሎ ብቐሊል ምሳሌ ክግለጽ ከሎ ነዚ ይመስል። ቅድሚ ኣዳም ካልእ ፍጡር ነይሩ ኢልካ ምሕሳብ ሓጢኣት ከም ዝኾነ ነጊርናዮም ኣለና። እቲ ዝሓዝዎ መጽሓፍ ግና ብዝጸረየ ኣገላልጻ ነቲ ሓቂ ይነግሮም

ኣሎ። ክሰምዑ ዘለዎም ግና ንዓና ኢዩ። ከመይ ገይሮም ሓሲቦሞ ኢዮም? ንደቂ ኣቤል ደቂ ኣምላኽ፣ ንደቂ ቃኤል ኣዋልድ ሰብ ኢሉ ዝስይምን ዝጽውዕን ኣካል'ከ ከመይ ገይሩ ክህሉ ይኽእል? ፍልልይ'ከ ከመይ ገይሩ ብኽም'ዚ ይግለጽ? ኢሎም ክሓቱ ይኽእሉ ነይሮም፣ ከምኡ ንኽይገብሩ ዝገበርና ንሕና ኢና። ኣዝዮም ውሑዳት'ውን ንመጽሓፈ ሄኖክ ጠቒሶም "ንጉዓት ሰባት (ኔፊሊም) ዝወደቑ መላእኽቲ ኢዮም" ዝብል ሓቀኛ መልሲ ክህቡ ጀሚሮም ኣለዉ። ነዚ መልሲ ክህቡ ዝጀመሩ መጽሓፈ ሄኖክ ምስረኣዩ ኢዮም። በዚኣ ሓንቲ ሙሉእ ሓሳብ ማዕረ ክንድዚ ለውጢ ዘምጽእ ካብ ነበረ፣ ሙሉእ መጽሓፈ ሄኖክ እንተ ዝኣቱ ድማ ክንድምንታይ ክሳራ ከውርደልና ከምዝኽእል ሕሰቡ። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ግና ኣብ ዕላማና ዝፈጥሮ ሽግር የለን። ንነዊሕ እዋን ከይተፈለጠ ምጽንሑ ግና ጠቒሙና ኣሎ። ዝወደቑ መላእኽቲ ተባሂሉ ምጽዋዕ ዝተጀመረ መጽሓፈ ሄኖክ ምስተረኽበ ከምዝኾነ ኣስተውዕሉ። ብዝኾነ፣ ናይዚ ሕቶ ሓቀኛ መልሲ ዘሎ ኣብ መጽሓፈ ሄኖክ ጥራይ ኢዩ! መጽሓፈ ሄኖክ ብዛዕባ እዞም ኔፊሊማት ከምዚ ክብል ነቲ ሓቂ ኣስፊርዎ'ሎ። ኣብ መጽሓፈ ሄኖክ ምዕራፍ 5 ቁጽሪ 69 ፣ ሄኖክ ነቶም ደገፍቲ ልዑልና ዝኾኑ ኔፊሊማት ንምትዕራቕ እንዳተለኣኣኸ ኣብ ዝልምኖም ዝነበረ ወቕቲ ንዝነበረ ኩነታት የርእየና፣ ከምዚ ይንበብ፣ "ናብዚ ቅረብ ቃለይ'ውን ስማዕ፣ ነቶም ምእንትኦም ክትልምነሎም ኢለ ዝለኣኽኩኻ ንሓጢኣት ዝተግሁ ደቂ ሴት ኬድካ ንገሮም። ንስኻትኩም ንሰባት ክትልምኑሎም ይግበኣኩም ነይሩ፣ ሰብ ግን ንዓኹም ክልምነልኩም ኣይግብኦን ነይሩ።" ይብል። ከምዚ እንዳበለ'ውን ኣብ መንነ ደቅሰባትን ኔፊሊማትን ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ብዝርዝር እንዳተንተነ ይቕጽል። ይኹን ደኣምበር መጽሓፈ ሄኖክ ኣብ ሙሉእ ዓለም ኣብ ዘለዉ መጽሓፍ ቅዱሳት ከይካተት ስለዝገበርና፣ መንም ከስተውዕሎን ሓደ ኣካል ናይቲ መጽሓፍ ገይሩ ክቕጽሮን ኣይከኣለን። ዓቢ ስራሕ ተሰሪሑ ዝበልናዮ'ውን ነዝን ነዚ ዝኣመሰለን ኢዩ። በዚ ሓደ ምሳሌ ንኩሎም ካልኦት ነገራት ጠቕሊልኩም ክትሓስቡን ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ክትርድኡን ትኽእሉ። ሄኖክ ብዛዕባ እቲ ዝነበረሉ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ ዘይነበረሉ ዳሕረዋይ ዘመን ከይተረፈ ጽሒፉ'ሎ። ብዛዕባ እቲ ኢየሱስ ዝተባሃለ'ውን ኣቕዲሙ ዝጸሓፈ ሄኖክ ኢዩ። ብሓጺርን ንጹርን ቋንቋ፣ ነቲ ናይ መጀመርታ መጽሓፍ ቅዱስ ዝጸሓፈ ሄኖክ ኢዩ። ካልእ ኩሉ ተረፍ ኢዩ። ናይ ሄኖክ መጽሓፍ ቅድሚ ብሉይ ኪዳን ዝተጸሓፈ ኢዩ። ሄኖክ ባዕሉ ካብ ኣዳም መበል 7ይ ትውልዲ ኢዩ። ብዛዕባ ሰዓብቲ ልዑልና፣ እንታይነቶምን መንነቶምን ዝተዘርዘረሉ መጽሓፍ ኢዩ። ስለዚ ኣተኩሮ ሂብናዮ'ለና። በዝን ብኻልኦት ተዘርዚሮም ዘይውድኡ ምኽኒታትን ተቐሪጹ ንኽወጽእ ጌርና'ለና።

"ርግጽ ኢዩ፣ ከምቲ ሓደ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ ነቲ ዝድግፎን ዝቕበሎን ኣካል ሓያል እንዳገበረን ኣድኒቑን ዝጽሕፍ፣ ንሱ'ውን ነቲ ላዕለዋይ ኣካል እንዳድነቑን እንዳጋነነን ጽሒፍዎ

ኣሎ። ኣሸናፊነቱ ዝጸሓፈ'ውን ደጋፊኡ ስልዝኾነ ኢዩ'ሞ ኣይገርመናን። ናትና ልዑል ግና ንዓወቱ ብጽሑፍን ብተስፋ ዝመልአ ወረን ዘይኮነሲ ከምቲ ሎሚ ብግልጺ ዝረኣኹሞ ብተግባር ኢዩ ዘርኣየናን ዘርእየናን! እሞ እዚ መጽሓፍ ብኣፈታሪኽነቱ ጥራይ ተወሲኑ ከምዝተርፍ ምግባር ልዑል መስዋእቲ ይሓትት ነይሩ።

"ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ግና ብመንም ይፈለጥ ኣይፈለጥ ዝኾነ ለውጢ ኣየምጽእን። ነቲ እንተተፈለጠ ጉድኣት ኣየምጽእን'ዩ ኢልና ዝሓሰብናዮን ነቲ ቀዳሞት ኣቦታትና ዝዘባረቕዎን ኢና ኣብ ኢድ ኩሉ ከምዝርከብ ዝገበርና። ብሓጺሩ ነዚ ገነት ዝተባሃለ ቦታ ብጀካ ልዑልና መንም ኣይፈልጦን። ሄኖክ ጥራይ ይፈልጦ ነይሩ። ንዕኡ'ውን ርቕቕ ብዝበለ መንገዲ መልእኽተኛና ልኢኽና፣ እቲ ኣገዳሲ ሙሉእ ሓሳብ ክጠፍእን ብኻልእ ተመሳሳሊ ሙሉኣት ሓሳባት ክትካእን ጌርና'ለና። ካብ ሚእቲ ዘይውሕዱ "በለ" "በለ" "በለ" ዝብሉ ቃላት ግእዝ ጥራይ ኣብ ናይ ነፍስ ወከፍ ሙሉእ ሓሳብ መእተውን መዕጸውን ከምዝካተት ብምግባር፣ መን ተዛራቢ መን ኣዛራቢ ከምዝኾነ ክሳብ ዘይፍለጠሉ ደረጃ ኣዛቢዕናዮ ኣለና። ርግጽ'ዩ ደንጉና ኔርና። ይኹን ደኣምበር እቲ መጽሓፍ ምስተረኽበ ናይ መጀመርያ ዕማምና ዝገበርናዮ፣ ነታ ነጥብን ካልኦት ነገራትን ምዝባዕ ነበረ። ነዚ ምትግባር እንተኽኢልና ድማ፣ ነቲ መጽሓፍ ከምዘለዎ ሰሪቕና ኮነ ኣጥፊእና ንጥቀሞ ነገር የለን። ኣብ ክንድኡ፣ ተዛቢዑ እንተጸንሐ ኢዩ ንኻልእ ተወሳኺ ስራሕ ክሕግዘና ዝኽእል። ከምዝበልክዎ፣ ነቲ ካልእ መጽሓፍ'ውን ናብ ምልክት ሕቶ መታን ከእቱ። ስለዚ ገዲፍናሎም ወጺእና። ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ኢድና ጥራይ ከም ዝርከብ ምግባር ምንም ጥቕሚ ስለዘይነበሮ ማለተይ ኢየ። ሕጂ'ውን ጥቕሚ የብሉን። ቀንድን ዓብን ነገር ግና እቲ መጽሓፍ ምስተረኽበ ብሙሉኡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከይካተት ምግባርና ኢዩ። ካብ ሕዝብታት ዓለምና ነዚ መጽሓፍ ኣብቲ ቀንዲ መጽሓፎም ብከፊል'ውን እንተኾነ ኣካቲቶም ዝጥቀሙሉ ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብያተ ክርስቲያናት ጥራይ ኢየን። ውሑዳት ነቲ ነገር ተረዲኦም ናይ መጀመርያ ቋንቋ ግእዝ ምኻኑ ከይፈልጡን ሄኖክ'ውን ዝጸሓፎ ብግእዝ ምኻኑ መታን ከይፍለጥ ኢልና እቲ መጽሓፍ ኣብ ዝተረኽበሉ ቅንያት ንዝተወሰና ክፍልታት ብግሪኽ፣ ብእብራይስጢ ኣስተርጒምናን ቀደም ዝተጸሓፉ ከምዝመስሉ ጌርና ብምድላውን ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኣብ ኤውሮፓን ከም ዝብተን ጌርና። በዚ'ውን ናይ'ቲ መጽሓፍ ኣከራኻርነት ኣበራቲዕናዮ። ክሳብ ሕጂ'ውን ሄኖክ ዝጸሓፈሉ ቋንቋ ኣከራኻሪ ኢዩ ዘሎ። ከምዚ ዝገበርና'ውን ኮነ ኢልና ኢና። እዚ ኮይኑ'ውን ኢትዮጵያውያን መሃይም ስለዝኾኑ ክሙግቱ ኣይክእሉን ደኣምበር ተኸራኺሮም ክረትዑ ምኽኣሉ ነይሮም። ከመይ ገይሩ ብብዙሕ ቋንቋ ክጸሓፍ ይኽእል? ኣብ ዘመን ሄኖክ ዝነበረ ናይ ዓለም ቋንቋ ግእዝ ከምዝነበረ እንዳተፈለጠ ከመይ ጌሩ ብግሪኽ ክርከብ ይከኣል? ኢሎም እኳ ኣይሓተቱን። ከምዘይሓቱ'ውን ርግጸኛታት ኔርና። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት'ውን ኢትዮጵያውያን ዝሓስቡ ዘለዉ

ካብ ግሪኽ ናብ ግእዝ ከም ዝተተርጎመ ኢዩ። በዚ'ውን ብዙሕ ግዜ ይስሕቐ ነይረ። ምኽንያቱ ናይ ግሪኽ ፊደል ዝመጸ ትማሊ፣ ናይ ግእዝ ቋንቋ ግና ኣዝዩ ቀደም ስለዝኾነ ኢዩ። ሄኖክ ኣብ ዝነበረሉ ዘመን ድማ፣ ግሪኽ /ጽርዕ/ ዝበሃል ሕዝቢ ኮነ ቋንቋ ኣይነበረን። ይትረፍ'ዶ ኣብ ናይ ሄኖክ ዘመን ኣብ ናይ ኣብርሃም ዘመን እኳ ግሪኽ ዝበሃል ነገር ኣይነበረን። ኣብ ናይ ሄኖክ ዘመን እብራይስጥ ዝበሃል ቋንቋ ንባዕሉ ኣይነበረን። ቋንቋ እብራይስጥ ንግእዝ ወድወዱ. . . . ኢዩ። ቋንቋ ክደባለቐ ከሎ'ኳ ግእዝ ጥራይ ኢዩ ህልውናኡ ሓልዩ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ተወሲኑ ዝተረፈን ክሳብ ሎሚ ዘሎን። ቋንቋ ኣብ ዝተደባለቐሉ ግዜ እቶም ካብ ነገድ ሴም ዝኾኑ ነዚ ናይ ሕጂ እብራይስጥ ዝተበሃለ ቋንቋ ምዝራብ ጀመሩ። ብድሕሪ እቲ ምድብላቐ ቋንቋታት ዝተወለደ ኣብርሃም እብራይስጥኛ ክዛረብ ጀመረ። ብድሕሪኡ ዝተንስኡ ትውልዲ'ውን ሒዝዎ ቀጸለ። ኣብ ዘመነ ሙሴ'ውን ንዕኡ ይጥቀሙ ስለዝነበሩ ሕገ ኦሪት ተጻሒፉ ተዋህቦም። ኣጽንዕዎ ተመሃርዎ። እቲ ሕገ ኦሪት ድማ ስዒበ ከምዘነጽሮ፣ ናብ ኢትዮጵያ ኣተወ'ሞ ናብ ግእዝ ተተርጎመ። ከምዚ ኢዩ እቲ ታሪኽ። ነዚ ኢየ ብዙሕ ግዜ ዝስሕቐ። ንሶም ግና ጠቓሚ ከምዘይኮነ ስለዝኣምኑ ብቐሊሉ ነቲ ንብሎም ነገራት ንምቕባል ተማቲኦም ኣይፈልጡን። ስለዚ መጽሓፈ ሄኖክ ንዓና ኣዝዩ ወሳኒ ስለዝነበረ ኣተኩሮ ሂብናዮ ጸኒሕና ኣለና፣ ነዚኦም ዝኣመሰሉ ሰፋሕቲ ዕማማት'ውን ሰሪሕና'ለና።

"እቲ መጽሓፍ ስለምንታይ ኣብኡ ከምዝተረኽበን ዝተጻሕፈሉ ቋንቋ እንታይን ብኸመይን ከምዝነበረ ሓቲትካ ኣለኻ። ብግእዝ ከምዝተጻሕፈ እብ ላዕሊ ገሊጸዮ'ለኹ። እወ እቲ መጽሓፍ ዝተጻሓፈ ብቋንቋ ገነት ኢዩ። በቲ በዓል ሳድስ ዝኾነን ነቲ ናይ መጀመርያ ሰብ ኣዳም ተባሂሉ ዝተዳለወ፣ በዓል ሸውዓተ ተነባቢ ፊደላት ዘለዎን 26 ሆሄያት ብዝሓዙ ፊደልን ቋንቋን ኢዩ ተጻሒፉ። ኢትዮጵያውያን ግእዝ ይብልዎ። እዚ ቋንቋ'ዚ ሃይማኖታዊ ቋንቋ ኣይነበረን። ናይ ሕዝቢ ዓለም ወይ ናይ ኩሉ ወድሰብ ቋንቋ ዝነበረ ኢዩ። ቋንቋታት ክከፋፈሉ ከለዉ'ውን መሰረቶም ግእዝ ገይሮም ኢዮም ተመቓቒሎም። ቋንቋ ቅድሚ ምምቕቓሉ ኮነ ድሕሪ ምምቕቓሉ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ቋንቋ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ። ኣብ ዓለምና ኣብዚ ሕጂ ግዜ እቶም እንኮ ቋንቋ ግእዝ ተጠቀምቲ፣ ኢትዮጵያውያንን ሒደት ኤርትራውያንን ጥራይ ኢዮም። ካብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ግና ነቲ ቋንቋ ብኻልኣ ተኪኦም ናይ ግእዝ ዘርኡ ከይሓደገ ብዝተሓደሰ ቋንቋ ለዊጦሞ'ለዉ። ኣምሓሪክ ይበሃል። ሕጂ'ውን ሃገራዊ ቋንቋኡም እዚ ኣምሓሪክ ዝበሃል ኢዩ። እቲ ፊደሉ ያው ከምቲ ናይ ግእዝ ፊደል ኮይኑ 34 ዝኾኑ ሆሄያት ኣለውዎ። በዚ ምኽንያት ብዙሕ ጽሑፋት ግእዝ ናብ ኣምሓሪክ ክትርጉምዎም ተገይሩ'ሎ። ኩሎም ናይ ግእዝ ሰነዳት'ውን ኣብ ኢድና ኣለዉ። ብሓጺሩ እቲ ቋንቋ ክጠፍእን ናትና ዝኾኑ ሰባት ጥራይ ንምርምር ክጥቀሙሉን ጌርና'ለና። ኣብኡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ'ውን ካብ ብዙሓት ብውሑዱ ናትና ኣብ ዝኾኑ ናይ ቤተ ክህነት

ሰባት ጥራይ ተወሲኑ ክተርፍ ብዙሕ ሰሪሕና'ለና። ስለዚ መጽሓፈ ሄኖክ ብግእዝ ኢዩ ነይሩ ተጻሒፉ። ብድሕርዚ ብዉሑድ መጠን ነቲ ዝተበረዘ ናብ ኣምሓርኛ ተርጎምዎ። ንሶም ከምኡ ቅድሚ ምግባሮም ግን ጌና ግእዝ ኣብ ዝጥቀሙሉ ዝነበረ እዋን ንሕና ብእብራይስጥን ብግሪኽን ተርጕምና ሃንደበት ከም ዝተረኸበ ኣምሲልና ሰብ ኣብ ዘይበዝሑ ጫካ ሰንደናዮ። ተረኺቡ ተባሂሉ ጉድ ተባህለ። ኣብ እስራኤል'ውን ብተመሳሳሊ ከምኡ ኢና ጌርና። ስዒቡ ናብ እንግሊዝኛን ናብ ኩሉ ቋንቋታትን ተተርጎመ። እታ ሓቀኛ ግና ምሳና ጥራይ ኢያ ዘላ። ከምኡ ዝገበርና ናይቲ ዝተጻሕፈሉ ልክዕ ግዜ መታን ከይፍለጥን ኣከራኻሪ ኮይኑ ክቕጽል ብዝብል ኢዩ። ነቲ ብጽርዕ /ናይ ቀደም ግሪኽ/ ተረኺቡ ዝተባሃለ 1 ሽሕ ፣ ብእብራይስጥ ተረኺቡ ዝተበሃለ ድማ 2 ሽሕ እንዳገበርና ብኹሉ ቋንቋን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ኣብ ዝተፈላለየ ዘመንን ከም ዝተረኸበ ኣምሲልካ ካብ ምድንጋርን ዝሓይሸን ዝቐልልን ስራሕ ኣይነበረን። ንሱ'ውን ሰለጠና።

"እቲ መጽሓፍ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተረኸበሉ ሚስጥር ከፍልጠኩም" በሉ'ሞ፣ ነቲ ንጹርን ሰፊሕን ስክሪን ኣጻብዕቶም ተጠቂሞም ግንጽል. . . ግንጽል. . . ምስኣበልዎ፣ ጢጥ. . . ጢጥ. . . ጢጥ. . . ዝብል ትሑት ድምጺ ከስማዕ ጸንሐ። ኣብ ዝደልይዎ ቦታ ምስ በጽሑ ትንክፍ ኣቢሎም ነቲ ናይ ቪድዮ ምስሊ ክጅምር ገይሮም ብሕድኣት ናብ መንበሮም መጺኦም ኮፍ በሉ። ፍርቂ ጠመተኦም ናብ ስክሪን ፍርቂ ጠመተኦም ናብቶም ተኣከብቲ ገይሮም ትንተናኦም ቀጸሉ። እቲ ዝትንትንዎ ነገር'ውን ብምስሊ ቪድዮ ውሕዘቱ ሓልዩ ነቶም ተኣከብቲ ብግልጺ ምርኣዩ ቀጸለ። "እቲ መጽሓፍ ኣብ ኢትዮጵያ ክርከብ ዝኽኣለ ብሰንኪ ወድ-ወዱ ኢዩ። ብናይ ሄኖክ ወድ-ወዱ ማለተይ ኢየ። ኣቐዲሙ ብሓውኹም መራሒ ኣሜሪካ ከም ዝተገለጸ ወድሰብ ብኢፍትሓውነት ብጥፍኣት ማይ ምስ ጠፍኣ ካብ ናይ ምድሪ ሰባት ሓደ ውልቀሰብ ጥራይ ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣይሓደንን ነበረ'ሞ ምስ ቤተሰቡ ደሓነ። እዚ ንሄኖክ ወድ-ወዱ ዝኾነ ኖህ ዝተባሃለ ውልቀሰብ ምስ ቤተሰቡን ምስ ናይ ምድሪ እንስሳታትን ምስ ደሓነ፣ ሚዛናውነት ብዝጎደሎ መንገዲ፣ ነታ፣ እቲ ናይ መጀመርያ ሰብ ዝተሰንሳላ ምድሪ ክሰፍረላ ሃቦ። እዚ ሰብኣይ ናብ ኢትዮጵያ ከይዱ ኣብ ጥቓ ምንጪ ሩባ ግዮን ኣብ ዘሎ ሓደ ጎቦ ይዓልብ። እዚ ሰብ ናይ ሄኖክ ወድ-ወዱ ከም ምኽኑ መጠን ናይ ኣቦሓጎኡ ኩሉ ዶክመንት ብኽብሪ ሒዙ ኢዩ ናብ መርከብ ኣትዩ። ካብ መርከብ ወጺኡ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተባሃለት ምድሪ ናብራ ጀመረ። ካልኣይ ምዕራፍ ወድሰብ'ውን ብመንገዲ እዚ ሰብኣይ ጀመረ። ኣብዚ ሓድሽ ዝኾነ ካልኣይ ናይ ወድሰብ ምዕራፍ ድማ ኣብኡ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ደቁ ክነብር ብምጅማሩ፣ ብመንገዲ ደቁ ብዝሕ ዝበሉ ደቅ-ደቂ ኣፍረየ'ሞ ሓደ ርእሱ ዝኽኣለ ነገድ ኮነ። ነቶም ነገዳቱ ኣኪቡ'ውን ነቲ ብትእዛዝን ሓይልን ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝተሰርሐ መርከብ መጠኑ ኣንኢሶም ነገር ግን ኣመሳሲሎም ክሰርሑ ኣዘዞም'ሞ ክልተ ተመሳሰልቲ መራኽብ

ክሰርሑ ከኣሉ። ብድሕርዚ ነቶም ሴም፣ ካም፣ ያፌት ዝተባሃሉ ሰለስተ ደቁ ካብቲ ላዕለዋይ ኣካል ብዝተዋሃቦ መምርሒ መሰረት ናብ ሰለስተ መኣዝናት ፋሕ ኣበሎም። ንሴም ነታ ናይ መጀመርታ ዝኾነት ናቱ መርከብ ሂቡ ምስ ነገዱ ብሸነኽ ቀይሕ ባሕሪ ክኸይድ መርሖ። ንካም ካብተን ሓደሽቲ ዝተሰርሓ ሓንቲ መርከብ ሂቡ ናይ ሩባ ኣባይ (ፈለግ ኒል) መስመር ሒዙ ብሸነኽ ምዕራብ ነዛ ናይ ሕጂ ኣፍሪቃ ክሕዝን ክፋረን ናብ ምድሪ ኣፍሪቃ ኣፋነዎ። ንያፌት ድማ ነታ ዝተረፈት መርከብ ሂቡ ህንዳዊ ውቅያኖስ ኣቋሪጹ ክሓልፍ ኣዘዞ። እዞም ሰለስተ ነገዳት 50 ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ምድላዋቶም ኣጻፊፎም፣ ከምቲ ኣቦኦም ክድሕን ከሎ ዝገበሮ ዓይነት ናይ እንስሳታት ምምቕቓል ገይሮም መርከቦም ብሰብን ብእንስሳን እንዳጓዓዙ ናብቲ ዝተሓበርዎ ኣንፈት ተዋፈሩ። ብመሰረት እዚ ዓይነት ዝርግሐ ነገዳት'ውን፣ ሴም ኤውሮፓን ብሙሉኡ ማእከላይ ምብራቕን ሓዘ፣ ካም ኣፍሪቃ ብምልእታ ሓዘ፣ ያፌት ብሙሉኡ ርሑቕ ምብራቕ ሒዙ ህይወት ቀጸለ። ኖህ ግና ኣብቲ ዝነበሮ ምድሪ ኢትዮጵያ ተወሲኑ ተረፈ። ኣብ ማዕዶ ግዮን ናብ ዘላ ስፍራ ተጓዒዙ'ውን ኣብታ ቦታ ሓንቲ ቁሸት መስሪቱ ክነብር ድሕሪ ምጽናሕ ሞተ። ደቅ-ደቁን ሓሸከራቱን ከኣ ቀበርዎ። ነቶም ደቁ ከፋኑ ከሎ ምስኡ መታን ክኾኑ ዘትረፎም ካብ ሰለስቲኦም ዝተዋጽኡ ትውልዲ ነበርዎ። መጽሓፈ ሄኖክ ሓሙሽተ ጥራውዝቲ ይንበርዎ ደኣምበር ዝኾነ ካብኣቶም ከይተወሰደ ኣብ ኢትዮጵያ ኢዩ ተሪፉ። እተን ኣርባዕተ ጥራዝ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለየ ስፍራታት ኢዮም ነይሮም ዝርከቡ። ነቲ ሓደን ቀንድን ግና እቶም ምስኡ ዝነበሩ ነገዳት ወይ ደቅ-ደቁ፣ ኖህ ሞይቱ ክቕብርዎ ከለዉ ነቲ ቀንዲ መጽሓፈ ሄኖክን ካልኦት ታሪኻዊ ሰነዳት፣ ኣብ መቓብሩ ኣንበርዎ። ኣስተውዕሉ! ቅድሚ ሕጂ ብተደጋጋሚ ከም ዝተገለጸልኩም እቲ ላዕለዋይ ኣካል ብናይ ቁጽሪ ቀመር ኢዩ ንዓለም ሒዝዋ ዘሎ። ኩሉ መንፈሳዊ ኣሰራርሕኡ ምስ ናይ ቁጽሪ ቀመርን ምስ ፊደላት ግእዝን ዝተተሓሓዘ ኢዩ። ናትና ልዑል'ውን ብናይ ቁጽሪ ቀመር ከም ዝምራሕ ትፈልጡ ኢኹም። ስለዚ እቲ ጥፍኣት ማይ ዝተኸስተሉ ብ1656 ዓመተ ዓለም ኢዩ ነይሩ። ሰብ ካብ ዝፍጠር ኣብ መበል 1656 ዓመቱ ናይ ማይ ጥፍኣት ኣጓነፈ/ ድሕሪ 5500 ዓመት ብ1656 ዓ.ም ድማ እቲ ካብ ሕዝቢ ዓለም ተሰዊሩ ዝጸንሐ ናይ ኖህ ቦታ መቓብሩ ተረኽበ። ኣብ 1656 ዓ.ም ሓደ ንጉስ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ መቓብሩ ቤተ መንግስቲ ሓነጸ። እዚ ትርእይዎ ሕንጻ ቤተ መንግስቲ ምሕናጽ ዝወድአ ብ1656 ዓ.ም ኢዩ። ማይ ጥፍኣት ዝመጸሉ ብ 1656 ዓመተ ዓለም እንተድኣ ኮይኑ፣ ክርስትና ክሳብ ዝመጽእ ዝነበረ ዘመን 3844 ዓመታት ይኸውን። ድሕሪ ክርስትና ከም ብሓድሽ ሓደ ኢሉ ምቑጻር ካብ ዝጀመረሉ ግዜ እዚ ሕንጻ ክሳብ ዝተሓነጸሉ ዘሎ ግዜ ድማ 1656 ዓመታት ኢዩ። ናይዞም ክልተ ኣዝማን ድምር 5500 ዓመት ይኸውን ማለት ኢዩ። ካብቲ ናይ መጀመርታ

ወድሰብ ኣትሒዙ ካሳብ ግዜ ክርስትና ዝነበረ ዘመን ድማ ከም ትፈልጥዎ 5500 ዓመት ኢዩ።

“እቲ ላዕለዋይ ኣካል እንኮ ኣማኒኡ ኖህ ጥራይ ስለዝኾነን ይፈትዎ’ውን ስለዝነበረ ከምኡ’ውን ንዘርኢ ኢሉ ዘትረፎ ሰብ ከም ምኳኑ መጠን ብሸም ቤተ መንግስቲ ዘመኑ ሓልዩ መዘከርታ ኣቐመሉ። ቅርጹን ኩሉ ትሕዝቶኡን ነቲ መርከብ መሲሉ ተሰርሐ። ርግጽ ኢዩ ኢትዮጵያውያን ነዚ ታሪኽ ፈጺሞም ኣይፈልጥዎን ኢዮም።

“ብዝኾነ ድሕሪ ብዙሕ ዘመን ነቲ ኖህ ዝተቐበረሉ ቦታ፣ እዚ ንጉስ ኣብዚ ዝተባሃለ ዘመን ሃንደበት ነቲ ምድረ በዳ ዝመስል ቦታ ንቤተ መንግስትነት ከውዕሎ ሓሰበ’ሞ ሓጹር ሓጸሮ። ሕንጻ ቅድሚ ምጅማሩ ክኩዓት ከሎ’ውን ምስ ኖህ ሓቢሮም ዝተቐበሩ ብርክት ዝበሉን በብዓይነቱን ክቡር ማዕድናት ክርከቡ ከለዉ፣ እዚ ብቐርበት ዝተጻሕፈ ናይ ሄኖክ መጽሓፍ’ውን ምስኡ ይርከብ’ሞ ኣብ ኢድ እቲ ንጉስ ይኣቱ። ስለዚ እቲ ቀንዲ ናይ ሄኖክ መጽሓፍ ን5500 ዓመታት ተቐቢሩ ድሕሪ ምጽናሕ ናይ ሎሚ ኣስታት 400 ዓመት ኢዩ ተረኺቡ። ካብተን ካልኦት ኣርባዕተ ጥራዝ ዝበልጽን ንዓና ወሳኒ ዝኾነን እቲ ቀንዲ እዩ። በዚ’ውን እቲ ካብ ጥፍኣት ማይ ዝደሓነ ወድሰብ ናይ መጀመርታ መስፈሪቱ ዝኾነት ምድሪ እታ ዓዲ ምኳና ተረጋገጸ። ምኽንያቱ ናይ ኣቦሓጎኡ መጽሓፍ ሒዙ እንድዩ ተረኺቡ። ምስኡ ሓቢሩ ዓጽሙ ተረኽበ፣ ሃብትታቱ’ውን ተረኽበ፣ መጽሓፈ ሄኖክ’’ውን ተረኽበ። ኩሉ ነገር ኢትዮጵያ ተረኽበ። በዚ መሰረት እዚ፣ እቲ ወሳኒ ዝኾነ ናይ ሄኖክ መጽሓፍ ተረኺቡ ኣብ ኢድ እቲ ንጉስ ይኣቱ’ሞ ብኽብሪ ይቐመጥ። ብድሕርዚ፣ ድሕሪ ሒደት ዓሰርተታት ዓመታት ኣብቶም ተኽታቲሎም ዝነገሱ ነገስታት ናይ ስልጣን ባእሲ ይለዓል’ሞ ሓንቲ ተዋበች /ምንትዋብ/ ዝተባሃለት ዕድመ ዝደፍኣት ንግስቲ ካብ ቤተ መንግስቲ ንኽትግለል ይግበር። ኣብቲ ግዜ’ቲ ካብቲ ከተማ ርሕቐ ኢላ ትኸይድ’ሞ ነዚ ቤተ ክርስቲያን ኣስሪሓ ኣብዚ ምንባር ትጅምር። ኣብ ውሽጢ እቲ ቤተ መንግስቲ ዝነበሩ ሓደ ሓደ ዶኩመንታት ክትወስድ ከላ’ውን ነቲ ቀንዲ መጽሓፈ ሄኖክ ኣጠቓሊላ ኢያ ነይራ ወሲዳቶ” ብማለት ነቲ ኣብቲ ሰፊሕ ስክሪን ውልዕ ዝበለ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ግልጽ ኢሎም እንዳረኣዩን ብኢዶም እንዳኣመልከቱ ብምርኣይ ገለጻኦም ቀጸሉ። “ኣብቲ ግዜ’ቲ እቶም ነገስታት ህጻናት ስለዝነበሩን ናይቲ ወቕቲ ኩነታት’ውን ንስልጣን ክብሉ ብዝገብርዎ ዝነበሩ ቅልስ ዝተመልአ ስለዝነበረ፣ ናይ ሄኖክ መጽሓፍ ምስተረኽበ ብግቡእ ክምርምርዎን ከመርምርዎን ኣይደፈሩን። ግዜ’ውን ኣይነበሮምን። ኣብ ርእስ’ዚ እውን ናትና ናይ ቅድም ሰባት ዝነበሩ ጳጳሳት እንዳለኣኽና ነመሓድሮም ስለዝነበርና ኩሉ ነገር ኣብ ሓጺር ርሕቀት ኮይኖም ይከታተሉን መንፈሳዊ ሰነዳት’ውን ይቆጻጸሩን ነይሮም። ብመንገዶም ጌርና’ውን ኣብቲ ዘመን ክስራሕ ንዝነበሮ ስራሕ

ሰሪሕና'ለና። ኣብ መጽሓፈ ሄኖክ ጥራይ ዘይኮነ ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት። ስለዚ እዚ መጽሓፍ ኣብ ዝተረኽበሉ ወቕቲ፣ ነቲ ቤተ ክርስቲያን ዝመርሑ ኣባልና ዝኾኑ ጳጳስ ስለዝነበሩ፣ ብቐዳምነት ዘርኣይዎም ንዕኦም ኢዩ። ኣብ ኢዶም ምስ ኣተወ'ውን በቲ ኩነታት ተገሪሞም፣ ነገር ግን ከም ዘይተገረሙ መሲሎም ቁሩብ ምስ ረኣይዎ፣ ብዙሕ ናይ ግእዝ ኣፍልጦ ስለዘይነበሮም ካልእ ልኡኽ ክሳብ ዝለኣኽሎም ነቲ ዓንተዎ ዝበልክዎ "በለ" "በለ" "በለ" ዝብላ ቃላት ጥራይ ብትን ብትን ኣቢሎም ንዕኦም መዘኻኸሪ ሒዞም ኣማቲኦሞ ጸንሑ። ኣብቲ ግዜ ጠቕሊሎም ሒዞሞ ከይዶም ከትርፍዎ፣ ክሓብእዎ ኮነ ከደናጉይዎ ይኽእሉ ስለዘይነበሩ ኢዮም መሊሶሞ። ቀስ ብቐስ ነዚ መጽሓፍ ኣብቲ ወቕቲ ዝነበሩ ሒደት ኢትዮጵያውያን ናይ ቤተ ክህነት ሊቃውንቲ ምስረኣይዎ ብኢዶም እንዳጸሓፉ ሰለስተ ዝኾኑ ኮፒታት ክጥርዙ ከኣሉ። ነዘን ብኢድ ተጻሒፈን ኮፒ ዝተገብራ መጽሓፈ ሄኖካት'ውን ሌክ ታና /ጣና/ ኣብ ዝተባሃለ ቀላይ ናብ ዝርከቡ ዝነበሩ ገዳማት ንኻልኦት ለኣኹሎም።

"እቲ ቀንድን ናይ መጀመርያን መጽሓፍ ግና ኣብኡ ተገዲፉ ብንግስቲ ተዋበች /ምንትዋብ/ ኣብ ዝተሰርሐን ቁስቋም ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ኣብዚ ቤተ ክርስቲያን ውሽጢ እቲ መጽሓፍ ተነቢሩ ጸንሐ። ከይጸንሐ፣ እቲ ናትና ጳጳስ ነቲ ሓበሬታ ነቶም ቀዳሞት ኣባላትና ተንቲኑ ምስ ገለጸ ፈታዊ ጌርና ነዚ ሰብ'ዚ ልኢኽናዮ።

"ጀምስ ብሩስ ይባሃል። ተወላዲ ስኮትላንድ ክኸውን ከሎ፣ ናይ ዩናይትድ ኪንግደም ብዓል ውዕለት ኢዩ። እዚ ሰብ ብንግስቲ እንግሊዝ ተኣዚዙን እኹል ባጀት ተመዲቡሉን ናብ ኢትዮጵያ ብምኻድ ምስቶም ናይ ሸዑ ነገስታት ተራኺቡ፣ ሓቢሩ መኣዲ ካብ ምብላዕ ሓሊፉ 'እሙን ፈታዊ' ተባሃለ'ሞ ሹመት'ውን ተዋሃቦ። ካብ 1770 ዓ.ም ጀሚሩ'ውን ንሸውዓተ ዓመት፣ ጎንደር ኣብ ዝተባሃለት ከባቢ ዘላ ኣብ ውሽጢ ቁስቋም ቤተ ክርስቲያን ይነብር ነበረ። ንኽንድኡ ዝኣክል ግዜ ዝነበረላ መደቀሲቱ እዛ ክፍሊ'ዚኣ ኢያ። ብሩህ ኣእምሮ ዝነበሮ ሰብ ኢዩ። ናይ ልዑልና ኣቐዲሙ ዝነበረ ኣባል ከም ምኽኑ መጠን'ውን ብዙሕ ስራሕ ሰሪሑ'ሎ! ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ናይ ቋንቋኦም ሰዋስው ፈሊጡን ተረዲኡን ካብኦም ንላዕሊ ሊቅ ኮይኑ ተረኽበ! ስለዚ ነቲ ቀንዲ መጽሓፈ ሄኖክን ነተን ካልኦት'ውን ገልቢጡ፣ ነተን ናብቲ ቀላይ ዝተለኣኻ'ውን ክሳብ ናብቲ ቦታ ከይዱ ሰሪቑ፣ ነቲ ክዛባዕ ዘለዎ'ውን ኣዛቢዑ፣ ንዕኦም ዝተርፍ'ውን ኣትሪፉ፣ ተመልሰ'ሞ ነቶም ናትና ሰባት ኣበርከተሎም። ንግእዝ ብጻዕሩ ምስ ሰዋሰዉ ዘጽንዐ ናይ መጀመርያ ናይ ኤውሮፓ ሰብ እዚ ትርእይዎ ዘለኹም ጀምስ ብሩስ ዝተባሃለ ሰብ ናይ ቀደም ኣባልና ኢዩ። ብመንገዲ እዚ ሰብ'ውን ነቲ ኢትዮጵያውያን ንዒቕም ዝገደፍዎ ወሳኒ ወሳኒ ሰነዳት ከይተረፈ ኣብ ኢድና ኣተወ። ብኸምዚ ዓይነት ታሪኻዊ ፍጻመ ኢዩ መጽሓፈ ሄኖክ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ክርከብ ዝኸኣለ። በዚ ዓይነት መንገዲ ኢዩ ኣብ

ኢድና ክኣቱ ዝኸኣለ፣ ኢዩ እቲ መልሲ። ብድሕሪኡ ተተርጎመ። ስለዚ መጽሓፈ ሄኖክ ብግእዝ ተጻሒፉ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ተረኺቡ ኣብ ኢድና ምእታዉ ጥራይ ኣይነበረን ጥቕሙ። ናይ ሄኖክ መጽሓፍ ኣብ ኢትዮጵያ ተረኺቡ ማለት “ናይ ኩሉ መንፈሳዊ ነገርን ሓፈሻዊ ታሪኽ ወድሰብን ኣብ ኢትዮጵያ ኢዩ ማለት ኢዩ” ንዝብል’ውን ተረዲእናሉ’ለና። እዚ’ውን እንተኾነ ካብ ልዑልና ዝተሰወረ ኣይነበረን። ኣብ ዝቕጽል ኣጸቢቕ ከምዝገልጾ ብሰብ ክዕመሙን ብባዕሉ በቲ ልዑልና ክዕመሙን ዘለዎም ነገርራት ስለዘሎ ኢዩ።

“ኢትዮጵያውያን ብልክዕ ብዛዕባ ሄኖክ ኮነ ብዛዕባ መጽሓፈ ሄኖክ እንታይ ኢዮም ዝሓስቡ? ኢልካ ሓቲትካ ኣለኻ፣ እቲ መልሲ ሓደ ኢዩ፣ ዋላሓንቲ! ካብ ዋላሓንቲ ዝሓይሸ መልሲ ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ብዛዕባ ኣፈታሪኽነቱ ክሓስቡ ይኽእሉ። ካብኡ ዝሓልፍ ነገር ግን የለን። ምሁራቶም እንተኾኑ ብመሰረት እቲ ዝመሃርናዮም “ዘመናዊ ናይ መጽናዕቲ ኣገባብ ዘይሓለወ” ይብሉኻ ደኣምበር ክምርምርዎ ኣይደፍሩን። ነዚ ብዝምልከት ኩልኹም ኣይትስግኡ! ይትረፍ’ዶ ብዛዕባ መጽሓፈ ሄኖክ ነዚ ሕጂ ንዘራረቦ ዘለና፣ ኣብዚ ጉባኤ ሓደ ኢትዮጵያዊ እንተዝዕደመሉ’ሞ ሰሚዑ እንተዝነግሮም ክብልዎ ዝኽእሉ ሓደ ነገር ኢዩ፣ “ንጽውጽዋይ ብጽውጽዋይ ጌርካ ሓቂ ናይ ምምሳል ድኻም” ይብልዎ ደኣምበር ክቕበልዎ ኣይክእሉን። ካብ ናይ ዓድኹም ዜጋ ሓደ ጻዕዳ ይትረፍ’ዶ ኣብዚ ጉባኤ ተዓዲሙ፣ ኣልዕል ኣቢሉ ብምሕሳው እንተዝነግሮምን እንተዝጽሕፈሎምን ግና ሚእቲ ካብ ሚእቲ ይቕበልዎ።”

በሉ’ሞ ብስቕታ ቁሩብ ስጉም ስጉም ኣቢሎም፣ ነቲ ሰፊሕ ንጹር ስክሪን ከም ንሽምዓ ኡፍፍፍ. . . . .ኢሎም ኣጥፍእዎ። ነዚ ምስገበሩ ካባኡም እንዳጎታቱ ናብ መንበሮም ተመሊሶም ኮፍ በሉ። ኮፍ ኢሎም’ውን፣ “ጃፓን!” ክብሉ ጀመሩ።

“ኢትዮጵያውያን ገነት ኣብ ውሽጢ ዓዶም ምህላዋ ኣይፈልጡን። ኣዝዮም ዝቕጸሩ ናይ ቤተ ክህነት ሰባት ግና ኣፋፍኖት ኣለዎም። ነገር ግና ብመርትዖ መታን ከየረጋግጹ ዓቢ ስራሕ ስለዝሰራሕና ኣይፈልጡን’ዮም፣ ኢዩ እቲ መልሲ። ብርግጽ እቶም ቀዳሞት ኢትዮጵያውያን ገነት ኣብ ዓዶም ከም ዘላ ኣጸቢቕም ይፈልጡ ነይሮም። ካብ መበል 18 ክፍለዘመን ንደሓር ዘለዉ ግና ኣይፈልጡን ክፈልጡ’ውን ኣይክእሉን። እቶም ፈሊጦም ዝነበሩ ቀዳሞት ግና ብውሑዱ እኳ እንተኾነ ነዛ ዩኒቨርስ ክሳብ ምእዛዝ በጺሖም ነይሮም። ነፋሳት፣ ዝናብ. . . . ደመና ወዘተ. . . ምቁጽጻር ክኢሎም ነይሮም። ንሱ’ውን እንተኾነ ንተራ ሃይማኖታዊ መጀሃሪ ካብ ምግልጋል ሓሊፎም ንኻልእ ነገር ኣየውዓልዎን። ካልእ ክብልዎን ክገብርዎን ዝኽእሉ ነገር ኣይነበረን።

“ኢትዮጵያ ዘሕዝኑ ፍጡራት ዘለዋ ዓዲ ኢያ። ዜጋታታውን ኣይደማመጹን። ቀናኣትን ተንኮለኛታትን ኢዮም። ሃሜተኛታት’ውን ኢዮም። ሓደ ሰብ ተንሲኡ ንሓቂ እንተዝነግሮም ዝተዓብለሉ ስለዝመስሎም ኣሚኖም ንምቕባል ኣይደፍሩን። ንኣብነት ናይዚ ዘመን መንእሰይ ትውልዲ ሓደ ነገር ፈሊጡ ክነግርን ክጽሕፍን እንተዝፍትን እቶም ዓበይትን ሽማግለታትን ርእስ ርእሱ ሃሪሞም ይመልስዎ ደኣምበር ክሰምዕዎ ኣይክእሉን። ሰፊሕ መጽናዕቲ ጌርና ብዝረኸብናዮ ውጽኢት መሰረት፣ ዜጋታታ ኣይከባበሩን። ንሓድሕዶም ብጣዕሚ ኢዮም ዝነዓዓቑ። ብመንነቶም ይሓፍሩ። ብገዛእ ርእሲ ምትእምማን የብሎምን። ናይ ሰብ ደኣምበር ናይ ገዛእ ርእሶም ሓቂ ናይ ምቕባልን ናይ ምእማንን ባህሊ ፈጺሙ የብሎምን። ንዓናን ነቶም ናትና ሰባትን ዝነገርናዮም ጥራይ ከይተማትኡ ይኣምኑ። ብሰንክ’ዚ እውን ብዙሕ ስራሕ ክንሰርሕ ጸኒሕና ሕጂ’ውን ንሰርሕ ኣለና። ኣብ ርእስ’ዚ ናትና ጻዕሪ፣ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህሪ ክውስኹሉ ከለዉ ድማ ንስራሕና ከቀላጥፉን ከቃልሉን ክኢሎም ኣለዉ። ስለዚ ስግኣት ኣይሃሉኻ! ሕዝቢ ኢትዮጵያ ክነቅሕ ኣይክእልን ኢዩ። ከማን ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ህልውና ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝጠራጠሩ ሕዝብታት ዝበዝሕዋ ዓዲ ኢትዮጵያ ኢያ። እቶም ዘመናዊ ትምህርቲ ዝጠዓሙ ዜጋታታ’ውን በዚ ኢዮም ፈላጥነቶም ዘረጋግጹ። ዘይሰምዕን ንገዛእ ወገኑ ንምሕማይን፣ ንናይ ባዕሉ ሓቂ ንምንቁሻሸን ተዳልዩ እንዳተጸበየ ዝነብር ሕዝቢ ከመይ ገይሩ ክነቅሕ ይኽእል ኢልና ንሓስብ? ከመይ ገይሩ’ኸ ክመራመር ይኽእል? ኢትዮጵያውያን ኣእምሮኦም ብሙሉኡ ንጽውጽዋይን ንምንቁሻሸን ወይ’ውን ንዘይግባእ ዘረባ ደኣምበር ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ልቦም ንሓቂ ከፊቶም ኣይፈልጡን ኢዮም። ስለዚ ረስዓዮም፣ ከምዘየለዉ ቁጸሮም።

“ናቶም ተጽዕኖ ፈጠርቲ ካብዝኾኑ ሰባት ኣባል ጌርና ዲና? ዝብል ሕቶኻ መጠነኛ ሰሓቕ ዝዕድም ኢዩ። ብዓል መን ኢዮም ናይ ኢትዮጵያውያን ተጽዕኖ ፈጠርቲ ዝበሃሉ ሰባት? ንሕና እንዲና! ጻዕዳ ሕብሪ ቆርበት ሃልዩካ ናብኣም እንተ ኬድካን ሒደት እዋን ሓቢርካዮም ኣንተ ኔርካን ንስኻ ባዕልኻ ተጽዕኖ ፈጣሪ ዝኾንካ ንጉሶም ትኸውን። ሸውዓተ ሸሕ ዓመት ሙሉእ ሓቕሩፎሞ ዝጸንሑ ናይ መንነት ታሪኽ ንስኻ ጃፓናዊ ሎሚ እንተትኸይድ’ሞ ምስኣም ሓደ ሰሙን ጸኒሕካ መጽናዕቲ ጌረ ኢልካ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እንተተውጽእ ነቲ ናይ ሸውዓተ ሸሕ ዓመት ታሪኽ ሰንድዮም ንዓኻ ይቕበሉኻ። ሸዑ ብዛዕባኻ ይጽሕፉ፣ ምሁራታ’ውን ንዓኻ ጠቒሶም ነቲ ናትካ ርኽበት ናብ ምስትምሃር ይሓልፉ። ኣብ ሳልስቲ ስርዓተ ትምህርቶም ይቕይርዎ። ዝቕይርዎ ግና ነቲ ናትካ ናይ ጃፓናዊ መጽናዕቲ ንምክታት ኢዩ ደኣምበር ኣጻርዮምን ኣሚኖምሉን ኣይኮነን። ሓደ ናቶም ዝኾነ ሰብ፣ ቋንቋ ግእዞም መሰረት ገይሩ ገለ ናይ ምርምር ውጽኢት እንተዘቕርብን እንተ ዝጽሕፍን ግና ናይ ነቐፌታ መንደራግሕ ይወርዶ ደኣምበር ሰማዒ ኣይረክብን። ነቲ ግእዝ ጠቒሱ ዝጸሓፈን ዝመሃረን’ውን ከም ድሑር ኢዩ

ዝቑጸር። ንስኻ ግና ብናትካ ናይ ጃፓን ቋንቋ ብዛዕባ ኢትዮጵያ እንተትጽሕፈሎም ጃፓንኛ ተማሂሮም የንብቡልካ፣ የድንቑኻ። ስለዚ. . . . ድንቁርና ዘስፋሕፍሓ ዓዲ ስለዝኾነት ተጽዕኖ ፈጣሪ ዝበሃል ሰብ የብሎምን።

“ብርግጽ ጽቡቕ ኢልካ’ለኻ፣ ኣለዉ ዝብሃሉ እንተልዮም ናትና ኣባላት ምግባር ግቡእ ጥንቃቐ ስለዝኾነ። ነዚ መበገሲ ጌርና’ውን. . . . . መቸም ተጽዕኖ ፈጣሪ ኮይኖም ዘይኮነስ ሓደ ሓደ ዝተረፉ ዶክመንትታትን ቅርስታትን ብብዝሕን ብናጽነትን መታን ክንረክብ ብዝብል፣ ከምኡ’ውን ነቲ ልዑል ቁጽሪ ዘለዎ ናይ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ሰዓቢ መታን ከስክረልና ብዝብል ነቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝሞተ ሊቀ ጳጳሳ ኣባልና ጌርናዮ ኔርና። ነቲ ስዒቡ ዝሸየም’ውን ናትና ኣባል ክኸውን ናይ ምግባር ስራሕ ኣቑዲሙ ንኽስራሕ ትእዛዝ ሂብናዮለና። ብፍልጠቱን ብተኣማንነቱን ዘይኮነ ኣፍቃሪ ገንዘብ ስለዝነበረን ንዅሉ ሕራይ ይብለና ስለዝነበረ’ውን ናይ ዓለም ኣብያተ ክርስቲያናት ፕሬዚደንት ጌርና ሼምናዮ ኔርና። በዚ’ውን እታ ዓዲ ሙሉእ ብሙሉእ ናትና ክትከውን ፈቒዶም ኢዮም። እዚ ዝብል ዘለኹ፣ ኢትዮጵያውያን መሃይማን ኢዮም ኢልና ተዘናጊዕና ከምዘይጸናሕና ክሕብር ስለዝደለኹ ኢየ። ተጽዕኖ ፈጣሪ እኳ እንተዘይኮኑ ከምኡ ጌርና ብምሕሳብ ብቑሊሉ ናባና ኣምጺእናዮም ኣለና። ነቶም ካልኦት ቁሩብ ንጥርጥሮም ዜጋታታ’ውን ኣብ ጎንና ጌርና’ለና። ነዚ ዝገበርናሉ ቀንዲ መበገሲ ግና ስግኣት ኣይነበረን። ሕዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ እቲ መንእሰይ ብመንገዲ እቲ ሃይማኖት ክኸዱ ኣይድለን። ንሃይማኖቱ’ውን ኣጸቢቑ ስለዘይፈልጦ ክዘራረብ፣ ክካታዕ፣ ከመዛዝን ድሉው ኣይኮነን። ስለዚ ገና ጸወታ ምስ ተጀመረ ይሃድመልካ። ስለዚ ነቲ መንእሰይ ብኻልእ ነገር ምጽዋድ ኣድላዪ ኮይኑ ረኺብናዮ። ከም ዝበልክዎ መንነቱን ገዛእ ባህሉን ንዝንዕቐ ማሕበረሰብ ምጽዋድ ዝከኣል ብባዕዲ ሃገራት ኢዩ። እዚ ንኢትዮጵያ ጥራይ ዝሰርሕ ኣካይዳ ኢዩ። ስለዚ ነቲ መንእሰይ ንምጽዋድ ብስም ባፎሜት ተጠሚቑም ካብ ዝተወደቡ ቁጽሪ ሰለስተ ሲቢል ኣባላትና ሓደ ክልተ ልኢኽና ልዑልና ቦታ ዝረኽበሉ ነገር ዘመቻቻእና ክኸውን ከሎ፣ ብፍላይ ቅድሚ ሒደት ዓመታት ዝለኣኽናያ ተላሃዩት ነቲ ግዙፍ ስራሕ ሰሪሓ ኢያ ተመሊሳ። እታ ህብብቲ መንእሰይ ናብ ኢትዮጵያ ከይዳ ምስቲ ጳጳስ ገደብ ዘይብሉ ሓጎስ ዝገበረት ክኸውን ከሎ፣ ናብ ውሽጢ መቐደስ ናይቲ ጳጳስ ንምእታውን ነቲ ዓቢ ስራሕ ንምስራሕን ዝተዓደለት ኮይናላ። ኣብቲ ወቕቲ’ውን ብስም ረድኤት ኣብ ዝወሰደቶ ኣልባሳት ተዓሺጉ ክኣቱ ዝተገብረ፣ ነቲ ናይ ልዑልና ተኣዛዚ ዝኾነ ናይ ባፎሜት ምስልታት ናብታ ሃገር ንምእታው ኣኽኢሉና ኣሎ። ነዚ ዓቢ ስርሓ’ውን እቶም ኢትዮጵያውያን ብሃይማኖታዊ ወግዒ ዝደመቐ ልዑልን ርሱንን ኣቀባብላ ገይሮምላ ኣለዉ። ውሑዳት ኢትዮጵያ’ውን ህጻናት ከይተረፈ ኣኪባ ኣብ ኣደባባዮም ልዑልና ከም ዝምለኽ ዝገበረት ጀግና’ውን ኮይና’ላ። እዛ

መንእሰይ ነዚ ስለዝገበረት ዓባይ ኢልናያ ኣለና! ተመሳሳሊ ዕማማት'ውን በዚ ከይተወሰኑ ብደረጃ መንግስቲ ኮላይ ክቕጽሉ ኢዮም።

"ኮሪያ!" ክብሉ ቀጸሉ። "ነታ ዓዲ ናብ ቀይዲ ንምእታው ዝተሰርሐ ስራሕ ብፐርሰንት ክግለጽ ከሎ 90% ተጠናቒቑ'ሎ። ተሪፉ ዘሎ 10% ክድንጉ ዝኽኣለ'ውን ናይ ኣፈጻጽማ መምርሒ ክሳብ ዝመጸና ንጽበ ስለዘለና ኢዩ። ነዚ ክብል ከለኹ ግና ነቲ ድሓር ዝገልጾ ሓደ ዘደንቕ ስራሕ ከየእተኹ ኢየ። እቲ ናይ ምጽዋድ ስራሕ ስፍሕ ዝበለ ክኽውን ከሎ፣ ዓይነቱ'ውን ከምኡ። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ ዝኣክል. . . . ናይታ ሃገር መንፈሳውን ታሪኻውን ሰነዳት ብናይ ባዕሎም ሰባት ከም ዝወድሙ ምግባር፣ ሕዝባ መሬት መሬት ከም ዝርኢ ምግባር፣ ነቶም ፈተውቲ ሓገርን ዓድና ነፍቅር ኢና በሃልትን ስልጣን ከይሕዙ በርቲዕኻ ምስራሕ፣ ምሁራና ንሓድሕዶም ከም ዘይረዳድኡ ምግባር፣ ንሓድሕዶም ክንዓዓቑን ታሪኾም ብሙሉኡ ተቐባልነት ዘይብሉ መታን ክኽውን ምብርታዕን ብልብወለድነቱ ተሓሲቡ ጥራይ ከምዝተርፍ ምግባር፣ ጥሜት ከይጠፍእ ምትጋህ፣ ክቡር ዋጋ ዘለዎም ቅርስታት ኣብ ኢዶም ከም ዘይርከብ ጌርካ ካብ ሱሮም ምምንቋስ፣ ነባርን ዘተኣማምን ፖሊሲ ትምህርቲ ከይህሉ በብግዚኡ ምልውዋጥን ንቑሕ ትውልዲ ከም ዘይሕነጽ ምግባር፣ ንሓድሕዱ ዝረዳዳእ ትውልዲ ከምዘይህሉ ብኣተሓሳስባ ከም ዝራቐቑ ምግባር፣ ሓደ ሃይማኖት ካብቲ ሓደ ምትሓትን ምብልላጽን፣ ብተመሳሳሊ'ውን ሓደ ብሔር ምስቲ ካልእ ብሔር ምግጫው፣ ሓደ ብሔር ናይቲ ካልእ ብሔር ጸላኢ ኮይኑ ከም ዝተርፍ ምግባር፣ ብስም ኣዋፈርቲ ናትና ሰባት ናብታ ሃገር ምእታውን፣ ሰፋሕቲ መሬት ሒዞም ከምዝጸንሑ ምግባር፣ በዚ'ውን ነቲ መሬት ሒዝካ ምጽናሕ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ መሬት ተጠቒምካ ብሸፋን እኽልን ዕምባባታትን ከበድትን ክቡር ዋጋ ዘለዎምን ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣደንዘዝቲ ዕጸ-ፋርሳት ኣብ ዓዶም ምፍራይን ዓቕሚ ገንዘብ ምድላብን፣ . . . . ኣው. . . . ኣዝዩ ሰፊሕን ተዘርዚሩ ዘይውዳእን ናይ ምድኻም ስራሕ ክስራሕ ጸኒሑ'ሎ። እዚ ኩሉ ስራሕ'ውን ነዊሕ እዋን ዝገበረን በብዘመኑ ዝነበሩ ኣባላትና ተጊሁምሉ ዝጸንሑ ዘመናዊ ጻዕሪ ኢዩ። ነቲ ካልእ ኩሉ ገዲፍና ብፍላይ ንሰሜናዊ ክፋል ናይታ ሃገር ዕርቃኑ ምውጻእን ምድረበዳ ከምዝኸውን ጌርካ ምጽናሕን ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝነበረ፣ ካልኦት ናይ ጥበብ፣ ናይ መድሃኒትን ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ዘመንጭዉ ዕጸዋቶም ናባና ምስ ኣምጻእና፣ ሙሉእ ብሙሉእ ክጠፍኡን ኣብ መጻኢ'ውን ከም ዘይበቕሉ ዝገበርና ቅድሚ ሚእቲ ዓመት ኢዩ። ብስም ምሕዝነት፣ ርቕቕ ብዝበለ መንገዲ፣ ነቲ ቀላሚጦስ ዝበሃል ዓይነት ገረብ ናብ ኢትዮጵያ ኣእቲና እታ ሃገር ንዘልኣለም ከምዘይተምፋሑኽ፣ ብመግቢ ከይተረፈ ርእሳ ከም ዘይትኽእል ጌርና'ለና። ናይታ ሃገር ናይ ከርሰ ምድሪ ማይ መታን ክነጽፍ እዚ ገረብ ዓቢ ውዕለት ጌሩልና'ሎ። ናይ ከርሰ ምድሪ ትሕዝቶኣ'ውን ነጺፉ ምጽንሑ ኣዝዩ ዘገድስ ነይሩ። ምኽንያቱ ነታ ጸኒሐ ዝገልጸልኩም ከተማ ንምምስራት ናይ ትሕቲ ምድሪ

ማያታ ኣቐዲሙ ክምጾን ክነጽፍን ስለዘለዎ ኢዩ። ስለዚ ካብቲ ዝነኣሰ ክሳብ'ቲ ዝዓበየ ተግባር ኣከናዊንናን ብጥንቃቐ ተጓዒዝናን ሎሚ ሙሉእ ብሙሉኡ ንማለት ብዘኽእል መልክዑ ኣመቻቺእናያ ንርከብ። ካባኻትኩም ዝጽበ ድማ ነቲ ዝወሃበኩም ትእዛዝ እንዳተቐበልኩም ብፍጥነት ምትግባር ጥራይ ኢዩ።

"ሳኡዲ ዓረብያ!" በሉሞ፣ ፍሽኽ ኢሎም ቀጸሉ። "ብዘልዓልካዮ ሕቶ ነሕዋትና ፍሽኽ ኣቢልካዮም ኣለኻ። ነቲ ሕቶ ግን ፈትየዮ'ለኹ። እንተድኣ ተዓዊትና ንምንታይ ዓሪፍና ኮፍ ዘይንብል ኢዩ። ዓሪፍና ኮፍ ዘይንብለሉ ምኽንያት ኣለና። ልዑልና ጥራይ ዘይኮነ፣ እቲ ምእንትኡ ዝተሚገተሉ ናይ ሰብ ፍጡር'ውን ግድን ክሰርሑ ዘለዎ ስራሕ ኣሎ። እቲ ውግእ ምስ ደቅሰባት ኣይኮነን፣ ምስ መንፈሳዊ ኣካላት ድኣምበር። ነቲ ዝረኣናዮን ክመጽእ ዘለዎን ዓወት ክንጎናጸፍ ንኽእል ነቲ ክቡር ገበል ክንሕግዝ ምስ ንኽእል ጥራይ ኢዩ። ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ጭፍራታት ብኢድ ወድሰብ ዘይተሰርሐ ኣጽዋር ውግእ ኢዩ ዘለዎም። ናይ ልዑልና ኣጽዋር'ውን ምስ ናቶም ተመሳሳሊ ስለዝኾነ ኣስጋኢ ነገር'ኳ እንተዘይሃለወ፣ ነቲ ናይ ብዝሒ ቁጽሪ ምብልላጽ ንትክኦ ግና ብኣናን ብኣኹምን ከምኡ'ውን ብኻልኦት ኣባላትና ኢዩ። ነቲ ገበል ንሕግዞ፣ ካብቲ ናቶም ዘይትሕት ምናልባት'ውን ዝበልጽ ረቂቕን ሰብ ዝሰርሖን ኒውክሌር ሒዝና፣ ንተጻረርቲ ልዑልናን ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ደገፍትን ከነጥፍኣሉ ከለና ኢዩ። ሓገዝና ናይ ግድን ኣድላዩ ኢዩ። ምትሕብባርና ነረጋግጽ'ውን በታ ጎልና ዝኾነት ናይ ምምንጣል ዕለት ኢዩ። ወርቂ ወርቅነቱ ዝረጋገጽ ብሓዊ ምስተፈተነ ኢዩ። እንተዘኮይኑ ወርቂ ኣይኮነን። ንሕና'ውን ብዘይ ፈተና ዓሪፍና ኮፍ እንተ ኢልና ብእኡ ተፈላጥነት ኣይንረክብን። ናይ መንፈሳውያን ኣካላት ኣሰራርሓ ካብ ናይ ደቅሰባት ኣሰራርሓ ፍጹም ዝተፈለየ ምኳኑ ኩሉ ግዜ ደጋጊምኩም ሕሰቡ! ንኣብነት ዕላማ ልዑልና፣ ሰዓብቱ ምብዛሕን ንዕኣም ምሕጓስን ኢዩ፣ እዚ ናይ ህላውነቱ ዕላማ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ነቶም ተቐናቐንቲ ምጥፋእ ናይ ግድን ይኸውን። ኣም ህይወት ድኣ'ሞ ንበይኑ እንታይ ትጠቕሞ? ንዓና ኢዩ። ንዓና ክኸውን ከሎ ድማ እቶም ዝቃለሱሉ ኣካላት ሰዓብቱ ምኳኖም ከረጋግጽ ኣለዎ። ከምዚ ስለዝኾነ ኣብቲ ውግእ ንልዑልና ክንሕግዞ ኢና። ዓሪፍና ኮፍ ዘይንብል'ውን በዚ ምኽንያት ኢዩ።

"ህንዲ!" ክብሉ ቀጸሉ፣ "ርግጽ'ኢዩ ብዙሕ ንጹር ዘይኮኑ ነገራት ኣለዉ። ብፍላይ ንG20 ብወግዒ ዘይተሓበሩን ንG8 ብወግዒ ዝተሓበሩን ነገራት ኣለዉ። ንኹሉ ግዜ ኣለዎ። እቶም መራሕቲ 20 ሃገራት፣ ማዕረ እቶም መራሕቲ 8 ሃገራት ናብዚ ሕብረት ተጸዊዕኹም ደኣምበር ዝተርፈኩም ሒደት ነገራት ኣሎ። ነዚ'ውን ኣብቲ ኣከታቲልና ንገብሮ ኣኼባታት ክትርድኣዎ ኢኹም። ናይቲ ዘመን ቅኑዕ ኣቀማምራ ንመራሕቲ G8 ተነጊርዎም ኣሎ። ንዓኹም ግና ብናይ ሰባት ኣገላልጻ፣ ኣብ 1970ታት ከምኡ'ውን 80ታት፣ ኢልና ከምንገልጾ

ዓይነት ኣገላልጻ ጌርና ኢና ገሊጽናልኩም። ምኽንያቱ ከይትዝንግዑ ኢልና ኢና። ንኣብነት እታ ናይ መወዳእታ ዕለት ትበሃል፣ ናይቲ ዓቢ ገበልና ናይ ውግእ ዕለት ኢያ። እታ ዕለት ድማ ናይ ሓደ ሰዓት ኩናት ጥራይ ዝካየደላ ኢያ። መፈጸምትኣን መዛዘሚኣን ንሳ ኢያ። ነገር ግን ቅድሚኡ ዝህልዉ ነገራትን፣ ዝህልዉ ውግኣትን ኣለዉ። ንኣብነት ኣስዒበ ከምዝገልጾ፣ 10ዓመት ንሕንጻት፣ 10ዓመት ንምንካይ ሕዝቢ፣ 10ዓመት ንሕዝቢ ዓለም ነቲ ምልክት መባጽሒ፣ 10ዓመት ንብሙሉኡ ሕዝቢ ኣብ ትሕቲ ልዑልና ናይ መግበሪ፣ 10ዓመት ንተራ ዝኾነ ናይ መንፈሳዊ ሰራዊት ውግእ፣ 10ዓመት ንኻልእ ኮይኑ፣ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ዝበሃል ዕለት ይብጻሕ። ብዛዕባዚ እንተነጊርናኩም ነታ ናይ መወዳእታ ዕለት ሓሲብኩም ክትዝንግዑ ኢኹም። ርሑቕ መሲሉ ክርኣየኩም ኢዩ። ከምኡ ግና ክኸውን የብሉን። ቅድሚኡ ክትፈልጥዎ ዘለኩም ነገር ስለዝነበረ ኢዩ። ንሱ'ውን ሎሚ ክንገረኩም ኢዩ። እታ ናይ መወዳእታ ዕለት ክትንገረኩም ከላ ግና ነታ ቅጽበታዊት ዕለት ምኽና ፍለጡ። እምበኣር እቲ ዘመን ኣብ ኣፍጫኹም በጺሑ'ሎ። ነፍስ ወከፍ ዓመት ናይ መወዳእታ ዕለት ኢዩ። እታ ናይ መወዳእታ መደምደሚት ግና፣ እታ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ ገበልና ውግእ ኢያ፣ ናይ ሓደ ሰዓት ፍልሚያ ኢያ፣ ንዕኡ እንተድኣ ኴንና ናይ መወዳእታ ዘመን ንብሎ 85 ዓመት ጥራይ ይተርፎ። ናይቲ መወዳእታ ሙሉእ ፍጻመ ግና ክንድኡ ዝኣክል ግዜ ኣይጸንሕን ኢዩ። ነዛ ድሕሪ 85 ዓመት ትግበር ናይ ፍጻመ ውግእ ንምጽባቕን ነቲ ዓወት ናትና ንምግባር ዝካየድ ቃልሲ ግና ካብኡ ኣቐዲሙ ኣብ ቀረባ ክጅምር ኢዩ። ኣስተውዕሉ፣ ቅድሚኡ ወይ ካብዛ ናይ ሎሚ ዕለት ጀሚሩ ዘሎ ነፍስ ወከፍ ዕለት እታ ናይ መወዳእታ ዕለት ከምዝኾነት ሕሰቡ። እቲ ዘመን ኣብ ኣፍንጫኹም በጺሑ ከምዘሎ'ውን በቲ ዝተዋሃበኩም ጥበብ ክትርድኡ ትኽእሉ። ነዚ ጥበብ ቅድሜናን ቅድሜኹምን ዝረኸብዎ፣ ነገር ግን ፍጻሜኡ ከይበጽሐ ብሞት ዝተፈለዩ ኣባላትና ነይሮም። ንሳቶም ግና ኣቐዲምና ብቃል ከም ዝገለጽናልኩም፣ ነቲ ስጋዊ ሞት ሞቱ ደኣምበር ከምዚ ትርእይዎም ዘለኹም ህያው ኮይኖም ድሕሪ ዓወት ንኽሸየሙ ተዳልዮም ይጽበዩን፣ ነዚ ጉባኤ ይከታተሉ ከምዘለዉን በዚ ተረዲእኹም ካብ ስግኣት ነጻ ኩኑ!" ኢሎም፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ መንደቕ ዘሎ ገፊሕን ንጹርን ስክሪን ብኾፎም ኮይኖም፣ ዓባይ ዓባይቶኦምን ማእኸለይቲ ኣጻብዕቶምን ኣጋጭዮም ብዝፈጠርዋ "ጣ" ትብል ድምጺ ወልዕዎ። ብሓቂ! ክእመን ዘይከኣል ኢዩ ነይሩ፣ ሽዑንሽዑ እቶም ዝሞቱ ናይ ቅድም ክልተ ናይ ቫቲካን ጳጳሳት ባህታ ብዝመልኦ ትርኢት ናይ ንጉሰ ነገስት ኣብ ዝመስል መንበር፣ ጸለምቲ ካባኡም ተኸዲኖም ኮፍ ኢሎም ኣርኣይዎም።

ብድሕርዚ፣ "ተቐዲሑ ዝተዳለወ ምስሊ ከይመስለኩም፣ ህያው ኢዮም!" ኢሎም፣ ከዘራርብዎም ጀመሩ። "ሰላም ንዓኹም ይኹን፣ ንደቅና ከም ምሳሌ ንምጥቃስ ኢልና ኢና ደሊናኩም" ምስበሉ፣ እቶም ቅድሚኡም ዝነበሩን ካብ ዝሞቱ ብዙሕ ዓመት ዝሓለፎም ጳጳስ

“ፈሊጠ’ለኹ ኣሕዋት እዚ ኢዩ’ቲ ሓቂ” ኢሎም ጀመሩ’ሞ፣ ብንጉሳዊ ወግዒ ብህድኣት ብድድ ኢሎም ተንሲኦም ክእመን ብዘይከኣልን ምትሃታዊ ብዝኾነ መልክዕን ነቲ ስክሪን ሓሊፎም ምስ ሙሉእ ሰብነቶም ካባኦም እንዳጎተቱ ናብ መድረኽ ናይቲ ኣዳራሽ መጹ። መጺኦም’ውን ነቲ ጳጳስ ምስ ሰዓሙ ናብቶም ተኣከብቲ ኣምሪሑም በብሓደ ኢዶም እንዳጨበጡ ሀዱእ ሰላምታ ኣቕረቡሎም። ንመራሒ ኣሜሪካ ድማ ካብ ናይ ካልኦት ብዝተፈለየ ካብ ኢድ ሰላምታ ሓሊፎም ብናይ ኣቦን ወድን መንፈስ ምዕጉርቱ ሰዓምዎ። ኣብዚ ቅጽበት’ዚ፣ እቲ ናይ ምግራምን ናይ ምድናቕን ሕጊ ተጣሒሱ ካብ መንነ መራሕቲ ሃገራት G20 ብዙሓት ተደነቑ። ኣድናቕቶም’ውን ትንፋሶም ብምስሓብ፣ ከብዲ ኢዶም ኣብ ኣፎም ብምንባር፣ ክልተ የእዳዎም ኣብ ምዕጉርቶም ብምዕላብ፣ ከመይ ጌሩ? ብዝብል ልዑል ድምጺ ኣግራሞቶም ገለጹ። እቲ ተኣምረኛ ጳጳስ’ውን ቅድሚ ምምላሱ ኣብቲ መድረኽ ኮይኑ፣ “ንሕና እንተሞትና’ውን ነቲ ግዚያዊ ሞት ደኣምበር ነቲ ዘልኣለማዊ ሞት ኣይኮነን። ነቲ ዘልኣለማዊ ሞት ንመውት፣ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ውግእ እንተድኣ ተሳኢርና ጥራይ ኢዩ። ክሳብ ሽዑ ግና ካባኹምን ካብ ካልኦት ሰባትን ተሰዊርና ደኣምበር ህያው ኢና። እቲ ግዜ ክሳብ ዝበጽሕ ግና ኣብ ቦታና ኢና ንጸንሕ። ብዓቢ ሓጎስን ናጽነትን’ውን ንነብር ኣለና። ስለዚ ደስ ይበልኩም! ልዑልኩም ኣመስግኑ! ኣሚንኩም ተኣመንዎ! ሰራዊትኩም ኣብዝሑ! ከምኡ’ውን ኣመስግንዎ!” ምስበሉ ብዝመጽዎ ዓይነት ኣመጻጽኣ ብህድኣት ሰጉሞም ነቲ ገፊሕ ስክሪን ሓሊፎም ተመለሱ። ተሰልቡ፣ ወይ’ውን ከዱ! ስዒቡ’ውን ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ዝነበሩ ሰበ ስልጣናትን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብቲ ስክሪን ተራእይዎም’ሞ ብርሑቑ ናይ ምሕዝነት ሰላምታ ኣቕረቡሎም። እቶም ኣብ ውሽጢ ኣዳራሽ ዘለዉ’ውን ካብ ናይ ምግራም ስምዒት ከይወጹ ኩሎም ቆይሞም የእዳዎም ብምንብልባል ዓጸፋ መለሱሎም። ብድሕርዚ እቶም ጳጳስ መሊሶም ነቲ ስክሪን ኣጥፍእዎ’ሞ ብደሚቕ ፍሽኽታ፣ “ንኹሎም ጸዊኻ ሰላም ንምብህሃል ግዜ የብልናን” ክብሉ ቀጸሉ። “ግን ስለምንታይ ተደኒቕኩም? ከመይ ገይሩ እዚ ክገርመኩም ከኣለ? በዚ እንተድኣ ተደኒቕኩም እምነትኩም ተሪር ኣይኮነን ማለት ኢዩ!” ኢሎም ተቕጥዑ። “እዚ ተራ ዝኾነ ነገር ኢዩ! ካብዚ ንዝዛይድ ተግባርን ሓቅን እንዲኹም ዝተሓረኹም! እመኑ እምበር ኣይትገረሙ፣ ንጹር ኢዩ!” ኢሎም ጨደሩ። ኩላቶም ብናይ ክሳዶም ምንቅስቓስ ናይቲ ነገር ንጹርነት ኣረጋጊጾም ካብቲ ዝደንዘዙሉ ስምዒት ወጹ’ሞ መሊሶም ኣብ መናብሮም ኮፍ በሉ።

“ስለዚ ኣጸቢቕኩም ንምድላው መታን ክሕግዘኩም በብዓውዱ ስራሕኹም ከተሳልጡ ኣጥቢቕ የተሓሳስብ። ብሸነኽ ህንዲ ዝተላዕለ ካልእ ሕቶ ካብ መንነና ሓደ እንተኽሒዱ. . . ዝብል ኢዩ። ዝኽድዐ ኣባል ንዕኡ የምልጦ ደኣምበር፣ ንሕና ናይታ ሓዳስ ዓለም ሹማምንቲ

ኮነ ልዑልና ዝጎድለና ነገር የለን። ከምኡ'ውን ሓደ ግዜ ኣሚንናሉን ፈቲናዮን ኣብቲ ስምምዕ'ውን ብደም ፈሪምና ክሳብ ዝኣተና ክንከድዕ ኣይንኽእልን። ዝኸድዐ ክጠፍእ ኢዩ። ኣብ ዝኸድዓሉ ቅንያት ይመውት ማለተይ ኢየ። ናብዚ ሕብረት ተገዲዱ ዝመጸ ኣባል የለን። ነዚ ክብል ከለኹ ግና፣ ዝኾነ ሚስጥር ዝበሃል ነገር ከምዘየለ ከረጋግጽ ይደሊ። እዚ ሚስጥር ኣይኮነን። ሚስጥራውነቱ ዘሎ ኣብ ኣፈጻጽምኡ ደኣምበር ኣብ ካልእ ቦታ ኣይኮነን። ፈትዩ ጸሊኡ ሕዝቢ ዓለም ብወግዒ ከምዝፈልጦ ክግበር ኢዩ፣ ይፈልጦ'ውን ኣሎ። ስለዚ ንልዑልና ምእማን ግዴታ ደኣምበር ናይ ምልምማን ስራሕ ኢዩ ኢልኩም ከይትገምቱ። ንስኻትኩም ግና እቲ ግዜ ከምዝኣኽለ ተገንዚብኩም ተዳለዉ! ትደልይዎ ጥበብ ኩሉ ሕተቱ ክወሃበኩም ኢዩ።

"ብራዚል! ከም ዝበልካዮ ኢዩ። ኢትዮጵያ ንእሽተይን ምስኪንን ሃገር ኢያ። ጎልና ንሳ ምኽና'ውን ንስራሕና ስለዘቕልሎ ናብ ካልእ ወሰንቲ ነጥብታት እንተንሓልፍ በሃሊ ኢኻ። ኣብ ውሽጢ ሓቂ ዘሎ ዓቢ ጌጋ ማለት ከምዚ ኢዩ! ንሓልፎ ካልእ ወሳኒ ነጥቢ የለን። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ወሳኒ ነጥብና ሓደ ነገር ጥራይ ኢዩ። ኢትዮጵያ! ኢትዮጵያ. . . . . ንእሽቶን ምስኪንን ሃገር! ከም ዝበልካዮ'ውን ኣጽዋር ኩናት ኮነ ፈላጥ ሕዝቢ፣ ከምኡ'ውን መግቢ እኳ ዘይብላ ሃገር ኢያ። ሓቅኻ ኣለኻ፣ ነገር ግን ሓደ ካልእ ሓቂ ኣሎ። መንፈሳዊ ሓገዝ! እወ! ነታ ሃገር ዝሕልውዋ እቲ ሕዝቢ ወይ እቲ መንግስቲ ወይ ከኣ እቶም ነገስታት ኣይኮኑን። መንፈሳዊ ሓለዋ ዝግበረላ እንኮ ናይ ፕላኔትና ሃገር ኢትዮጵያ ኢያ ክብለኩም ከለኹ ከይተማታእኹም እመኑኒ። ናይ ቀደም ሓያላን ሃገራት፣ ናይ ፋርስ፣ ናይ ባቢሎን ነገስታት ከይተረፉ ቅድሚ ክርስትና ብሓይሊ ሒዞም ግብሪ ከኽፍልዋ ብዙሕ ጽዒሮም'ዮም፣ መንም ካብኣም ግን ዝሰለጦ የለን። እቲ ናይ ፋርስ ንጉስ ተሳዒሩ ተመሊሱ'ሎ። ናይ ግብጺ ፈርዖናት'ውን ፈቲኖም ምኽን ኣብይዎም። ምኽንያቱ ሚስጥር ህላውነቶም፣ ናይ ሩባ ኣባይ ምንጪ ስለዝኾነት፣ ኣብ ኢዶም ንምእታው ተደጋጋሚ ፈተነታት ገይሮም ኢዮም፣ ግን ኣይኮነን። እስክንድር ዓቢ ናይ ዜውስ መንበር ምኽና ኣቑዲሙ ተረዲኡ ክነግሰላ ይደልያ ዝነበረት ሃገር ኢያ። ብናይ ኣሪስቶትል ኣጸቢቑ ዘይተጸንዐ ሓንፈጽ ትምህርቲ ኣእምሮኡ ነቒሑ ዝነበረ እስክንድር፣ ብዘይ ፍቓድ ልዑልና ብውልቁ ናብቲ ሓቂ ተቓሪቡን ኦም ህይወት ኣብታ ሃገር ከም ዘላ ተረዲኡን፣ ንፈረሱ ምስ ኣሞራ ብምድቓል ነፊሩ ክሕዛን ኣብ ኢዱ ክገብራን ሓሲቡ ነይሩ። ግና ኣይሰለጦን። ኣሞራ ዝብሎ ካብ ናይ ልዑልና ዘርእን ካብ ናይ ሰብ ፍጡርን ዝተዳቐላን ሓንቲ ካብተን ኣብቲ ዘመን ኣብ ግሪኽ ይነብራ ካብ ዝነበራ ናይ ኣማልኽቲ ዘርኢ ኢዩ። ይገርመኩም ኣዝየ ዘድንቕ ሰብ ኢዩ። ብዘይ ናይ ልዑልና ፍቓድን ሓገዝን ኩሉ ነገር በጂሕዎ ሒደት ተሪፉቶ ነይራ። ልዑልና ባዕሉ ኣብ ዘይዘመኑ ከም ዘይከውን ፈሊጡ ተገሪሙ ይከታተሎ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግና ብናይ ባዕሉ ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ "ኣይኦቲፒያ" ብዝብል ሚስጥራዊ ስም ተወዲቦም መፈንቅለ መንግስቲ ንምክያድ ተሰማምዑ'ሞ "ከመይ ጌርና ምስ

ኢትዮጵያውያን መኣዲ ንካፈል” ብዝብል ቁጥዐ ተጋጭዮም መንግስቱ ገልቢጦም ክቐትልዎ ከኣሉ። ንግዝኣቱ ብመሰረት ውጥኖም ድሕሪ ምምቕቓል ብሕማም ዓሶ ኢዩ ሞይቱ ኢሎም ኣውረዩ። ብመሰረት ውጥኖም ድማ እስክንድር፣ “ህንዲ ተሪፋትኒ ስለዘላ፣ ንዓኣ ጠቕሊለ ምስ መጻኹ ምሳኺ ተመርዕየ ኣብ መንበር ዜውስ ክነግስ ኢየ፣ ንጉስ ዓለም’ውን ክበሃል ኢየ” ኢሉ ነታ ክነግሰላ ዝሃረፋ ሃገር ሪኡ፣ ንግስቶም’ውን ተመርዕዩ ብቐጸራ ተፈላልዮም ምስ ተመለሰ ቀተልዎ። ነቲ ናቱ ዕላማ ብ “ኣይኡቲፒያ” /ንውጥኑ ምብርዓን፣ ቅርስታቱ’ውን ምውዳም ምቕጻል/ ኢሎም ብዝተሰማምዕዎ ሕጊ መሰረት መደባቱ ኣፍሪሶም፣ ግዝኣቱ ተመቓቒሎም ነታ ሃገር ብቀይሕ ባሕሪ ኣቢሎም ብምእታው ከምዘይነበረት ጌሮማ ተመለሱ። ብዙሕ ነገራት ዘበላሸውሎም ናይ እስክንድር ጀነራላት ኢዮም። ኣብ ፊልም እቲ እስክንድር ዓቢ ምስቶም ዝፈትዎም ጀነራላቱ ክገራጮ ከሎ ይርኣ። ዝተገራጨወ ኣብ ዙርያ ኢትዮጵያ ብዝነበሮ መርገጺ ጥራይ ኢዩ። ዝኾነ ኮይኑ ንሱ’ውን ኣይሰለጦን። ስለዚ ብኩናት ኮነ ብሰላማዊ መንገዲ ነታ ሃገር ምሓዝ ኣሸጋሪ ስለዝነበረ ምኟኑ ክትፈልጡ ኣለኩም። እቲ ዘመን ምስ ኣኸለ እንተ ዘይኮይኑ። ሮማውያን’ውን ብተመሳሳሊ ክሕዝዋ ተመነዩ። ዝኸውን ኣይነበረን. . . .። ካልእ ገዲፍና ድሕሪ ክርስትና ዝተገበረላ ፈተነታት እኳ እንተረኣና ዝሰለጦ ሃገር ክንረክብ ኣይንኽእልን። ቱርክ፣ ፖርቱጋል፣ ግብጺ፣ እንግሊዝ፣ ጣልያን . . . . ኩሎም ብቀጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ፈቲኖም ኢዮም። ናይ ዋላሓዲኡም ትምኒት ግና ተግባራዊ ኣይኮነን። እዚ ክኸውን ዝኸኣለ ሓይሊ ስኢኖምን ብኣጽዋር ኩናት ተበሊጾምን ኣይነበረን። ብፍልጠትን ብጥበብን ኢትዮጵያውያን ስለዝዛየዱ’ውን ኣይኮነን። ነገር ግን እቲ ሓቂ ካልእ ስለዝኾነ ኢዩ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል፣ ብስስዕቲ ኣብታ ምድሪ ዘንበሮ ሚስጥር ስለዘሎ ብጭፍርኡ ይሕልዋ’ሎ። ጣልያን ጥራይ ናይ ጽርግያን ካልኦት ስልጣነታት ኣርሓዊ ማዕጾ ዝኾኑ ነገራት መታን ከተርእዮም ተኣዚዙ ንሒደት ዓመታት ኣገልጊላቶም ወጺኣ’ላ። ካብዚ ሓሊፉ፣ ክትትንከፍ ዘይትድለ ካብ ዓለም ተፈልያን በቲ ላዕለዋይ ኣካል ተሓርያን ብፍሉይ ዓይኒ ትጥመት ሃገር ኢያ። እቲ ሚስጥር ያው ሚስጥር ገነት ኣብኡ ስለዘሎ ጥራይ ኢዩ። ብጀካ ናይ ልዑልና ናይ ዘመን ቀመር ዘይትንጠቕ ሚስጥር ስለዝኾነት ይሕልውዋ። እቲ ዘመን ምስ ኣኸለ፣ ልዑልና ኣብ ኢዱ ከም ዘእትዋ ዝፍለጥ እኳ እንተ ኾነ ንኸይንጠቕ ክብሉ ግና ምቕላሶም ዘይተርፍ ኢዩ። ስለዚ ነታ ሃገር ክንንዕቓ እኳ እንተ ኸኣልና ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ሞትን ህይወትን ቃልሲ፣ ሕዝባ ንናይቶም መንፈሳዊ ኣካላት ድምጺ ምስማዕ ኮነ ትእዛዝ ምቕባል ከም ዘይክእሉ ተገይሮም ክልጎሙ ኣለዎም። ንዓና ኣዝዩ ጠቓሚ ነገር ኢዩ። ኣብታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ዓወት፣ ኣብ ጎኒ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝስለፍ ናይ ዝኾነት ኣህጉርን ሃገርን ሕዝቢ ኣይክህሉን። ኩሉ ኣብ ጎኒ ልዑልና ኢዩ ዝስለፍ። ኢትዮጵያውያን ጥራይ ምስቶም ጭፍራ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝኾኑ መንፈሳውያን ወተሃደራት ክስለፉ ይኽእሉ። ከምኡ ዝገብሩ ንሶም ደልዮሞ ዘይኮነስ እቶም ተዋጋእቲ ስለዝደልዩ ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ካበይም

ይኺድ ካበይም፣ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘመን ኣብታ ሃገር ክሳብ ዝተረኽበን ድሌት ክሳብ ሃለዎን ንዕኡም ምስላፉ ኣይተርፍን። እዚ ሕጊ ኢዩ። ነቲ ኢትዮጵያውያን ዝሓዝዎ ናይ ሰብኣዊ ፍጡር ርእሲ፣ ምስቲ ናቶም ዝመጣጠን ገይሮም ምስ ኣነቓቕሑሎም፣ ሚእቲ ፐርሰንት ናይ ኣይኪው መጠን ንኽጥቀሙ ዕድል ክህብዎም ኢዮም። ማለት ከምኡ ናይ ምግባር መደብ ኣለዎም። ከምኡ እንተ ድኣ ገይሮም፣ ምስቲ ናቶም ዝመጣጠን'ኳ እንተዘይኮነ መልእኽቲ ንምቅብባልን ብውሑዱ ንምድምማጽን ይረድኣም። ነዚ ክፍትኑ ኢዮም። እዚ ኮነ ማለት ድማ፣ ሓደ ሰብኣዊ ፍጡር ሓንሳሉ ተነቓቒሑ ረድኢ ክኸውን ከሎ፣ ብሓደ ሚእቲ ሽሕ ተራ ሰባት ይትመን ማለት'ዩ። እዚ መደብ ድማ ተግባራዊ ክኸውን ዝተሓሰበ መስርዕ ብዘለዎ ምድላዋት ዘይኮነ፣ ኣብታ ዕለት እቲኣ ኢዩ። ኣብታ ወቕትን ኣብታ ዘመንን ዝተረኽቡ ኣባላትና ከይኮኑ ዝተረፉ እንተልዮም ኢየ ዝብል ዘለኹ። እቲ ዘሐጉስ ነገር ግና ክሳብ እታ ሰዓት እቲኣ ንመንም መታን ከይነትርፍ ኣበርቲዕና ምስራሕና ኢዩ። ብዝኾነ ነታ ኣም ህይወት ዝሕልውዋ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ጭፍራታት ጥራይ ኣይኮኑን። ልዑልና'ውን ኣብታ ቦታ ን8 ሽሕ ዓመታት ኣድቢዩ ይሕልዋ ኢዩ ዘሎ። ስለዚ ወሳኒት ነጥብና ኢትዮጵያን ኢትዮጵያን ጥራይ ኢያ! ናይ ብዙሕ ዓመታት ጻዕርና'ውን እታ ሃገር ኢያ'ሞ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ካልእ ወሳኒ ንብሎ ነጥቢ የለን፣ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝራኸብ ነጥብታት እንተ ዘይኮይኑ።

"ኣርጀንቲና! ንኢትዮጵያ ብስም ጥራይ ኢየ ዝፈልጣ ዲኻ ዝበልካ? ሓቅኻ ኣለኻ። ንኢትዮጵያ ብስም ጥራይ ምፍላጥካ ኣየገርምን ኢዩ። ይትረፍ'ዶ ንስኻ ዜጋታታ ከይተረፉ ብስም ጥራይ ኢዮም ዝፈልጥዋ። ንሕና'ውን በቲ ዝተወሃበና ጥበብን ብናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድን ኢና ፈሊጥናያ። ከም ዝበልካዮ'ውን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብተደጋጋሚ ስማ ዝተጠቐሰት እስራኤል ኢያ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት ምስተተንተነልካ እስራኤል ሚስጥራዊት ሃገር ከምዘይኮነት ክርድኣካ'ዩ፣ ክርድኣኩም'ዩ። እስራኤል /ከነዓን በሎ ካልእ/ ወድሰብ ካብ ሓመድ ክስራሕ ከሎ፣ ዝበሰለ ናይ ዱዳሌብ ሓመዳ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ'ሎ። ከምኡ'ውን እቲ ፍሉይ ዝኾነ ኣብርሃም ዝተረኽበላ ምድሪ ኢያ። ካብዚ ሓሊፉ ካልእ ነገር የብላን። ነገር ግን ኣስተውዕሉ! ዓለምን ሕዝባን ንልዑልናን ንኣገልገልቲ ልዑልናን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ይግዝኡን የምልኹን ነይሮም። ካብቲ ኩሉ ሕዝቢ፣ ማለት ካብ ኩሉ ሕዝቢ ዓለም ክልተ ውልቀሰባት ጥራይ ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣሚኖም ተረኽቡ። ክልተ ውልቀሰባት ጥራይ! እቲ ሓደ ሽሙ ኣብርሃም ይበሃል። ዝነበረሉ ድማ ኣብኡ ኣብቲ ማእከላይ ምብራቕ ኢዩ። እቲ ካልኣይ መልከ ጸዴቅ ኢዩ። ንሱ'ውን መንፈሳዊ ሰብነቱ ከምዘለዎ ኮይኑ፣ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ድማ ይነብር ነበረ። ስለዚ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ንሓደ ኣብርሃም ረኽበ። እምነቱ ፈተኖ ነቲ ፈተና'ውን ሓለፈ። በዚ ምኽንያት ንዕኡን ንዘርኡን ጥራይ ሒዙ ክሳብ ሎሚ ክምለኽ በቐዐ።

“ሃይማኖት ብደረጃ ውልቀሰባት ኣብ ዘመን ኣዳም፣ ሄኖክ፣ ኖህ፣ መልከ ጸዴቅ ብእኒ ኣብርሃም ነበረት። ነገር ግን ናይ ሕዝቢ ሃይማኖት ኣይኮነን። ብደረጃ ውልቀሰባት ምስቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝራኸቡ፣ ንዕኡ’ውን ዝስዕቡ ግና ነበሩ።

“ስለዚ ንኣብርሃም ሓርዩ ንዝኣተወሉ ቃል መሰረት ገይሩ ብናቱ ናይ ዘርኢ ሓረግ ኣቢሉ ብርክት ዝበሉ ነቢያቱ ልኢኹሎ። እዚ ክገርመኩም ኣይግባእን። ካብ ውሽጢ ሕዝቢ ዓለም ሓደ ናይ ሰብ ፍረ ዝተረኽበላ ምድሪ ስለዝኾነት ብተደጋጋሚ ትጥቀስ። ነቲ ዝተረኽበ ሰብን ንዘርኡን ቃል ተኣተወሎም፣ ኣብቂዑ። ኣብርህም’ውን መጀመርያ ምስተረኽበ፣ እቲ ካብኡ ዝቐደመን መልከ ጸዴቅ ዝተበሃለን ካህን ካብ ኢትዮጵያ ተላዒሉ ናብኡ ከደ። ረኺቡ ኣበራትዖ፣ ናይ ሓባር ቃልኪዳን ተዋህቦም። መልከ ጸዴቅ ኣብ ገነትን ብዙርያኣን ኣብ ዘሎ በዓትታት ብመንፈሳውነት እንዳነበረ ምስቲ ላዕለዋይ ኣካል እንዳተዘራረበ ንርእሱ ናይ ሰላም ንጉስ ገይሩ ነቶም ካብ ጣዖት ዝረሓቑ ሰባት እንዳረኽበ የበርትዖም ነይሩ። ኣብቲ ዘመን ዝረኽቦ ግና ንሓደ ኣብርሃም ጥራይ ኢዩ። ሕጂ’ውን ደጊምኩም ኣስተውዕሉ! እታ ጎልና ዝኾነት ሃገር ማዕረ ክንደይ በቲ ላዕለዋይ ኣካል ከም ትድለ፣ ከምትሕሎን፣ ብኽመይ ምስ ሃይማኖት ከም ዝተኣሳሰረትን ተረድኡ።

“ብኢፍትሓውነት ወድሰብ ካብ ገነት /ኢትዮጵያ/ ተሰጉጉ ዝተሰርሓሉ ሓመድ ናብ ዝርከበሉ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ምስ ተሰጐገ፣ ገነት በይና ተረፈት። ነገር ግን ቅድሚ ማይ ጥፍኣት፣ ሄኖክ ሪኡ ዝመረጻ ሃገር ስለዝኾነት ተሓረየት። ሕጂ’ውን ድሕሪ ማይ ጥፍኣት ኖህ ክነብረላ ተዋሃበቶ። ድሕሪ ኖህ ዝሰዓቡ ነገዳት ግና፣ ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ክሒዶም ናብ ኣምልኾ ልዑልና ንምምጻእ ደቒቕ ኣይወሰደሎምን። ካብ መንጎ’ዞም ሰዓብቲ ልዑልና ግና ሓደ ኣብርሃም ጥራይ ሞለቐ’ሞ ናብቲ ላዕለዋይ ኣካል ከደ። ብናቱ ዘርኢ ኣቢሎም ብዝወርዱ ነቢያት ከኣ ሃይማኖት ክምስረት ተኻእለ። ዝተጸሓፈ ሃይማኖታዊ ሕጊ ተዋህበ። በዚ’ውን ናትና ጣዖታት እንዳኣንቆልቆሉ ከዱ።

“ድሕሪ ኣብርሃም ዝተንስአ ሙሴ ናብ ኢትዮጵያ ከይዱ ክባረኽ ተገብረ’ሞ ኢትዮጵያዊት ተመርዕዩ ሕዝቡ መርሓሉ። ብድሕሪኡ ዝተንስአ ዳዊት ክኸውን ከሎ፣ ወዲ ዳዊት ሰሎሞን ድማ ንመጀመርያ ግዜ ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ቤተ መቕደስ ሰርሓሉ። ንዕኡ’ውን /ስዒበ ነቲ ምስ ገበል ዝተኣሳሰር ታሪኽ ከምዝገልጾ/ ምስታ ኢትዮጵያዊት ንግስተ-ሳባ ኣተኣሳሰሮ’ሞ ውላድ ወሊዶም እቲ ቆልዓ ኣብ ኢትዮጵያ ክነግስ ክኢሉ’ሎ። ሕገ ኦሪት’ውን ናብ ኢትዮጵያ ኣተወ። በዚ’ውን ኣጥቢቕም ተቐረኑ። ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን ድማ፣ እቲ ናይ ኣብርሃም ዘርኢ ሓረግ ተጠቂሙ ዝመጸ ኢየሱስ፣ ዓብዩ ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሩ፣ ናብ ኢትዮጵያ ከይዱ ኢዩ ብመንፈስ ዝበርትዐን ዝተፈተነን። ብድሕሪኡ ድማ ካብ ሓዋርያቱን ኣብ ዘመኑ ካብ

ዝተቐበልዎን ሕዝቢ ቀጺሉ፣ ኣብ ከባቢ 30 ዓ.ም ነቲ ናይ መጀመርታ ክርስትና ዝተቐበለ ናይ ኢትዮጵያውያን ንግስቲ ናይ ዝነበረት ስሉብ ኮነ። ስሚቡ ነቲ ናይ መወዳእታ ነቢይ ክልእኸሎም ከሎን ምስ ኣምለኽቲ ጣዖት ዘይምርድዳእ ምስተፈጥረን እቲ ነቢይ ነቶም ሰዓብቱ ናብ ኢትዮጵያ ኢዩ ልኢኽዎም። ናይ መጀመርታ እስልምና ዝኣተወ'ውን ናብ ኢትዮጵያ ኢዩ፣ ብድሕሪ ኢትዮጵያ ኢዩ ዕርቂ ሰላም ወሪዱ ኣብ መካ፣ ኣብ ሳኡዲ ዓረብያ ዘስፋሕፍሐ። እቲ ናይ መጀመርያ ሙዓዚን እውን ኢትዮጵያዊ ቢላል ኢዩ። ኣብቲ ዘመን ኣብ ኢትዮጵያ ኢዩ መስጊድ ተሰሪሑ። እዚ ኩሉ ሃንደበት ዘጋጠመ ኣይኮነን።

“እዞም ኩሎም ሃይማኖታት ብመንገዲ ነቢያቶም ቅድሚ ምምስራቶም ግና፣ ናይ ዝኾነት ሃገር ሕዝቢ፣ ናይ ልዑልና ጣዖታት የምልኽ ነይሩ። ኩሎም ነቢያት'ውን ጣዖታት እንዳሰበሩን እንዳሰበሩን ኢዮም ነቲ ሕዝቢ ናብቲ ላዕለዋይ ኣካል ከምዝምለስ ዝገበሩ። በዚ'ውን ልዑል ክሳራ ወሪዱና'ሎ። ብዙሓት ጣዖታት ጸኒቶምና ኣለዉ።

“እቶም ሽዑ ዝነበሩ ናትና ሰባት ካብ ናይዚ ዘመን ብዝሓሸ መንገዲ ንልዑልና ይፈልጥዎ ነይሮም። ብናይ ላም፣ ምራኽ፣ ኣሞራ መልክዕ ሓወልቲ ቀሪጾም ዝሰግዱ ዝነበሩ፣ መሃይም ኮይኖም ኣይነበረን። ንባዶ እምኒ'ውን ኣይነበሩን ዝሰግዱ ዝነበሩ። ብዝቐረጽዎ ሓወልቲ ወይ ጣዖት ዝምሰሉ ብርክት ዝበሉ ናይ ልዑልና መንፈሳውያን ሹማምንቲ ስለዝነበሩን ስለዘገልግልዎምን ኢዩ። ነዚ'ውን ሄኖክ ኣጸቢቑ ገሊጽዎ'ኣሎ። ኣብ ውሽጢ እቶም ጣዖታት ዝሓድሩ ኣብ ትሑት ናይ ስልጣን ማዕርግ ዝነበሩ ናይ ልዑልና መንፈሳውያን ወተሃደራቱ ኢዮም ነይሮም። ንነፍስ ወከፍ'ውን ብመጠን እቲ ዘምለኾ፣ ነቲ ዝደልዮ ይህብዎ ነይሮም። ብዝጸለይዎ መጠን፣ ብዘቐረብዎ መስዋእቲ መጠን እንዳተመዘኑ ካብቶም ጣዖታት ዝረኽብዎ ነገራት ነይሩ። ብሓጺሩ ብመንገዲ ልዑልና ንሰባት መታን ከመሓድሩ ዝተሾሙ ኣማልኽቲ ነይሮም። በብኣምሳሎም ብወርቂ፣ ብእምነ-በረድ መዘከርታ እንዳተጸረበሎም ቤተ መቕደስ እንዳተሓንጸሎም፣ ካህናት እንዳተዳለወሎም ይምለኹ። እቶም ጣዖታት ወይ እቶም ኣማልኽቲ፣ መንፈሳዊ ጥበቦም ተጠቂሞም'ውን ብዙሕ ተኣምራት ይገብሩ ነይሮም፣ ነቲ ሕዝቢ'ውን ይመርሑ ነይሮም። ንሰባት፣ ንዕኣምን ነቲ ቐንዲ ሓለቓኣም ዝኾነ ልዑልናን ከምዘምልኹ ይገብሩ ነይሮም፣ ኣብ ካህናቶም'ውን እንዳሓደሩ ይዛረቡ ነይሮም። ብርክት ዝበሉን ብሚልዮን ዝቑጸሩን ስለዝኾኑ'ውን ካብ ምብዝሑም ዝተላዕለ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኩሉ ሕዝቢ ምድሪ፣ ዝኣኽሉ ክሳብ ዝመስሉ ኣብ ዓለም ተሰራጭዮም ነይሮም። ማእለያ ዘይብሎም ብዙሓት ስለዝነበሩ ድማ'ዩ፣ እቲ ሓደ ናይ ኩናት መዐወቲ፣ ካልእ ናይ ፍቕሪ ኣማልኽቲ፣ ናይ ሩባ፣ ናይ ጎቦ፣ ናይ ሓዳር፣ ናይ ጓሳ፣ ናይ ሕርሻ፣ ናይ ኣዝርእቲ፣ ናይ ነገስታት . . . . ወዘተ

ክበሃል ዝጸንሐ። ከምዚ ዓይነት ናይ ምሕደራ ኣካይዳ'ውን በቲ ላዕለዋይ ኣካል፣ ሃይማኖት ክሳብ ዝምስረት ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ንዘመናት ክትግበር ጸኒሑ'ሎ።

"ነዚ ኢየ ድማ፣ ካብ ማይ ጥፍኣት ዝደሓነ ሰብ ካብ ኖህ ንድሓር ዝነበረ ብሙሉኡ ሕዝቢ ዓለም፣ ኖህ ምስ ሞተ ከይጸንሐ ኢዩ ንልዑልና ክስዕብ ዝጀመረ ዝበልኩኹም። እቲ ግስጋሰ ብኽምዚ ቀጺሉ እቶም ጣዖታት ኣብ ውሽጢ ሰብ እንዳሓደሩ ብጥበቦም ሕዝቢ እንዳመርሑ ንሰባት'ውን ጥበባት እንዳገለጹ ይነብሩ ነበሩ። ሓደ ዝተርፍ ሰብ ከይሃለወ፣ ኩሎም ንልዑልና እንዳሰገዱ ልዕሊ 2 ሽሕን 400ን ዓመታት ጸንሑ። ኣብተን 2 ሽሕ ዘመን እዞም ብርክት ዝበሉ ጣዖታት ገኒኖምሉ ዝነበረ ግዜ ኢዩ። ብድሕሪኡ ግና በብተራ ዘመኖም እንዳተወድአ ናብ ፒራሚድና ይኣትዉ። ኣብ ከክንድኣም ካብኣም ዝሓሸ ጥበብን ሓይልን ዘለዎ ብገበል ዝምሰል ኣማልኽቲ ተሸይሙ ኣብቲ 400 ዓመት ገኒኑ ይጸንሕ። ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገርን ሕዝብን ናይ ሃይማኖቶም ዘመን ይፈላለ ደኣምበር፣ ነናይ ባዕሎም ሃይማኖት ክህልዎም 400 ዓመት ምስ ተረፎም ብገበል ብዝምሰል ኣማልኽቲ ተገዚኦም ክሓልፉ ነይርዎም። እዚ ብገበል ዝምሰል ናይ ልዑልና ኣማልኽቲ ተመሊኹ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩሎም ሃገራት ልዕሊ ንጉሰ ነገስቶም እንዳኾነ ኣመሓዲሩ'ሎ። ገዛኢ ኮይኑ ጸኒሑ'ሎ። ታሕተዎት ሹማምንቲ'ውን ብገበልን ተመንን እንዳተመሰሉ ኣከታቲሎም ነጊሶም'ዮም። ኣብ መወዳእታ ግና ናቶም ዘመን'ውን ኣብቂዑ።

"እቲ ላዕለዋይ ኣካል ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመንን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራትን ን400 ዓመት ዝጸንሐ ናይ ገበልን ናይ ድራጎንን ኣገዛዝኣ ካብ ኩለን ሃገራት ኣወጊዱ ብሃይማኖት ተክኡ። እዚ'ውን ክኸውን ስለዝነበሮ ኢዩ ኮይኑ። እቲ ብኣምሳል ገበል፣ ተመንን ድራጎንን ተሰሪሑ ቆይሙ ዝነበረ ጣዖታት'ውን ተደምሰሰ። ሽዑ ኩሎም ሃገራት ነናይባዕሎም ካብ ሰብ ዝተወለዱ ነገስታት ምኽም ጀመሩ።

በዚ መሰረት፣ እቲ ናይ መጀመርታ ካብ ልዑልና ወጻኢ ዝኾነ ሃይማኖት በቲ ካብ ኣብርሃም ቀጺሉ ዝተንስአ ሙሴ ተጀመረ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል'ውን ሓይሉን ጥበቡን ከርኢ ጀመረ። ነቶም ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ዝበቐሉ ሕዝቡ'ውን ሕጊ ተጻሒፉሎም ብመንገዲ ሙሴ ክበጽሖም ተገብረ።

"ኣብ ልዕሊ ፈርኦናት ግብጺ ላዕለዎት መራሕቲ ኮይኖም ኣከታቲሎም ይገዝኡ ካብ ዝነበሩ'ውን፣ እቲ ኣብ መወዳእታ ዝነገሰ ገበል ናይ መወዳእታ ግዝኣቱ በቲ ናይ ሙሴ ዘመን የብቅዕ። ን400 ዓመታት ግና ልዕሊ እቶም ፈርዖናት ኮይኖም ጸኒሖም'ዮም። ኣብቲ ዘመን ብዝተገብረ ተኣምራት ነቲ ናይ መጀመርያ ሃይማኖተኛ ሕዝቢ ምምስራት ተኻእለ።

ንማእከላይ ምብራቕ ሒዞሞ ዝነበሩ፣ ሹማምንቲ ገበል ዝኾኑ፣ ብምስሊ ምራኽን ኣርሓን ዝተሰርሑ ጣዖታት'ውን በቶም ሰዓብቲ ሙሴ ብሓይሊ እንዳተሰባበሩ፣ እንዳተረፉ ከዱ። ቀጺሉ ሕዝብታት ርሑቕ ምብራቕ ብመንገዲ ቡድሃ ነቲ ቀንዲ ንጉሶም፣ ነቲ ብድራጎን ዝምሰል ኣማልኽቶም ከካብ ዓድታት ብናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ሓይሊ ተጠቂሞም ብምቕታል ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ሰዓብቲ ክኾኑ ተገብረ። ጣዖታቶም ብሓይሊ ሰባበሩሎም፣ እንዳተረፉ'ውን ከዱ። ቀጺሉ ብመንገዲ ኢየሱስ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ሕዝቢ ናብቲ ላዕለዋይ ኣካል ከምዝምለስ ተገብረ'ሞ ኣብ ኤውሮጳን ካልኦት ሃገራትን ከም ዝሰፍሕ ተገብረ። ናይ ድራጎን ጣዖታት ተሰባበሩ፣ እንዳተረፉ ከዱ፣ ቀጺሉ ነቶም ዝተረፉ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ሕዝብታትን ካልኦትን ብመንገዲ እቲ ናይ መወዳእታ ነቢይ መሓመድ ናብቲ ላዕለዋይ ኣካል ክምለሱ ተገብረ፣ እቶም ጣዖታት'ውን ተሰባበሩ፣ እንዳተረፉ ከዱ።

"ነቲ ናይ ሃይማኖታት ኣነ ይበልጽ ኣነ ይበልጽ ዝብልዎ ጉዳይ ሕደጎ። ኩሎም ተደባሊቐም ናብቲ ሓደ ላዕለዋይ ኣካል ኢዮም። ንኹሉ በብቋንቋኡ፣ በብባህሉ፣ በብዓዱ፣ ነናይ ባዕሉ ነቢይ ተላኢኹሉ ኣሎ። ኩሉ በቲ ዝተላእኸሉ ነቢይን በቲ ዝተዋህቦ ሕግን ይምራሕ፣ በቲ ዝተዋህቦ ሕጊ መሰረት በብሚዛኑ ይምዘን፣ ዝወደቐ ክወድቕ'ዩ ዝሓለፈ ክሓልፍ'ዩ፣ ኢዩ እቲ ሕጊ። ካልእ ነገር የለን። ነዚ ነገር ካህሊል ጊብራን ዝተባሃለ ዓረባዊ ጸሓፊ ጽቡቕ ገይሩ ገሊጽዎ'ሎ፣ "ሃይማኖታትን እቲ ላዕለዋይ ኣካልን፣ ሓደ ኢድን ብዙሓት ኣጻብዕትን ኢዮም" ብማለት። ከምቲ ንሕና ኣብ ጎኒ ልዑልና ዝኾንና፣ ሃይማኖተኛታት'ውን ኣብ ጎኒ'ቲ ላዕለዋይ ኣካል ክኾኑ ኢዩ ተደልዩ ዘሎ።

"በዚ መሰረት ን400 ዓመታት መግዛእቲ ገበል ኣብ ሙሉእ ዓለም ሰፊኑ ልዑልና'ውን ገኒኑ ነይሩ። እዚ 400 ዓመት ዘይተነበረሉ ክንሱ ከምዝተነበረሉ ዝቐጸር'ውን ምስዚ ታሪኽ ብምትሕሓዝ ኢዩ። እዛ ዓለምን ሰብን ተፈጢሮም ኣለዉ። ዘመኖም ምስ ኣኸለ ካብ ምንባር ናብ ዘይምንባር ክምለሱ ተሓሲቡሎ። ከም ትፈልጥዎ ዕላማና ድማ ካብ ምንባር ናብ ምንባር ምዕጋት ኢዩ። ኣብዚ ናይ ጅማሬን ፍጻሜን ዘመን፣ 400 ዓመት ብጥራዩ ተወሲኹ ኢዩ ዝቐጸር። በዚ ምኽንያት ድማ ኢና BC5500+AD2015+400=85 ንብል። ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ናብ ብውድኡ ይኸይድ ስለዘሎ ኢና 85 ኢልና ዘስፈርናዮ።

"ስለዚ. . . ሕዝቢ ኢትዮጵያ'ውን ከምቲ ካልእ ሕዝቢ ዓለም በተን ድሕሪ ኖህ ዝነበራ ዘመናት፣ ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ክሒዱ ጣዖታት የምልኽ ነይሩ። ኣብቲ ቀደም ዘመን ነቶም ብጸሓይ፣ ብሩባ፣ ብኣባይ፣ . . . ወዘተ ዝምሰሉ የምልኹ ነይሮም። ከምቲ ካልእ ዓለም'ውን ናይ ባዕሎም ናይ ሕርሻ፣ ናይ ፍቕሪ፣ ወዘተ እንዳበሉ ሰይሞም ኢዮም። ኣብ መወዳእታ ንሶም ተሪፎም ብገበል ምስ ተተክኡ፣ ኣብ ኢትዮጵያ'ውን ልዕሊ እቲ ንጉስ፣ እቲ ገበል ቀንዲ ገዛኢ

ኮይኑ ነይሩ። ልክዕ ከምቶም ፈርያናት ማለት ኢዩ። እቲ ንጉስ'ውን ውክልንኡን ተኣዛዝነቱን ነቲ ገበል ኢዩ ነይሩ። ከመሓድሮም ከሎ'ውን፣ እቶም ኢትዮጵያውያን ብተኣማንነት ይስውኡሉ ነይሮም ደኣምበር ንዕኡ ክሒዱ ናብቲ ላዕለዋይ ኣካል ዘቋመተ ዜጋ ኣይነበረን።

“ከምኡ ስለዝነበረ'ውን ኣብቲ ጥንቲ ዘመን፣ ሕጂ'ውን ከምቲ ካልእ ዓለም፣ ናይ ልዑልና መንፈሳውያን ወተሃደራት ነታ ሃገር ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ምምራሕ ሓሊፎም ክሳብ ምድቓል በጺሖም ነይሮም። ናይ ልዑልና እሙናት ወተሃደራት ኣከታቲሎም ይነግሱ ነይሮም። ብዝገበርዎ ምድቓል'ውን ንጉሰ ነገስቶም ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ገባብል ክሳብ ምውላድ በጺሖም ነይሮም። ፍርቂ ሰብ ፍርቂ ገበል እንዳኾኑ'ውን ይነግሱን ይስገደሎምን ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ሰሜናውን ኣብ ደቡባውን ክፋል ኢትዮጵያ በቲ ክቡር ገበልና ዝምሰል ኣማልኽቲ ኢዩ ዝነግሰሎምን ብናጽነት ዘመሓድሮምን ዝነበረ። “መግብና ትህበና ንስኻ ኢኻ” እውን ይብልዎ ናይሮም። ብኽምዚ ን400 ዓመት ክቕጽል ጸኒሑ'ሎ። ድሓር ግና እቲ ላዕለዋይ ኣካል ንሕዝቢ ናይታ ሃገር ኣብ ትሕቲኡ ንምግባርን ኣምልኾ ጣዖት ንምጥፋእን ብማለት፣ ምስቲ ናይ መጀመርታ ሃይማኖታዊ ሕዝቢ ከተኣሳስሮ ደለየ። ሃይማኖታዊ ሕዝቢ ቅድሚ ምምስራቱ ድማ መግዛእቲ ገበል ግድን ከብቅዕ ስለዘለዎ፣ መግዛእቲ ናይቲ ገበል ዘብቅዓሉ ሓደ ክስተት ተፈጥረ።

"ሓደ ኢትዮጵያዊ ተንሲኡ ነቲ ገበል ብዘይተሓሰበ ኩነት ብሓዊ ኣቃጸሎ። እዚ ድማ በቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝተኣልመ ውዲት ነበረሞ ንንጉሶም ብሓዊ ሓጺሩ መውጽኢ መእተዊ ምስ ኣስኣኖ ይቃጸል። እንዳተቓጸለ ከሎ ድማ ኣብ ከባቢ ርእሱ በሊሕ ነገር ዓሊብዎ ይስንጠቕ። ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ጭፍራ /መላእኽቲ/ ብዘውረዱሉ ከቢድ ማህረምቲ ርእሱ ምስተጨደ'ውን ብዙሕ ደምን መጉልን ካብ ኣካላቱ ይፈስስ'ሞ ይመውት። ከይጸንሐ ከቢድ ዝናብ ይሃርምሞ ኣብቲ ደሙ ዝፈሰሰሉ ቦታ፣ እቲ ጣፍ ዝተበሃለ ናይ ኢትዮጵያውያን ጥራይ ዝኾነ ናይ መግቢ እኽሊ ይበቁል። ክሳብ ሎሚ ዝምገብዎ ነዚ መግቢ ክኸውን ከሎ፡ ንዖኣም ጥራይ ዝተፈቐደ ኮነሞ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘይበቁል፡ እንተበቐለ'ውን ምህርቲ ዘይህብ ኮነ። እዚ ታሪኽ ንዕኡም ካብ ናይ ቆልዑት ጽውጽዋይ ተፈልዩ ኣይረአን ደኣምበር፣ ኣብ ታሪክ ነገስቶምን፡ ኣብቲ ዝሓዝዎ መጽሓፍ ቅዱስን ብግልጺ ሰፊሩ'ሎ" በሉ'ሞ፡ ገጾም ናብቲ መንደቕ መሊሶም ብናይ ዓባይዓባይቶኣምን ማእኸለይቲ ኣጻብዕቶምን ፍሕፍሐ ዝተፈጥረት "ጣ" ትብል ድምጺ ምስፈጠሩ፡ ጠፊኡ ዝጸንሐ ሰፊሕ ስክሪን ተወልዐ'ሞ ብኹሉ ቋንቋ ዝተጻሕፉ ብርክት ዝበሉ መጽሕፍ ቅዱሳት ተደርዲሮም ክረኣዩ ጀመሩ። እቶም ኣቡን'ውን ቀጸሉ ፡

"ኣብዚ ትርእይዎ ዘሎኹም፣ ብኹሉ ቋንቋታት ዝተጸሓፉ መጻሕፍቲ ኢዮም። መጽሓፍ ቅዱሳት ኢሎም ይጽውዕወን። ነተን ካልኦት ገዲፍና፣ ነቲ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ኣብ ኢድ ኩሎም

ኢትዮጵያውያን ዝርከብ ንርአ፡ እዚ ኢዩ" ብማለት፡ ብዘገርም ኩነታት ነቲ ናይ ኣምሓርኛ መጽሓፍ ቅዱስ ፈልዮም፡ ነታ ናይ ኣጻብዕቲ ድምጺ ፍሕፍሐ ምስደጋገሙ፣ እቲ መጽሓፍ ግንጽል ግንጽል እንዳበለ ኣብ መዝሙረ ዳዊት በጽሐ። እቶም ኣቡን ጽሩይ ኣምሓርኛ ይዛረቡ። እቶም መራሕቲ ሃገራት G8 እውን ኣምሓርኛን ግእዝን ጠንቂቖም ይፈልጡ ኢዮም'ሞ ኣብ መዝሙረ ዳዊት ምዕራፍ 74 ቁጽሪ 14 ብኢዶም እንዳጠቆሙ ከረድኡ ጀመሩ።

"እዚ እቲ ናይ ኣምሓርኛ መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ። እዚ ብኣቆጻጽራ ኢትዮጵያውያን ናይ 1962 ዓ.ም ሕታም ዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ይብል፡ "ንስኻ'ውን ናይቲ ገበል ኣራእስ ቀጥቂጥካ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ'ውን መግቦም ሃብካዮም" ይብል። እዚ ድማ፣ ቅድም'ቲ ናይ ኣምሓርኛ ዝነበረ፣ ናይ ግእዝ መጽሓፍ ቅዱስ ክኸውን ከሎ፡ ኣብዚ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ መዝሙረ ዳዊት ምዕራፍ 73 ቁጽሪ 15 ከምዚ ይብል፡ "ወአንተ ቀጥቀጥከ አርእስቲሁ ለከይሲ፡ ወወሀብኮሙ ሲሳዮሙ ለህዝበ ኢትዮጵያ።" ይብል። ናይ ኩሎም ሓበሻ መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ኢዩ። እዚ ሕጂ ዝነገርኩኹም ታሪኽ ብኽምዚ ዓይነት ዘየደናግር መልክዑ ብግልጺ ተጻሒፉሎም ሒዞሞ'ለዉ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ታሪክ-ነገስት እውን ነቲ ሙሉእ ታሪኹ ዝሰፈረሉ ሰነድ ሒዞሞ ኣለዉ። ነገር ግን ኣይርድእዎን። ይደናገሩሉ ደኣምበር ኣይምርምርዎን። ከም ሰብ ክንሓስቦ ከለና'ውን ሓቆም'ዮም። ሰብ ከመይ ገይሩ ካብ ገበል ክመጽእ ይኽእል? ከመይ ገይሩ'ኸ ጣፍ ክበቁል ይኽእል? ኢሎም ይሓቱ'ሞ ምምላስ ምስ ከበዶም 'ጽውጽዋይ ኢዩ' ኢሎም ይሓልፍዎ። ወይ ከኣ ቅኔያዊ ኣገላልጻ ይኸውን ኢሎም ይሓድግዎ። ብዘገርም ኩነታት ድማ፡ ነዝን ከምኡ ዝኣመሰለን ሙሉኣት ሓሳባት ገዲፎም ነቲ ካልእ ሙሉእ ሓሳብ ግን ይቕበልዎን፡ ይኣምንዎን።

"ንሕና ግን ምናልባት እቲ ናይ ካልእ ዓለም ሕዝቢ ኣተኩሮኡ ናብ ኢትዮጵያ ከይገብር ብማለት፡ ምስ ካልኦት ነገራት ኣመዛዚኑ'ውን ኣሰር ናይቲ ሓቂ ከይርድኡ ብዝብል ጥንቃቐ፣ በዞም ናይ ሕጅን ብኻልኦት ቋንቋታትን ኣብ ዝትርጎሙ መጽሓፍ ቅዱሳት ነቲ፡ "ንሕዝቢ ኢትዮጵያ መግቦም ሃብካዮም" ዝብል ቃል፡ "ንሰብ ምድረ በዳ ሃብካዮም" ተባሂሉ ክጸሓፍ ጌርና'ለና። ኣስተውዕሉ! ነቲ ካልእ ዓለም ኢየ ዝበልኩ። ነቲ ናይ ኢትዮጵያውያን ኣይቀየርናዮን። እቲ ናቶም ከም ዝነበሮ ኢዩ ዘሎ። "ንሕዝቢ ኢትዮጵያ መግቦም ሃብካዮም" ኢዩ ዝብል። በምሓርኛ ዋላ ብግእዝ። ዳዊት ክጽሕፎ ከሎ ኢትዮጵያ ኢሉ ኢዩ ጽሒፍዎ። በቲ ናይ ቀደም ብእብራይስጥ ኮነ ብግሪኽ እውን ኢትዮጵያ ኢዩ ዝብል። ኣብቲ ዳሕረዋይ ዘመን ካብ እብራይስጥ ናብ ግእዝ ክትርጎም ከሎ'ውን ኢትዮጵያ ይብል ስለዝነበረ ኢዮም ኢትዮጵያ ኢሎም ዝተርጎምዎ፡ ደኣምበር ነቲ በረኻ ዝብል ዝነበረ ኢትዮጵያ ተባሂሉ

ኣይትርጎምን፡ ኣይተርጎምዎን'ውን። ኣብቲ፣ ናብ ካልእ ዓለም ክዝርጋሕ ዝገበርናዮ ትርጉም ግና፣ ነቲ "ኢትዮጵያ" ዝብል "ምድረ በዳ" ተባሂሉ ከም ዝንበብ ኢና ጌርና። ንኣብነት ነቲ ናይ ቀደም ኮነ ናይ ሕጂ እንግሊዝኛ ርኣይዎ፡ psalms /መዝሙረ ዳዊት/ 74፡14 ከምዚ ይብል። "you broke the heads of leviathan in pieces, And gave him as food to the people inhabiting the wilderness" ኢዩ ዝብል። ነቲ ናይ ካልእ ዓለም ኢና "ኢትዮጵያ" ዝብል ዝነበረ "ምድረ በዳ" ብዝብል ዝለወጥናዮ ደኣምበር ነቲ ናይ ኢትዮጵያውያን ኣይተንከፍናዮን። ኣጉል ስራሕ ምብዛሕ ኢዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ዓንተዎ ከም ዝነገርኩኹም ናይ ካልእ ሃገር ሰብ ክሳብ ዘይነገሮምን ዘየዘከሮምን፡ ወይ'ውን ክሳብ ዘይደገመሎም ክፈልጡ ዝኽእሉሉ መንገዲ ስለዘየሎ ኢዩ። ሽሕ'ኳ ሓቂ እንተሓዙ፣ ናይ ወጻኢ ሰብ ክሳብ ዘየረጋገጸሎም ፈጺሞም፡ ሕጂ'ውን ክደግሞ'የ ፈጺሞም ስለዘይቕበሉ ኢዩ። ክገርመኩም ግና ብዘይ ናትና ሴራ እንታይ ይገብሩ መስለኩም፡ ዝሰልጠኑ መሲልዎም'ድዩ ወይሲ ማዕሬና ንምኽን ደልዮም ኣይፈልጥን፣ ነቲ ንሕና ንኻልእ ዓለም ኢልና ናብ እንግሊዝኛ ዝተርጎምናዮ፣ ኣብቲ ሓድሽ ሕታሞም ካባና ቀዲሑም ተርጒሞሞ። ኣይትስሕቑን ዲኹም? ኣይተረድኣኩምን ማለት'ዩ። ክደግሞ'የ። ኣብቲ ቅኑዕ ናይ 1962 ዓ.ም ሕታም ዝኾነ ናይ ኢትዮጵያ መጽሓፍ ቅዱስ "ንስኻ'ውን ናይቲ ገበል ኣራእስ ቀጥቂጥካ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ'ውን መግቦም ሃብካዮም" ይብል።

"ኣመሓይሽናዮ /ሓዲስናዮ/ ኢሎም ብናቶም ኣቆጻጽራ ብ1993 ዓ.ም ኣብ ዘሕተምዎ ድማ፡ "ንስኻ'ውን ናይቲ ገበል ኣራእስ ቀጥቂጥካ ነቶም ሰብ ምድረ በዳ መግቦም ሃብካዮም" ይብል። ካባና ቀዲሑም ማለት'ዩ። ንሕና ድማ ዕላማና እቲ ኢትዮጵያ ዝብል ንኽይፍለጥ ኢዩ። ስግኣትና ኣበቓቕላ ጣፍ ከይፍለጥ ዘይኮነ ምስ ታሪክ-ነገስት ኣነጻጺሮም ነቲ ሓቂ ከይርድእዎ ኢዩ።

"ዝኾነ ኮይኑ፣ ጣፍ ክበቁልን ሽዑ ንሽዑ ምህርቲ ክህብን ዝኽኣለ ናይቲ ዘመን ሰባት ነቲ ገበል "ንስኻ ኢኻ መግብና ትህበና" ስለዝብልዎን ዕለት ዕለት'ውን ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ዘለዎ ብዕራይ፡ ላም፡ በጊዕ፡ ጤል እንዳገበሩ መስዋእቲ የቕርቡሉ ስለዝነበሩን ኢዩ። ናይ ሕርሻና፣ ናይ ጥሪትና፣ ናትና'ውን ኣመሓዳሪ ንስኻ ኢኻ እንዳበሉ ይሰግዱሉ ስለዝነበሩ ኢዩ። ስለዚ እቲ ገበል እንተድኣ ሞይቱ ተስፋ የብልናን ኢሎም ይሓስቡ ስለዝነበሩ ኢዩ። ስለዚ እቲ ላዕለዋይ ኣካል፡ "መግቢ ዝህብ ኣነ'የ ደኣምበር ንሱ ኣይኮነን" ኢሉ ኢዩ ሽዑ ንሽዑ ተኣምር ኣርእዩ መግቦም ዝሃቦም።

"ኣብቲ ወቕት'ቲ፣ እቲ ትሕት'ቲ ገበል ዝነበረ ናይ ሰብ ሹም /ንጉስ/ እቲ ገበል ክቕተል ኣይደልን ነበረ። ንሱ እንተ ሞይቱ ሓቢርዎ ኢዩ ዝመውት። ውህደቶም በዚ ኢዩ ዝግለጽ። እቲ ሕዝቢ ነቲ ገበል ክግብር ዘገደደ'ውን እቲ ንጉስ ኢዩ። ፍርቆም ግና ነቲ ገበል መዓልታዊ ምግባር ሰልችይዎም ነበረ። ትእዛዝ ንጉስ ኮይንዎም ደኣምበር። ስለዚ በዚ ዓይነት መንገዲ፣ 'መግቢ ኣሎ' ብማለት ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝናብ ዘኒቡ፡ ጣፍ በቕሉ፡ ምህርቱ ሂቡ፡ ተዓጺዱ፡ተኽይዱ፡ ተጣሒኑ፡ ተለዊሱ፡ ተሰንኪቱ ተበልዐ። እቲ ሕዝቢ'ውን ብዘይ እቲ ገበል ክነብር ከምዝኽእል ተረድኡ። እዚ መንፈሳዊ ጥበብ ኢዩ። ልዕሊ እቲ ገበል ዝኾነ ሓይሊ ከምዘሎ ነቲ ሕዝቢ ዘእመነሉ ሓደ ቀሊል ምልክት ኢዩ። ክልተ ዓሳን ሓሙሽተ እንጌራን ን5 ሽሕ ሕዝቢ ምብጻሕን ምጽጋብን ብመንፈሳዊ ኣሰራርሓ ቀሊልን ተራ ነገርን ከምዝኾነ፡ እዚ'ውን ተራ ነገር ኢዩ። ሰብ ከይተረፈ ሙሉእ ኣተሓሳስብኡ እንተ ዝጥቀም ክገብሮ ዝኽእል ተራ ነገር ኢዩ። ነዚ ታሪኽ ኢዩ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ዝገለጾ። ካብዚ ሓሊፉ ጣፍ ንዓና ኣይእንታይናን ኢዩ። ስለዚ... ነዚ ዘይኮነስ፡ ካልኦት ምስዚ ዝተኣሳሰሩ ነገራት መታን ከይፈልጡ ኢዩ። ኩሉ እቲ ሚስጥር ብወግዒ ከይዝርጋሕ ወይ'ውን ዓለም፣ ካባና ወጻኢ ነታ ሃገር መንም ኣቓልቦ ከይገብረላ ኢዩ ደኣምበር ንኻልእ ኣይኮነን። ምናልባት ንሶም ኣብ ከምዚ ዓይነት ትርጉም ዝኣተዉ ንኣንባቢ ከቕልሉሉ ኢሎም ይኾኑ። ካልኦት ክፍልታት ኣይፈልጥን፡ ስለዚ ከምዝተተርጎመ ምስ ሰማዕኹ ተቐዳዲመ ነዛ ገጽ ጥራይ ኢየ ነይረ ገንጺለ ዝረኣኽዋ። "ምድረ በዳ" ኢሎም ቀይሮሞ'ለዉ። ሓሲቦምሉ ድዮም ከይሓሰቡሉ ግና ይሕግዙና ኣለዉ። ንሕና ድማ ንቓል መጽሓፍ ቅዱሶም ኣብ ኩሉ ገጻቱ ካብ ምልዋጥን ስራሕ ካብ ምብዛሕን ወይ'ውን፣ ተርጉሙ ኢልና ጸቕጢ ካብ ምግባር፣ ገደፍናሎም'ሞ ስለምንታይ'ከ ነቲ ኣብ ታሪክ ነገስት ዘሎ ኣይነዘባርቕን ኢልና ናብኡ ከድና። ቀደም ኢና ናብኡ ዝኸድና።

"መቸም ንምናልባት ኢልና ኢና እምበር ፈሪሕናዮም ኣይኮንናን። ስለዚ እዚ ታሪኽ ብሰፊሑ ምስ ሙሉእ ታሪኹ፡ ኣብ ታሪክ-ነገስቶም ስለ ዘሎ፡ ወይ'ውን ስለዝነበረ ነዚ ጉዳይ ምስ ታሪክ-ነገስቶም ኣገናዚቦም ከይርድእዎ ብዝብል እቲ ታሪኽ ሰፊርሉ ኣብ ዘሎ ሰነድ ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን ከም ዝተጸሓፈ ዝገልጽ ናይ መእተዊ ሃተታን ካልኦት ሒደት ሙሉኣት ሓሳባትን ኣካቲትና ብመጠኑ ከምዝወጀበሮም ገርና። እዚ ትርእይዎ ዘለኹም ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጽሕፈት፣ ኣብቲ ቦታን እቲ ታሪኽ ኣብ ዝተፈጸመሉ ወቕትን ብናይ ባዕሎም ቋንቋ ዝተጸሓፈ ታሪክ-ነገስቶም ኢዩ። ንሶም ኣይቅበልዎን ኢዮም። ክቕበልዎ'ውን ኣይክእሉን። ኣጸቢቕና ስለዝሓዋወስናሎም ጥራይ ኣይኮነን ዘይቅበልዎ። ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ኢዶም ዘሎ ስለዘይምርምርዎን ስለዘየድልዮምን ኢዩ። ንሕና'ውን እንተኾንና ከምዚ ዓይነት ስራሕ ንሰርሕ ብሰብ ስለዝኾነ፡ ብሜላ ኢና ንሓዋውሶ፡ ንዕኡ'ውን ሰሪቕና ኢና ገርና። ብሙሉኡ ነቲ ሰነድ ምውሳድ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ውሑዳት ቃላት ፋሕ ምባል እኹል ኢዩ። ኢትዮጵያውያን፣ እዛ

ዓለም ብገበል ከም ዝተኸበበት እኳ ኣይፈልጡን ኢዮም። እቲ ሚስጥር'ውን ክርድኦም ኣይክእልን። ታሪኽ ናይ ዝኾነት ሃገርን ኣህጉርን ሕዝቢ፣ ስለምንታይ ምስ ገበል ተተሓሒዙ ከም ዝግለጽ'ውን ዝነገሮም የለን። ገበል ክበሃል ከሎ ገበል ኢዩ ዝመስሎም። ኣብ በረኻ ዝነብር፡ ሰብ ዝውሕጥ፡ ቁሩብ ካብ ተመን ዝነውሕን ዝረጉድን፡ በቃ። ከምዚ ኢዮም ዝሓስቡ። ኣብቲ ዝሓዝዎ መጽሓፍ ቅዱስ ገበል ዝብል ቃል ተደጋጊሙ ካብ 21 ግዜ ንላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ እንዳረኣዩ'ኳ እንታይ ኢዩ ኢሎም ኣይሓቱን። ነቲ ዘይተረድኦም እንዳቐረጹ ይድርብዩ፡ ነቲ ካልእ ይቕበሉ፡ እንደገና'ውን ይቐድሑ። ገሊኡ መጽሓፍቲ ግን ብጥንቃቐ ኢዩ ተጻሒፉ። ኣብ ነፍስ ወከፍ ሙሉእ ሓሳብ ዓንቀጽን ቁጽርን ዝህብ'ውን ብጥንቃቐ ስለ ዝተጸሓፈን ብምስትውዓል ክንበብ ስለዝነበሮን ኢዩ። ደሓን... ክመሓየሽ ይኽእል'ዩ፡ ቋንቋ በብዘመኑ ስለዝለዋወጥ፡ ንኣብነት "ልብኹም ኣይሸበር" ዝብል ዝነበረ "ልብኹም ኣይጨነቕ" ተባሂሉ ተመሓይሹ ሪኣ'ለኹ። እዚ ጸገም ከይህልዎ ይኽእል። ነቲ ኣንባቢ'ውን ቅጠቐሞ ይኽእል። ነገር ግን "ኢትዮጵያ" ንዝብል ቃል ብኽመይ "ምድረ በዳ" ኢሎም ይልውጥዎ? ምስ ገበል ተተሓሒዙ ስለዝተጠቐሰ ሓፊሮም'ዶ ይኾኑ? ክሳብ ሎሚ ትዝ እንዳበለኒ ይስሕቐ። ምስ ገበል ስለዝተራኸበ ቆሪጾም ደርበይዎ። ኢትዮጵያውያን ማዕረ ኽንድዚ ኢዮም። ነዚ ኢየ ድማ ዝጸልኦም። በቃ... ኣይርድኡንን። ይረድኡና እኳ እንተለዉ ግን... ኣይፈትዎምን። ምድረ በዳ.... ኣብ ኣማዞን ኣሎ.... ኣብ ህንዲ ኣሎ፡ ኣብ እስራኤል'ውን ኣሎ.... ነዚ እንተደርቢኻ፣ ንመዝሙረ ዳዊት ብሙሉኡ'ውን ክትስንድዎ ኣለካ ማለት'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ጸሓፊ ከም ዝተጋገየ ኣሚኖም እንድዮም! እንተ ዘይተረዲኡካ ኩሉ ምግዳፉ ኢዩ'ምበር። ከምኡ ኢዩ። ኣርጀንቲና ሕጂ ብከፊል'ውን እንተኾነ ንኢትዮጵያ ዝፈለጥካያ ይመስለኒ።

"ናብቲ ዝጀመርክዎ ክምለስ" ድሕሪ ምባል፡ ገጾም ናብቶም ተኣከብቲ መለሱ'ሞ ርግእ ኢሎም ትንተናኦም ቀጸሉ።

"ስዒበ ዝገልጸልኩም ታሪኽ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልክዎ ኣብ ኩሉ ሃገር ኮይኑ ዝሓለፈን ዝተለመደን ነይሩ። ልዑልና ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ኣዝዩ ዝገነነሉ 400 ዓመት ነይሩ። ኣብ ኢትዮጵያ'ውን ብተመሳሳሊ ን400 ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ ገበል ነይሩ። ኣብ ህንዲ፡ ኣብ ቻይና፡ ኣብ ካልኦት'ውን ተመሳሳሊ ነገር ኢዩ ነይሩ። ሃይማኖት ቅድሚ ምምጽኡ ዝነበረ ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገር ታሪኽ ክጸሓፍ ከሎ ምስ ገበል፡ ምስ ድራጎንን ተመሳሰልቲ ነገራትን ብምትእስሳር ዝጸሓፍ'ውን ብሰንኪ እዚ ዝዓይነቱ ታሪኽ ኢዩ። ናይ ቀደም ናይ ልዑልና ጭፍራ ገበል ኮይኖም፣ ነገር ግን ምስ ሰባት ርክብ እንዳፈጸሙ ይዳቐሉ ነይሮም። ብኣካልን ብመንፈስን ከኣ ሰብ፡ ገበል፡ ተመን እንዳተመሰሉ ኢዮም ዝግለጹ። እቶም ዝውለዱ'ውን ደቂ

ኣማልኽቲ ይብሃሉ ነይሮም። ኣብ ኢትዮጵያ'ውን ከም ዝበልክዎ ብናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ትእዛዝን ሓይልን እቲ ገበል ብሓዊ ተኽቢቡ፡ ርእሱ ተፈሊጹ፡ እቲ ዝናብ'ውን ዘኒቡ፡ ጣፍ'ውን በቕሉ እቲ መግዛእቲ ገበል ከብቅዕ ከኣለ። ነዚ ዘደንቕ ታሪኽ'ውን ኣብ ታሪክ-ነገስቶም ጸሓፍዎ፡ ዳዊት'ውን ኣብ መዝሙሩ ደገሞ።

"ስለዚ እቲ ናይ መወዳእታ ገዛኢ ገበል ኣብ ዝነገሰሉ ግዜ፣ ሓንቲ ኢትዮጵያዊት ሰበይቲ ብልሙድ ኣገላልጻ፣ ናይቲ ዘመን ቀንዲ ጠንቂሊት ነበረት'ሞ ምስቲ ኣብቲ ወቕቲ ገዛኢ ዝነበረን ተቐቲሉ ዝበልናዮን ጥበበኛ ገበል ርክብ መውስቦ ገይራ፣ ሓደ ገበልን ሓንቲ ድማ ፍርቂ ሰብ ፍርቂ ገበል ዝኾነት ጓል ትወልድ። ብኣምሳል ገበል ዝነገሰ እቲ ናይ መወዳእታ ንጉስ ኮነ ቅድሚኡ ዝነግሱ ዝነበሩ ገበላት፡ ሰብን ገበልን ናይ ምኺን ጥበብ ነበሮም። ዘዋፍሮም'ውን ልዑልና ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ምስ ሰበይቲ ርክብ ምግባሮም ዝገርም ኣይነበረን። ሎሚ'ውን እንተኾነ ጠንቂላይ፡ ብዓል ዛር፡ ብዓል ቆሌ፡ ወዘተ... ዝበሃሉ ምስ መንፈሳዊ ኣካላት ርክብ ይገብሩ ኢዮም። ከም ናይ ቀደም ብወግዒ'ኳ እንተዘይኮነ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ኣለዉ፡ ይስገደሎም'ውን።

"ስለዚ እታ ጠንቂሊት ሰበይትን እቲ ንጉስ ገበልን ተራኺቦም ወለዱ። ሓንቲ ብከፊል ሰብ ዝኾነት ጓልን ሓደ ገበልን ኢዮም ወሊዶም። እዞም ሓውን ሓፍትን ዝኾኑ መንታ ቆልዑ'ውን /እታ ፍርቂ ሰብን እቲ ገበልን/ ኣሕዋት ኮይኖም ብሓንሳብ ይዓብዩ። ነቲ ንጉስ ገበል /ንኣቡኦም/ ካብቲ ላዕለዋይ ኣካል ሓይሊ ተቐቢሉ ዝቕተሎ ሰብ፣ ንሓፍቲ ናይቲ ገበል ተመርዕዩ ይነግስ። እዛ ትርእይዋ ፍርቂ ሰብነታ ገበል ፍርቂ ሰብነታ ድማ ሰብ ዝኾነት፣ ነገር ግን ሙሉእ መንነታ ሰብ ዝነበረት ሰበይቱ'ውን ትወልደሉ። ናይ ገበልነት መግለጺኡ ንግዳማዊ ኣካል ደኣምበር ንናይ ውሽጢ ኣተሓሳስባን ካልእ መንነትን ኣየካትትን። ስለዚ እዛ ከፊል ገበል ከፊል ሰብ ዝኾነት ጓል፣ ነቡኣ ቀቲሉ ንዝተመርዓዋ ሓድሽ ሰብኣያ ትወልደሉ። ከምቲ ሰብኣያ ዝሓሰቦ'ውን ሙሉእ ብሙሉእ ሰብ ዝኾነት ጓል ኢያ ነይራ ዝወለደትሉ። ብድሕርዚ እቲ ቀታሊ ኣቡኣ ዝኾነ ሰብኣይ መግዛእቲ ገበል ከምዘብቅዐ የበስሮም። እታ ዝተወለደት ቆልዓ'ውን፣ ዋላ'ኳ ሙሉእ ብሙሉእ ሰብ ዝነበረት ትኹን ደኣምበር፣ ኣብ ሽነኽ የእጋራን ኣጽፋራን ግና ኣሰር ቆርበት ገበል ነበራ። ብዙሕ ከይጸንሐት እታ ጠንቂሊት ሞተት። እቲ ኣቡኡ ዝተቐተሎ ገበል ሓዋ'ውን ነቲ ከባቢ ገዲፉ ተሰወረ። እቲ ሓድሽ ናይ ሰብ ንጉስ'ውን ምስ ወለደ ሞተ። እታ ጓል ዝወለደትሉ ፍርቂ ገበል ፍርቂ ሰብ ዝነበረት ሰበይቱ'ውን ሞተት። ስለዚ እታ ካብኡም ዝተወለደት ሙሉእ ንሙሉእ ሰብ ዝኾነት ጓል በይና ተረፈት። ስማ'ውን ኣዜብ ትበሃል ነበረት። እቲ ሕዝቢ'ውን ንግስቱ ገይሩ ሸየማ። ብኽምዚ ዓይነት መንገዲ፣ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ነቲ ዝነበረ መግዛእቲ ገበል ኣልዩ ናይ ባዕሉ ሰብ

ብምንጋስ ዝምለኸሉ ኩነታት ኣመቻችአ ወይ ፈጠረ። እዚ ኣምልኾቱ ኣብ ልቢ ኢትዮጵያውያን መታን ክጸንዓሉ ድማ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ተቐላጢፉ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ነዛ ንግስቲ ወሲዱ፣ ምስቲ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ዝወረደ ወዲ ዳዊት ዝኾነ ምስ ሰሎሞን ምጥማር እዩ ነይሩ። ብምጥማር ከይተወሰኑ'ውን ወዲ ይወልዱ'ሞ እቲ ዝተወለደ ውላድ ብመሰረት ሕጊ ብሉይ ኪዳን ኣብ ኢትዮጵያ ይነግስ። በዚ ሜላ'ዚ እቶም ኢትዮጵያውያን ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል መተሓዳደሪ ሕጊ ወይ ሃይማኖት ሒዞም ከም ዝቐጽሉ ተገብረ። ሕገ ኦሪት ተቐበሉ። ምስ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ሕዝቢ'ውን ተወሃሂዶም። ናይዞም ክልተ ሃገራት ምትእስሳር ብሓጺሩ ክግለጽ ከሎ ከምዚ ይመስል። በቲ ዝተገለጸ ዓይነት ታሪኽ'ውን እቲ ን400 ዓመት ዝጸንሐ መግዛእቲ ገበል ካብ ምድሪ ኢትዮጵያ ፈጺሙ ጠፍኣ። እስራኤልን ኢትዮጵያን ብማዕረ ኢየን ሃይማኖተኛ ኮይነን። ብማዕረ ኢየን ንኣማልኽቲ ምስጋዶም ዘቋረጹ። በዚ'ውን ነፍስ ወከፍ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣሰራርሓ፣ ምስ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ጥራይ ዝራኸብ ምኽኑ ኣስተውዕሉ።

"ንኽገርመኩም ግን ኢትዮጵያውያን ካብቲ ዘመን ጀሚሩ፣ ነቲ ካብ ዘርኢ ሓረግ ሰሎሞን ዝወረደን ናይ ንግስተ ኣዜብ ወይ ናይ ንግስተ ሳባ /ሳባ ዝብል፡ ግዝኣት ኢትዮጵያ ንሕዝቢ ሳባውያን የጠቓልል ስለዝነበረ ኢዩ/ ወዳ ዝኾነ ምኒልክ ክግዝኡሉን ብተኽታታሊ'ውን ናቱ ዘርኢ ጥራይ ከምዝነግሱ ክገብሩ ኢዮም ጸኒሖም። ነቲ ጽላት ብምሓዝ'ውን በቲ ላዕለዋይ ኣካል ምእማኖም ቀጺሎም'ዮም። በዚ ታሪኽ'ውን ኣዝዮም ኢዮም ዝኾርዑ። ናይ ቃል ኪዳን ሃገር ምኽና'ውን ይኣምኑ። ነቲ ዝተረፈ ታሪኽ ግና "ከመይ ገይሩ?" ካብ ዝብል ተበጊሶም ቆሪጾም ይድርብይዎ። "ዝኾነ ኮይኑ፣ እታ ንግስቲ ኣብ ኣፍደገ ንጉስ ሶሎሞን ምስ በጽሐት ኣብ የእጋራን ኣብ ናይ ኢድ ኣጽፋራን ዝነበረ ምልክታት ገበል ብቅጽበት ይረግፈላ'ሞ ሕጉስቲ ትኸውን። እዚ'ውን ኣብ ታሪከ ነገስቶም ብግልጺ ሰፊሩ'ሎ። እቲ ብኽምዚ መልክዑ ዝቐጸለ ምትእስሳር'ውን ክሳብ ዘመን ክርስትና ኣገራሚ ኮይኑ ይቕጽል።

"እስራኤል፡ ሰብ ክስራሕ ከሎ ሓመዳ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉሎ፡ ሓደ ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ዘይከሓደ ሰብ'ውን ተረኺቡዋ ኣሎ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል'ውን ሕዝበይ ይብላ። ኢትዮጵያ'ውን፣ ሓውን ማያን ከምኡ'ውን ንፋሳ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ'ሎ፡ ሓደ ዘይከሓደ ውልቀሰብ'ውን ተረኺቡዋ ኣሎ። ናትና ጎል'ውን ኣብኡ ኢያ ዘላ። ኣብቲ ጥንቲ ሃይማኖት ኣብ ዘይነበረሉ ዘመን ግን ዝተረፈ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ልዑልና ነይሩ። ስለዚ... ናይ እስራኤል ተደጋጊሙ ምጥቃስ ኣቐዲሙ ካብ ዝረኣኹሞ ታሪኽ ብምብጋስ ክኸውን ከሎ፣ ንኢትዮጵያ ክንንዕቕ ዘይንኽእለሉ ምኽንያት ድማ፣ ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዓይነት መንፈሳዊ ሓለዋ ስለዘላ ኢዩ፣ ዝብል መልሲ ምሃብ እኹል ይመስለኒ። ይኹን ደኣምበር ኢትዮጵያውያን ዝተሓረዩ

ሕዝቢ ምኽኖም ዝፈልጡሉ መንገዲ የለን። ክፈልጡ'ውን ኣይደልዩን። ርጉጽ ኢዩ፣ ናትና ዕላማ ነቲ መንፈሳዊ ሓገዝ ክረኽቡ ዝኽእሉሉ መንገዲ ምዕጻው ኢዩ።

"ነቲ ዓንተዎ ዝበልክዎ ነገር ደጊመ ክብሎን ኣጸቢቕ ከፍልጥን ይደሊ። ኣስተውዕሉ! ሓደ ውልቀሰብ ምስ መንፈሳዊ ኣካላት ክራኸብ ክኢሉ ማለት፣ ብምኢቲ ሽሕ ነብሳት ይትመን ማለት'ዩ። ዓሰርተ ሰባት ሓደ ሚልዮን ሰባት ኮይኖም ማለት'ዩ። ርክብ ገይሮም ማለት፣ ናይ ኣተሓሳስባ ዓቕሞም ምስ ናቶም ተመጣጣኒ ከምዝኸውን ይገብሩሎም'ሞ መልእኽቲ ምቕባል፡ ምዝርራብ፡ ሓሳብ ምልውዋጥ ከምዝኽእሉ ይገብርዎም። ንሓደ ሰብ ብሓገዝ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ንጉስ ንዝነበረ ዓቢ ገበል ክስዕር የኽእልዎ ከም ማለት ኢዩ። በዚ'ውን ካብ ናይ ወድሰብ ኣይኪው ንላዕሊ ዝኾነ ምንቕቓሕ ብሬን ተገይሩሎም፣ ሰራዊት ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ክኾኑ በቕዑ ማለት'ዩ። ነዚ ኢና ምድላዋትና ምስ ሰብ ዘይኮነስ ምስ መንፈሳውያን ኣካላት ኢዩ ኢልና ደጋጊምና ንዛረብን ነጠንቅቕን። ከምኡ ስለዝኾነ ንመጽሓፈ ሄኖክ ወሲኽካ ካልኦት መጻሕፍቲ ብዝተኻእለ መጠን ንኢትዮጵያ ደጋጊሞም ከይጠቕሱን ትኩረት ዓለም ኣብ እስራኤል ክዓልብን ተገይሩ'ሎ። ኩሉ ነገር ክኸውን ስለዝነበሮን ክኸውን ስለዘለዎን ጥራይ ከምዝኾነን ይኸውን ከምዘሎን ደጋጊምኩም ሕሰቡ። ካብዚ ሓሊፉ ብዝኾነ ነገር ኣይትጨነቑ። ካብ ልዑልና ዝተሓብአ ዝኾነ ነገር የለን! ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ነበረ፡ ኣብ መወዳእታ'ውን ኣሎ። ሓንቲ ካብኡ ዝተሰወረት ነገር የላን። ኩሉ ሚስጥር ይፍለጥ'ዩ። ነቲ ዘመን ጥራይ'ዩ ዝጽበ ነይሩ። እቲ ዘመን ድማ በጽሐ፡ ተሓሪና ተኣኻኽብና፣ ኣብቂዑ። እዚ መጽሓፍ ኮነ ካልኦት ተመሳሰልቲ መጻሕፍቲ ቅድሚ ምፍላጦምን ምርካቦምን፣ ልዑልና ዘይተቐረጸ ምድላዋት ክገብር ኢዩ ጸኒሑ። ካብ ፈርኦናት ግብጺ ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ ናትና ዘመን እኹል ምድላዋት ክገብርን ከምቲ ተቓናቓኒኡ ንሱ'ውን ኣባላቱ ክምልምል ኢዩ ጸኒሑ። ኣብዚ መጽሓፍ ከም ትርእይዎ፣ ካብ ሰማይ ኣንበጣ ካብ ምዝናብ ጀሚሩ ክሳብ'ዚ ናይ ሎሚ ናኖ ቲክኖሎጂ በብዘመኑ ጥበቡ ነቶም እሙናት ኣባላቱ ክገልጽን ክህብን ኢዩ ጸኒሑ። እዚ ኩሉ ጻዕሪ'ውን ኣብቲ ዝተመደበ ዘመን ንኡም ህይወት ምስ ቦታኣ ኣብ ኢዱ ንምእታው ኢሉ ጥራይ ክሰርሕ ጸኒሑ ደኣምበር ንኻልእ ምኽንያት ኣይኮነን!

"ብዝተረፈ እስራኤል ናይዚ ሕብረት ኣባል ዘይኮነትሉ፣ ክትከውን ስለዘይብላ ኢዩ። ከምተን ካልኦት ሃገራት ነቲ መስፈርቲ ስለዘየማልኦት ኢዩ ዝብል መልሲ ክህበካ ይኽእል ኢየ፡ ግን ኣይህበካን። ኣብዚ ኩልኻትኩም ሓደ ነገር ክትርድኡ ኣለኩም። G20 ትበሃሉ ኣብዚ ዘለኹም፡ ንስኹም ዓለም ብዝፈልጦ መንገዲ ነቲ ናይ ሽፋን መስፈርትታት ዘማላእኹም ብምኽንኩም ክኸውን ከሎ፡ ነገር ግን ኣብ G20 ዘይኣተዋ ብርክት ዝበላ ሃገራት ናይዚ ዕላማ ደገፍትን ኣባላት ናይዚ ሕብረት ዝኾና ከምዘለዋን ክትፈልጡ ኣለኩም።

እቲ ምንቅስቓስ ንብዙሓት ኣሽሓት ዓመታት ዝጸንሐን እንዳተወራረደ ዝመጽአን ከም ምኻኑ መጠን'ውን ካልኦት ዘይትፈልጥዎም ብሚልዮን-ብሚልዮን ዝቑጸሩ ኣባላት ከም ዘለውና ክትዝንግዑ የብልኩምን። ብዙሓት ሃገራትን ውልቀሰባትን ከምኡ'ውን ትካላትን ውድባትን ክደኽሙሉ ዝጸንሑ ጉዳይ ስለዝኾነ። እዛ ዓለም ካብ ትፍጠር ኣትሒዙ! ስለዚ ሓንቲ ሃገር ናይዚ ሕብረት ኣባል ኮይና ኣይተራእየትን'ሞ ደጋፊ ናይዚ ጎል ኣይኮነትን ኢልኩም ከይትግምቱ ከጠንቀቕ ይፈቱ።

"ሜክሲኮ! ሃይማኖታዊ መጽሓፍቲ ምጥፋእ ኣይከኣልን ኢዩ። ንዕኡ እንተጥፊእና'ሞ ንወገንና ካብ ጸላኢና ብኽመይ ክንፈልዮ ንኽእል? እምበርከስ እዚ ከመይ ገይሩ ይከኣል? እዛ ምድሪ ኢያ ናትና ትኽውን ደኣምበር ኩሉ ፕላኔት ኣይኮነን። ሓሊፍና እንተኽድና'ውን ማርስ። ዓወት ናትና ምኻኑ ፈሊጥና ማለት ድማ ተጻራሪ ሓይሊ የብልናን ማለት ኣይኮነን። እዝን ከምዝን ዝኣመሰሉ ቅንጥብጣብ ነገራት ከም ሕቶ ኮነ ከም ርእይቶ እንተ ዘይተልዕልዎ ሰናይ ኢዩ ይብል። ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነን ምስቲ ናይ ፍጻሜ ዘመን ኣብ ዝተኣሳሰርን ጉዳይ ጥራይ ከተድህቡ ይደሊ። ሓቂ ኢዩ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ኮነ ቅዱስ ቁርዓን፡ ካልእ'ውን እንተኾነ ኣብ ኢድ ኩሉ ኢዩ ዝርከብ። ይኹን ደኣምበር ሰማዕን ኣስተውዓልን የብሉን። ይኣምኑሉ ኢዮም ነገር ግን ኣይእመኑሉን ከምኡ'ውን ኣይተኣማመኑሉን። ኣብዚ ሕጂ ግዜ ወድሰብ፣ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስን ቁርዓንን ተጻሒፉ ዘሎ ዘይረአ ተስፋ ዘይኮነ ዝደሊ፣ ነቲ ኬድካ ኣብ ኢዱ ዘቕመጥካሉ ኣቕሓ ኢዩ። ሃብቲ፡ ንብረት፡ ብልጽግና፡ ጥበብ፡ ስልጣነ፡ ሓጎስን ምቾትን ደኣምበር፣ እንታይ ኢዩ ተስፋ? ዋላሓንቲ ስለዘይኮነ ከም ምንም ቁጸሮ። ከምኡ'ውን ከምዝበልካዮ ኢዩ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ብዛዕባ መወዳእታ ዘመንን ሽዑ ዝህሉ ኩናትን፡ ብዛዕባ ናይ ልዑልና ስዕረት'ውን ተጻሒፉ'ሎ፡ ቁጽሩ'ውን ሸዱሸተ ሱሳን ሸዱሸተን ኢሉ ብግልጺ ኣስፊሩዎ'ሎ። እቲ ምልክት ዘይብሉ'ውን ምሻጥ ምልዋጥ ከም ዘይክእል ይዛረብ። ከምኡ'ውን ጥበብ ከምዘሎ። ኩሉ ግልጺ ኢዩ። ነገር ግን በቲ ንሕና ዝፈታሕናዮን ዝፈለጥናዮን ዓይነት ከምኡ'ውን በቲ ንሕና ንዳለወሉ ዘለና መንገዲ ክትግበር'ዩ ኢሉ ዝግምትን ዝጥርጥርን የለን።

"እቲ መጽሓፍ ካብ መጽሓፍነቱ ሓሊፉ ኣብ ናይ ኩሉ ሰብ ሞባይል ከምዝርከብ ዝገበርና ፈሊጥና ኢና። ነቶም ክሳብ ሎሚ ብመልክዕ መጽሓፍ ዝተሓተሙ፣ ፈጺምና ከነጥፍኦም ኣሸጋሪ ስለዝኾነን ኣድላዩ ስለዘይኮነን ኢዩ። ድሕሪ ሕጂ ግና ብመልክዕ መጽሓፍ ከምቲ ዝተለምደ በብግዚኡ ከምዘይሕተሙ ክንገብር ኢና። ከምኡ ንምግባር'ውን ብቕሊሉ ኣብ ኢድ ኩሉ ሰብ ከምዝርከብ ብምግባር ስራሕና ጀሚርና'ለና። ከምኡ ብምኻኑ'ውን ነቲ ዓቢ መጽሓፍ ሒዙ ዝዘውርን ዝገዝእን ኣይክህሉን። ብነጻ'ኳ እንተሃብካዮ፣ ኣብ ሞባይለይ ስለዘሎ ኣይደልን ኢዩ ዝብለካ። ኣቕዲሞም ኣብ ገዝኡም ዝነበሮም'ውን እንተኾኑ ከምናይ ቅድሚ ሕጂ

ተጠንቂቕም ኣይሕዝዎን ኢዮም። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ሞባይል ዘይጥቀም ኣዝዩ ውሱን ናይ ገጠር ሕብረተሰብ ጥራይ ኢዩ። ኩሉ ይጥቀም'ዩ። ሞባይል ከላቶ ናይ ኢድ ሰዓት ዝኣስር ክንድምንታይ ሰብ ኢዩ? ኣዝዩ ውሑድ'ዩ። ናይ ኢድ ሰዓት ዝነበሮም ሰባት ኩሎም ሰዓቶም ሰንድዮሞ ኣለዉ። ቁም ነገር ኢየ ዝብለኩም፣ ኣብዚ ዘመን ናይ ኢድ ሰዓት ዝገዝእ ሰብ የለን። ብሰንከ'ዚ ድማ ሰዓት ዘፍርያ ዝነበራ ትካላት ዓውዲ ስርሐን ቀይረን'የን። ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ነቲ ቅዱስ ቁርዓን'ውን ብተመሳሳሊ ሜላ ኣብ ዉሱናት ዓመታት ካብ ኢድ ኩሉ ሰብ ኣሰንዲና፣ በቲ ኣብ ሞባይሎም ዘሎ ጥራይ ተወሲኖም ክጸንሑ ጌርና፣ ኣብቲ ዝስዕብ ትውልዲ ምስበጽሐ ወይ ኣብ ዝኾነ ኣገዳሲ ዝበልናዮ ግዜ፣ ሓንቲ በተን (button) ብምጥዋቕ ነበረያነበረ ጌርና ከነጥፍኦ ንኽእል ማለት'ዩ። በዚ ምኽንያት ኢና ብነጻን ብቐሊሉን ከምዝርከብ ዝገበርና። ወይ'ውን ንኽርከብ ዘኽእሉ ውጽኢት ቴክኖሎጂ ብወግዒ ዝዘርጋሕና።

“ካልእ.... ሕቶኻ.... ንሃይማኖተኛታት ወይ ነቶም ኣመንቲ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ናብዚ ሕብረት ምምጻእ ኣይከብድን'ዶ ዝብል ኢዩ፣ ኣይከብድን። ምንም ኣማራጺ ስለዘይብሎም ንኹሎም ብዘይጽበይዎ ረቂቕ ቴክኖሎጂ ናባና ከነምጽኦም ኢና። ኣይንመጽእን ዝበለ ይጠፍእ። እዚ ኣተሓሳሳቢ ጉዳይ ኣይኮነን። ነቲ ምልክት ሹመትና ዝኾነ ኣርማ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ግዜ ኣብ ዝህልዉ ዉሱናት ዓመታት እንተዘይኮይኑ ዝኾነ ኣባል ብቐሊሉ ክረኽቦ ዝኽእል እኳ እንተዘይኮነ፣ ነቲ ንሕዝቢ ዓለም ዘዳለናዮ ምልክት ኢድ ከምዝጥቀም ንገብሮ ግና ብዘይ መምዘኒ ኢዩ። እንታይ ማለተይ ኢየ፣ ነቲ ማይክሮ ቸፕ /microchip/ ዝተበሃለ ረቂቕ ቴክኖሎጂ ኣብ ሕዝቢ ዓለም ኣብ የማናይ ከብዲ ኢዱ ከምዝግጠም ክንገብር ኢና። እዚ'ውን ኣብታ ሓያል ዝኾነት ሃገረ ዩናይትድ ስቴትስ ተግባራዊ ከምዝኾነ ዝፍለጥ'ዩ። ንሕዝቢ ዓለም'ውን ክባጻሕ'ዩ። ብመንገዲ ማይክሮ ቸፕ ድማ ናይ ነፍስ ወከፍ ውልቀሰብ ናይ ሕሳብ ኣካውንት፣ ናይ ጥዕንኡ፣ ዕድሚኡ፣ ናይ ኣተሓሳስብኡን መዐቀኒ ምንቅስቓሳቱን ሓፈሻዊ መንነቱን ብሙሉኡ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ኣዳራሽ ኴንና ክንቆጻጸር ክኢልና ማለት ኢዩ። ንነፍስ ወከፍ ሰብ IP address ሂብናዮ ከም ማለት'ዩ። ኣተሓሳስብኡ ጥራይ ዘይኮነ ደሙ፣ ዘለዎ ቦታ፣ ስጉምቱ ንኹሉ ጠጠው ናይ ምባልን ከምዝቕጽል ናይ ምግባርን ስልጣን ናትና ይኸውን! ነዚ ረቂቕ ውጽኢት ቴክኖሎጂ መንም ናይዛ ፕላኔት ሰብኣዊ ፍጡር ዘበለ ኩሉ ብዘይ ምዕዝምዛም ክቕበል'ዩ። ይቕበል'ውን ኣሎ። ብዘይ ማይክሮ ቸፕ ሓደ ሰብ ናይ ሕክምና ኮነ ናይ ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ተጠቃሚ ክኸውን ኣይክእልን። ብናይ ወረቐት ገንዘብ ክጥቀም'ውን ኣይክእልን። ኩሉ ናይ ዓይንን ኢድን ሓሸራ፣ ኣብታ ካብ ሲም ካርድ ትንእስ ማቴሪያል ኣካቲትና ንሕዘሉ ጥበብ ኢዩ ካብ ልዑልና ዝተለገሰልና። ስለዚ ብዘይ ማይክሮ ቸፕ ዝኾነ ዜጋ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፣ ካብ ኣህጉር ናብ ኣህጉር ምንቅስቓስ ኣይክእልን። ናይ ፓስፖርትን ቪዛን ኣሰራርሓ'ውን ብማይክሮ ቸፕስ ዝካተትን

ዝልወጥን ኢዩ። ነዚ ኣይቅበልን፣ ኣብ ውሽጢ ኢደይ ክቕበር ኣይደልን ዝብል ውልቀሰብ ኮነ ጉጅለ፣ መራሒ ሃገር ኮነ ተመራሒ ሕዝቢ፣ ወይ'ውን ሃይማኖተኛ እምቢ ናይ ምባል መሰል ይሃልዎ ደኣምበር ንመሰሉ ክሕልወሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ስለዘይብሉ ይቕበል። ኣዝዮም ኣጥበቕቲ ዝኾኑ ሃይማኖተኛታትን ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል እሙናት ኢና በሃልትን መራሕቲ ሃይማኖትን ከይተረፉ ክቕበልዎ ኢዮም። ከይፈተዉ ተገዲዶም የማነይቲ ኢዶም ከረክቡና ኢዮም፣ እታ ዘመን ቀልጢፉ ክትበጽሕ የብቅዓያ ደኣምበር /ትበጽሕ'ውን ኣላ/ ብዘይ'ቲኣ ማቴሪያል ስራሕ ምስራሕ፣ ግብሪ ምኽፋል፣ ቆልዑ ምምሃር ኮነ ዝኾነ ነገር ምግባር ስለዘይከኣል፣ ካብዚ ኣምሊጦም ወጹ ማለት ናይ ግድን ገዛእ ርእሶም ካብ ዓለም ኣርሒቖም ኣብ በዓትታት ኣትዮም ኣቑጽልትን ኣብ በዓትታት ዝርከቡ ኣራዊትን እንዳሃደኑ ንምብላዕ እንተደለዩ እኳ ኣይከኣልን። ምኽንያቱ እዛ ማይክሮ ችፕ ንደቅሰባት ጥራይ ዘይኮነ ንእንስሳታትን ንዕጸዋት'ውን ከይተረፈ ትወሃብ ኢያ። እንስሳ ዘቤት ካብ ዝበሃሉ ካብ ድሙን ከልብን ጀሚርካ ካሳብ እቶም ኣብ ፓርክታት ዘለዉ ኣንበሳን ኣድጊ በረኻን ብሙሉኡም እንስሳታት ዓለምን ማይክሮ ችፕ ክግጠመሎም ኢዩ። ነፍስ ወከፍ ገረብ ብመልክዕ መርፍእ ክውጋእ ኢዩ። ኩሎም ዓይነት ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዘለዉ ዕጸዋት ኣግራብ ነቲ ማይክሮ ችፕስ ክውግኡ'ዮም። እቲ ስራሕ'ውን ድሮ ተጀሚሩ'ሎ፣ ብኣኹም ብመንገዲ'ቶም መራሕቲ ዝኾንኩም ኣቢሉ ኣብ ሃሃገርኩም ተግባራዊ ይኸውን። ስለዚ....ሰለዚ.... ብዛዕባ ኣጸዋውዳ ሰባትን ብዛዕባ ናብዚ ሕብረት ምጽንባርን ብዙሕ ክትጭነቕ የብልኩምን። ንስኹም እቶም መራሕቲ ከተድህቡሉ ዘለኩም ብደረጃ ሃገርን መንግስትን ክስርሑ ኣብዝግብኦም ዕማማት ኢዩ። ንመራሕቲ ሃገራት ዓለም ናብዚ ሕብረት ምጽዋዕ፣ ንመፈጸሚኡ ዝሕግዝ ዓቕሚ ገንዘብ ምድላብ፣ ናይ ኬሚካል ኣጽዋር ውግእ ኣብዚሕካ ምፍራይ፣ ሕዝብኹም ኣብ ቴክኖሎጂ ጥራይ መታን ከድህብ፣ መራሕትን ኣርኣያን ምኳን፣ ንግርማ ልዑልና ኣብ ሃገራትኩም ምስፍሕፋሕን ምስራጽን ኣብ ዝኣመሰሉን ተግባራት ኣተኩሩ። ብዝተረፈ ነቶም ሃይማኖተኛታትን፣ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣመንትን ብዙሕ ኣይትፍርሕዎም። ኣተኩሮን ጥንቃቐን ግን ትገብሩ! ብዝተረፈ ነቲ ካልእ ኩሉ ደጊመ ክነግረኩም፣ ግደፍዎ።

"ቱርክ! ጽቡቕ ሕቶ ምስ ጽቡቕ ርእይቶ ኣቕሪብካ'ለኻ። ካምዝበልካዮ'ውን እቶም መራሕቲ፣ ንኢትዮጵያ ኣቕሊሎም ኣብ ክንዲ ምርኣይ ምጥንቃቕን ምድላውን ክመርጹ ኣለዎም። ኣብቲ ናይ ፍጻሜ ኩናት ዝኾነ ዓይነት ሓላፍ ዘላፍ ነገር ክርአ የብሉን። ነዚ ስለዝበልካ ኣመስጊነ ናብ ናይ ቋንቋ ሕቶኻ ከምርሕ። ነቲ ናይ ኢትዮጵያውያን ቋንቋ ጸጺኻ ምፍላጥ ወሳኒ ነገር ኢዩ። ንመራሕቲ ሓገራት G8 ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረና ጉባኤ ኣበርኪትናሎም ኢና። ነዚ ናይ ቋንቋ ጥበብ ንውልቅኹም ጥራይ ዘይኮነ ነቶም ናብ ኢትዮጵያ ትልእኽዎም መጽናዕቲ ዘካይዱን ዝስልዩን ዜጋታትኩም'ውን ተበርክቱሎም። ናይቲ ውግእ ቋንቋ፣ ያው እቲ ናይ መላእኽቲ ቋንቋ ዝኾነ፣ ግእዝ ኢዩ። ትእዛዝ ዝመሓላለፈልኩም'ውን

በቲ፣ ኢትዮጵያውያን ብዘለዎም ርእስኻ ናይ ምንዓኞ ሕማምን ምርዳእ ምስ ኣበዮም ንዒኞምን ኣርሒኞምን ዝደርበይዎ፣ ንሕና ግና ኣኽቢርና ብዝሓዝናዮን ናይ ዕቤትን ናይ ስልጣነን ማዕጾ ኣርሓዊ ዝኾነልና፣ ብናይ ግእዝ ቋንቋን ፊደልን ኢዩ። ነዚ ቋንቋ ብናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድ ክትፈልጥዎ ዝተሓረኹምን እቶም ቅድሚ ሕጂ ዘይወሰድኩምን መራሕቲ ናብዚ ንዑ” ኢሎም፣ ነቲ ብሸነኽ ቦሎፎን ብቕጽበት እንዳተንሳፈፈ ዝመጸ ግዙፍ መጽሓፍ ክቕበሉ ኢሎም ክልተ የእዳዎም ናብ ላዕሊ ዘርጊሖም ተጸበይዎ። እቲ ተንሳፊፉ ዝመጸ ሓድሽ ገበር ዘለዎ መጽሓፍ’ውን ብሕድኣት ኣብ ኢዶም ዓለበ። ሽዑ ካብ G8 ዘይተጸንበርዎም መራሕቲ፣ ኣብ ከባቢ እቲ መድረኽ ተሰሪዖም ኣንዳተጸበዩ ኸለዉ እቶም ኣቡን “ውሽጥኹምን ደገኹምን ኣብርሁ ሹማምንቲ....” ምስበሉ፣ ኩሎም ክሳዶም ኣድኒኖም የዒንቶም ዓሚቶም ከፈቱ። ኣቕርንቶም ኣብ ግንባሮም፣ ምልክት 666 እውን ኣብ ግንባሮም ክርአ ምስጀመረ ቅንዕ በሉ።

“ብኽልተ የእዳውኩም ነዚ መጽሓፍ ብጥንቃቐ ዳህስስዎ” ብማለት ከመይ ገይሮም ክድህስስዎ ከምዘለዎም ኣርኣይዎም። ኣስዒቦም፣ “ብድሕሪኡ ንዕ ሰከንድ ኣብ ግንባርኩም ከተጣብቕዎ ኢኹም” ብማለት፣ ሕጂ’ውን ከመይ ገይሮም ኣብ ግንባሮም ከጣብቕዎ ከምዘለዎም ኣርኣይዎም። ካብቲ ቀዲሙ ዝተሰርዐ ናይ ቱርኪ መራሒ ጀሚሩ እዚ ተመሳሳሊ ተግባር ንኹሎም ተሰሪዖም ዝነበሩ መራሕቲ ተባጽሐ። እቶም ነቲ ቋንቋ ዝተመልኡ መራሕቲ’ውን ምግራሞምን ምድናቕምን ከይፍለጠሎም ክሳዶም ኣቕርቂሮም ንሓድሕዶም እንዳተጨባበጡ ብናይ ግእዝን ኣምሓርኛን ናይ ሰላምታ ምልውዋጥ ንልዑሎም ብሕብረት ናይ ምምስጋን ተግባሮም ኣብቲ መድረኽ ኮይኖም ቀጸሉ።

“እዚ ዓቢ ጥበብ ኢዩ። ተጠቕሙሉ። ንኻልኦት እሙናትኩም ምምላእ ክትደልዩ ከለኹም’ውን፣ ነቲ መግለጺ ሕውነት ዝኾነ ሰላምታ ኢድ ምስሃብኩሞም ግንባሮም ከም ቆልዓ ስዓምዎም። ኣብታ ቅጽበት ነቲ ቋንቋ ክምልኡ ኢዮም! ነዚ ቋንቋ ኣኽቢርና ዝሓዝናሉ ብዙሕ ምኽንያት ኣሎ። ንብዙሕ ካብኡ’ውን ክዝርዝር ፈቲነ’የ። ካብቶም ዝዘርዘርክዎም ጥቕምታት ዝዛይድ ኣገልግሎት ብምሃብ ዝረድኣና ምኺኑ’ውን ደጊመ ይነግረኩም ኣለኹ! ብስፓኒሽ ወይ ብእንግሊዝ ወይ ብፍሬንች ወይ ብኻልእ ቋንቋ ተጸልዩን ተደጊሙን ዝናብን በረድን ጠጠው ኢሉ ኣይፈልጥን! ብግእዝ ግና ኩሉ ነገር ጠጠው ምግባር ይከኣል! ነዛ ዩኒቨርስ ከይተረፈ! ብሓጺሩ ካብ ቋንቋነቱ ዝሓልፍ ነገር ከምዘለዎ ደጋጊምኩም ክትሓስቡን ክትርድኡን የድሊ። ኣመስጊንኩም ነናብ ቦታኹም ኪዱ!” ኢሎም ነቲ መጽሓፍ ብኽልተ የእዳዎም ሒዞም ንላዕሊ ሓፍ ምስኣበልዎ እቲ ተቕባላይ ወሳዲ መን ምኺኑ ኣብቲ ቪድዮ እኳ ከይተራእየ፣ ተቕቢልዎም ተሰሊቡ ከደ። ብድሕርዚ ብሓባር ኣመስገኑ።

“ክብሪ ንልዑልና!” ዝብል ናይ ሓባር ድምጺ ካብ ናይ ኩሎም መራሕቲ ኣንደበት ተሰምዐ። ድሕሪ ምስጋና ኩሎም ሰላምታ እንዳተወሃሃቡ ነናብ ቦትኣም ተመለሱ።

ኣብዚ ግዜ እቶም ኣቡን ፣ “ክብሪ ነቲ ናይ ጸልማት ልዑል በሉ!” ምስበልዎም፣ ኩሎም ብሓደ ድምጺ ነዚ ቃል ደገምዎ። እቶም ጳጳስ’ውን ቀጸሉ፣ “ልዕል’ዚ ጥበብ ኣሎ?” ኢሎም ምስሓተቱ፣ “የለን!” ዝብል ቃል ነቲ ኣዳራሽ ጨደዶ።

“እቲ ዘድልየና ጥበብ ኩሉ ዝህበናን ዝሃበናን ንኹሉ ኣብ ኢዱ ሒዙ’ሎ! ስለዝሓዘ’ውን ምድርን ኣብ ውሽጣ ዘሎን ኩሉ ናቱ እዮም! ናቱ ዘበለ ድማ ናትና ኢዩ! እሞ’ኸ ደኣ ነዚ ዝኣመሰለ ጥበብ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ነቶም ዘምልኽዎን ዝኣምንዎን ሂቡ’ዶ ይፈልጥ? ኣይፈልጥን! ናትና ልዑል ግና ፍትሓዊ ስለዝኾነ ንኹሉ ክህበና ኢዩ! ናይ ኩሉ ጥበብ ብዓልቤት ኢና! ስለዚ ነቲ ኣቦ ጥበብ ዝኾነ ንጉስና ነኽብሮ! ኩሉ ክብሪ፣ ኩሉ ምስጋና፣ ንዕኡ ኢዩ ዝግባእ! ሕጂ ውሽጥኹምን ደገኹምን ኣጥፊእኹም በቲ ዝተመላእኹሞ ቋንቋ ንሓድሕድኩም ገለ ተበሃሃሉ” ዝብል ትእዛዝ ብእንግሊዝኛ ምስሃቡ፣ መራሕቲ ሃገራት G20 ኣብ ዓሚቕ ሓጎስ ጥሒሎም ብግእዝን ኣምሓርኛን ክዘራረቡ ጀመሩ። ካብ መንጎኣም ገሊኣቶም ብዘይእመን ኩነት፣ እንዳተንስኡ ብቋንቋ ግእዝ ቅኔ እንዳዘረፉ ንልዑሎም ደጋጊሞም ኣመስገኑ። ኣብ መንጎ’ዚ፣ ሓደ ሓመዳዊ ሕብሪ ቆርበት ዘለዎ፣ ንእስ ዝበለ ገበል ናብቲ ጳጳስ መጺኡ ብቕጽበት ናብ ክሳዶም ደዪቡ ክልተ ዙር ተጠምጢሙ ምስኮለሎም ቀልጢፉ ህልም ኢሉ ይፍለዮም’ሞ ብዘይ ገለ ነኺል ብሸነኽ የማኖም ናብ ዘሎ መንደቕ በሲዑ ይኸይድ፣ ይስወር። እቶም ኣቡን’ውን ምንም ከምዘይተፈጥረን ሓደ ሕጻን ቆልዓ ሃንደበት መጺኡ ነቡኡ ስዒምዎ ከምዝኸደ ዓይነት ኮይኖም፣ ፍሽኽ ኢሎም ሪኦም ኣሕለፍዎ።

“ክብሪ ንሉሱፈል!” ምስበሉ፣ እቶም መራሕቲ’ውን፣

“ኣሜን!” በሉ’ሞ፣ እቶም ኮፍ ኢሎም ዘውግዑ ዝነበሩን፣ ቆይሞም እንዳተንቀጥቀጡ በግእዝ ቋንቋ ዘመስግኑ ዝነበሩን ብሓባር ነቲ ጳጳስ፣ ነቲ ናይ ስሉስ ኩርናዕ ሰላምታ ሂቦም ናብ ቦትኣም ከይዶም ኮፍ በሉ። ንውሱናት ሰከንድ’ውን ፍጹም ጸጥታ ሰፊኑ ጸንሐ። ከይጸንሐ ግና፣

“ኣውስትራሊያ!” ብማለት ቀጸሉ። “ብዛዕባ ብዝሒ ሕዝቢ ሕቶ ኣልዒልካ’ለኻ። ነታ ሓዳስ ዓለም ክንምስርት ከለናን ነቲ ሓድሽ መንግስቲ ምድሪ ከነቕውም ከለናን፣ እቲ ልዕሊ ሸውዓተ ቢልይን ዝኾነ ሕዝቢ ዓለም ብሙሉኡ ኣየድልየናን ኢዩ! ጽፈት’ውን ደኣምበር ብዝሒ ጥራይ ኣይኮነን ንደሊ። ነቶም ኣየድልዩናን’ዮም ዝበልናዮም ነብሳት ኩሎም፣ ብስም ልዑልና

ቆይሞም ብዘለዉ ግሉጻትን ስዉራትን ትካላት ተጠቂምና ከነጥፍአም ኢና። እዞም ነብሳት'ውን ኣስዒበ ብዝገልጸልኩም መንገዲ፣ ንናይ ልዑልና ኩለንተና ንምርዋይ ይሕግዙ። እዚ ስለዝኾነ፣ በተን ኣቐዲምና ዘቐምናየን ናይ ሕማም ፋብሪካታትና ብዘፍርይዎ ቀለልትን ጅምላ ኣጥፋእትን ብዝኾኑ ኬሚካላት፣ ከምኡ'ውን ተመሓላለፍቲ ሕማማት፣ ነቲ ቁጽሪ ሕዝቢ ንንከዮ። እቶም ከነጥፍአም ኢልና ዝፈለናዮም ነገዳት ማእለያ ዘይብሎም'ኳ እንተኾኑ፣ ብዋናነት ግና ኣብቶም ንዕላማ ልዑልና ንምርዳእ ኮነ ንዘይምርዳእ ኣሸገርቲ ኮይኖም ዝረኣናዮም ነገድን ሕዝብን ኢና ከነተኩር። ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ! እዚ'ውን ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ኣፈጻጽማ ስልቲ ዘለዎ ክኸውን ከሎ፣ ብራድየስ ኣብ ዝተኸለለ ጂኣግራፊያዊ ኣቀማምጣ መሬት ተመስሪቱ ዝትግበር ኢዩ። "ክንድምንታይ ዓቕምሰብ የድሊ?" ንዝብል ነጥቢ ብዝምልከት ነቲ ልክዕ ዝኾነ ኣሃዝ ኣብ ዝቐጽል ጉባኤ ከነውጽኦ ኢና። ነገር ግና ካብ ሕጂ ንምእንፋት ክሕግዝ ልዕሊ ፍርቂ ናይቲ ሕዝቢ ናይ ግድን ክጠፍእ ይግባእ። ሃልዩ'ውን ስለዘይጠቅም ኢየ ዝብል ዘለኹ። ነቶም ኣባላት ዘይኮኑ ወይ ክኾኑ ዘይደልዩ እንታይ ክንገብሮም ከምዘለና ደጋጊመ ስለዝገለጽክዎ ኣይደግሞን'የ። ስለዚ በዚ መዳይ ዝተጀመረ ነገር ኣሎ'ዶ? መልሱ እወ ኣሎ ዝብል ኢዩ። እቲ ፈተነ'ውን ተግባራዊ ተገይሩ ውጽኢታዊ ምኻኑ ተረጋጊጹ'ሎ። ተሪፉ ዘሎ ተግባር ጥራይ ኢዩ። ካባኹም ዝድለ ድማ መምርሒ ምስወረደ ብፍጥነት ምትግባር ጥራይ ኢዩ።

"ካናዳ!" በሉ፣ ዜማዊ ቃና ብዘለዎ ኣጸዋውዓ። "ወሰን ዘይብሉን ንኹሉ ዝሓቁፍን ምልመላ ንገብር ከምዝለና እንተ ተረዲእኻ፣ ኣባላትና ካበየናይ ሃገርን ክፍሊ ሕብረተሰብን ይምልመሉ ከምዘለዉ'ውን ክትርዳእ ነይሩካ። ከምኡ ስለዘይኮነ፣ ካብ ኩለን ሃገራትን ካብ ኩሎም ዓይነት ክፍሊ ሕብረተሰብ! ኢለ ክምልሰልካ ኢየ። ቁጽሪ ሓደ፣ ቁጽሪ ክልተ፣ ቁጽሪ ሰለስተ ዝብል ናይ ኣወዳድባ ስርዓትን ናይ ኣመላምላ ስልትን እኳ እንተሃለወ ዕላምኡን ተጸዋዕነቱን ግና ነቲ ሓደ ልዑልና ኢዩ! ነቲ ዝኸበረ ናይ ጸልማት ልዑል! ነቲ ናጽነት ዘልበሰና ሓደ ሳጥናኤል! ኣወዳድብኡ ቅድሚ ምግላጸይ ብዛዕባኹም ክዛረብ። ንስኻትኩም ኣብ ቁጽሪ ሓደ ኣቲኹም'ኳ እንተተገለጽኩም፣ ትዛይዱሉ ነገር ኣሎ። ንሱ'ውን መንም መራሒ ሃገር ዝኾነን ኮይኑ ዝሓለፈን ኣባል፣ ድሕር'ቲ ዓወት ብኣማሓዳሪነት ዝሸየም በዓል ስልጣን ኢዩ ዝኸውን። ነዚ እንተ ኢለ ናብቲ ዝርዝር ክሓልፍ፣ ቁጽሪ ሓደ ዝበሃሉ እቶም ናይዚ ጥበብ'ዚ ተለገስቲ ዝኾኑን ኣቐዲሙ ምልክት ቀርኒ ዝተዋሃቦምን ክኾኑ ከለዉ፣ መራሕቲ ሃገራትን ናይ ሃይማኖት ኣቦታትን ኢዮም። ቁጽሪ ክልተ ዝበሃኡ፣ ናይ ዓለምና ቢልዮነራትን ሳይንቲስታትን ኢዮም። ቁጽሪ ሰለስተ ዝበሃሉ ድማ ናይ ዓለምና ህቡባትን ተፈተውትን ስነጥበበኛታት፣ ሙዚቀኛታትን ኣብ ተመሳሳሊ ተግባር ዝተዋፈሩን ክኾኑ ከለዉ፣ ኣብ ውሽጦም'ውን ዝርከቡ ተራ ተመልመልቲ ኣባላት ኢዮም። እቶም ቁጽሪ ሓደ ብቐጥታ ካብ ልዑልና ትእዛዝ

ተቐቢሎም ተግባራዊ ይገብሩ። ጥበብ ዝረኽቡ'ውን ብቐጥታ ካብቲ ምክትል ልዑልና ዝኾነ ካብ ሉሱፈል ኢዩ። እቶም ቁጽሪ ክልተ ድማ ነቲ ካብ ልዑልና ብሉሱፈል ኣቢሉ ናባና ናብቶም ቁጽሪ ሓደ ዝኾና ንዝመጸን በቶም ቁጽሪ ሓደ ዝኾኑ መራሕቲ ሃገራትን ኣቦታት ሃይማኖትን ኣቢሉ ንዝወርደሎም ትእዛዝ ዝትግብሩ ኢዮም። ነቲ ካብ ሉሱፈል ዝወሃቦም ጥበብ ተጠቒሞም ድማ ስርሖም ይሰርሑ። እቶም ቁጽሪ ሰለስተ ብስም ባፎሜት ተጠሚቐም ብድሕሪኡ እቶም ሰዓብቲ ልዑልና ዝኾኑ መንፈሳውያን ጭፍራ ይእዘዙሎም። በዚ ኣቢሎም'ውን ብፍልጠት፣ ብገንዘብ፣ ብዝናን ብተመሳሰልቲ ነገራትን ላዕለዋይ ኢድ ዝሕዙን፣ መላእ ሕዝቢ ዓለም ንልዑልና ከምዘምልኽ ዝገብሩን ኢዮም። ናይ ኩሎም ተጸዋዕነት ግና ንሓደ ሓያል ልዑል ኢዩ። ኣቲ ናይ ስራሕ ዓይነታት'ውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝግለጽ ኢዩ። መጠን ጥበቦም'ውን ከከምቲ እምነቶምን ከም ተኣማንነቶምን ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ትሕት'ዚ ብደረጃ ተሰሪዑ ዘሎ ኣወዳድባ'ውን ብዙሓት ጨናፍር ኣትዮም ይርከቡ። ኣባላት ብመንፈስ እንዳዓበዩ ምስከዱ'ውን ደረጅኦም እንዳለዓለ ይኸይድ። እቶም ቁጽሪ ሓደን ቁጽሪ ክልተን ጎልና ኢትዮጵያ ምኻና ይግለጸሎም። ዝቐጽል ጉባኤና ምስኦም ስለዝኾነ ነዚ ከነበስረሎም ኢና። ካብቶም ቁጽሪ ሰለስተ ግና ነቶም ኣብ ደረጃ መሪሕነት ዘለዉ ህቡባትን ብዓል ዝናን ዝኾኑ ጥራይ ከምዝፈልጡ ይግበር። ሃንደበት ምስዞም ኣሕዋትና እንተትራኸቡን ኣበየናይ ደረጃ ከምዘለዉ ክትፈልጡ ምስትደልዩን ናይ ኢድ ሰላምትኣምን ኣሰዓዕማኣምን ብምርኣይ ጥራይ ብቐሊሉ ተለልይዎም። እዚ ድማ /ሓደ/ ኣብ መንኩብ ስዒሙ ናብ ከባቢ ኣፎም ጽግዕ ኢሉ ምትንፋስ /ክልተ/ ካብ ከብዲ ኢድ ሓሊፉ ነቲ ላዕለዋይ ቅልጽም ምጭባጥ /ሰለስተ/ ንዓባይ ዓባይቶን ኣመልካቲቶን ኣጋጢምካ ናብቲ ሰላም ዝበሃል ሰብ ምጽጋዕ፣ ብድሕሪኡ ዝደለኻዮ ዓይነት ሰላምታ ምውህሃብ። ጥራይ፣ ንሕና ኣብ ዘለናሉ ኮነ ሉሱፈል ተገሊጹ ኣብ ዝረኣየና ኣዋን ድማ ከምትፈልጥዎ ናይ ሆረስ ፒራሚድ ብኢድ ሰሪሕኻ፣ ኣብ መንጽር ዓይኒ ጌርካ ብምጥማት፣ ምምስጋን። እምበኣር እቲ ምልመላ ነዚ ክመስል ከሎ፣ መግለጺታቱ ድማ ሰፋሕትን ዝርዝር ዝበሉን ኢዮም። ተልእኾኡም'ውን ከምኡ። ስለዚ ጎልና፣ ንኹሎም ዘይኮነ ነቶም ኣውራ ኣውራ ዝኾኑ ተነጊርዎም ኣሎ ክብል ይደፍር። ተኣማንነቶም'ውን ተረጋጊጹ'ሎ። እቲ ንስኻትኩም ትገብርዎ ምልመላ ድማ ነቶም ናትኩም ዋና ዋና በዓል ስልጣናት ክኸውን ከሎ፣ ነቲ ይጠቕመና'ዩ ዝበልኩሞ ኩሉ ብቐሊሉ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ሪፖርት'ውን ክትገብሩ ኢኹም። ትእዛዝ'ውን ክወሃበኩም ኢዩ። ብቐሊሉ ኣባል ንምግባር ትኽእሉሉ ጥበብ'ውን ተዋሂቡኩም ኣሎ። ካልኦት ተተሓሓዝቲ ነገራት ቅድሚ ሕጂ ተነጊሩኩም ስለዘሎ ምድግጋሙ ኣየድልን። ስልጣን፣ ገንዘብ፣ ማቴርያል፣ ጥበብን ውጽኢት ጥበብን ኩሎም ብግብሪ እንዳገለጽና ንኹሉ ምምጻእ ቀሊል ስራሕ ኢዩ። ናብዚ ሕብረት ዝመጸ ድማ ተጠቃሚ ደኣምበር ከሳሪ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኩሉ ወድሰብ ብኣዳም ዝሞተ ብሰንኪ ኣም ህይወት ኢዩ ነይሩ። ሕጂ ድማ እቲ ብዓል ዓወት ልዑልና፣ ነቲ ካብ ሞት ናብ ህይወት

ዝመልስ ኦም ህይወት ኣብ ኢዱ ምስ ኣእተዋ በሊዑ'ውን ምስ ኣብልዓና፣ ማለት፣ 'ይኹን' ኢሉ ኡፍ ምስበለልና፣ ሽዑ ወድሰብ ካብ ምሟት ናብቲ ናይ ቀደም ዘልኣለማዊ ህያውነት ይምለስ። እዚ ኢዩ ናትና ዕላማ። ስለዚ ነቶም ኣገደስቲ ኢዮም ዝበልኩሞም ሰባት ነዚ ሓቀኛ ጥበብ ኣብ ዘለውዎ ግለጹሎም። ሽዑ ናትና ይኾኑ። ልዑልና ምስተዓወተ'ውን ነቲ ዝተነፈግዎ ህይወት ክህቦም'ዩ! ክብሪ ንልዑልና ኣሜን?!"

"ኣሜን!" ናይ ሓባር ድምጺ.....።

"ቻይና!" ክብሉ ቀጸሉ። "ካብቶም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ክዕመሙ እንዳተገብኦም ከይተዓመሙ ዝደንጎዩ ሓደ እዚ ንስኻ ዝጠቐስካዮ ፋይናንሳዊ ትካላት ናይ ምምስራት ጉዳይ ኢዩ። ዝደንጎናሉ'ውን ምኽንያት ኣለዎ። እዘን ፋይናንሳዊ ትካላት ኣብታ ዓዲ ቅድሚ ምምስራተን ክስርሑ ዝግብኦም ቅድመ ዕማማት ኣለዉ። ንግዚኡ ኣብቲ ቅድመ ዕማም ጥራይ ስለዘተኮርና ኢዩ። ንሱ'ውን ይጠናቐቕ ኣሎ። እቶም፣ ፋይናንሳዊ ትካላት ቅድሚ ምምስራቱ እንዳተሰርሑን እንዳተጠናቐቑን ዘለዉ ጉዳያት'ውን ነታ ዓድን ሕዝባን ብገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ንገንዘብ ምስ ኣእምሮን ጉልበትን ከምኡ'ውን ምስ ለውጢ ኣተሓሳስባን ሓቢርካ ምትእስሳር መሰረት ዝገበረ ስራሕ ኢዩ።

"ኣብ ናይ ኢኮኖሚ ውድቀት ትርከብ እንኮ ናይ ዓለምና ሃገር ምኺና ዝፍለጥ'ኳ እንተኾነ፣ ናይ ገንዘቦም ናይ ምግዛእ ዓቕሚ፣ ምስ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ግድን ክቀራረብ ስለዘለዎ እቲ ቀዳማይ ቅድመ ዕማም ዝገበርናዮ ክብሪ ናይ ባጤራኦም ቀስ ብቐስ ለጠቐ ከምዝብል ምግባር ኢዩ። ከምኡ ምስኮነ ንጉልበት ናይቲ ሕዝቢ ብዘይ ገደብ ክንምዝምዝ ንኽእለሉ ኩነታት ይፈጥር። እቲ ፋይናንሳዊ ትካል ኣብዝምስረተሉ እዋን ናይ ምዕዳግ ዓቕሙ ብልዑል ፍልልይ ስለዘንቆልቁልን፣ ክብሪ ናብራ ስለዝልዕልን እቲ ተራ ሕዝቢ ኮነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ናብራ እንዳጸንከሮ ክኸይድ'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብመንገድና ዝምስረት ፋይናንሳዊ ትካል ብስም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፣ ናይ ትምህርቲ፣ ጥዕናን፣ ሕርሻን ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዓውድታትን ብሰፊሑ ሒዝና ክንሰርሕ ምስጀመርና፣ ምስዚ ተተሓሒዙ'ውን እቲ ፋይናንሳዊ ትካል ምስተመስረተ ብናትና ውሑድ ዓለምለኻዊ ገንዘብ ነቲ ናቶም ብዙሕ ዓቕምሰብን ኣእምሮን ብዘይ ገደብ ብሕሱር ዋጋ ምጥቃም ከኽእለና'ዩ። ነቲ ቴክኖሎጂ'ውን ብዘይ ገደብ ምእታው ክንጅምር ኢና።

"መንግስቶም'ውን ብስም ልምዓት ስለዝቐበለናን፣ ንኹሎም መራኸቢ ብዙሃን ብሞኖፖል ስለዝሓዘን፣ ንመንግስቲ ነቲ ቴክኖሎጂ ብነጻ ብምብርካት፣ መንግስቲ ብዘይ ወጻኢ ልዑል መኽሰብ ዝረኽበሉ መንገዲ ንኸፍት። በዚ'ውን ባዕሉ መንግስቶም ነቲ ሕዝቢ ዕርቃኑ

ከውጽኣልና ኢዩ። ስለዚ እዚ ዝዓይነቱ ወሳኒ ተግባር ከይተተግበረ ዝጸንሐ ብሰንኪ ነዚኣም ዝኣመሰሉ ቅድመ ዕማማት ኢዮም። ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ትግባሪኡ ክንኣቱ ኢና።

“ፋይናንሳዊ ትካል ኣብ ኢትዮጵያ ምምስራት ዝብል ነጥቢ በዚ መልክዑ መልሲ ተዋሂብዎ ዝሕለፍ ነገር ኣይኮነን። ንሕቶታትኩም ኣብ ዝሰምዓሉ ዝነበርኩ እዋን ዘስተውዓልክዎ ነገር እንታይ ኢዩ፣ ብጀካ ውሑዳት መብዛሕትኹም ዘልዓልኩሞም ኩሎም ሕቶታት ኢለመንታሪን ተራን ኢዮም ይብል ነይረ። ኣቓልቦይ ዝሰሓቦን ዘድነቐክዎን ወሳኒ ሕቶ እዚ ኮይኑ’የ ረኺበዮ።

“ፋይናንሳዊ ትካል ክበሃል ከሎ ንገንዘብ ጥራይ መሰረት ዝገበረ ምንቅስቓስ ኣይኮነን። ፋይናንሳዊ ትካል ሙሉእ ብሙሉእ ምምስራት ማለት ነታ ሃገር ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ትሕቲ ግዝኣትና ምእታው፣ ምድርባይ ማለት ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ ብመጀመርታ ነቶም ናይ ዓለምና ቁጽሪ ሓደ ቢልዮነር ዝኾኑን ነዚ ተግባር ዝተሓጸዩን ምስ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ብምልላይን ብምቅርራብን ርክብ ምፍጣር፣ ቀጺሉ ነቲ ናይ ቢልዮነራትና ገንዘብን ሃብትን ተጠቂምና ንውሑዳት ኢትዮጵያውያን መንእሰያት ናይ ስራሕ ዕድል ምፍጣር ብዝብል ሽፋን ናብ ኣሜሪካ እንዳጸዋዕኻ ስልጠና ምሃብን፣ ነዚ ተግባር ምድላውን እቲ ቀዳማይ መሰረት ይኸውን። ዓበይቶምን ምሁራቶምን ወይ ናይታ ዓዲ በዓል ጸጋታት ነዚ ብዝምልከት ምንም ፋይዳ ስለዘይብሎም ኣየድልዩናን’ዮም። ኣዝዮም ውሱናትን፣ ኣብዝኾነ ዓውዲ ኣብታ ዓዲ ዘይፍለጡ ኣጋይሽ መንእሰያትን ብምምልማል፣ ኣብቲ ስልጠና ከምዝሳተፉ ምግባርን ኣብ ዙርያ ማሕበራዊ መርበብ ሓበሬታታት ንዘለዎም ርድኢት ምቅናይ። ብድሕሪኡ ብዝሕ ዝበለ ባጀት ብምምዳብ ናብ ስርሖም ከምዝኣትዉ ምግባር ወሳኒ ኮይኑ ስለዝረኽብናዮ ከምኡ ንገብር ኣለና። እዞም መንእሰያት’ታ ሃገር ነቶም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ብጾቶም ክማርኹ ምስጀመሩ ድማ እቲ ንኻልእ ኣፍሪቃዊ ሃገር ዘይተለገሰ ረቂቕ ቴክኖሎጂ ክጥቀሙን ክላለይዎን ምግባር ኣብ ዝብል ብዙሕ ተጸኒዑ’ሎ። ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ’ውን ናብ ተግባር ክውዕል ኢዩ። ምስ’ዚ ብዝተሓሓዝ’ውን ምስ ማዕከን ምርምር ህዋ ናሳ ብምትሕብባር፣ /ካብቶም ዝመሃርዎም ብሩህ ኣእምሮ ዘለዎም/ ንመንእሰያት ኢትዮጵያ ናብ ናሳ ዓዲምና ከነስተምህር መደብ ከምዝገበርናን፣ ጎኒ ንጎኒ እውን ኣብ ሕምብርቲ ናይታ ከተማ ብዙሕ ኣተኩሮ ዘይስሕብ፣ ከም ተራ ሜትሪዮሎጂ’ኳ እንተኾነ... ኣምሲልና መቆጻጸሪ ሳተላይት ክንገጥም ኢና። እቲ ቀሊል ዝመስል፣ ነገር ግና ተሓላሊኹ ዝጸንሐ መሰረት ንምንባር ብዝብል ምኽኒት ሓደ በዓል ጸጋ ብቐጥታ ናብታ ሃገር ከምዝኸይድ ምግባር፣ ስራሕ ዓሻ መሲሉ ስለዝተራእየና ኣቐዲምና ኣብ ዋና ከተማኣ ኣብ ዝርከብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ካብ ዝመልመልናዮም ናይታ ዓዲ ምሁራትን፣ ቅድሚ ክልተ ጀነሬሽን ኣቐዲምና ብዝለኣኽናዮም ዜጋታትና ብዝኾኑ ቀዳሞት ኣባላትናን፣ ብናቶም ዕድመ ናይ ክብሪ ዶክትሬት ኣዳልዮም

ከምዝጽውዕዎ ጌርና ነቲ ርክብ ጀሚርና'ለና። ምቅርራብን ምልላይን ዝበልናዮ ነዚ ኢዩ። ኣብ ቀረባ እዋን ናይ ክብሪ ዶክትሬቱ ናብ ኢትዮጵያ ከይዱ ክቐበል'ውን ኣብ ምድላዋት ኢዩ ዘሎ። ብድሕሪኡ እዚ ቢልዮነር ሓውና ኣብታ ሃገር ዝኾነ ነገር ክገብር እንተበለ፣ ቀዳምነት ዝወሃቦ ሰብ ምኳኑ ንምርዳእ ኣይከብደኩምን። ቅድሚ ሕጂ'ውን ውሑድ ገንዘብ እንዳገበረ ገዛእ ርእሱ ከምዘላሊ ጌርና ስለዝነበርና፣ ኣብ ርእስ'ዚ ከኣ ዶክተር ምስኮነ ብዓይኒ ጥርጣረ ዝጥምቶ ኢትዮጵያዊ ኣይክህሉን ኢዩ። እዚ ዓብን ወሳንን ስራሕ ናብ ተግባር ተለዊጡ ምድላዋቱ ከም ዝተጠናቐቐን ናይ ክብሪ ዶክተሬቱ'ውን ከምዝተዳለወሉ ቅድሚ ሰሙን ተነጊርና'ለና። ኣብ ቀረባ እዋን ክሸለም'ዩ።

"ናይ ክብሪ ዶክትሬት ክወሃብ ከሎ ነቲ ነገር ንምንቃፍ ዝደፍሩ ሓደሓደ ኢትዮጵያውያን ክህልዉ ስለዝኽእሉ ብዝብል'ውን ቅድመ ጥንቃቐ ጌርና'ለና። ምናልባት ኣብ ናይ ብሕቲ ሜድያታት ስለምንታይ? ብኽመይ? ዝብሉ ሕቶታት እንተልዉሎም እኹልን ዘእምንን መልሲ ክህቡ ዘዳለናዮም ሰባት ኣለዉ። ገና ካብ ሕጂ'ውን ናይ ክብሪ ዶክትሬት ክወሃቦ ምኳኑ ኣብ ውሑዳት ናይ መራኸቢ ብዙሃኖም ኣቐዲሙ ይግለጽ ኣሎ። በዚ ዜና ድማ ዝተገረመ ኢትዮጵያዊ'ውን የለን። ርኢኹም'ዶ? ኢትዮጵያውያን እዚኦም'ዮም!

"ናቶም ክብሪ፣ ንኽምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ካልእ ሃገር ምቐባልን ምኽባርን ኢዩ። ነቲ ናቶም ሰብ ግና ግዲ የብሎምን። ንሓደ ቁጽሪ ሓደ ቢልዮነር ዓለምና፣ እታ ብዙሕ ስራሕ ዝሰርሓላን ዘዕበያን ገዛእ ሃገሩ ናይ ክብሪ ዶክትሬት ከምዘይሃበቶ እንዳተፈለጠ፣ ኢትዮጵያውያን ግና ካብ ዓዶም ሓሊፎም፣ ካብ ኣህጉሮም ነጢሮም፣ ንሓደ ኣሜሪካዊ ናይ ክብሪ ዶክትሬት ይህቡ። ብርግጽ እቶም ወሃብቲ ከምዝበልክዎ ናትና ሰባት ኢዮም። ይኹን ደኣምበር እቲ ጉዳይ ዘገርም ኣብ ርእሲ ምኳኑ ኢትዮጵያውያን ከምዘይድነቑሉ ካብ ሕጂ ኣረጋጊጽና'ለና። ስለምንታይ ኢሎም ኣይሓቱን'ዮም። ብዛዕባ እቲ ወሃቢ ኮነ ብዛዕባ እቲ ተቐባሊ ዝፈልጥዎ ምንም ነገር የለን። የዋሃን ኢዮም።

"ብዝኾነ፣ እቲ ፋይናንሳዊ ትካል ናይ ምምስራት ተግባር ከምዝተጀመረ ብኽምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ጥራይ ክትርድኡዎ ኣለኩም። ስለዚ ነቶም ናይ ዩኒቨርስቲ ምሁራን ንኽምዚ ዓይነት መሰረት መንበሪ ዝተጠቀምናሎም ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ቀጻሊ ድማ፣ ነቲ ንህቦም ተልእኾታት፣ ናይ መጽናዕቶም ጸብጻብ እንዳቐረቡ ነቲ ሕዝቢ የእሚኖም ናብ ጎልና ከብጽሑና'ዮም ማለት'ዩ። ብድሕሪኡ ካብ ገጠር ክሳብ ከተማ ዘለዉ ማሕበረሰባት ንፍጻሜና ናይ ግድን ስለዘድልዩና፣ ኣብ ዓውዲ ጥዕናን ብስም ሂውማን ዲቨሎፕመንትን ነቲ ክወስድዎ ዘለዎም ረቂቐ ፍርያት ቴክኖሎጂ ዝኾነ ከኒና ብምውሓጥን ካልኦት ተመሳሰልቲ ክትባት

ብምግባርን ናትና ትእዛዝ ተቐበልቲ ኮይኖም ከምዝተርፉ ንምግባር ነዳልዎም ማለት ይኸውን።

“ብተወሳኺ’ውን እታ ሃገር ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ናይ መወዳእታ ድሑር ዝኾነ ውጽኢት ቴክኖሎጂ ተጠቃሚት ምኳና ትፍለጥ ስለዝኾነት፣ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ዘይርከቡ ናይ ቴክኖሎጂ ፍርያት ተጠቃሚት ከምትኸውን ምስገበርናያ፣ እቲ ለውጢ ዝመጸ በቶም ንሕና ዘዳለናዮምን ዘሰልጠንናዮምን ኢትዮጵያውያን መንእሰያት ከምዝኾነ ገይሮም ስለዝቐበልዎ ንብሙሉኡ እቲ መንእሰይ ናብ ሓደ ዝተቐደሰ ሕብረት ከነምጽኦ ክኢልና ማለት’ዩ። ምስዚ ተተሓሒዙ’ውን /ሽልማት ይፈትዉ’ዮም/ ቁጽሪ ኣተባባዕቲ እንዳወሰኸ ከምዝኸይድ ብምግባር ጥቡቕ ዝምድና ይምስረት። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ’ውን ብፍላይ ዩናይትድ ኪንግደምን ዩናይትድ ስቴትስ ኦፍ ኣሜሪካን ኣቐዲሙ ብዝወረደሎም ትእዛዝ መሰረት ነታ ሃገር ተኸታታልን ተደራራብን ልቓሕ ምሃብ ዝጀመሩ፣ ንመበገሲ ናይዚ ስራሕ ክጠቕም ተባሂሉ ኢዩ። ብመሰረት እቲ ውጥን’ውን እታ ሃገር ክትዓድዮ ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ’ላ፣ ክትልቃሕ ዘይትኽእል’ውን ኮይና’ላ። ንኽትልቃሕ ናይ ግድን ክትከፍል ስለዘለዋ። ከምኡ ክትገብር ስለዘይትኽእል ኣቐዲሞም ቦታ ንምሓዝ ዝኣተዉ ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኾኑ ኣባላትና፣ ብሊዝ ንዝሓዝዎ መሬት ብቀዋሚ ሰነድ ኣረጋጊጾም መታን ክቐጽሉ ምቹእ ባይታ ክንፈጥረሎም ጸኒሕና’ለና። ካብቶም ሕጂ ዘለዉ ብተወሳኺ’ውን ንኻልኦት ሓደስቲ ዝኣትዉ፣ ናይ መንግስቲ ለውጢ’ኳ እንተተገበረ ክለቅዎ ዘይክእሉ ናይ መሬት ሃብትን መጠን ሪሶርስን ክሕዙ ዝኽእሉሉ ኩነታት ተጸኒዑ ተወዲኡ’ሎ፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ተግባር ክውዕል’ዩ። እዚ’ውን ነባርን ሕጋውን ብዝኾነ መንገዲ ዝትግበር ክኸውን ከሎ፣ እዚ ተተግቢሩ ማለት ኣተኣማማኒ ብዝኾነ ሰነድ ነታ ሃገር /እቲ ሓውኹም መራሒ ደቡብ ኣፍሪቃ ከምዝበሎ/ ኣብ ትሕቲ መግዛእትና የእቲናያ ማለት’ዩ። ብሓጺርን ካልእን ኣገላልጻ፣ ከፊሎም ብዘይውድእዎ ዕዳ ምኽንያት ጥራይ፣ ነታ ኢትዮጵያ ዝተበሃለት ሃገር፣ ካብ ናይ ገዛእ ርእሶም ፍቓድ ብዝመጸ ድሌት ሙሉእ ብሙሉእ ብሕጋዊ ፈርማ ተረኪብና ከነመሓድራ ኢና ማለት’ዩ። ሕጂ ብሓጺር ኣገላልጻ፣ ኣብዚ ዘመነ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብዝተረፈሉ ዘመን፣ እቶም ብባዕዲ ከይተገዝኡ ዝጸንሑ ኢትዮጵያውያን፣ ብባዕዲ ዘይምግዛኦም ኣጣዒስዎም በጃኹም ግዝኡና ኢሎም ለመኑና’ሞ ገዚእናዮም፣ ከም ማለት’ዩ። ብገንዘብና ኢና ገዚእናዮም። ካብ ናይ ቀደም ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝፍለየሉ’ውን ሕጋዊ ሽያጥ ብምኻኑ ጥራይ ኢዩ። ስለዚ በዚ ዝዓይነቱ ምቹእ መንገዲ ንጓዓዝ ስለዘለናን ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ተግባር ስለንኣቱን ነቲ ፋይናንሳዊ ትካል ከምዝመስረትናዮ ሕሰብዎ ክብል ይፈቱ።

“ናብዚ ጎል ምስተቓረብና ድማ ምስ መንግስቶም ብዝራኸብ ኮነ ብዘይራኸብ መልክዑ ናይ ገንዘብ ዋሕዚ ገደብ ኣልቦ ብዝኾነ መንገዲ ምልጋስን፣ ምልቃሕን ክንጅምር ኢና። እዚ ማለት’ውን ኣብ ገጠርን ኣብ ከተማን ባዕላትና ንዘዳለናዮ ፕሮፖዛል፣ ካብኡም ከምዝመንጨወ ብምግባርን ናብ ተግባራዊ ስራሕ ብምምራሕን ኣፈጻምትና ይኾኑ ማለት’ዩ። በዚ ዓይነት ኣጀማምራ ዝተኣለመ ተግባር’ውን እንዳዓበየ ከይዱ፣ ኣብ ውሑዳት ዓውድታት ከይተሓጽረ ንኹሉ ዝሓቖፈ ዋሕዚ ገንዘብ ተግባራዊ ይኸውን። በዚ መልክዑ ንመንእሰያት ናይታ ሃገር ብኣባልነት ምውዳብ ይቃለለልና። እታ ሃገር ከይዓበየት ነገር ግን ኣባላትና እንዳዓበዩን ብስርሑም ንብዙሓት እንዳጠቕለሉን ኣብዝኸዱሉ እዋን’ውን፣ እቲ ብሸነኽ መንግስቲ ዝጀመረ ርክብ ጎኒ ንጎኒ እንዳቐጸለ፣ ኣብ ናይ ጽርግያን ኮንስትራክሽንን ከምኡ’ውን ኣብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ዓውድታት ንዝትግበር ናይ ባይታ ልምዓት ብምጥቃም፣ ወሰንቲ ወሰንቲ ዝኾኑ ናይ ኬሚካል ኣጽዋር ኢልና ኣብ ትሕቲ ዘጠቓለልናዮም ዝርከቡ ተፈንጂርቲ ኣብ ኣተኣማማንን ስትራቴጂካውን ቦታታት ይቕበሩ።

“ካብዚ ዝሓዝናዮ ዓመት ጀሚሩ ነቲ ገስጋስ በዚ መልክዑ ከነቐጽሎ ኢና። ብድሕሪኡ ነቲ ፋይናንሳዊ ትካል ብወግዒ ንምምስራት ዘኽእል እኹልን ዘእምንን ምኽንያት ምፍጣር ምስከኣልና... ሽዑ ሙሉእ ብሙሉእ ተግባራዊ ክንገብሮ ኢና። እዚ ስራሕ’ውን ሓምሳ ሚእታዊት ዝተወድአ ምኺኑ ክገልጸልኩም ይፈቱ።

“ናብቲ ተመሳሳሊ ወሳኒ ሕቶ ክንሓልፍ ከለና ....እ.... ናይ ጦር ካምፕ ምስ ምቐም ዝተኣሳሰር ሕቶ ኢና ንረክብ። ናይ ጦር ካምፕ ኣብ ኢትዮጵያ ንምቐም ተመሳሳሊ ዝኾነ ቅድመ ምድላዋት ኣለዎ። ወይ’ውን ነይርዎ። እዚ’ውን ፋይናንሳዊ ትካል ካብ ምምስራት ተፈልዩ ዘይርአ ጉዳይ ምኺኑ ከምዘለዎ ኮይኑ፣ ነገር ግን ቁሩብ ካብኡ ፍልይ ዝበለ ኣገባብን ሜላን ዘድልዮ ኮይኑ ረኺብናዮ’ለና። ብዙሓት የሕዋትና ደጋጊምኩም ከምዝበልኩሞ ጎልና ኢትዮጵያ ምኺና ንስራሕና ኣቕሊልዎ’ሎ። ዘቕለሎ ግና ነቲ ናይ ባይታ ስራሕ ደኣምበር ነቲ ናይ ህዋ ኣይኮነን። ከምኡ ኮይኑ’ውን እቲ ናይ ባይታ ስራሕ ቀሊሉ ምርካቡ ባዕሉ ነቲ ናይ ህዋ ስራሕ ንምቕላል ጠቒሙና’ሎ። እንታይ ክብል’የ ደልየ ...እ... ኢትዮጵያውያን ቃሉ ጸዊዕኻ ብግልጺ “ወራር” ኢልካ ክሳብ ዘይኽድካዮም ክከላኸሉኻ ኣይፍትኑን። ነዚ ባህሎም ጠንቂቕና ንፈልጦ ኢና። ስለንፈልጦ’ውን ሓደ ነገር ቅድሚ ምግባርና ነቶም ዝዝርግሑ ዜናታት እቲ ሕዝቢ ብኣወንታዊ ርድኢት ጥራይ ከምዝርድኦ ካብ ምግባር ሓሊፍና ናብ ዘጨንቕ ስራሕ ኣቲና ኣይንፈልጥን። ናይ ባዕልና ናይ ሬድዮ ማዕከን’ውን ኣለና። ነዚ’ውን ከም መንም ተራ ዜና ብዜናነቱ ተፈሊጡ ጥራይ ከምዝርሳዕን ንዉሱን ግዜ ከምዝኾነን ኣምሲልና ኢና ብወግዒ፣ ኣብ ዶባት ጎረባብቲ ሃገራት ኴንና ዝጀመርናዮ። ስለዚ ነቲ ናይ ጦር ካምፕ

ካብ ንምስርት ቁሩብ ጸኒሕና'ለና። እዚ፣ ናይ ልዑልና ወሳኒ ዝኾነ መርገጺ ኮይኑ ዝወረደልና መምርሒ ኢዩ። ክንምስርቶ ከለና ግና፣ ሓንቲ ሃገር ብውልቃ ናይ ጦር ልምምድ ንምግባር ክትብል ዝጀመረቶ ጌርና ብምርኣይ፣ ግዚያዊ ነቑጣታታ ኣብኡምን ኣብ ጎረባብቲ ሃገራትን ቦታ ክትገብር ምድላያ ብምግላጽ ኢዩ። እወ ከምዚ ብዝኣመሰለ መበገሲ ኢዩ ተጀሚሩ።

"ኢትዮጵያውያን፣ ንርእሶም ካብ ዓለም ወጻኢ ጌሮም ስለዝሓስቡ እዚ ነገር ኩሉ ንዕኡም ዜና ጥራይ ኢዩ። እቲ ዜና ድማ፣ ናይ ዓለምና ክልተ ሓያላን ሃገራት ጸብለልትነተን ንምርግጋጽ ክብላ ዝገብርዎ ምትህልላኽ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ብናቶም ትርጓመ ፍረ ነገሩ እዚ ጥራይ ኢዩ። ዜና ጥራይ! ምኽንያቱ ኢትዮጵያውያን ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ዝሓስብዎን ዝሓስብዎ ዘለዉን ሓደ ነገር ጥራይ ኢዩ። ንሱ'ውን "ዓለም ብቴክኖሎጂ ኢያ ኣብ ናይ ምትፍናን ውድድር ኣትያ ዘላ" ዝብል ኢዩ። ትፈልጡ'ዶ? ብናይ ኢትዮጵያውያን ኣተሓሳስባ፣ ናይ ኩለን ሃገራት ናይ ጸብለልትነት ምፍኽኻር ቀደም ንታሪኽ ብምቅጻጽ፣ ብድሕሪኡ ናይ ሃይማኖት ጸብለልትነት ብምርግጋጽ፣ ቀጺሉ ናብ ወርሒ ብምድያብ፣ ካብኡ ቀጺሉ'ውን ግዝኣት ብምስፍሕፋሕ፣ ሃገራት ብምውራር ምፍኽኻር ከምዝነበረ ይሓስቡ። ካብዚ ብምቕጻል'ውን ብኣጽዋር ኩናት ጸብለልታ ምጉንጻፍ ናይ ኩለን ሃገራት ናይ ሓያልነተን መረጋገጺ ናብ ምኗን ኣምሪሑ ይብሉ። ብድሕርዚ እቲ ዘመን እንዳረቐቐ ስለዝኸደ እቲ መተፋነኒ ናይ ኢኮኖሚ ጸብለልትነት ምኗኑ ተረድኡ። ቀጺላ ዓለም ካብ ናይ ሶሻሊዝምን ካፒታሊዝምን ውድድር ወጺኣ ናብ ግሎባላይዜሽን ስለዝመጸት እቲ ምፍኽኻር ናይ ቴክኖሎጂ ጸብለልታ ኣብ ምሓዝ ኮይኑ ዓረፈ ኢሎም ደምዲሞም ኣለዉ። ናቶም እምነት እዚ ስለዝኾነ'ውን፣ እቲ ናቶም ዘመን ከምዝሓለፈን ኣብ ሓዲኡ ከይኣተዉ ስለዘምለጦምን ዘመኖም ከምዝሓለፈ ተረዲኦም ተስፋ ቆሪጾም ኣለዉ። ስለዚ ናቶም ምስልጣን፣ ብዛዕባ ዓለም ንዝውረዩ ዜናታት ተኽታቲልካ ብምድላው ጥራይ ዝግለጽ ኮይኑ ተረፈ። ወይ'ውን እቲ ካልእ ዓለም ንዘፍርዮ ውጽኢት ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ዝግለጽ ስልጣነ ሒዞም፣ ማዕረ ከምዝኾኑ ሓሲቦም ኮፍ በሉ። ምኽንያቱ ቁሩብ ክፈኻኽሩሉ ዝኽእሉሉ ዝነበረ፣ ብታሪኽን ብጥንታውነትን ኢዩ ነይሩ፣ ሕጂ ግና ብታሪኽ ምውድዳር ከንቱ ምኗኑ ስለዝተረድኡ፣ ታሪኽ ምንም ጥቕሚ ዘይብሉ ወረ ጥራይ ኮይኑን መሲሉን ተራእዮም። ስለዚ ንዒቕሞ። ብዘገርም ኩነት ግና፣ ቀደም፣ ሎሚ ኮነ ንመጻኢ እቲ መፈኻኸሪ ከምትርእይዎ ታሪኽን ንታሪኽ መሰረት ዝገበረ ነጥብን ጥራይ ኢዩ። ክሳብ ሎሚ ነዚ ስለዘይተረድኡ ኢዮም ንዓና ኩሉ ነገር ቀሊል ክኾነልና ዝኽኣለ ንማለት ኢየ። ስለዚ ክንንዕቕም ጥራይ ዘይኮነ ክንፈትዎምን ምናልባት'ውን ክንሓዝነሎም'ውን ይግባእ ይብል። ይቕሬታ ግበሩለይ ደኣምበር፣ ኣነ ግና ካብ ግዜ ቁልዕነተይ ኣትሒዘ ኢየ ኣዝየ ዝጸልኦም።

“ናብ ነጥበይ ክምለስ። እዚ ናይ ጦር ካምፕ ናይ ምቕም ተግባር ንG20 ሃገራት ኣቐዲሙ ብወግዒ ኣይተገለጸን ነይሩ። ግን ተጀሚሩ’ሎ። ናይ ግድን ክቕልጥፍ ከምዘለዎ’ውን ተፈሊጡ’ሎ። መራሕቲ ሃገራት G20 ተሳተፍቲ ትኾኑሉ ግዜኹም ስለዝኣኽለ ምጅማሩ ተረዲእኹም ተዳለዉ። ኣብ ቀረባ እዋን’ውን ናይ ስራሕ ብጽሒት ክወሃበኩም’ዩ።

“ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ጦር ካምፕ ምቕም ቀሊል መጠን ምኺኑ፣ ከቢድ ስራሕ’ውን ኣብ ውሽጡ ኣሎ። እዚ’ውን ብናትኩም ምትሕብባር ኣብ ፍጻመ ክበጽሕ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ። ናይ ጦር ልምምድ ንምግባር ብዝብል ምኽንያት ጥራይ ዘይኮነ፣ ናይ ማይን ናይ ካልኦትን ዓውዲ ልምዓትን ብዝብል ብሕውነት ዝተፈቕዱልናን ዝሓዝናዮምን፣ ዝገዛእናዮምን.... ስትራቴጂካዊ ቦታታት ኣለዉ። ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ናይ ጦር ካምፕ ምቕምን ነቲ ቦታ ከሊልካ ብምሓዝ ክትጥቀም ምኽኣልን ተራ ነገር ኢዩ። ነገር ግን ነቲ ቦታ ሒዝና ድሕሪ ምኽላል ኣብተን ዝቐጽላ ሒደት ዓመታት ብምትሕብባር እተን 20 ሃገራት ዝስራሕ ስራሕ ኣዝዩ ከቢድን ልዑል ናይ ገንዘብ በጀት ዝተመደበሉ ናይ ትሕቲ መሬትንመሬት ኩዕታ ክኸውን’ዩ። እቲ ስራሕ ምስተጠናቐቐን እቲ ናይ መእተዊ መንገዲ ምስተወድአን ነቲ ናይ ጦር ካምፕ ብወግዒ ገዲፍካ ምውጻእ ይከኣል። ብቐንዱ ኣብዚ ጉቤኤ ተረኺበ ዘለኹ’ውን ነተን ዝተለዓሉ ሕቶታት ንምምላስ ጥራይ ዘይኮነ ነዚ ውጥን’ዚ ከበስር እውን ኢየ!

“እዚ ውጥን ነቲ በዚ ሎሚ ዕለት ኣብ ኣእምሮኹምን ልቦናኹምን ብግልጺ ዝረኣኹሞ ዓወት ተፈጻሚ ንምግባር ዝረድእ ወሳንን ናይ ወሳኒ ወሳኒ’ውን ዝኾነ ኣጀንዳ ኢዩ። ጠቕላላ ዝተመደበሉ በጀት’ውን 666 ትሪልየን ዶላር ኢዩ!!” ምስበሉ፣ እቶም ነዚ ጉዳይ ዘይሰምዑ መራሕቲ ሃገራት G20 ብሓባር ናይ ምግራም ጉርምርምታ ኣስምዑ። ብጌጋ ዝጠቕስዎ ቁጽሪ መሲልዎም’ውን ብዘይምእማን ዓይኒ ኣብ ልዕሊ’ቲ ጳጳስ ኣፍጠጡ። እቲ ጳጳስ ግና ነቲ ነገር ብምቅላል ዓይነት ሓደ ኢዶም ኣልዒሎም ጉርምርምታኦም ንኽቋርጹን ነቲ ዝበሃል ዘሎ ብጽሞና ንኽሰምዑን ብዘተሓሳስብ መንገዲ ጸጥ ኣበልዎም’ሞ ቀጸሉ።

“እወ!” በሉ ልስልስ ዝበለ ፍሽኽታ እንዳርኣዩ።

“እወ! እዚ መጠን ገንዘብ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ዓለምና ክብጀት ንፋልማይ ግዜ ኢዩ። ንመወዳእታ ግዜ’ውን ኢዩ። ዘልኣለማዊ ክብሪ ነቲ ሰውራዊ ልዑልና ይኹን፣ ግን እቲ ገንዘብ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ብጥረ ኣብ ኢድና ኣሎ!...” ምስበሉ፣ ቀስ ኢሉ ዝጀመረን እንዳረሰነ ዝኸደን ዘቋርጽ ዘይመስል ጣቕዒት ነቲ ኣዳራሽ መልኡ። እቲ ጳጳስ’ውን ነቲ ጣቕዒት ብኣወንታ ብምቕባል ክሳብ ዝውድኡ ተጸበዩ። እቲ ጣቕዒት ደው ምስበለ፣

“እወ! 666 ትሪልየን ዶላር!” ብማለት ብህድኣት ደገምዎ። “ልዕሊ ፍርቂ ኳድሪልየን!” ኢሎም’ውን ወሰኹሉ።

“እዚ ገንዘብ፣ ኣንጻር መንነት ልዑልና ክርአ ኸሎ ክንዲ ሸሩፍ ሰናቲም ኣዝዩ ቀሊል ገንዘብ ኢዩ። እቲ ናይ ትሕቲ መሬት ኩዕታን ናይታ ሓዳስ ከተማ ምስረታን ማዕረ ኽንደይ ግዙፍ ፕሮጀክት ምኹኑ ክርድኣኩም ኢዩ ናይቲ በጀት መጠን ብግልጺ ዝጠቐስናዮ። እዚ ገንዘብ ብኣርባዕቲኣን ናይ ኢትዮጵያ ጎረባብቲ ሃገራት መበገሲኡ ይገብር። ካብ ኤርትራ ተበጊሱ ናብ ማእኸል ኢትዮጵያ፣ ካብ ሰሜን ሱዳን ተበጊሱ ናብ ማእከኸል ኢትዮጵያ፣ ካብ ኬንያ ተበጊሱ ናብ ማእኸል ኢትዮጵያ፣ ከምኡ’ውን ካብ ጅቡቲ ተበጊሱ ናብ ማእኸል ኢትዮጵያ ዝሳገርን ኣብ መወዳእታ ናብ ሓደ መራኸቢ ዘብጽሕን ኢዩ!!” ኢሎም ነቲ ኮፍ ዝበልዎ መንበር ብምእላይ፣ ገጾም ናብ መንደቕ ምልስ ኣቢሎም ካብ ናይ ዓንተዎ ብዝተፈለየ መንገዲ ብቐሊሉ ናይ ሓንቲ ኣጻብዕቲ ምልክት ብምርኣይ ጥራይ ነቲ ሰፊሕ ንጹር ስክሪን ወልዕዎ። ኣብዚ ግዜ ነቲ ፕላን ዝረኣዩ ተኣከብቲ ብሙሉኣም፣ ንኢድናቕት ብዝምልከት ንዝተሓገገ ስርዓት ፈጺሞም ብምጥሓስ ብኣግራሞት ኣፎም ከፈቱ። ፍርቆም’ውን ክልተ የእዳዎም ብኣግራሞት ኣብ ርእሶም ገበሩ። ገሊኣም ክሳዶም እንዳወዛወዙ፣ እቶም ዝተረፉ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ የኣዳዎም ኣብ ኣፎም ብምልጣፍ ከስደምሙ ከለዉ፣ እቶም ካልኦት ድማ ነቲ ኩነታት ብዘይምእማን ካብቲ ዝነበሩሉ ተንሲኦም ኣፍጢጦምን ፈዚዞምን ተራእዩ። ነዚ ፕላን እቶም G20 ጥራይ ዘይኮኑ ናይ G8 ኣባላት’ውን ገና ሎሚ ይርእይዎ ምህላዎም ናይ ሩስያ መራሕን እቶም ካልኦትን ብምድንዛዝ ቆይሞም ምትራፎም ባዕሉ መርትዖ ኢዩ። እቲ ንሰለስተ ደቓይቕ ዝቐጸለ ዘረባ ኣልቦ ምግራም ቀጺሉ ኸሎ’ውን እቶም ኣቡን ካብ ዝነበሩሉ ተንሲኦም፣ ፍርቂ ትርኢቶም ናብ ስክሪን ፍርቂ ትርኢቶም ድማ ናብቶም ተኣከበቲ ብምግባር ቆይሞም ኣጣቐዑ። 20 ጽምዲ የእዳው’ውን ሰዓብዎም። እቲ ኣዳራሽ’ውን ብርሱን ጣቕሚት ምስደመቐ ናይ “ኮፍ በሉ” ምልክት ተዋሂብዎም ኩሎም ናብ ኮፍ መበሊኦም ተመለሱ። እቲ ጳጳስ’ውን ካብቲ ዝጸንሐ ፍሽኽታኦም ብዝተፈለየ መንገዲ ብፍሽኽታ ደሚቐም እንዳተራእዩ ናብ ትንተንኦም ኣተዉ። እቲ ኣብ ስክሪን ዝርኣ ዘሎ ፕላን ብጽሑፍ ክገልጽዎ ዘይፍተን፣ እንተፈተኑ’ውን ኣጉል ነቲ ጽባቐኡ ምህሳስ ስለዝኸውን ንግዚኡ ገዲፍካዮ ብምሕላፍ ንመጻኢ ምስ ተንቀሳቓሲ ምስሉ ብወግዒ ምዝርግሑ ኢዩ ዝሓይሽ። ብወርቂ፣ ብብሩርን ብነሓስን ዝንደቐ ኣንጸባራቕን ደሚቕን ከተማ ይመስል። እቶም ኣቡን ቀጸሉ፣

“እዚ ትርእይዎ ዘለኹም፣ ኣብዛ ምድሪ ተሃኒጹን ተሓሲቡን ተሓሊሙን ዘይፈልጥ ትሕተቕርጺ፣ ብመሰረት እዚ ዝረኣኹሞ ፕላን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ተሃኒጹ ክውዳእ’ዩ። እዚ ፕላን ብናይ ሰብ ኢድን ኣእምሮን ዝተሃንደሰ ዘይኮነ፣ ልዑልና ባዕሉ ብኢዱ ዝሃንደሶ ኢዩ!!” ሕጂ’ውን ርሱን ጣቕሚት....።

“እዚ ትሕተ-ቕርጺ ብኣርባዕቲኡ ኣንፈታት ናይታ ሃገር ተጀሚሩ ናብ ፍጻሜኡ ክበጽሕ ከሎ’ውን፣ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለን ፍጹም ዘመናዊ ዝኾነን ሃገር ምኽን ዝኽእል ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ምድርና ንመጀምርታ ግዜ፣ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣበር ዘይብሉ ከተማ ኮይኑ ዝጠናቐቐ ኢዩ። ፍጹም ዝኾኑን ዝተማልኡን ነገራት ጥራይ ዝሓዘት ኣገራሚት ከተማ፣ ዘይባተኽ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ዘይቆራረጽ ኣዝዩ ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ብሮድ ባንድ ኣገልግሎት፣ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ጽሩይ ዝኾነ ቀረብ ዝስተ ማይ፣ ተራእዮም ዘይፈልጡ ፍጹም ድንቂ ዝኾኑ ዘመናዊ ሆቴላትን ቤት መስተታትን፣ ፍጹማትን ዘመናውን ዝኾና ኣውቶሞቢላት፣ ኣደነቕትን ረቀቕትን ዝኾና ስካይ ካር /ናይ ልዕሊ ኣየር ኣውቶሞቢላት/፣ ካብታ ዝደቐቐት ጸጸር ዝጸረየ ምቹእ መንገዲ፣ ጸቢቕምን ማዕሪነምን ብዘይምቁራጽ ንዘንተ ዕለት ዝበርሁ ናይ ጎደና መብራህቲ!! ብ ፎር ዲ ናይ ናኖ ቴክኖሎጂ ዝሰርሑ ዘመናውያን ባንክታት ወሲኽካ ኩሉ ነገር!! ኣ ኣሕዋት! ኣብ ውሽቲ እዛ ከተማ ንዘለዉ ነገራት ብናይ ሰብ ኣእምሮ ተንቲንካ ንምርዳእ ኣዝዩ ከቢድ’ዩ። ከምኡ’ውን ንርክብ መውስቦ ምቹኣት ዝኾና፣ ናይ ዓለምና ጽቡቓት ኣዋልድን ኣወዳትን ብብዝሒ ዝርከብዋ፣ ሓንቲ ኣበር ዘይብላ ፍጹም ዝኾነት ምችእቲ ከተማ ኢያ! ክብሪ ነቲ ፍትሓውን ጥበበኛን ልዑልና ይኹን! ላዕልን ታሕትን ከይበልና ንነብረላ ናይ ፍጹም ባህታ መጎናጸፊት ከተማ ኢያ ኣሜን!!?”

“ኣሜን!!”

“እዚ ጥበብ ናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድ ኮይኑ ንዓና ተገልጸ! ንዓና ተዋህበ! ኣብዛ ከተማ ዘይህሉን ዘይርከብን ሓደ ነገር ጥራይ ኢዩ!! ንሱ’ውን “የለን” ዝብል ቃል ጥራይ!” ምስበሉ፣ እቲ ኣብ ልዑል ሓጎስ ተዋሒጡ ዝጸንሐ መራሒ እንግሊዝ ተንሲኡ ኣጣቐዐ፣ ካልኦት’ውን ሰዓብዎ። ከምብሓድሽ’ውን ኮፍ በሉ።

“ብሓጺሩ ኣብ ውሽጢ እዛ ከተማ፣ ኣብ ምድርና ናይ መጀመርያ ዝኾነ ፍጹም ዘመናዊ ናይ ጦር ካምፕ ዝምስረተሉ እኳ እንትኾነ፣ ከም ምድራዊ ኩናት ብኢድ ሰብን ተሽከርከርትን ዝካየድ ዘይኮነ፣ ኣብ ዝጸበቐ ምቹእ መንበርናን መንበርኩምን ኴንና ብኣጻብዕትና ጥራይ “ክሊክ” እንዳገበርና ንትኩሶም ረቀቕትን ተወንጨፍትን ኣጽዋር ውግእ ጥራይ ኢዮም ናብ ውሽጣ ዝኣትዉ። ንሕናን ካልኦት ሹማምንትን መምርሒታት ንህበላ ካምፕ’ውን ኢያ! ናይቲ ናይ ፍጻሜ ዓወት መምርሒ መመሓላለፊትን መኽዘን ኣጽዋር’ውን ኢያ። ንላዕለዋይ ክፋል ናይታ ከተማ ከይጨለፉ ናይ ዝሓልፉ ሮኬታት መወንጨፊት’ውን ኢያ። ናይታ ከተማ ስያመ፣ እቲ ትሕተ-ቕርጺ ምስተዛዘመ ኣብ ቅንያቱ ብልዑልና ብወግዒ ክሕበር’ዩ።

“ናይዛ ድምቕትን ድንቅን ዝኾነት ከተማ ፍጻመ፣ መግለጺ ናይቲ ንፀ8 ሽሕ ዓመት ዝጸንሐ ምድላዋት ልዑልናን ናይ ምድላዋቱ መዛዘሚትን ኢያ። እቲ ትሕተ-ቕርጺ ክሳብ ዝዛዘም’ውን ኣብዚ ጉባኤ ዘለኹም ጥራይ ትፈልጥዎን ተተግብርዎን ክኸውን ከሎ፣ ሚስጥራውነቱ’ውን ኣብዚ ጉባኤ ጥራይ ተወሲኑ ዝተርፍ ኢዩ። ምስተዛዘመ ግና ናይ ቁጽሪ ክልተን ቁጽሪ ሰለስተን ኣባላትና በብደረጅኦም ተመሪጾም ይኣትውዋ። ስለዚ እቲ ናይ ፍጻሜ ውግእ፣ ተዛኒናን ምስ ርግጸኛነትን ዝካየድ ደኣምበር፣ ብስግኣት፣ ብፍርሃት፣ ብላዕልን ታሕትን ብምንቅጥቃጥን ኣይኮነን። እዚ ካብ ዶባት ናይ ኣርባዕተ ሃገራት ኣፍሪቃ ተበጊሱ መራኸቢኡ ኣብ ማእኸል ኢትዮጵያ ዝገብር ድንቂ ከተማ፣ ብናይ ሰብ ጉልበት ጥራይ ኣይኮነን ዝህነጽ። ናይ ልዑልና እሙናት መንፈሳውያን ወተሃደራትን ጥበበኛታትን ነቲ ስራሕ ብመሪሕነት ከካይድዎ ኢዮም። ካብ ናይ ኩልኹም ሃገራት ዝተዋጽኡ ክኢላታት ህንጻን ቅርጻ ቕርጽን ድማ ብኻልኣይ ደረጃ ተመዲቦም ነቲ ስራሕ ከካይድዎ ኢዮም። ኣቐዲምና ኣባላት ዝገበርናዮም ናይ ምድርና ብዓልሞያታት ንግዚኡ እቲ ቦታ ኣበይ ምኻኑ ኣይነገሮም ደኣምበር እቲ ትሕተ-ቕርጺ ተገሊጹሎም ስርሖም ንምጅማር ምድላዋቶም ዘጻፈፉ ክኾኑ ከለዉ፣ ኣብ ውሽጢ ሒደት ኣዋርሕ’ውን ነናይ ባዕልኹም ቁጽሪ ሓደ ብዓልሞያታት እንዳመልመልኩም ኣብ ተመሳሳሊ ገለጻ ከተካትትዎም ኢኹም።

“እቲ ትሕተ-ቕርጺ ዝወስዶ ግዜ 10 ዓመት ክኸውን ተወጢኑ’ሎ። ዓበይትን በዓልሞያታትን ዝኾኑ እሕዋትና ኣብ ሰሙን ኮነ ኣብ ወርሒ ብዝልገሰሎም ጥበብ እንዳተመላለሱ ምስ ቤተሰቦም መታን ክራኸቡ ወሲንና’ለና። ብኻልእ ኣገላልጻ ንናይ ፊልድ ስራሕ ከምዝወጹ ደኣምበር ኣብ ዘይፍለጥ ዓለም እሱራት ኮይኖም ክነድቁ ክነብሩ’ዮም ኢልኩም ብፍጹም ከይትሓስቡ። ልዑልና ናይ ናጽነት ልዑል ስለዝኾነ፣ በሪሮም ከይዶም በሪሮም ክምለሱ’ዮም። ነገር ግን ነቲ ትሕተ-ቕርጺ ካብ ዘድልዩና 666ሽሕ ሰባት እቶም 66ሽሕ ጥራይ ኢዮም እቲ ሚስጥር ዝንገሮም። ንሳቶም’ውን ናይ ልዑልና እሙናት ኣባላትና ዝኾኑን ኣቐዲምና ዘዳለናዮምን ኢዮም። እዞም ሰባት ቅድሚ እቲ ህንጸት ኮነ ብድሕሪ እቲ ህንጸት ናትና ኮይኖም ዝቕጽሉን፣ ኣብ ግዜ እቲ ምህናጽ’ውን ነጻ ምንቅስቓስ ክገብሩ ዝኽእሉ ይኾኑ። እቶም 600 ሽሕ ግና ኣባላትና ዘይኮኑን ነቲ ትሕተ-ቕርጺ ጥራይ ንጥቀመሎምን፣ እቲ ትሕተ-ቕርጺ ምስተወድአ’ውን ንኣልዮም ክኾኑ’ዮም። እዞም ሃነጽቲ ንምንታይ ምኽንያት ይህነጽ ከምዘሎ ኣይፈልጡን’ዮም፣ ክሓቱ’ውን ኣይክእሉን። እንተሓተቱ’ውን መልሲ ኣይረኽቡን። ናብ ግዳም ክወጹ’ውን ኣይፍቀደሎምን። ኣብ ውሽጢ ግና ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝዳለወሎም ገፊሕ መዕረፊ ከምልቦም እንዳተሓጎሱ፣ እኹል ገንዘብ እንዳተኸፈሎም፣ ዝደልይዎ ነገራት ኩሉ እንዳተማልኣሎምን ከም ካልኦት ሰራሕተኛታት ግዜ ዕረፍቲ እንዳተዋህቦም ሕንቁቕ ናብራ ክነብሩ ይኽእሉ። ዝጎድሎም ሓደ ነገር ጥራይ ክኸውን ከሎ

ንሱ ድማ ክወጹ ዘይምኽኣሎም ኢዩ። ኣብተን ዘለዋ ዓሰርተ ዓመታት ግና ቢልዮነራት ዓለምና ነቢሮሞ ዘይፈልጡ ዓይነት ምቹእ ናብራ እንዳነበሩ ነቲ ትሕተ-ቕርጺ ይቕጽሉ። ነቲ ስራሕ ኣብዘካይዱሉ ግዜያት ብሙሉኡ፣ ዘመናዊ መሐንበሲ ካብ ዘማልአ መንበሪ ገዛ ጀሚሩ ክሳብ ዝደልይዎ ዓይነት ናይ መስተ፣ ናይ ጽቡቕት ደቀንስትዮን እቶም ኣብ ዓለም ዘልዉ ነገራትን ብሙሉኡም ክማልኡሎም'ዮም። ኩሉ ዓይነት ኣገልግሎት ብዘይ ደረት ዝረኽቡሉ ክኸውን ኢዩ። 666 ሽሕ ሰብ ማለት ህዝቢ ናይ ሓንቲ ንእሽቶ ሃገር ማለት'ዩ። እዞም ሰባት ካብ ኩለን ሃገራት ተዋጺኦም ዝርከቡ ክኾኑ ከለዉ፣ ወድን ጓልን ኮይኖም ዝምደቡ ኢዮም። ሃገራት፣ ዜጋታትኩም ኣዋጽኡ ተባሂልኩም ኣይትግደዱን። ኣብ ሃገራት ዓለምና ኣብዝርከቡ ቤት ማእሰርትታት ዘለዉ እሱራት እቶም ቀንዲ ሓይሊ ሰብና ኢዮም። ናይ ዓሰርተ ኮነ ዓሰርተሓሙሽተ ዓመት፣ ናይ ዕስራ ኮነ ንሕልፊት ዝተፈረዱ ተኣረምቲ ሕጊ ማዕከን ብምግባር፣ ድልዱላትን ናይ ሞያ በዓልቤት ዝኾኑን እሱራት መንእሰያት ተሓርዮም፣ ብድሌትን ብፍቓደኛነትን ናይ ዓውዲ ስራሕ ከምዘሎ ይንገሮም። እንተሰሪሖም ተኽፈልቲ ናይ ጽቡቕ ደሞዝ ከምዝኾኑ ብምግላጽን ዝሓሸ ናጽነት ዘለዎ ቦታ ምኻኑ ብምንጋር ብስምምዕ ኣፈሪምና ስራሕ ንቕጽሮም። እቲ ትሕተ-ቕርጺ ኣብ ሓንት ሃገር ዝርከብ ናይ ኖርማል ልምዓታዊ ስራሕ ከምዝኾነ ጥራይ ይግለጸሎም። መተሓዳደሪ ሕጊ ይንገሮም። በሊዖም፣ ሰትዮም፣ ተዘናጊዖምን ብናጽነት ነይሮምን ልዕሊ እኹል ዝኾነ ውህሉል ገንዘብ ይህልዎም። እዞም ካብ ኩሉ ዓድታት ዝእከቡ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ፣ በዓልሞያ ኮኑ ኣይኮኑ ንዓና ለውጢ'ኳ እንተዘይሃለዎ ዝሓሹ እንተኾኑ ኣይከፍእን። ምኽንያቱ ነቲ ናይ ጉልበት ስራሕ ጥራይ ኢና ንደልዮም። ኣድላዩ ኮይኑ እንተተረኺቡ ጥራይ፣ መጠነኛ ዝኾነ መግለጽን ስልጠናን እንዳተዋሃቦም ነቲ ስራሕ ከካይድዎ ኢዮም። ኣብዚ ዝኾነ ነገር ክደናገረኩም የብሉን። ምኽንያቱ ንሰብ ዘይከኣል ንልዑልና ይከኣሎ'ዩ። ስለዚ ኩል ቀሊል ኢዩ። እቲ ቴክኖሎጂ'ውን ኣሎ። ኣብ ኩለን ሃገራት ዘለዉ ናይ ሕጊ እሱራት ክምረጹ ከለዉ ግን ናይ ኣፍሪቃ እሱራት ምጽንባር ኣድላዩ ስለዘይኮነ ኣይክካተቱን ኢዮም። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘለዉ እሱራት ዝተሓረዩሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ክወጹ ዘይኽእሉ ተኣረምቲ ብምኻኖም ጥራይ ከምዝኾነ፣ ገይሮም ክግንዘብዎ ስለዘኽእል ኢዩ!!" ምስበሉ፣ እቶም መራሕቲ እንተ ነቲ ኣቡን እንተ ነቲ ውጥን ወይ ነቲ ልዑሎም፣ ጥራይ ግን ነታ ናይ መወዳእታ ሙሉእ ሓሳብ ኣድኒቕም ይመስል ከቢድ ርሱን ናይ ሓባር ጣቕሚት ሃቡ። እቶም ኣቡን'ውን ነቲ ኣድናቕታዊ ጣቕሚት ብስምምዕ ተቐቢሎም ብፍሽኽታ ቀጸሉ።

"ኣብ ዝቕጽል ሓደ ወርሒ ኩሉኹም ሃገራት ኤውሮጳ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ናይ ብሕትን መንግስታውን ኣብያተ ማእሰርትኹም ዘለዉ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ መጽናዕቲ ኣካይድኩም ንመራሒ ኣሜሪካ ርፖርት ከተቕርቡ ኢኹም። ንመራሕቲ ካልኦት ሃገራት'ውን ንልምዓት ማዕድን ብዝብል፣ ብወግዒ ኣብ ዝተነድፈን ብወግዒ ኣብ ዝጅመርን ስራሕ ዓቕሚ ሰብ

ከምትደልዩ፣ እንተኣቕሪቦሙልኩም ከኣ ንመንግስታቶም ናይ ስራሕ ቀረጽ፣ ነቶም እሱራቶም ድማ ሙሉእ ዋሕስን ግቡእ ክፍሊትን ከምትፍጽሙ ብምሕባር፣ ነቲ ሰባት ናይ ምዕዳግ ስራሕ ብመንገዲ ኤውሮጳን ዩንየን ትጅምሩ። ኣብ ዝቕጽሉ ሒደት ግዜያት ኩሎም መራሕቲ ካልኦት ሃገራት በብደረጀኦም ብኣባልነት ክጽንበሩና ስለዝኾኑ ናይ መጻኢ ነገር ኣየተሓሳስብኩም።

“እምበኣር… እዞም ተኣረምቲ ዝህልዎም ግዜ 10 ዓመት እኳ እንተኾነ፣ 100 ዓመት ነቢሮም ዘይረኽብዎ ሓጎስ ኣብተን 10 ዓመታት ናብርኦም ከስተማቕሩ ዝኽእሉ ኢዮም። ክሳብ ዘለዉ፣ ነቲ ሰሪሑም ዝረኽብዎ ገንዘብ’ውን ብሕጋዊ መንገዲ ንፈተውቶምን ኣዝማዶምን ናይ ምልኣኽ፣ ንዝደለይዎ ሰብ ናይ ምርዳእ ኣብ ዝደለይዎ እዋን ንፈተውቶምን ኣዝማዶምን ቴሌፎን ናይ ምድዋል፣ ኩሉ ነገር መሰሎም ኢዩ። ሰብኣዊ መሰላቶም’ውን ዝተሓለወ ኢዩ። እቲ ትሕተ-ቕርጺ ምስተጠናቐቐ ግና ናይ ግድን ክእለዩ ዘለዎም ኢዮም። እዚ ማለት ፍትሓውነት ዘይብሉ ኣሰራርሓ ስለዝኾነ ኣይኮነን። እዚ ክኸውን ዝግብኦ ብሰንኪ ክልተ ምኽንያት ኢዩ። እቲ ቀዳማይ ሚስጥራውነቱ ክኸውን ከሎ፣ ካልኣይ ድማ እቶም 600 ሽሕ ነብሳት ንመስዋዕትነት ልዑልና ዝውዕሉ ክኾኑ ስለዘለዎም ኢዩ።

“ናይቲ ትሕተ-ቕርጺ ግስጋሰን ኣፈጻጽማን ብሓጺሩ ነዚ ክመስል ከሎ፣ ካብ ሃገራት ነፍስ ወከፍኩም ንጽበዮም ቀረባት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ድማ፣ ካብ ጽባሕ ጀሚሩ ኣብ ናይ ነፍስ ወከፍ ቤተመንግስትኹም ውልቃዊ መምርሕን ዝርዝር ኣፈጻጽምኡን ዝሓዘ ሪፖርት ክወርደልኩም ኢዩ። እዚ ክበሃል ከሎ ንጨረታ ኮነ ንመደበኛ ዕድጊ ወይ’ውን ኣቕርቦት ብዝምከት ዝግበር ነገራት እቲ ግቡእ ክፍሊት እንዳተኸፈልኩም እትፍጽምዎ ደኣምበር ብነጻ ትገብርዎ ኣይኮነ። ኩሉ ነገር ሕጋዊ ኢዩ። ካብ ካልኦት ፕሮጀክታት ፍልይ ዘብሎ ሚስጥራውነቱ ጥራይ ኢዩ። ካልእ… እዚ ዝኣክል መጠን ገንዘብ ናብ ዓለምና ሰቲኹ ምእታዉ ኣየተሓሳስብኩም። ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገር ኢኮኖሚ ከይተዛብዐ ከምዘለዎ ኮይኑ ኢዩ ክቕጽል። እቲ ቀረብ ኣብ ውሽጢ ግራውንድ ኢዩ፣ ናይቲ ገንዘብ ፍሰት’ውን ብዋናነት ብመንገዲ እቲ ሰራሕተኛ ኣብኡ ኣብ ውሽጢ ግራውንድ ኢዩ ወጻኢ ክኸውን። ካባኹም ንጽበዮ መጠን ምህርትኹም ምውሳኽን ኢኮኖሚኹም ምድላብን ኢዩ። ምህርትኹም ሼጥኩም ኢኹም ነቲ ገንዘብ ትረኽብዎ። ሓጺን፣ ሰሚንቶ፣ ገመዳ ገመድ፣ መግቢ፣ ኣልባሳት፣ ዊስኪ፣ ወዘተ… ዝዕደግ ብሕጋዊ መንገዲ ካብ ኩለን ሃገራት ኢዩ። ስለዚ ብዘይ ኣገባብ ናብ ዓለም ሰቲኹ ዝኣቱ ገንዘብ የለን። ልዑል ዕቤት ግን ክህሉ ኢዩ። ብኽምዚ ዓይነት ኩነታት እቲ ናይ ጦር ካምፕ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ቀንዲ ማዕከን መኣዘዚ ነቕጣ ተሓኒጹ ይውዳእ። እቲ ፋይናንሳዊ ትካል ይምስረት። ሕዝቢ ኢትዮጵያ ኮነ ኩሉ ሕዝብን መንግስትን ዓለም ንሕና ብዝመረጽናዮ መንገዲ ይጓዓዝ። ብዝኾዓትናሉ ካናለ ድምጺ ከየስምዐ ርግእ ኢሉ ይፈስስ…። ክብሪ፣ ዓወት፣ ንግስነትን ሓያልነትን ናይ ልዑልናን ናትናን ክኸውን’ዩ!!

“ፈረነሳይ” ክብሉ ቀጸሉ። “ሓቂ’ዩ ብዛዕባ ምንቅስቓሳትና ዝጥቁሙ ዝተወሰኑ ሓበሬታታት በብግዚኡ ይልሕኹ እዮም። ይኹን ደኣምበር እቲ ብወግዒ ዝወጽኡ ዘለዉ፣ ንሕዝቢ ዓለም ዋላሓንቲ ክነግሩ ዘይክእሉ ነገራት ኢዮም። ነቲ ናይ መወዳእታ ጎልን ኣፈጻጽምኡን፣ ከምኡ’ውን ነቲ ፍጻሜን ግና ልዑልና፣ ኣነ፣ ንስኹምን ናይ ልዑልና መንፈሳውያን ወተሃደራትን ጥራይ ኢዮም ዝፈልጥዎ። ንኣብነት እቶም ህቡባት ዓለምለኻዊ ተፈላጥነት ዘለዎም ደረፍቲ ከከም ደረጅኡም ሰዓብቲ ልዑልና ምኽኖም ብወግዒ ተፈሊጡ’ሎ። ኣብ ኣደባባይ ስለዘምልኽዎ ምንም ሚስጥር ኣይኮነን። ብዛዕባ’ታ ሓዳስ ዓለም’ውን ብተደጋጋሚ ይንገርን፣ ይጽሓፍን። እቲ new world order ዝብል ዕላማና’ውን ብወግዒ ይፍለጥ’ዩ። ብዛዕባ ኢሉሚናቲ’ውን ብወግዒ ይፍለጥ’ዩ። ናይ ማይክል ጃክሰን፣ ናይ ዊትኒ ሂውስተንን ናይ ካልኦት ተራ ተራ ኣባላትናን ኣቀታትላን ኣማውታን ብወግዒ ወጺኡ’ሎ። ካልእ ይትረፍ ኣነ ባዕለይ ምስታ ኒኪ ሚናጅ /nicki minaj/ ዝተባህለት ተራ ኣባልና ኮይነ ናይ ግራሚ ኣዋርድ ኣብዝረኸበትሉ መዓልቲ፣ ምስኣ ሓቢረ ከምዝነበርኩን ንደስታኣ’ውን፣ ተኻፋሊ ናይቲ በዓል ከምዝነበርኩን፣ ኣለባብሳይን ኣለባብሳኣን ምስ ኣምልኾ ልዑልና ዝተሓሓዝ ኮይኑ ከምዝተዳለወ፣ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ሕዝቢ ዓለም ብወግዒ ይፍለጥ’ዩ።

“ኣለባብሳይን መስቀል ኣተሓሕዛይን፣ ናይ ልዑልና ሰላምታ ኣወሃህባይ፣ ምስ መራሕቲ ርክብ ምግባረይን ብዛዕባ እታ ሓዳስ ዓለም ንዘሎ ሓሳብ ደጋፊ ምኽነይን ይፍለጥ’ዩ። ናይ ተመሳሳሊ ጾታ ርክብ ከምዝገብርን ናይቶም ከምኡ ዝገብሩ ኣሕዋት ደጋፊ ምኽነይን ብጋህዲ ይፍለጥ’ዩ። ኩሉ፣ ክደግሞ’የ ኩሉ ምንቅስቓሳት ይፍለጥ’ዩ። ናይ ሉሱፈል ሰዓብቲ ምኽንና ይፍለጥ። መብዛሕትና ናይ 666 ኣባላትን መራሕትን ምኽንና እንዳተንተኑን ብናይ ፎቶግራፍ መርትዖ እንዳሰነዩን ንሕዝቢ የቕርብዎ። ምልክት ናይቲ ኣራዊት ብዝብል’ውን ክርስቲያናት ንዓናን ነቲ ናይ መጽሓፍ ትንቢትን እንዳገጣጠሙ ይዝርዝርዎ። ን “ተጠንቀቑ” ዝብል መተሓሳሰቢ’ውን ይግልገሉሉ። ካልእ ይትረፍ ናይ ማይክሮ ችፕ ኣገጣጥማ ባዕሉ ብወግዒ ዝትግበር ዘሎን ብመንገዲ እቲ ሓውኹም ዝኾነ መራሒ ኣሜሪካ “ክሳብ 2017 ዓ.ም ኩሉ ሕዝቢ ኣሜሪካ ማይክሮ ችፕ ኣብ ኢዱ ከግጥም ኣለዎ” ዝብል መምርሒ ክመሓላለፍ ከሎ ኣብ ናይ ዓለም ማዕከናት ዜና ብወግዒ ተዘርጊሑሎ። እዚ ከም መጀመርን ... ንስነልቦና ናይቲ ሕዝቢ ንምምርማርን ዝገበርናዮ ኣዋጅ ኢዩ። ኣብቲ ዝተባህለ ናይ ግዜ ገደብ ሙሉእ ብሙሉእ ተግባራዊ ከይኮነ እንተተሪፉ ከይትድነቑ። ብዙሕ ከይጸንሐ ግና ነቲ ዘየማትእ ማይክሮ ችፕ ናይ ምግጣም ተግባር ብሕጊ ብዝተወሰነ መልክዑ ኩሉ ይቕበል። እዚ ኩሉ ንሕና ደሊናን ፈሊጥናን ንትግብሮ ነገር’ዩ። ምኽንያቱ ናይ ግድን ስለዝኾነን ሕዝቢ ዓለም ክተርፈሉ ዘይክእል ሓቂ ስለዝኾነ፣ ክፈልጥን፣ ክርዳእን ክዳለወሉን ስለዘለዎ ኢዩ። ስለዚ እቲ

ዋና ሕቶን ሚስጥርን ንሱ ኣይኮነን። እቲ ዋና ሚስጥር so what? ዝብል ኢዩ። እወ፣ ስለዚ እንታይ'ሞ? ሆይ ሆይ ሆይ ሆይ ይብሉ ይባሃል፣ እቲ ጳጳስ፣ መራሒ ኩስቶ፣ 666፣ ገለመለ.... ነቲንግ! ምንም! ከማነይ ናይዞም ተንተንቲ ኣተሓሳስባ ብጣዕሚ'ዩ ዘስሕቕኒ። ሐራይ... ንኣብነት... መራሕቲ ተሓባቢሮም ነታ ሓዳስ ዓለም ንምምስራትን ኣብ ትሕቲ ሓደ ኣገዛዝኣ ንምግባርን ይኣልሙ'ለዉ ይብሉ፣ ደረፍቲ ብሙሉኣም'ውን ናይቲ ሚስጥራዊ ማሕበር ኣባላት'ዮም፣ ወዘተ..... ይብሉ። ኣባላት ኢሉሚናቲ ነታ ሓዳስ ዓለም ንምምስራት፣ ከምዝን ከምትን ይገብሩ'ለዉ፣ ኣርማኣም ኮኾብ ኢዩ፣ ፒራሚድ'ዩ፣ ይተኣኻኸቡ'ለዉ ይባሃል። ሐራይ ንሕና'ውን ከምቲ ንሶም ዝበልዎ ነታ ሓዳስ መንግስቲ ዓለም መስሪትናያ ንበል። በቃ? ሐራይ ንኹሉ ኣባል ጌርና ነታ ሓዳስ ዓለም መስረትናያ፣ ኣብ ትሕቲ ሓደ ኣገዛዝኣ'ውን የእቲናያ ንበል። በቃ? ሐራይ ምስ መስረትና ድማ ንኹሉ ሕዝቢ ናይ 666 ኣርማ ሓቲምናሉ ንበል። በቃ? ሐራይ ንሃይማኖት ብሓይሊ ቀዪርና ወይ ኣጥፊእና ንበል። በቃ? ሐራይ ንዓለም ኣብ ትሕቲ ሓደ ልዑል ኣጠቓሊልናያን ኣግዚእናያን ንበል። በቃ? ሐራይ በቲ ዝሓሰብናዮን ዝወጠንናዮን መንገዲ ንኹሉ ናብቲ ንደልዮ መስመር የእቲናዮ ንበል። በቃ? ሐራይ እቲ ዝኣምን ኣመነ፣ እቲ ዘይኣምን ከኣ ተጠንቂቑ ጸንሐ ንበል። በቃ? ሐራይ ኣብ ከምዚ ኩነታት ከለና እቲ ናይ መወዳእታ ኩናት ኣርኪቡ ንበል። እቲ ውግእ'ውን ተኻይዱ ዝሰዓር ተሳዒሩ፣ ዝዕወት ከኣ ተዓዊቱ ንበል። በቃ? በቃ እዚ ኢዩ ትንተናኣም? ስለዚ የስሕቕኒ ኢዮም። ገለ ጸወታ ንጻወት ከምዘለና ብዙሓት ይፈልጡ'ዮም። ዝፈልጥዎ ግና ነቲ ጸወታ ደኣምበር ነቲ ጎል ኣይኮነን። ስለዚ ጎል ዘይብሉ ጸወታ ኩዕሶ ንጻወት ዘለና ይመስሎም። ስለዚ... የስሕቕኒ ኢዮም። ብድሕሪኡ'ኸ? እንታይ'ዩ እቲ ዝቕጽል ነገር? ኢሎም'ኳ ኣይሓቱን'ዮም። ምናልባት ኣዝዮም ፈለጡ ወይ'ውን ጠርጠሩ ዝበሃሉ ናይ መወዳእታ ውግእ ከምዝካየድን ልዑልና'ውን ከምዝሰዓር፣ ብድሕሪኡ ኩሉ ከከም ሃይማኖቱ እዛ ምድሪ ጠፊኣ ካልእ ሓድሽ ህይወት፣ ሓድሽ ገዛኢ ምድሪ፣ ሓድሽ ገለመለ ክትካእ'ዩ ዝዓይነቱ ሃይማኖታዊ ግንዛበ ኢዩ ዘለዎም። ናይ ኩሎም ሊቃውንቲ ሃይማኖትን ምእመናንን ኣተሓሳስባ ካብ'ዚ ኣይሓልፍን። ሓደ ነገር ጥራይ ግና ኣይፈልጡን፣ እቲ ውግእ ስለምንታይ ከምዝካየድ!! እቲ ውግእ ስለምንታይ ከምዘድለየ!! ናይቲ ተዓዋቲ ኣካል መኽሰብ እንታይ ከምዝኾነ!! ርኢኹሞ'ዶ እቲ ነጥቢ? "ብድሕሪኡ'ኸ?" ዝብል ሕቶ ጥራይ ኢዩ ሚስጥር ኮይንዎም ዘሎ። ነዚ ኹሉ ተራ ተራ ዝኾነ ጉዳያት ዝተዛረቡ፣ ዝጸሓፉ፣ ዝዘርግሑን ዝሰበኹን ሰባት ብሙሉኣም፣ ነታ ሓንቲ ዘይፈለጥዋን ክፈልጥዋ ዘይብሎምን ነገር፣ ክዛረብዋ፣ ክጽሕፍዋ ኮነ ክዝርግሕዋ ኣይክእሉን'ዮም! እታ ናይ መወዳእታ ጎል ኢትዮጵያ ምኳና! ናይታ ሓዳስ ዓለም ምምስራት፣ ነታ ኣም ህይወት ንምጉንጻፍ ተባሂሉ ዝተኣለመ ምኳኑ! እቲ ናይ

መወዳእታ ኩናት ኣብ መንጎ ልዑልናን ናይቲ ተቓናቓኒና መንፈሳውያን ሓይልታትን ክካየድ ከሎ፣ ንሕና ንልዑልና ብኒውክሌር ከምንሕግዞ! ነዚ መንም ኣይፈልጦን'ዩ። ነዚ ውግእ'ዚ ተባሂሉ፣ ሓድሽ ናይ ትሕቲ መሬት ከተማ ይህነጽ ከምዘሎ ዝፈልጥ ኣሎ? ወይስ ከምተን ዝዘርዘርክወን ተራ ናይ ዜና ጸብጻባት፣ ነዘን ጎላት እዚኣን ከቃልሑ ከለዉ ዝሰምዐ ኣሎ? መልሱለይ!"

"የለን!!" ናይ ሓባር ድምጺ...።

"ንመጻኢ'ኽ ነዚ ዝፈልጥን ዝዛረብን ኣሎ?"

"የለን!" እጂ'ውን ናይ ሓባር ድምጺ.....።

"ብሓቂ ናይዚ ኩሉ ርብርብ ኢትዮጵያ ምኺና ዝፈልጥ ኣሎ?"

"የለን!"

"ኣም ህይወት ኣብ ኢድና ንምእታው ተባሂሉ ዝካየድ ዘሎ ናይታ ሓዳስ ዓለም ምስረታ

ምኺኑ ዝርዳእን ዝተረድኣን ካልእ ኣካል ኣሎ?"

"የለን!"

"ልዑልና ነቲ ውግእ ብዓወት ደምዲሙ ዘልኣለማዊ ከምዝገብረና ዝፈለጠ ኣሎ?"

"የለን!"

የለን!.... የለን.... የለን.... የለን.... ዝብሉ መልስታት ኣብ ውሽጦም ዝሓዙ ብርክት ዝበሉ ተመሳሳሊ ሕቶታት ተለዓሉ'ሞ "የለን" ዝብል ናይ ሓባር ምላሽ ተዋህቦም።

"እወ! እቲ ጭብጢ እዚ ጥራይ ኢዩ!" ኢሎም፣ ካሳብ ሕጂ ካብ ዝተዛረቡሉ ዕጽፊ ብዝኾነ ድምጽን ብልዑል ኣውያትን መግለጺኦም ቅድሚ ምቕጻሎም ተንሲኦም ኣብቲ መድረኽ ገፈፍ ገፈፍ ደሕሪ ምባል፣ ጀመሩ።

"ከምቲ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱሶም ብዛዕባና ብግልጺ ተጻሒፉ'ሎ። ኣብ ራእይ ዮሃንስ ምዕራፍ 13 ካብ ቁጽሪ 7 ክሳብ 18 ዘሎ ከንብበልኩም።

"ምስቶም ቅዱሳት ውግእ ክገብርን ክስዕሮምን ከኣ ተዋህቦ። ኣብ ልዕሊ ኩላቶም ዓሌታትን ህዝብን ቋንቋታትን ኣህዛብን ድማ ምልኪ ተዋህቦ። እቶም፣ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ፣

ስሞም ኣብቲ ናይቲ ዝተሓርደ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት ዘይተጻሕፈ፣ ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ኩላቶም ክሰግዱሉ ኢዮም። ሰብ፣ እዝኒ ደኣ እንተ ኣልያቶ፣ ይስማዕ። ዝማረኽ እንተሎ፣ ተማሪኹ ይኸይድ፣ ብሰይፊ ዝቕተል እንተሎ፣ ንሱ ብሰይፊ ክቕተል ይግብኡ። ናይቶም ቅዱሳት ትዕግስትን እምነትን ኣብዚ እዩ ዘሎ። ሓደ ካልእ ኣራዊትውን ካብ ምድሪ ክወጽእ ከሎ ርኤኹ። ናይ ገንሸል ዝመስል ክልተ ቐርኒውን ኣለዎ። ከም ገበል ከኣ እዩ ዝዛረብ። ኣብ ቅድሚኡ ድማ ብዘሎ ስልጣን እቲ ቐዳማይ ኣራዊት ይገብር። ንሱ ነቲ እታ ቕስሊ ሞቱ ዝሓወየትሉ ቐዳማይ ኣራዊት ከኣ ምድርን እቶም ኣብኣ ዝነብሩን ከም ዝሰግዱሉ ይገብሮም። ኣብ ቅድሚ ሰብሲ ሓዊ እኳ ኻብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኽሳዕ ዜውርድ፣ ዓበይቲ ትእምርቲ ይገብር። ነቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩውን፣ ነቲ ብሰይፊ ተወቒዑ ዝቐሰለ እሞ ዝሓወየ ኣራዊት፣ ምስሊ ኺገብሩሉ እናበለ፣ በቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣራዊት ኪገብሮ እተዋህቦ ትእምርትታት፣ ነቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩ የስሕቶም ኣሎ። ምስሊ እቲ ኣራዊት ምእንቲ ኺዛረብን፣ ነቶም ንምስሊ እቲ ኣራዊት ዘይሰገዱ ዘበሉ ኹላታም ምእንቲ ኬቕትሎምን ከኣ ንምስሊ እቲ ኣራዊት ትንፋስ ክህብ ተዋህቦ። ንኹላቶም ከኣ፣ ነቶም ነኣሽቱን ዓበይትን፣ ንሃብታማትን ድኻታትን፣ ንጭዋታትን ባሮትን ኣብ የማናይ ኢዶም ወይስ ኣብ ግምባሮም ማሕተም ከም ዝቕበሉ ይገብር ኣሎ። ሓደ እኳ ማሕተም ስም እቲ ኣራዊት ወይስ ቁጽሪ ስሙ እንተ ዜበሉ፣ ኪዕድግን ኪሸይጥን ከም ዘይኽእል ይገብር። ጥበብ ኣብዚ እያ ዘላ። ቁጽሪ እቲ ኣራዊት ብቁጽሪ ሰብ እዩ እሞ፣ ኣእምሮ ዘለዎ ይጸብጽቦ። እቲ ቕጽሩ ኽኣ ሹድሸተ ሚእትን ስሳን ሹድሸተን እዩ።” ይብል። እዚ’ሞ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ ኢዩ። ካልእ ተሪፉ እዚ ተኣኪብናሉ ዘለና ናይ ኒውዮርክ ኣዳራሽ ናይ ሉሱፈል ዋና መንበር ከምዝኾነ ይፍለጥዩ! ትርጉሙ’ውን 666 ምኻኑ ይፍለጥ’ዩ! ተመልከቱ፣” ብማለት ነቲ ስክሪን ወሊያም ኣርኣዩዎም።

“ኣቐዲምና ብዘዳለናዮ መሰረት፣ ብርክት ዝበሉ ስያመታት ብናይ ላቲን ቁጽሪ ፊደላት ምስ ጎልና ዝተተሓሓዘ ትርጉም ከምዝወሃብ ጌርና ኢና ኣዳሊናዮ። ንኣብነት A ቁጽሪ 1 ፣ B ቁጽሪ 2 ፣ C ቁጽሪ 3 ፣ D ንቑጽሪ 4 እንዳወከለ ካሳብ Z ይኸይድ። ንሕና ንሰምዮም ኣስማት ስፔሊንጎም ናብ ቁጽሪ ተቐይሩ ብሹዱሸተ እንዳተራብሐ ይቕጽል’ሞ፣ ድምር ውጽኢቶም 666 ይኸውን። ነዚ ድማ ዝኾነ ናይ መዋእለ ሕጻናት ተማሃራይ ከይተረፈ ብቐሊሉ ዝበጽሖ ኢዩ። ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገበርና ግና ዝፈለጠን ብሕጂ ዝፈልጥን የለን። ነዚ ኤለመንተሪ ምሳሌ ተመልከቱ።” ኢሎም ናብቲ ስክሪን ጠቆምዎም። /ንኣብነት N 14 ኢዩ። 14 × 6 = 84 ይኸውን። ንኻልኦት’ውን ብተመሳሳሊ ፈቒድካ ብሹዱሸተ ምርባሕን ንኹሉ ብሓባር ምድማርን ማለቶም ኢዩ/

New York

N= 84

E= 30

W= 138

Y= 150

O= 90

R= 108

K= 66 እዞም ቁጽርታት ምስተደመሩ፣ 666 ኢዮም ዝኾኑ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ብቢልዮን ዝቑጸሩ ተመሳሰልቲ ነገራት ኣለዉ። ንርእሱ ካብ መበገሲኡ፣ calculation ማለት 666 ማለት ኢዩ። እዚኦም ኩሎም ይፍለጡ ኢዮም! Computer ማለት ባዕሉ 666 ምኻኑ፣ ኣቐዲመ ከምዝበልክዎ፣ ህጻናት ከይተረፉ ፈሊጦሞ'ለዉ። ግና መን እንታይ ክገብር ይኽእል? ዋላሓንቲ! መንዩ'ኸ ነቲ ኣፈጻጽምኡ ዝፈልጦ? መንም! ተመልከቱ" ኢሎም እንደገና ውሑዳት ተመሳሰልቲ ኣብነታት ደርዲሮም ኣርኣይዎም።

Mark of the Beast=666 BioImplant=666

RFIDScanner=666 RFIDBodyTag=666

E-Identity=666 Digital ID Chip=666 A Satanic Mark=666

Sorceries=666 Witchcraft=666 Necromancy=666

Image of Satan=666 Mondex Chip=666 Monetary=666

False Market=666 Verishield=666 Monsanto=666

Lustful=666 Satan's Seal=666 Satan Cult=666

PapalState=666 VaticanHill=666 Fatima Miracle=666

Book of the dead=666 Kissinger=666 Grey Aliens=666

EndTimeAlien=666 NewYork=666 Waco Texas=666

A Branch Davidian=666 Geneticist=666 Vaccination=666

BillgatesII=666 /ቢል ጌትስ 2ይ ተባሂሉ ብስም ስድራቤት ስለዝጽዋዕ/

Computer=666 Calculation=666

ልክዕ ብኽምዚ መልክዑ'ውን ሓደ ሓደ ስያመታት ናይቶም ጸላእትናን ኣንጻርናን ዝኾኑ ኣካላት፣ ብተመሳሳሊ ቀመር ብ444 ከምኡ'ውን ብ888 ተቐሚሮም ንርኢ። ሒደት ኣብነታት ተመልከቱ፣

Jesus=444 Yshua=444 Messiah=444

Cross=444 Gospel=444 Jewish=444

Menorah=444 Joshua=444 Obedient=444

Forgave=444 Gematria=444 Churchage=444

TheKey=444 The Lock=444

እዞም ቀጺሎም ዘለዉ'ውን ናይቶም ኣንጻርና ኢዮም። ናትና መግለጺ 666 ኢዩ፣ ናታቶም ድማ 444ን 888ን ኢዩ። ብተመሳሳሊ ኩነታት ከምዚ ብዝኣመሰለ ምሳሌ ይግለጹ።

Divine Presence=888 Omnipresent=888

MessiahJesus=888 LawofLiberty=888

KingoftheSabbath=888 TheLionofJudah=888

Scriptures=888 TheKingJesus=888

ThePassover=888 SavedinJesus=888

Righteous God=888 HealingNumbers=888

ComingTruth=888 AHolyTruth=888

FinishedCross=888 TheLord'sTime=888

TheHouseofGod=888 TheDoingsofGod=888

MorningStar=888 BiblicalProphet=888

ForgivingKing=888 Gods Anointing=888

“ርኢኹም’ዶ፣ ኩሉ ርእሱ ዝኸአለ ቀመርን ትንታነን ከምዘለዎ ሰባት ስለዝፈለጡ ገለ ነገር ፈጢሮም ማለት ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ፣ እዚ ኩሉ ጻዕሪ፣ ጅማረን ገስጋስን ስለምንታይ ኢዩ? ዝብል ኢዩ። ነቲ ፍጻመ ምኽኑ’ኳ እንተተፈለጠ፣ ብኸመይ ዓይነት መንገዲ ፍጻመ፣ ብኸመይን ኣበይን፣ ስለምንታይን መዓስን? ንዝብል ግን ካባናን ንሕናን ክንገልጸሉ ካሳብ ዘይፈቕድናን መንም ኣይፈልጥን። ስለዚ ሚስጥራውነቱ ኣብዚ ነጥቢ’ዚ ጥራይ! ኣብ ኦም ህይወት ጥራይ! ደኣምበር ኣብ ካልእ ስለዘይኮነ ኣይትስግኡ ንማለት እየ!” ካባኦም እንዳጎተቱ ነቲ ስክሪን ኣጥፊኦም ናብ መንበሮም ተመሊሶም ብርግኣት ኮፍ በሉ። ልስልስ ብዝበለ ድምጺ’ውን መልሲ ምሃቦም ቀጸሉ።

“ኢጣልያ! ኣብዚ ግዜ’ዚ ኣብታ ሃገር ኩናት ሓድሕድ ምልዓል ከምቲ ንስኻ ዝበልካዮ ኣድላዪ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነቲ ስራሕ ንስኹም ባዕልኹም ኣብ ናይ ወራር ዘመን ኣቐዲምኩም ዓሚምኩሞ ኣለኹም። ንሱ’ውን ገና ኣይዘሓለን። እምበርከስ ኩናት ዝበሃል፣ ናይ ግድን ብጥይት ምትኹኻስን ምቅትታልን ጥራይ ኢዩ ዝበሎ መን’ዩ? ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኢትዮጵያ ኣብ ከቢድ ኩናት ሓድሕድ ኢያ ዘላ። ከማነይ ካብ ዝኾነት ካልእ ኣፍሪቃዊት ሃገር ብዝዛይድ መልክዑ ብኩናት ሓድሕድ ዝባልዑ ዘለዉ ኢትዮጵያውያን ኢዮም። እሞ ኸኣ ኣብ ካልእ ዓለም ምጽናት ዓሌት ኣብዝተረፈሉ ዘመን! ናይ ዓሌታትን ኣውራጃታትን ግርጭት ካብ ዓለምና ጠሪሱ ኣብዝጠፍኣሉ ኣብዚ ዘመን! ስለዚ ኣይትስጋእ።

“ጀርመን! ናይታ ሓዳስ ዓለም ቋንቋ ክኸውን ተወጢኑ ዘሎ እንግሊዝኛ ቋንቋ ኢዩ። እዚ ድሕሪ እቲ ዓወት ተግባራዊ ዝኸውን ክኸውን ከሎ፣ ናብቲ ዓወት ዘብጽሑና ቀመራት ዝቐመሩ ግና ብግእዝን ኣምሓርኛን ኢዩ። ከምዝበልክዮ ንግእዝ ሙሉእ ብሙሉእ ንምጥፋእ ዝተሰርሐ ስራሕ እኹል እኳ እንተኾነ ሒደት ኢትዮጵያውያን ይፈልጥዎ’ዮም። ድሕሪ ሕጂ ግና ሃገራዊ ቋንቋ ክገብርዎ ኣይክእሉን’ዮም። ክሳብ ክንድዚ ዘገድሶም’ውን ኣይኮነን። ንመጽሓፈ ሄኖክ’ውን ክመራመሩሉ ኣይክእሉን’ዮም። ረፊድዎም ኣሎ። ናይ ቤተክህነት ሰባት ስለዝፈለጥዎ’ውን ምንም ዝፈጥርዎ ነገር ኣይክህሉን’ዩ። ንዝኾነ ይኹን ሚስጥር ብወግዒ ዘርጊሖም ክገልጹሉ ኣይክእሉን ኢዮም። ንሕና’ውን እንተኾና ንጥንቀቕሉ ቋንቋ ዝኸውን ክሳብ እታ ዓወትና ጥራይ ኢዩ። ካብኡ ንደሓር ናትና ናይቶም ሹማምንቲ ዘይኮነ ናይ ልዑልና መንፈሳውያን ወተሃደራት ጥራይ ክጥቀሙሉ ዝኽእሉ ኢዩ ዝኸውን። ንቋንቋ ግእዝ መሰረት ገይሮም ክስርሑ ዝነበሮም ዕማማት ኩሎም ተጠናቒቑም ኣብቂዖም’ዮም። ኣብዚ ዘለናይ እዋን ነዚ ብዝምልከት ከስግኣና ዝኽእል ዝኾነ ነገር የለን። ብሕጂ ብኣምሓርኛን ብኻልኦት ቋንቋታትን ክዕመሙ ዘለዎም ዕማማት ግና ብኸፊል ደኣምበር ሙሉእ ብሙሉእ ኣይተጠናቐቑን። ስለዚ ነዞም ናይ ኢትዮጵያ ጥራይ ዝኾኑ ፊደላትን ቋንቋታትን በብሃገርኩም ብወግዒ ኮነ ብሕቡእ ብደረጃ ዩኒቨርስቲ ንሕዝብኹም ክትህቡ ኣለኩም። ብወግዒ ዝጀመራ

ሃገራት ኣለዋ፣ ካልኦት'ውን ኣብ ቀረባ እዋን መምርሒ ምስበጽሓኩም ትጅምሩ ማለት'ዩ። ብቐንዱ ግና ከምቲ ንስኺ ዘተሓሳሰብክዮ ብፍላይ ናይ G20 ሃገራት ምስዚ ብዝተሓሓዝ ጉዳይ ብኹሎም ክፍለጥ ዘለዎ ሓደ ነገር ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ግእዝ ዓቢ ትኩረት ዝገበርናን ጌርና ዝጸናሕናን ካብቶም ኢትዮጵያውያን'ውን ብሓይሊ መንዚዕና ዘምጻናዮ ናይ ኩሉ ቋንቋ መበገሲ ስለዝኾነ ጥራይ ኣይኮነን። ናይ ዓረብ፣ ናይ ሂብሩ፣ ናይ ግሪኽ ናይ ላቲንን ናይ ካልኦት ዘርእታት ቋንቋ መበገሲ ምንጪ ስለዝኾነ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ናይ መጀመርታ ቋንቋ ስለዝኾነ'ውን ኣይኮነን። ብየማነ ጸጋም ትኩረት ዝሃብናዮ ብቋንቋነቱ ጥራይ ኣይኮነን። ልዑልና ኮነ እቶም ሰዓብቱ ንኹሉ ምድራዊ ቋንቋ ከም ምፍላጦም መጠን፣ ጭፍራታት ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል'ውን ብተመሳሳሊ ንኹሉ ቋንቋታት ይፈልጥዎ ኢዮም። ምስ ዝደለይዎ ሰብ ድማ ባህ ብዝበሎም ቋንቋ ክረዳድኡ ይኽእሉ። ነገር ግን፣ እቲ ግእዝ ደጋጊመ ከምዝተዛረብክዎ ካብ ቋንቋነቱ ዝሓልፍ ነገር ስለዘለዎ ኢዩ። ኣብ ነፍስወከፍ ሆሄ ወይ ስፔሊንግ ዘለዉ ቀመራት ባዕሎም፣ ምስ ቁጽርታት ዝተተሓሓዙ ኮዳት ስለዘለዎም ኢዩ። እቲ ነዛ ዩኒቨርስ ኣቑምዋ ዝበለ ጥበብ ድማ ነዚ ፊደላትን ቃላትን ዘካተተ ናይ ቁጽሪ ቀመር ኢዩ። እቲ ቀመር ድማ ምስቲ ናይ ግእዝ ቋንቋን ምስ ፊደላት ኣምሓርኛን ተኣሳሲሩ ዝርከብን ዝፍታሕን፣ ዝትንተንን፣ ዝትርጎምን ዝለዋወጥን ስለዝኾነ ኢዩ። ናብ ፊደላት ላቲን ቀዪርና ክንጥቀም ዝፈተንናሎም ገለ ቀመራት ኣለዉ። ነገር ግና ኣብ ዘመኖም ዝፍትሑን ናብቲ ናይ ፍጻሜ ጎል ዘብጽሑን፣ ኣብጺሖም'ውን ዝመልሱ ወሰንቲ ወሰንቲ ቀመራት ዘለው፣ ኣብ ውህደት ፊደላት ናይቲ ቋንቋ ጥራይ ስለዝኾነ ኢዩ። ኣብ ላዕሊ ዝረኣኹሞ ኣብነታት'ውን ካብ ግእዝ ተበጊሱ ንኹሉ ቋንቋ ኣካቲቱ ክትርጎም ከሎ ተመሳሳሊ ትርጉም ክህብ ብምኽኣሉ ኢዩ። ስለዚ ክትግንዘብዎ ዘለኩም ካብ ቋንቋነቱ ዝሓለፈ ሚና ከምዘለዎ ኢዩ። ብጀካ ግእዝ እቲ ኩሉ ብሚልዮን ዝቑጸር ዝተፈላለየ ቋንቋታት ዓለምና ካብ ንመረዳድኢ ዝሓለፈ ካልእ ሚና የብሉን።

"እቲ ግእዝ ግና፣ ካብ ሚና ንላዕሊ ናይዛ ዩኒቨርስ መበገስን መዕለብን ኮይኑ'ሎ። ናይ ቋንቋታት መበገስን መዕለብን'ውን ኢዩ። እዚ ጥበብ ድማ ንዓና ተገሊጹ ተዘርጊሑልና ይርከብ ስለዚ ኣይትስግኢ ይብለኪ ኣለኹ። ተመልከቲ..... ኢትዮጵያውያን ናይዚኣ "ሰ" ን ናይዚኣ "ሠ" ን ፍልልይን ዝምድናን እኳ ገና ኣይተረድኡን። እሳቱ ሰ'ን ንጉሱ ሠ'ን ይብሉ ደኣምበር ነቲ ቀመር ክርድእዎ ኣይክእሉን ኢዮም። ስለዚ ክደግሞ'የ ኣይትስግኢ!

"ሩስያ!" በሉ ኣትሪሮምን ነቲ መራሒ ብዝወግእ ዓይኖም ካብ ርሕቀት ኮይኖም እንዳተመልከቱ።

"ጎልና ኢትዮጵያ ምኻናን ኣብ ኢድና'ውን ከምዘላን እንተድኣ ፈሊጥካ ንግዚኡ እኹል ኢዩ። ነገራት ብዘፈቀደ ወዘልዘል ክብሉ የብሎምን። ኣብቲ ልክዕ ግዜ ነቲ ብልክዕ ዝፍጽም

ኣካል መምርሒ ክወርድ'ዩ፣ ሽዑ ናይ ነፍስ ወከፍ ሃገርን መራሕን ዕማም፣ ኣብ ተግባር ምውዓል ይኽውን ። ናይ መጓዓዝያ መንገድታት በተን ዝበልክወን ውጥናት ዝቕጽሉ ኢዮም። ብላዕልን ብታሕትን ብማእኸልን ንመእተዊ ዝተዳለወ መንገዲ ኣሎ። ፍርያት ኬሚካላዊ ኣጽዋር ኩናት'ውን ብኽምቲ ዝጸንሐ ኣካይዳ ዝቕጽል ኢዩ። ካልእ ምስዚ ዝተኣሳሰር ሕቶኻ፣ ሓይሊ ናይቶም ተዋጋእትን መጠን ነብሶምን ብዝምልከት ኢዩ። "ጎይታ ሰራዊት" ተባሂሉ ኣብ መጽሓፎም ብተደጋጋሚ ዝተገለጸ ነገር ኣሎ። እቶም "ሰራዊት" ዝበሃሉ ድማ ከምቲ ደጋጊመ ዝተዛረብክዎ ሰራዊት ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ክኾኑ ከለዉ፣ ኣመዳድባኣም ከምቲ ምድራዊ ናይ ሰብ ጦር ሰራዊት እኳ እንተዘይኮነ ተመሳሳልነት ግን ኣለዎ። ኣመዳድባኣም'ውን ኣብ መጽሓፈ ሄኖክ ብግልጺ በሪሁሎ። እቶም ብባህላውን ሃይማኖታውን ኣገላልጻ መላእኽቲ ዝበሃሉ፣ ብዘመናዊ ኣገላልጻ ናይ ጦር ዋና መራሕቲ ወይ ጀኔራላት ኢዮም። ንዕኣም'ውን ኣብ ስርሑም ዝእዘዙ ወተሃደራት ወይ'ውን ሰራዊት ኣለውዎም። ናትና ልዑል'ውን ብተመሳሳሊ ካብቶም ጀኔራላት ሓደን ቀንድን ስለዝነበረ ኣብ ትሕቲኡ ሰራዊት ኣለውዎ። ክልቲኦም ጀኔራላትን ክልቲኦም ሰራዊትን ብኣና ኮነ ብእኦም ሽነኽ ዘለዉ፣ ማዕረ ጥበብን ሃይልን ኢዩ ዘለዎም። እዞም ታሕተዎት እልፊ ኣእላፍ ሰራዊት ድማ እቶም ኔፊሊም ተባሂሎም ዝተጸውዑ ክኾኑ ከለዉ፣ ፍርቆም ኣብ ጎኒ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝኾኑን፣ ዝተረፉ ድማ ንልዑልና ደጊፎም ምስኡ ዝወገኑ ኢዮም። ሕጂ'ውን ብኻልእ ኣገላልጻ እዚኣቶም እቶም U.F.O unidentified flying objects ኢልና ንጽውዖም ኢዮም። ኣንኣይዴንቲፋይድ ዝተበሃለ ንኻልኦት ደኣምበር ንሕና ኣይዴንቲፋይ ካብንገብሮም ጸኒሕናለና። ገለ ገለ ካባኻትኩም 'በረርቲ ፍጡራን' እትብልዎም እዞም ፍጡራት ብጥበብ ዝዓበዩ፣ ብቴክኖሎጂ ብፍጥነት ዝተወንጨፉ፣ ብሓይሊ ዝተመልኡ፣ ብፍጥነት ብርሃን ክበሩ ዝኽእሉ ፍሉያት ፍጥረት ክኾኑ ከለዉ፣ ካብዚኦም ኣንጻር ዝትርኢቶምን ንኽልተ ሓይሊ ዝቕሙን ኮይኖም ዝርከቡ ኢዮም። ንልዑልናን ነቲ ላዕለዋይ ኣካልን። እቶም ናይ ልዑልና ዝኾኑ ንትእዛዛቱ ተቐቢሎም ዝትግብሩን ብእኡ ዝምርሑን ክኾኑ ከለዉ፣ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ዝኾኑ ከኣ ናይቶም ጀኔራላቱ ትእዛዝ ተቐቢሎም ዝትግብሩ ኢዮም። ስለዚ እቲ ምምስሳሎም ኣብ ህልውናን ኣብ ሓይልን ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ነገራት ደኣምበር ኣብ ዕላማ ኣይኮነን። ንኽልተ ዝተፈላለዩ ውድባት ዝተሰለፉን ብዕላማ'ውን ዝተፈላለዩን ኢዮም ማለት ኢዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ከማን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ተራእዮም እንዳተባሃለ ኣብ ፈቐዶ ሚድያታት ክዝረብ ይሰምዕን ይርእን ኢየ። ብዙሓት'ውን ከምዚ ዓይነት ነገር ብምርኣዮም ይደናበሩሉ። ዝደናበሩ ዘለዉ ብሰንኪ ክልተ ምኽንያት ኢዩ። ሓደ ናይ መንነቶም ነገር ክፍለጥ ብዘይምኽኣሉ ኢዩ። እቲ ኻልእ ድማ መጺኦም ዝፍጽምዎ ተግባር ዝተፈላለየ ብምኻኑ ኢዩ። ገሊኦም ኔፊሊማት ካብ ዝኾነ ቦታ ዝኾነ ሰብ ወሲዶም ኣሰልጢኖም ይመልስዎ። ገሊኣቶም ድማ ብተመሳሳሊ፣ ሰብ ወሲዶም ኣብኡ የትርፍዎ፣ ወይ'ውን ይቐትልዎ ወይ'ውን ካልእ ነገር ይገብርዎ። ብሰንክ'ዚ እቶም

ክመራመሩ ዝደልዩ ሰባት ከምዚ ኢዮም ኢሎም ንምውሳን ይኽብዶም'ሞ ይሓድግዎ። ብዛዕባ ቅኑዕ መንነቶም መንም ኣይፈልጥን ኢዩ፣ ንሕና እንተዘይገሊጽናሉ። ሓቂ ኢዩ መጽሓፈ ሄኖክ ብግልጺ ብዛዕባ መንነቶም ይዛረብ ኢዩ። ንሕና ግና ካብዚ ብዝዛይድ ንፈልጦም ኢና። ከማነይ ብኢትዮጵያውያን፣ ናይ ቀደም ሃይማኖታውያን ሰባት ገድሎም ክጸሓፍ ከሎ "ንኹስቶ መላእኽቲ ናብ ሰማይ ነጢቐም ወሲዶሞ፣ ጥበብ ገሊጾሙሉ ንላሊበላ ሰሪሑ ገለመለ ሰሪሑ" ይብሉ። ብባህላዊ ኣገላልጻ ከምኡ ኢዩ። ብናትና ዘመናዊ ኣገላልጻ ድማ "ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ተለኣኣኽቲ ዝኾኑ ኔፊሊማት ብበራሪ ዲስክ ወሲዶም ገለ ነገር ነኺሮም መሊሶሞም" ከም ማለት ኢዩ።

"ስለዚ እቲ ውግእ ኣብ መንጎኡም ዝካየድ'ኳ እንተኾነ፣ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ኔፊሊማት ብብዝሒ ቁጽሪ ካባና ይዛይዱ ኢዮም። ከምኡ ኸሎ'ውን ነቲ ምድራዊ ናይ ሰብ ፍጡር ኣብ ትሕቲ ልዑልና ከነጠቓልሎ እንተኽኢልና ነቲ ናይ ኣሃዝ ፍልልይ ካብ እኹል ንላዕሊ ብዝኾነ መንገዲ ከነመጣጥንኖ ንኽእል ኢና። ነቶም ካብ ምድራውያን ሰባት ዝሓሹ ሮቦታት'ውን ከከም ኣድላይነቶም ክንጥቀም ንኽእል። ኣብ ርእስ'ዚ እውን ማእለያ ዘይብሉ ኒውክሌራት ኣብ ጥቕሚ ምስ ኣውዓልናዮ ክንበልጾም ኢና። እቲ ዝረኣኹሞ ዓወት'ውን ተግባራዊ ይኸውን። ስለዚ ገበልና ምስ ገበል ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል፣ ልዑልና ወይ ጀኔራልና ሳጥናኤል፣ ምስ ጀኔራላት /መላእኽቲ/ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል፣ ኔፊሊማትና ምስ ኔፊሊማት ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል /ናይ ፈጣሪ ሰራዊት/ ኣብታ ናይ መወዳእታ ዕለት ክዋግኡ'ዮም። ኣብ ዝዋግኡሉ እዋን ድማ ነቲ ናይ ኣሃዝ ፍልልይ ንሕና እቶም ኣባላቱ ነቲ ዝተወሃበና ፍሉይ ጥበብ ተጠቂምና ብኒውክሌር ክንሸፍኖ ኢና።

"ናይዞም ሰራዊት ሓይሊ ነብሶም ክንድምንታይ ከምዝኾነ ብልዑልና ኣጸቢቕ ስለዝፍለጥን ስለዝተነገረናን ከጥፍኦም ዝኽእል ኣጽዋር ምስራሕ ከምንኽእል ተገይሩ፣ ንሕና'ውን ሰሪሕና። ከማን ካብቲ ዝተኣዘዝናዮ ንላዕሊ ኢና ክንሰርሕ ክኢልና። ንኣብነት ሓንቲ ነፍሲ ዘላቶ ሰብኣዊ ፍጡር ኣብ ናይ ሓምሳ ሜትሮ ውጽኢት ርሕቐት ብሓንቲ ናይ ሽጉጥ ጥይት ይመውት። ሓደ ሞት ኢዩ ዝመውት። 10 ሞት ክመውት እንተድኣ ነይርዎ ግና ክመውት ኣይክእልን። ነተን ዓሰርተ ሞት ንምሟት ዓሰርተ ናይ ሽጉጥ ጥይት ናይ ግድን የድልየና። ወይ'ውን ናይተን ዓሰርተ ጠያይቲ ሓይሊ ባሩድ ዘካተተ ሓደ ጥይት ምድላው ናይ ግድን ይኸውን። ካብዚ ዝዓይነቱ ቀሊል ምሳሌ ከይወጻና፣ ናይቶም ተራ ወተሃደራት ማለት ናይቶም ኔፊሊማትን ናይ ወድሰብን ሓይሊ ነፍሲ ከምኡ'ውን ክቕትሎም ዝኽእል መጠን ኣጽዋር ነነጻጽር። ንኣብነት ንወድሰብ 1 ነፍሲ ንበሎ። ዘለዎ ሓይሊ ነፍሲ ድማ 1 ኢልና ንሰይሞ። ናይ ኔፊሊማት ሓይሊ

ነፍሲ ካብ ናይ ወድሰብ ሓይሊ ነፍሲ ብ5 ሽሕ ዓብዩ ይርከብ። ናይ ኔፊሊማት ሓይሊ ነፍሲ 5000 /ሓኡሽተ ሽሕ/ ኢዩ። ናይ ሰብ ግና 1 /ሓደ/ ጥራይ ኢዩ።

“እዚ ኣብ ሓይሊ ጥራይ ዘይኮነስ ብኣተሓሳስባ፣ ብጥበብ፣ ብቴክኖሎጂ፣ ብፍጥነትን ብጀካ ፊዚካላዊ ቅርጺ ብኹሉ መዳያት ተጠቓሊሉ ዝርከብ ሰፊሕን፣ ኣዝዩ ሰፊሕን ዝኾነ ፍልልይ ዘለዎ ምብልላጽ ኢዩ። እቲ ንሕና ዝሰራሕናዮን ንሰርሖ ዘለናን ግና 10000 /ዓሰርተ ሽሕ/ ሞት እንተልዮም ንዓሰርቲኡ ሽሕ ሞት ክቐትሉ ዝኽእሉ ኣጽዋር ክኸውን ከሎ፣ ንክልል ናይቲ ራድየስ ኮነ ንብዝሒ ኣሃዞም ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ተመጣጣኒ ጌርናዮ’ለና። እቲ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣብ ኢድ ፈቐዶ ሃገራት ዝርከብን ክርከብ ዝተገብረን ኒውክሌር፣ ምስቲ ሕጂ ዝበልክዎ ክነጻጸር ከሎ ተራ ኮይኑ ኢዩ ዝርከብ። እቲ ናይ ወድሰብ ናይ መወዳእታ ጥበብ ተገይሩ ተወሲዱ ዘሎ ናትኩም ነናይ ሃገራትኩም ኒውክሌር መጠኑ በዚሑ ብራድየስ ኣብ ዝተኸለለ ናይ ምድሪ ክፋል ተጻዊዱ እኳ እንተ ዝትኮስ፣ ናይ ምድሪ ፍርቂ ደኣምበር ንብሙሉኡ ከጥፍእ ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ተራ ኒውክሌር’ዚ ኢዩ ኣብ ኢድ ገሌኹም ዝርከብ ዘሎ። ካብኡ ዝበልጽ ሓይሊ ዘለዎ ብውልቅኹም ክትሰርሑ’ውን ኣይትኽእሉን ኢኹም። ስለዚ ንዕኡ ረስዕዎ። ንውሱን ነገራት ክንግልገለሉ ግና ንኽእል ኢና።

“ኣብቲ ቀጺለ ብዛዕብኡ ዝገልጸልኩም ኣብ ፒራሚድና ግና ካብቲ ሃገራት ብውልቆም ዝሰርሕዎን ክሰርሕዎ ዝጸንሑን ብብዙሕ ሽሕ ዕጽፊ ዝበልጽ ኣጽዋር ኩናት ኢዩ ብናይ ልዑልና ትእዛዝ ክህነጽ ጸኒሑ። ንሱ ከኣ’ዩ ከመጣጥኖም ዝኽእል። ስለዚ ሓይሊ ነፍሲ ናይቶም ተዋጋእቲ ተመምዩ ኣቐዲሙ ተፈሊጡ ተዳልዩ’ሎ። ተሪፉ ዘሎ ሒደት ስራሕ ኢዩ። ኣብ ኣጸዋውድኡን ኣብ ስትራቴጂካዊ ቦታ ኣብ ምቕማጡን ኢና በርቲዕና ክንሰርሕ ዝጽበየና ዘሎ። እዚ’ውን ኣብ ግዚኡ ክግለጸልኩም’ዩ። ብዝተረፈ ነታ ሃገር ከቢብካ ምጽናሕ ብዝምልከት ስግኣት ኣይሃሉኻ፣ ንዘመናት ከቢብናያ ኢና ጸኒሕና።

“ኤውሮፒያን ዩኒየን! እቲ ዝረኣኻዮ ዓወት ከምቲ ንዓኻ ኣኹሪዑካ ዘሎ ንዓና’ውን ኣኹሪዑና’ሎ፣ ናይ እንቋዕ ሓጎሰና መልእኽትኻ’ውን ብሓጎስ ተቐቢልና’ለና። ኣብ ፈቐዶ ሃገራት ዝረኣዩ ኩናት ሓድሕድ፣ ሽበራታት፣ ቅትለታትን ህልቂታትን ከምዝበልካዮ ይብርክቱ ኣለዉ። እዚኦም ነገራት ብሙሉኦም ብናትና ውጥንን ድሌትን ዝከናወኑ ዘለዉ ምኽኖም ኣጸቢቕ የረጋግጸልካ። ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘለዉ ጉዳያት ብናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድ ክኾኑ ስለዘለዎም ኢዮም ዝኾኑ ዘለዉ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዘለዋ ሃገራት ሽበራታት ዝፈጥሩ ዘለዉ ኣስላም፣ ሓቀኛ ሙስሊማት ኣይኮኑን። ሓቀኛ ሙስሊማት ኣንተዝኾኑ ነይሮም፣ ኣስላም ሃገራትን መንግስታትን ኣይምወግኡን ነይሮም። ሃይማኖቶም’ውን ከምኡ ኣይብልን። ተኸባበሩ ኢዩ ዝብል። ነገር ግና ናትና ሰባት ስለዝኾኑ

ኢዮም። እቲ ጉዳይ'ውን ሃይማኖታዊ ኣይኮነን። ብመሰረት ናይ ዓንተዎ ናይ ቁጽሪ ኣብነታት ISLAMIC LIES ትርጉሙ'ውን 666 ከምኡ'ውን SHARIA LAWS ትርጉሙ'ውን 666 ዝብሉ ስያመታት ሂብና ንሕና ባዕልና ዝወደብናዮም ኢዮም። ኣብተን ልዑል ቁጽሪ ሕዝቢ ዘለወን ሃገራት ኣፍሪቃ'ውን ከምኡ። ንሳቶም ሓቀኛ ኣስላም ኣይኮኑን ኣባላትና ኢዮም። ስለዚ ፣ ጉድኣቱ ንወገናትና ዝትንክፍ ስለዘይኮነ ኣየተሓሳስብካ። እቲ ኣሸባሪ ዝብል ስም'ውን ባዕልና ዝፈጠርናዮን ንዝተፈላለየ ዕላማ ክንግልገለሉ ዝጸናሕናን ንግልገለሉ ዘለናን ስያመ ኢዩ። ነዞም ግርጭታት መሰረት ብምግባር፣ ምስ ምብጻሕ ናይ መወዳእታ ዘመን እንዳነጻጸሩ ዝገልጹን ንስብከት ዝጥቀሙሉን ከምዘለዉ ንፈልጥ ኢና። ነዕኡ ኣቑዲመ ብሰፊሑ መሊሰዮ'ለኹ። እቲ ናይ መወዳእታ ዘመን በጺሑ'ሎ፣ ይብሉ። እወ በጺሑ'ሎ! ስለዚ ሓቆም ኢዮም።

"ደቡብ ኣፍሪቃ!" ፍሽኽ በሉ። "ኣፍሪቃውያን ትበሃሉ ብታሕዋኽን ብስምዒታውነትን ኢኹም ንነገራት ፍታሕ ትህቡ። ትመርጽዎ መንገዲ'ውን ምጽናት ኢዩ። ዝገርም'ዩ። ዝኾነ ኮይኑ ሓቂ ኢልካ'ለኻ። ኣፍሪቃውያን መራሕቲ የድልዩና'ዮም። ብኻልእ መልክዑ ንውድቦም ስለዘለና ደስ ይበልካ። ከምዝበልካዮ'ውን ነዚ ዘሐጉስ ውህብቶ ብታሕጓስ ዘይቐበል መራሒ ኮነ ተመራሒ የለን። ንኹሉ ግና ግዜ ኣለዎ። ምጽናት ሃይማኖታውያን ማሕበራትን ሃይማኖተኛታትን ድማ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ግቡእ ኣይኮነን። ኣብ ግዚኡን ክኸውን ምስተገብኦን ግና ከምኡ ክኸውን'ዩ። እቲ ምግዳድ'ውን ከምኡ። ኩሉ ሕዝቢ በቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክህብ ተዳልዩ ዘሎ ልዑልና ክኣምን ኣለዎ! ምእማኑ'ውን ኣይክተርፎን'ዩ። ከይደንነየ ተግባራዊ ከምዝኸውን'ውን ቃል ይኣትወልካ። ነገር ግን ካብ ሕጂ ነቲ ሕዝቢ ምጽናት ኣይከኣልን ኢዩ።" ኢሎም "ሆሆ...." ከም ማለት ዓይነት ስሓቕ ጀሚሮም ክስሕቑ ጸንሑ'ሞ ተመሊሶም ጽውግ ኢሎም ቀጸሉ።

"ርኢኻ'ዶ ከምቲ ደጋጊመ ዝበልኩዎ መንፈሳዊ ኣሰራርሓ ካብ ናይ ወድሰብ ኣሰራርሓ ፍጹም ዝተፈለየ ኢዩ። ሰብ ብዝደለዮን ስምዒቱ ብዝኣዘዘን ተመሪሑ ድላዩ ይገብር። ከጥፍእ እንተደልዩ የጥፍእ፣ ከልምዕ እንተደልዩ የልምዕ፣ ክውስን እንተደልዩ ይውስን፣ ንውሳነኡ ክጥሕሶ እንተደልዩ ተመሊሱ ይጥሕሶ። ኣብ መንፈሳዊ ኣሰራርሓ ግና ከምዚ ዝበለ በብግዚኡ ናይ ምህውታትን ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ምፍጻምን፣ ምውሳን፣ ንውሳኔ ተመሊስካ ምጥሓስ ወዘተ... ዝበሃል ነገር የለን። ኩሉ ነገር ብቀመርን ብግዜን ኢዩ ዝፍጸም። እቲ ዝበልካዮ ነገር ምግባሩ ይከኣል'ዩ። ዝከኣል ግና ብሰብኣዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኢዩ። በቲ ላዕለዋይ ኣካል ኮነ ብልዑልና ግና ኣይከኣልን። ብርግጽ ኩሉ ነገር ይከኣል'ዩ። ዘይከኣለሉ ምኽንያት ግን ኣሎ። ሕጂ ንሕና ነዚ ኩሉ ንዛረቦን ንውጥኖን ዘለና፣ ነቲ ንኣሽሓት ዓመታት ክስርሓሉ ዝጸንሐ

ንሓደ ጎል ኢዩ። ነዚ ጎል ተባሂሉ እታ ሃገርን ሕዝባን እንተድኣ ኣድልዩና ወይ'ውን እንተ ኣስጊኡና፣ እዚ ኹሉ ዘተ ከየድለየ ነታ ሃገር ንበይና ነጺልካ ብሓደ ቀሊል ኒውክሌር ሕጂ ኣብዛ ደቒቕ'ዚኣ ምህራምን ባዶ ምግባርን ኣይከኣልን ድዩ? ይከኣል'ዩ። ኣዝዩ ቀሊል'ዩ። ሓደ ኢትዮጵያዊ ከምዘይተርፍ ጌርካ ምጽናት ዘይከኣል'ዶ ይመስለካ? ርግጸኛ ኢየ ኣይመስለካን። ምናልባት ከይሓሰብካዮ ጸኒሕካ እንተዘይኬንካ። ነገር ግና ኩሉ ነገር ብመሰረት'ቲ ዝተዳለወሉ ናይ ግዜ ቀመር ክፍጸም ብዘለዎ ኣካይዳ ይፍጸም ስለዘሎ ኢዩ። ከምኡ እንተዘይከውን'ሞ እቲ ላዕለዋይ ኣካል'ከ እንታይ ዘጸቢ ኣለዎ? ንዝደለዮ ሰብ ብዝደለዮ መንገዲ ድላዩ ስለምንታይ ሕጂ ዘይገር? ልዑልና'ኽ ናብ ውሽጥ'ዚ ፕሮሰስ ዘእቱ እንታይ ኣለዎ? ንስኻ ጥራይ ኣይኮንካን፣ ኩልኹም ኣጸቢቕኩም ክትፈልጥዎን፣ ንኻልኦት ኣጋይሽ ሹማምንቲ'ውን ከተፍልጥዎ ዘለኩምን ነገር ኢዩ። ነዛ ፕላኔት ዝተቕመረ ናይ ግዜ ቀመር ኣሎ። ናይ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ናይ ካልእ። ብሰብኣዊ ኣእምሮ እንተሓሲብናዮ ኩሉ ነገር ዕሽነት'ዩ ዝመስል። ወይ'ውን ሕቶ ፈጣሪ። ስለዚ እቲ ዝበልካዮ ኣይከኣልን'ዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ'ውን ብሰብ ጥራይ ክዕመሙ ዘለዎም ነገራት ኣለዉ፣ ብልዑልናን በቶም መንፈሳዊ ሹማምንቱን ጥራይ ክዕመሙ ዘለዎም ነገራት'ውን ኣለዉ። ኣስተውዒልኩም ስምዑኒ። ልዑልና ሓደ ነገር ጥራይ ይዛረብ፣ ወይ'ውን ተዛሪቡ'ሎ። ንሱ ድማ እንታይ'ዩ፣ "ዝኾነ ዓይነት ሰብኣዊ ንጥፈታት፣ ናይ ጎልና ዕንቅፋት ኮይኖም እንተድኣ ተራእዮም'ኹም ኣጥፍእዎም! እቲ ዘመን ቅድሚ ምብጽሑ ንሚስጥርና ዝጥቁሙ ነገራት ክትርእዩ ከሎ'ኹም ብፍጥነት ኣዛብዕዎም፣ ኣጥፍእዎም" ኢሉሎ። ብዝተረፈ ወሰንቲ ኣብዘይኮኑ ካልኦት ንኣሽቱ ንጥፈታት ሰብ፣ ጣልቃ ኣይእቶን'ዩ።

"ንኣብነት ነቲ ናይ ኣሜሪካ ናሳ ኣቐዲሙ ሓደ ትእዛዝ ተመሓላሊፉሉ ነይሩ። እቲ ትእዛዝ'ውን ሓደ ሓደ "በራሪ ፍጡራን ርኢና" ዝብሉ ሰባት ክርከቡ ከለዉ ብቕልጡፍ ንኽቕተሉ ዝብል መምርሒ ኢዩ። ንብዙሓት ሰባት'ውን ብመንገዲ ኣባላት ናሳን ሲ.ኣይ.ኤ ን እንዳሳደድና ኣጥፊእና'ለና፣ ቀቲልና'ለና። ሕጂ ግና እቲ ሕጊ ተገዲፉ'ሎ። ስለምንታይ ተገዲፉ? ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ዘስግእ ነገር ስለዘየሎ። ወይ'ውን ናይ ሚስጥርነቱ ነገር ስለዘብቅዐ። ነዚ ድማ ኢዩ፣ ንሓደ ሓደ ነገራት ሰብ ብቕሊሉ መታን ከይርድኡም ብዝብል ኣብ ኩሉ ዓውድታት ተመሳሳሊ ናይ ምዝብራቕ ስራሕ ክስራሕ ዝጸንሐ። ነዚ ትእዛዝ'ዚ ዝሃበ ግና ልዑልና ኣይኮነን። ነቲ ናይ መጀመርታ ትእዛዝ መሰረት ብምግባር ንሕና እቶም ናይ ሰብ ፍጡር ዝኾንና ኣባላት ዝገበርናዮ ነገር ኢዩ። ስለዚ ኩሉ ነገር ኣብ ግዚኡን በቲ በዓል ብጽሒት ዝኾነ ኣካልን ክዕመም ዘለዎ ምኽኑ ደጊመ ከረጋግጽ ይደሊ።

"እዚ ምልክት ሹመትና ዝኾነ ክቡር ኣርማ ሕጂ ተዋሂቡኩም ዘሎ ብሓደ ምኽንያት ኢዩ፣ ዝወሃበሉ ዘመን ብምብጽሑ። እምበር ኣቐዲሙ ክወሃብ'ውን ምተኻእለ ነይሩ። ስለዚ ነዚ

ከምዚ ዝበለ ሰብኣዊ ታህዋኽ ኩልኹም ክትሓስብዎን ክትናፍቕዎን የብልኩምን። ወድሰብ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ሕቶ'ዩ ዝሓትት። መልሱ እንተተነኺርዎ ግና ክስከመሉ ዝኽእል ኣእምሮ የብሉን።

"ወድሰብ ናይዛ ዩኒቨርስ ናይ መወዳእታ ድሑር ፍጥረት ኢዩ። ካብ እንስሳ ጥራይ ኢና ንበልጽ። ሰብ ኴንና ንባዕሉ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ናይ ምሕሳብ ኣቕምና ክንጥቀመሉ ኣይንኽእልን። ኩልኩል ኢዩ። ካልኦት መንፈሳውያን ኣካላት ክሳብ ዘየነቓቕሑና። ምስዚ ኣተሓሒዘ ካብ ልዑልና ንዝተረዳእኽዎ ሓደ ነገር ክነግረኩም። በቲ IQ ትብልዎ ምሳሌ ከረድኣኩም።

"ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ወድሰብ ካብቲ ዝተዋህቦ፣ ነገር ግና ካብቲ ዘይተጠቀመሉን ገደብ ካብዝተገበሉን 100% ናይ IQ መጠን ነቲ 20% ጥራይ ተጠቂሙ ኣብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ስልጣነ በጺሑሎ። 20 ክበጽሕ ዝኽኣለ'ውን ብናይ ልዑልና ሰናይ ድሌት'ዩ። 20 ዝበጻሕና'ውን ኣነን ንስኹምን ጥራይ ኢና። ንውሸጥና ከነብርህ ከለና 10 ፣ ደገና ከነብርህ ከለና 10 ብድምር 20 ። እዚ'ውን እቲ ናይ መወዳእታ ኢዩ። መንም ድማ ብድሕርዚ ካብዚ ሓሊፉ ክኸይድ ኣይክእልን'ዩ። ወዲእና'ለና። ብሓገዝ ልዑልና 25% ንምብጻሕ ተፈቲኑ ነይሩ፣ ሰብ ግና ክኾነሉ ኣይከኣለን። ስለዚ ሰብ፣ ኦም ህይወይ ክሳብ ትርከብ በዚ ተወሲኑ'ዩ ዝጸንሕ፣ ዝፍጸም'ውን በዚ ኢዩ።...." ምስበሉ ኣብቲ ኣዳራሽ መጠነኛ ምጉርምራም ተሰምዐ። ነቲ ጉርምርምታ ዝሰምዑ ጳጳስ'ውን፣ ተዛንዮም፣ "እወ እቲ ናይ መወዳእታ ኢዩ! ነገር ግን ኣጆኹም... ንወድሰብ ኢየ ዝበልኩ። ኣብ ውሽጢ ፒራሚድና 100% IQዎም ገና ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ክጥቀሙሉ ዝጀመሩን ንነዊሕ ዘመን ነቲ ኒውክሌር ክሃንጹ ዝጸንሑን ሚልዮናት ኣለዉና። ካብ ሰብን ካብ ኔፊሊማትን ዝተዳቐሉ ሰባት ኣብ ውሽጢ ፒራሚድና ኣለዉ።

"ሕጂ ንስኻትኩም ብናይ ልዑልና ሹመት ውሽጥኹም ከተብርሁ ከለኹም 10 ፣ ደገኹም ከተብርሁ ከለኹም 10 ፣ ብድምር ውሽጥኹምን ደገኹምን ከተብርሁ ከለኹም 20% ክትበጽሑ ክኢልኩም ኣለኹም። ስለዚ ወድሰብ ነቲ 20% ተጠቂሙ ኣበይ ከምዘሎን ኣበይ ከምዝበጽሐን ትፈልጡ ኢኹም። 100% እንተዝጥቀም ኣበይ ከምዝበጽሕን፣ እንታይ ክሳብ ምግባር ደረጃ ከምዝበጽሕን ትፈልጡ'ዶ?! ኣይትፈልጡን። ኣነ'ውን ዝፈለጥኩ ብልዑልና ናብቲ ፒራሚድ ኣብ ዝተወሰድኩሉ ግዜ ኢዩ። ወድሰብ ሚእቲ ፐርሰንት በጺሑ ማለት ኣተሓሳስብኡን ናይ ስምዒት ሕዋሳቱን፣ ነርቭታቱ ብሓፈሻ ሙሉእ ኣገልግሎት ክህቡ ጀመሩ ማለት ኢዩ። ከምኡ ኮነ ማለት ድማ ሓደ ካባኹም ተንሲኡ ሓደ ኢዱ ኣልዒሉ ጉንቦ ኢዱ ንየማን ብምጥዋይ ነዚ ኣዳራሽ ቆይሙ እንከሎ ከሽከርክሮን ክእዝዝን ክኢሉ ማለት'ዩ።

ብኣእምሮኡ “ከምዚ ይኹን” ብማለት ጥራይ ናይ ሓንቲ ኣጻብዕቲ ምንቅስቓስ ምግባር ይኣኽሎ ኢዩ። ንስኻ እንዳሰንምካ ብዘይ ፍቓድካ ጠጠው ከብለካ ይኽእል። ሓንቲ ቀላል ምልክት ኢድ ብምግባር ድማ ስጉምትኻ ከምትቕጽል ክገብር ይኽእል። ኣነ 100% ተጠቂመ ማለት ንዓኻ ብዓይነይ ጠሚተ ኣእምሮኻ ኣንቢበ ትሓስቦ ዘለኻ ይፈልጥ ማለት’ዩ። ነቲ ትሓስቦ ዘለኻ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዝሓሰብካዮ ብኽመይ ተግባራዊ ክትገብሮ ከምዝተዳለኻ ይፈልጥ። ንዕኡ ጥራይ ዘይኮነ ተግባራዊ ምስ ገበርካዮ ንዝፍጠር ሳዕቤናት’ውን ኣቐዲመ ይፈልጥ። ምፍላጥ ጥራይ ኣይኮነን፣ ሓሳብካን ውጥንካን ከምኡ’ውን ምስተግበርካዮ ንዝፍጠር ሳዕቤን ፈሊጠ ጽቡቕ ከምዘይኮነ እንተሓሲበ ንስኻ ከይፈለጥካ ክቕይሮ ወይ’ውን ከሕድገካ ይኽእል። እዚ ጥራይ’ውን ኣይኮነን። ኣብዚ ኣዳራሽ’ዚ ከለኹ ኣብ ቤተ መንግስተይ ወይ ኣብ ውሽጢ ገዛይ ኣብዛ ሕጂ ሰዓት መን ከምዘሎን ነታ ናይ መግቢ ጣውላይ መን ይውልውላ ከምዘሎን ክፈልጥ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ገዛይ ሰራቒ ኣትዩ እንተልዩ ንዓኹም ኣብዚ ኣኪበ ከለኹ በሪረ ከይደ ነቲ ሌባ ኣብትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣቱ ገይረ ተመሊሰ ይመጽእ። ንኣኻትኩም’ውን ምኻደይ ከምዘይትፈልጡ ክገብር ይኽእል። ኣብዚ ኮይነ ነቲ ኣብ ውሽጢ ክሽነይ ዝስራሕ ዘሎ መግቢ ኣሽቲተ ይፈልጦ። ኣብ ምድሪ ክሳብ ዘለኹ መሬት መሬት ብምጥማት ጥራይ የሚንተይ ናብ ውሽጢ ምድሪ ሰቲኾም ኣትዮም ኣብ ውሽጡ እንታይ እንታይ ዓይነት ማዕድን ከምዘሎ ክፈልጥ ይኽእል። ንጉንዲ ናይ ሓደ ገረብ ብምርኣይ ጥራይ ጠሊቕ ንውሽጡ ብቕጽበት ክርእዮ ይኽእል። ነቲ ገረብ’ውን ውደቕ ብዝብል ቃል ጥራይ ንሃመማ እሸሸሽ… ከም ምባል ኢደይ ወስ እንተቢለዮ ተመንቀሱ ይወድቕ። ተመሊሰ’ውን ከምዝነበሮ ይገብሮ። ናብ ኤርፖርት ንምኻድ ካብ ገዛይ ብንግሁኡ እንተዝወጽእ’ሞ ናብ ኤርፖርት ምሸት ዝበጽሕ እንተድኣ ኮይነ ኣብቲ ምሸት’ቲ ኣስካላ ክድይብ ከለኹ ንዘጋጥመኒ ዕንቅፋት ኣቐዲመ ይፈልጦ፣ እቲ ኣስካላ ዓንቂፉ ከይድርብየኒ’ውን ኣቐዲመ ብንግሁኡ ከዐርዮ ይኽእል። ነዚ ኹሉ ኣብ ገዛይ ኮይነ ገና ከይተበራበርኩ ኢየ ዘዐርዮ።

“ንኣብነት ሎሚ ንስኹም 20% ተጠቒምኩም ንሓደ መጽሓፍ ብምድህሳስ ጥራይ ፈሊጥኩሞ ኣለኹም። ብ20% ክልተ ጋሻ ዝኾና ናይ ኢትዮጵያ ቋንቋታት ተመሊእኹም ኣለኹም። 100% እንተትጥቀሙ ግና ናብ ሓደ ግዙፍ ቤት መጽሓፍ ኣቲኹም ንመደርደሪ ናይተን መጻሕፍቲ ብምድህሳስ ጥራይ ብሚኢቲታት ኣሽሓት ዝቕጸሩ መጻሕፍቲ ኣብ ውሽጢ ደቒቕ ኣንቢብኩም ብቓልኩም ሒዝኩም ምወጻኹም። ብምድህሳስ ጥራይ! እዚ ጥራይ ኣይኮነን ሓደ ሓረስታይ እኽሊ ዘሪኡ ተባላሽይዎ ክሳራ እንተዘጋጥሞ፣ ነቲ ብካሬ ወይ ብሄክታር ዝተከለለ መሬቱ ዝዘርኣሉ ግዜ መሊሱ፣ ብኡንብኡ እንደገና ኣብቑሉ ካብ ጌግኡ ተኣሪሙ ብዝደለዮ ዓይነት ምህርቲ ተኪኡ ምህርቱ ክሓፍስ ይኽእል። ብድሕሪኡ ነቲ ዝመለሶ ግዜ እንደገና ናብቲ ዝነበረሉ ቦታ ይመልሶ። ነቲ ናቱ ጥራይ ኣይኮነን። ንኻልእ ክሓስብ

ዘይጀመረ ሓረስታይ'ውን ንምህርቱ ብተመሳሳሊ መንገዲ ክከላኸለሉ ይኽእል። ሓደ ሰብ ዝሰትዮ ኣልኮል ንጎረሮኡ ሓሊፉ ኣበይ ከምዝበጽሕን በጺሑ'ውን ነየናይ ኣካሉ ጉድኣት ከምዘውርደሉ ፈልዩ ክፈልጥ ይኽእል። ሓደ ሰብ 100% ኣተሓሳስባኡ ተጠቒሙ ማለት፣ ኣብ ውሽጣዊ ኣካሉ ዝተዛብዐ ነገር እንተልዩ'ሞ እንተሪእዎ፣ ከናቴራኡ ከየውጽኣ፣ ንማለቱ ኢሉ ብዝገብሮ ቁሩብ ምንቅስቓስ ጥራይ ነቲ ዝተዛብዐ ክፍሊ ኣካላቱ ከዐርዮ ይኽእል። ወድሰብ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ክሓስብ ክኢሉ ማለት ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ምስጓም ፍጹም ተራ ዝኾነ ነገር ኢዩ። ካብዚ ዝዛይዱ ብርክት ዝበሉ ኣደነቕቲ ነገራት'ውን ክገብር ክኢሉ ማለት ኢዩ። በዚ ኮነ በቲ ግና ወድሰብ 100% ተጠቂሙ ምንባር እንተዝጅምር ፍልጠቱ ብዛዕባ'ዚኣ ምድሪ ጥራይ ኢዩ። ካብ ምድሪ ናብ ምድሪ ብዛዕባ ምድሪ ናብ ምድሪ ብምድርን ኣብ ምድርን ጥራይ! ናብ ወርሒ ምድያብ፣ መንኮራኩር ምውንጫፍ፣ ናብ ማርስ ምብጻሕ ፍልጠት ኣይኮነን። ኣብኡ ተበጺሑ ዋላሓደ ዝግበር ነገር ስለዘየለ ማለተይ ኢየ። እዞም ነገራት ድሕሪ ዓወት ዝሕሰቡ ኢዮም። በዚ ኮነ በቲ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ወድሰብ ክሳብ ሎሚ ክሓስብ ኣይከኣለን። ኣይጀመረን ክንብል'ውን ንኽእል። ትሕቲ 1 ኣብዝኾነ ኣተሓሳስባ ስለዘሎ ጥራይ ግና ምሕሳብ ከምዝጀመረ ይቑጸር። ዜሮ'ውን ቁጽሪ ስለዝኾነ ዜሮ ነጥቢ ገለመለ ኣብዝበሃል ደረጃ ስለዘለና ምሕሳብ ከምዝጀመርና ተገይሩ ይውሰድ። ነገር ግን ምስ ናይ 100% ብቕዓቱ ክነጻጸር ከሎ ምሕሳብ ከምዘይጀመረ ይቑጸር። ወድሰብ ምሕሳብ ከይጀመረ ከሎ'ዩ እምበኣር ነዚ ኩሉ ህንጻ ዝሃነጸ፣ ነዚ ኩሉ ሓጻውን ዝቕጥቀጠ። ልክዕ ብኽምዚ መጠን'ውን ገና ምሕሳብ ከይጀመረ ከሎ ወድሰብ ከምዚ እንተተጋጭዩን ኩናት እንዳልዓለ እንተተዋጊኡን፣ ምሕሳብ እንተጀሚሩ ድማ እንታይ ክፍጠር ከምዝኽእል ገምቱ። ወድሰብ ይፈኻኽር። እቲ ምፍኽኻሩ ወይ ውድድሩ'ውን ብደረጃ ውልቀሰብን ጉጅለን ከምኡውን ብደረጃ ሃገር ኢዩ። እዚ'ውን ገና ምሕሳብ ብዘይጀመሩ ማሕበረሰባት ዝግበር ምፍኽኻር ኢዩ። ከምኡ ኮይኑ'ውን ብዙሕ ሕልቂትን ብርክት ዝበለ ጥፍኣትን ውድመትን ወሪዱ'ሎ። ምሕሳብ እንተዝጅምርን ልክዕ 100% ብዝጥቀሙ ማሕበረሰባት ዝግበር ምፍኽኻር እንተዝኸውን ድማ እዛ ምድሪ'ዚኣ ኮነት ወድሰብ ባዕሉ ሓንቲ ለይቲ ኣይምሓደረን ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ሓደ ኣገዛዝኣ ክሳብ ዘይሃለዉ!

"ስለዚ እቲ ዝተዋሃበ መሊሱ ተኣጊዱ። ወይ'ውን ተወሰነሉ። ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣሚኖም በቲ ቅኑዕ መንገዲ ንዕኡ ንምምስጋን ክጥቀሙ ንዝደልዩን ንዝፍትኑን ግና ናይ ምጥቃም መሰሎም ከምዝተሓለወሎም ንርኢ። እዚ ንባዕሉ ኢ ፍትሓውነት ኢዩ።.....

"ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ከምልኹ ዝጽዕሩ ሰባት እቲ ናይ ምሕሳብ መሰል ክወሃቦም ከሎ፣ ንኻልእ ሰብ ግና ዘይወሃቦ ክኸውን ከሎ! እዚ ኣካይዳ ፍትሓዊ ከምዘይኮነ ብቐሊሉ ትርድኣዎ

ኢዩ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል ግን ከምኡ ኢዩ ዝገብር ዘሎ! ንዕኡ ምስ ምስዓብን ምምላኽን ንዝተተሓሓዘ ዕላማ ጥራይ ኢዩ ኣብ መዓላ ከውዕሎ ዝደሊ። በዚ ምኽንያት'ዩ ንዕኡ ንምምላኽ ዘኽእሉ ሃይማኖታት ክምስረቱ ከለዉ እቶም መስረትቲ፣ ነቲ ናይ ምሕሳብ ዓቕሞም ክጥቀሙ ዝፍቀደሎም። ንኣብነት ኣብ ጥንቲ ዘመን ሄኖክ 100% ተጠቂሙ'ሎ። ካልኦት ነቢያት'ውን ክጥቀሙ ተፈቒዱሎም ተጠቒሞም ኣለዉ፣ ሰባት ንዕኡ ከምዘምልኹ ኣብምግባር ንኽውዕልዎ ተገይሮም ኣለዉ። ሙሴ፣ ቡድሃ፣ ኢየሱስ፣ ነቢይ መሓመድ፣ ወዘተ... ኩሎም ክጥቀሙሉ ተፈቒዱሎም ኣሎ። እዚኣም ኩሎም ግና ናይ ምሕሳብ ዓቕሞም ክጥቀሙ ቅድሚ ምኽኣሎም ምንባብን ምጽሓፍን እኳ ኣይከእሉን ነበሩ። ሙሴ ብግቡእ ክዛረብ ዘይኽእል ወታእታእ ዝብል ሰብ ነይሩ። ግና ነቲ ኩሉ ስራሕ ሰርሐ። ቡድሃ ካብ ሓደ ንጉሳዊ ቤተሰብ ዝተረኽበ ፍልጠት ዘይነበሮ ሰብ ነይሩ። ግን ግዙፍ ሃይማኖት መስሪቱ። ነቢይ መሓመድ'ውን ምንባብን ምጽሓፍን ዘይኽእሉ ነበሩ። ግን ብኡንብኡ ቁርዓን ቀሪፆም ግዙፍ ሃይማኖት መስረቱ። ኢየሱስ እውን ከይተማሃረ ኢዩ ክምህር ጀሚሩ። ካልኦት'ውን ከምኡ። እዚ ዝኾነ ነቲ ዝንገሮም መታን ክሰምዑን ከስተውዕሉን፣ ነቲ ዝርእይዎ ክርድኡን ክኣምኑን ኢዩ። ተረዲኦም'ውን መታን ክጽሕፉን ክምህሩን ኢዩ። ነቲ ሃይማኖት መስሪቶም መታን ክዝርግሑ ኢዩ። ከማን ኣእምሮኦም ክጥቀሙ ዝተገብረ በብቑሩብ ዘይኮነ ብኡንብኡ ብቕጽበት ኢዩ። እዚ'ውን ካብቲ ላዕለዋይ ኣካል /ካብ ኣምላኽ/ ዝተዋሃቦም ጥበብ ኢዩ። እዚ ኩሉ ገስጋስ'ውን ነቲ ላዕለዋይ ኣካል ምስ ምምላኽ ዝተተሓሓዘ ኢዩ። ስለዚ ነዞም ነቢያት ሙሉእ ጥበብ ስለዝተዋሃቦም ነቲ ኩሉ ተኣምራት ምግባር ንዕኦም ቀሊል ነበረ። ነቲ ጥበብ ሒዞም ግና፣ ጌና ምሕሳብ ንዘይጀመረ ሕዝቢ ኢዮም ዝምህሩ ነይሮም። ክምህሩ ከለዉ'ውን ምስኦም ዝቀራረብ ሰብ ስለዘይነበረ ኣዝዮም ናብ ድሕሪት መጺኦም፣ ጡጦ ከምዝሓዘ ሕጻን ኮይኖም ኢዮም ብምሳሌ ዝምህሩ ነይሮም። ንሕና ድማ ገና ምሕሳብ ስለዘይጀመርና ምሳና እንዳመዛዘንና፣ "ሰባት ከለዉ ከመይ ገይሮም ነዚ ይገብሩ?" ንብል። እቲ ሓቂ ግና እቲ ካብ ላዕሊ ዝተዋሃቦም ጥበብ ካብ ሰባት ዝተፈለዩ ስለዝገበሮም ኢዩ። መንፈሳዊ ጥበብ ንምርካብ ድማ መንፈሳዊ ትሑትነት ይሓትት። ስለዚ ነቶም ነቢያት፣ ሓደ ሰብ ብውሽጡ እንታይ ይሓስብ ከምዘሎ ምፍላጥ ኣዝዩ ቀሊል ነገር ነበረ። ነዚ ኢዩ ድማ፣ እቶም ናይ ቀደም ናትና ጣዖት ኣምለኽቲ ነቶም ነቢያት ሓደሓደ ሕቶታት ክሓትዎም ኢሎም ምስ መጹ፣ እቶም ነቢያት ገና ከይተሓተቱ ከለዉ፣ "ነቲ ክትሓተኒ ዝመጻኻ ሕቶ ምስ መልሱ ክነግረካ" ወይ "ነቲ ሕቶ ከይሓተትካኒ ከለኻ መልሱ ክነግረካ?" እንዳበሉ ክምልሱ ዝጸንሑን ንብዙሓት ናይቲ ዘመን ሰባት ዘገርሙ ዝነበሩን።

"እዚ'ዩ እቲ ሓቂ። ዓንተዎ ከምዝበልክዎ ናይቶም ሃማኖተኛታት ናይ ኣነ ይበልጽ ኣነ ይብልጽ ጉዳይ ሕደን፣ ኩሉ ናብ ሓደ ናብቲ ላዕለዋይ ኣካል ኢዩ። ንኹሉ ሕዝቢ በብቋንቋኡን

በብባህሉን ነናይ ባዕሉ ነቢይ እንዳተላእኸሉ ብዛዕባ'ቲ ላዕለዋይ ኣካል ከምዝፈልጥን ንዕኡ ከምዝስዕብን ኢዩ ተገይሩ። ካብዚ ሓሊፉ ብጀካ'ዞም መስረትቲ ሃይማኖት 100% ጥበቡ ዝተጠቐመ የለን፣ ንመጻኢ'ውን ዝጥቀም የለን።

"በቲ ሓደሓደ ሳይንቲስታት በሉ ኢልናዮም ዝብልዎ ዘይኮነ፣ ከምኡ'ውን እቲ ንስኹም ኣብ ፈቐዶ ሃይስኩላት ትምህርዎ "ኣንስታይን 15% ተጠቂሙ ቦምባ ሰሪሑ" ከምትብልዎ ዓይነት ኣይኮነን። IQ በዚ መንገዲ ጥራይ ኣይግለጽን። ቀንዲ መግለጺኡ ንመንፈሳዊ ነገር መሰረት ዝገበረ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ስለዚ በቲ ቅኑዕ ኣተዓቓቕናን ኣቐጻጽራን፣ ወድሰብ ክሳብ ሎሚ ካብ ዜሮ ክብ ዝበለን ካብ ሓደ ልጥቕ ኣብ ዝበለን ደረጃ ኣተሓሳስባ ኢዩ ዘሎ። ክሳብ ሕጂ። ንስኻትኩም'ውን ትሕቲ 1 ኴንኩም ኢኹም ሃገር ትመርሑ ዘለኹም። ልዑልና'ውን ንዓና ናብ 20 ኣጸጊው ከዛርበና ኸሎ ኣዝዩ ኣዝዩ ናብ ድሕሪት ተመሊሱ'ዩ እዚ ከማን በቲ ምክትሉ ዝኾነ ብናይ ሉሱፈል ኣስተርጓሚነት ኢዩ። ሉሱፈል ናቱ 100 ኣተሓሳስባ ሒዙ፣ ኣነ ናይ ባዕለይ ናይ ሰብ 100 ኣተሓሳስባ ሒዘ እንተንራኸብ ከማን ክንረዳዳእ ኣይንኽእልን። ኣዝዩ ዝተረሓሓቐ ርድኢት ኢዩ ዘለና። ናብ ድሕሪት ተመሊሱ ኢዩ ዝራኸበና።

"መንፈሳዊ ዘበለ ስራሕ ኩሉ ብተቐራራቢ ኣስተርጓምን ብመንገዲ ነቢያትን ዝስራሕ ነዚ ኢዩ። ነገር ግና እቶም ልዕሊ ሰብ ዝኾኑ መንፈሳውያን ኣካላት፣ ሰብ ኣይስማዓዮም ደኣምበር ንሳቶም ብዘይ ዝርርብ ንነገራት ከሳልጡ ይኽእሉ። ንምሳሌ ኣነ ንሉሱፈል "ንስኻ መን ኢኻ እስከ ብዛዕባኻ ንገረኒ?" እንተዝብሎ ክነግረኒ ይኽእል፣ ኣነ ግና ክርድኦ ኣይኽእልን ኢየ። ሰብ እንድየ። ሰብ ስለዝኾንኩ ነቶም ልዕሊ ሰብ ዝኾኑ ኔፊሊማት'ኳ ብጥራዩ ክርድኦም ኣይክእልን'የ፣ ይትረፍ'ዶ ነቶም ካብኦም ዝዓብዩ። ነዚ ኢዮም ድማ ኣዝዮም ናብ ድሕሪት ተመሊሶም ማዕሬና ምኺን'ኳ እንተዘይከኣሉ ተቐራሪቦም፣ ጡጦ ከምዝሓዘ ሕጻን ኮይኖም ንዓይ ንሽማግለ ሰብኣይ ብቐሊል ምሳሌ ክነግሩኒ ዝፍትኑ። ናቶም ቀሊል ምሳሌ ድማ ንዓይ ናይ ሙሉእ ዕድመ ሚስጥር ይኾነኒ። ኣዝዩ ከቢድ! ሰብ ግን ኮነ ኢልካ ምስ ድፍረቱ ስለዝተፈጠረ ብዛዕባ ኣበቐቐላ ጽፍሩ እኳ ከይፈለጠ "ንስኻ መን ኢኻ? ስለምንታይ ከምዚ ጌርካ?" እንዳበለ ይሓትት። እንተዝንገሮ ሸክና ርእሱ ተነፊሑ ምነተጐ። ነቲጉ'ውን ኣይርድኣን። ኦም ህይወት ኣብ ኢድና ምስኣተወት ግና ነገራት ክልወጡ'ዮም! ስለምንታይ ከምዘድለየትና'ውን በዚ ተረድኡ!

"ነገራት ኩሎም ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ምስ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝተተሓሓዙ ዕንኪላሎ ምኺኖም ካብ ሕጂ ክትፈልጥዎ ኣለኩም። ኩሉ ነገር ናይ ባዕሉ ቀመር ከምዘለዎ ክትፈልጡ ኣለኩም። ናቱ ዝኾነ ናይ ግዜ ቀመር፣ ናቱ ዝኾነ ዘመን፣ ናቱ ዝኾነ መሰጋገሪ፣ ናቱ ዝኾነ

ኣፈጻጽማ፣ ናቱ ዝኾነ ግስጋሰ፣ ናቱ ዝኾነ ኣገላልጻ፣ ናቱ ዝኾነ ብዙሕ ነገር ስለዘለዎ፣ ብሰብኣዊ ኣእምሮኹም ብምሕሳብ ጥራይ ስለምንታይ ከምዚ ዘይንገብር? ስለምንታይ ንኢትዮጵያውያን ካብ ሕጂ ዘይነጥፍኣም? ኩሉ ምግባር እንተተኻኢሉ.... ኣይትበሉ! ብናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድ ንሕና ኣብ ብዙሕ ነገር ክንበጽሕ ኢና! ንኹሉ ግና ግዜ ኣለዎ። ግዜ ነይርዎ! ሕጂ ግና እቲ ግዜ በጽሐ! ንጹር ድዩ የሕዋት?” በሉ ነቲ ዝጀመርዎ ታሪኽ ምዝዛሞም ብዝገልጽ ኩነታት። ኩላቶም ክሳዶም ብምውዝዋዝ ንጹርነት ናይቲ ነገር ኣረጋገጹ።

“ክብሪ ነቲ ሓያል ልዑልና ኣሜን!”

“ኣሜን!” ናይ ሓባር ድምጺ.....።

****

“ናይ ኩልኹም ሕቶታት መሊሰ ወዲኣ’ለኹ። ስለዚ ናብቲ ካልእ ቀንዲ ነጥብና ክሓልፍ!” ብማለት ሒደት ትም ኢሎም ጸንሑ። ብዙሕ ከይጸንሑ ግና ብብርትዑ ድምጺ ቀጸሉ።

“ናይ ግብጺ ፒራሚድ ካብ ዝተመስረተሉ ግዜ ኣትሒዙ ክሳብ’ዛ ሎሚ ዕለት ብኣዝዩ ልዑልን ጥቡቕን ዝኾነ ሚስጥራዊ መንገዲ ዓቂብና ዘጽናሕናዮ ግዙፍ ጥበብን ግዙፍ ግዝኣትን ኣለና! ነዚ’ውን ሎሚ ንዓኹም መታን ከበስር ናይ ልዑልና ሰናይ ፍቓድ ኮነ! ኦ ክቡራን የሕዋት!” በሉ ትርር ብዝበለ ኣንደበት።

“እዚ ግዙፍ ግዝኣት ጥራይ ኢዩ ከደንቕኩም ዝግባእ። እወ! ናይ ግብጺ ፈርኦናት ካብ እኒ ራምሴስን ከምኡ’ውን ቅድሚኣም ኣብ ዝነበረ ዘመን ብጥበብ ዝነገሱ ሓያላን ፈርኦናትን፣ ከምቲ ካልኦት ብልዑልና ዘይኣምኑ ኣሕዛብ ዝሓስብዎም፣ ዓያሹ ኣይነበሩን። የግዳ እቶም ናይ መጀመርታ ጥበበኛታትን ድንቂ ዝነበሩ ሓያላን ነገስታትን ኢዮም። ናይ ቀደምን ናይ ሕጅን ሊቃውንቲ፣ ንዕሽነት ፈርኦናት ግብጺ ንምግላጽ ካብዝጥቀሙሉ ዝነበሩን ዘለውን ሓደ፣ ክሞቱ ከለዉ ምስ ሙሉእ ሃብቶምን ምስ ኩሎም ገላውኣምን ከምዝቕበሩ ብምግላጽ ኢዩ። “ከምዝትንስኡ ተስፋ ይገብሩ ስለዝነበሩ ምስ ሙሉእ ሃብቶም ተቐቢሮም” እንዳበሉ የላግጹሎም። “ክሳብ ሎሚ ደኣ ስለምንታይ ዘይተንስኡ?” ካብ ዝብል ተበጊሶም’ውን፣ “ዘገርም.... የዋህነት?” ክብሉ የባጭዉሎም። ግደፎም ንዕኣም። መን ብመን ከምዝባጨ ስለዘይፈለጡ ኣይፍረደሎምን። ነገር ግን ንመጀመርታ ግዜ ኣእምሮኣም ናይ ምጥቃም ዕድል ዝረኸቡ ንሶም ኢዮም ነይሮም። ብመሰረት’ቲ ናይ ዓንተዎ ምሳሌ፣ ገና ብኣግኡ ብሓገዝ ልዑልና 20% IQ ክጥቀሙ ዝጀመሩ፣ እቶም ዓያሹ ተገይሮም ዝተቐጸሩ ናይ ኔፊሊም ድቃል

ዝነበሩ ፈርኦናት ኢዮም ነይሮም እብለኩም ኣለኹ!” ምስበሉ፣ ብፍላይ እቶም ሓደስቲ ናይ G20 ሃገራት መራሕቲ ኣብ ልዑል ምግራም ኣተዉ።

“እወ!! “ራ” ብማለት’ዮም ንልዑልና ዝጽውዕዎ ዝነበሩ። ናይ ጸሓይ ኣምላኽ ይብልዎ። ካልኦት ብርክት ዝበሉ መጸውዒ ኣስማት’ውን ነይሮሞ፣ ሕጂ’ውን ኣለውዎ። ንሱ ግና ሓደ ኢዩ። ቀደም ዝነበረ፣ ሕጂ’ውን ዘሎ፣ ንመጻኢ’ውን ዝነብር ዓቢ ልዑልና! ከምዝበልክዎ፣ ልዑልና ነቲ ናይ መጀመርታ ጥበብ ንሕዝቡን ንነገስታቱን ዝገለጸሉ፣ ተቐባልነቱ’ውን ዝነሃረሉ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኢዩ ነይሩ። ኩልኹም ከምትፈልጥዎ እቲ ላዕለዋይ ኣካል በቶም ኣብ ግብጺ ዝነበሩ እስራኤላውያን ኣቢሉ ብመንገዲ ሙሴ ተፈላጥነት ከምዝረኸበን፣ ክምለኽ ከምዝጀመረን፣ ናትና ልዑል’ውን ሃይማኖት ቅድሚ ምንባሩ ተፈላጥነት ዝረኸበላ ምድሪ ግብጺ ኢያ ነይራ። ኣብቲ ዘመን’ቲ ኣብ መንነ እቲ ላዕለዋይ ኣካልን ልዑልና ዝኾነ ሳጥናኤልን ብርቱዕ ምትህልላኽ ነይሩ። እቲ ብልዑልና ዝተበሳጨወ ላዕለዋይ ኣካል፣ ንእስራኤላውያን ካብ ፈርኦናት ግብጺ መንዚዑ ክወስዶም ኣብዝተዳለወሉ ግዜን፣ እቶም ፈርኦናት እምቢ ምስበሉን፣ ድንቂ ብዝኾነ ተኣምራት ይፈኻኸሩ ነይሮም። ናይ ልዑልና ሓይልን ጥበብን’ውን ክሳብ ክንደይ ም኿ኑ ብናይቲ ዘመን ተኣምራት ጥራይ ብቐሊሉ ክንርዳእ ንኽእል። ኣብቲ ዘመን እቲ ናይቲ ላዕለዋይ ኣካል ተለኣኣኺ ዝነበረ ሙሴ፣ ነቲ ፈርኦን ተኣምራት ኣርእዮ ተባሂሉ፣ በቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣብዝተኣዘዘሉ ግዜ፣ እቲ ላዕለዋይ ኣካል ጥበብ ስለዝሃቦ በትሩ ሰንደወ። ተመን’ውን ኮነት። ደቂ ልዑልና’ውን በትሮም ሰንደዉ ኣትማን’ውን ኮኑ። ንማይ ናይቲ ሩባ ብበትሪ ምስሃረምዎ ማይ ዘበለ ኩሉ ናብ ደምነት ተለወጠ፣ ኩሎም ዓሳታት ሞቱ። ሕዝቢ ግብጺ ነቲ ማይ ምስታዩ ጸልኡ። ደቅና’ውን ብበትሮም ነቲ ሩባ ሃረምዎ፣ ናብ ደምነት’ውን ተለወጠ፣ ዓሳታት’ውን ሞቱ። ሕጂ’ውን ሙሴ ብዝተኣዘዘ መሰረት በትሩ ዘርግሐ፣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣቐሑት ግብጻውያን ደም ኮነ። ደቂ ልዑልና’ውን በትሮም ዘርግሑ፣ ከምቲ ንሶም ዝገበርዎ’ውን ገበሩ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል ሕጂ’ውን ቀጸለ፣ “ንሕዝበይ ይኺድ ሕደጎ እንተ ኣቤኻ ግና ንሃገርካ ብእንቁርዖብ ክወቕዓ እየ” ኢሉ ብእንቁርዖብ ዓዕለቐለቓ። ልዑልና’ውን ከምኡ ምግባር ከኣለ። ብዙሕ ነገር ገበሩ፣ ብዙሕ ነገር’ውን ገበርና። ኣንበጣ ኣዝኒቦም ኣንበጣ ኣዝኒብና። ኣብ መወዳእታ ግና ናይ ግድን ክኸውን ስለዝነበሮን ብልዑልና’ውን ኣድላዩ ስለዝኾነን ብቁማል ክርታዕ ከሎ ንርኢ። ነዚ ሰፊሕ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ ንግደፎ’ሞ ግን፣ እቶም እዚ ኩሉ ተኣምራት ኣብ ዘመን ፈርኦናት ዝተዋሃቦም ደቂ “ራ” ፣ ፈተውቲ ሉሱፈል፣ ቀዳሞት ኣምለኽቲ ልዑልና ም኿ኖም እንዳተፈለጠ፣ ነገር ግን ከም ዓያሹ ተቐጺሮም ክንርኢ ከለና የስሕቐና። ኩሎም ፈርኦናት ደቂ እቲ ጥበበኛ ልዑልና ነበሩ። ስለዚ ጥበብ ናቶም ስለዝነበረት “ራ” ህይወት ሃቦም! ካብቶም ፈርኦናት መንም ዝሞተ የለን።

ኣብ መበል 25 ዳይናስቲ ዝነገሰ ፈርኦን ጥራይ ኢዩ ሞይቱ። ምስኣም ሓቢሮም ዝተቐበሩ ብሚልዮን ዝቑጸሩ እሙናት ባሮቶምን ካብ ኩሎም ነገድ ዝተዋጽኡ ውቁባት ኣንስቶምን ብሙሉኣም “ራ” ህይወት ሂብዎም ብደስታ እዮም ዝነብሩ ዘለዉ! ካብ መጀመርታ ኣትሒዞም ተኣሚኖምን ተሓርዮምን ዝተሾሙ ስለዝኾኑ ምዕሩግን ኣንጸባራቕን ስጋ ለቢሶም ንልዑልና እንዳገልገሉ፣ ክዕመሙ ዝግብኦም ነገራት ኣብ ምዕማም ይርከቡ። ኩለንተናኦምን ነብሶምን ከይተረፈ ከይሰስዑ ንልዑልና ዘወፈዩ እሙናት ቀዳሞት ኣቦታትና’ውን ምስ ልዕልናኣም ኣለዉ!!” ብማለት ነታ ናይ መወዳእታ ቃል ጸቒጦም ከም በርቂ ጨደሩ። ኣብዚ ግዜ ኣብ ኩሎም ተኣከብቲ ናይ ኣድናቐት ኣይብልዎ ናይ ምድንጋር፣ ጥራይ ዘይተለመደ ትርኢት ኣብ ኩሎም ተስተውዓለ። እቶም ኣቡን’ውን ከም ሓደ ተንታኒ መጽናዕቲ ብኹርዓት ብድድ ኢሎም ኣብቲ መድረኽ ብህድኣት እንዳሰጎሙ ገለጻኦም ቀጸሉ። ቅድሚ ገለጻኦም’ውን ነቲ ምስ መንደቕ ተጣቢቑ ዘሎ ግዙፍ ዘመናዊ ስክሪን ዓባይ ዓባይቶን ማእኸለይቲ ኣጻብዕቶምን ኣጋጭዮም ብዝፈጠርዎ “ጣ” ትብል ድምጺ ወልዕዎ። ሕጂ’ውን ካልእ ምግራም።

“ሰናይ” ክብሉ ቀጸሉ። “ሰናይ። ማራኺ፣ ጥበበኛን ሓያልን ልዑል ስለዘለና ብሓቂ ክንኮርዕ ይግበኣና’ዩ!” ኢሎም፣ ኣድናቐት መሰረት ኣብ ዝገበረ ናይ ሒደት ካልኢታት ስቕታ ኣተዉ። ኣብቲ ሰፊሕ ስክሪን፣ ብደሚቕ ቀይሕ ብርሃን ዘንጸባርቕ፣ ኣበይ ቦታ ምኽኑ ዘይፍለጥ ጋሻ ዝኾነ ከተማ ኢዩ ዝርኢ ዘሎ። ኣዝዩ ገፊሕን ማራኺን ዝኾነ ከተማ ኢዩ። ብዘይተለመዱን ዘይንፈልጦምን ዓይነታት ኣእማን ዝተሃነጹ ነዋሕቲ ህንጻታት ነቲ ከተማ ፍሉይ ውቃበ ክህብዎ ከለዉ፣ ኣብ መሬት ዝስጉሙ ብርክት ዝበሉ ሕዝቢ’ውን ይረኣዩ። እቶም ዝረኣዩ ሰባት’ውን ብፍሕሹው ገጽ ዝደመቕን ብናብርኦም ሕጉሳት ዝመስሉን ኢዮም። ሕብሪ ቆርበቶም ርኢኻ ዜግነቶም ንምግማት’ኳ ዝኸብድ እንተኾነ... ያው ከም መንም ናይ ማእከላይ ምብራቕን ናይ ግብጻውያንን ዝመስል መልክዕ ገጽ ዘለዎም ሕዝብታት ብርክት ዝበሉ ይመስል። ይኹን ደኣምበር ጸለምትን ናይ ኤውሮጳውያን መልክዕ ገጽ ዘለዎምን ምስኣም ተሓዊሶም ኢዮም ዝረኣዩ። ናይ ኩሎም ገጽ ግና ፋሕሸዩ ኢዩ ዝርኢ። ህጻናት፣ መንእሰያት፣ ጎራዙ፣ ዓበይቲ ሰብኡት፣ ከም ናይ ኩሉ ዓዲ ሕዝቢ’ውን፣ ኣዋልድን ኣወዳትን ነቲ ዝተለመደ ዕለታዊ ተግባር እንክፍጽሙን ናብዝን ናብትን ክብሉ ከለዉን ኢዩ ዝርኢ። ኣዝዮም ውሑዳት ነዋሕቲ ዝቕመቶም ካብ ርሑቕ ይረኣዩ። ኣተሃናንጻ ናይተን ገዛውቲ ዘይልሙድ ቅርጺ ክህልዎ ኸሎ፣ ንኹለን ገዛውቲ ዘመሳስለን ሓደ ነገር ግን ኣሎ። ንሱ’ውን ኣብ ልዕሊ ኩለን ኣባይቲ ብርኽ ዝበለ ቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ ዘለዎ ምኽኑ ኢዩ። እቲ ናህሲ ብቐይሕ ካይላ ዝተሰርሐ ይመስል። ናይተን ህንጻታት ሕብሪ ቀለም ሃሳስን ናብ ቀይሕ ቀለም ዝዛዘወን ኢዩ። ኣብ ፈቐዶ ጸግዓ ጸግዒ ዘለዉ መንገድታትን ገፋሕቲ ጎደናታትን ብደሚቕ ቀይሕ ጡብ ዝተሰርሑ ኢዮም ዝመስሉ። ምቑኣት መንገድታት ምኽኖም ኣጸቢቑ’ዩ ዝፍለጥ።

ክቡር ቀይሕ መንጸፍ ደኣምበር ጎደና ኣይመስልን። ናብዝን ናብትን ክብሉ ዝረኣዩ ሕዝቢ ብናይ ቀደም ኣከዳድና ዝዘነጡን፣ ሓደ ጥንታዊ ንጉሳዊ ቤተሰብ ዝመስሉን ኢዮም። ኣብቲ ቪድዮ ዝኾነ ኣብ ምድሪ ዝንቀሳቐስ ተሽከርካሪ ኣይረኣን። ነገር ግን ብቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ ዝተሰርሑን ብግምት ሰለስተ ሜትሮ ብሰለስተ ሜትሮ ዝኾኑ ኣንጸባራቕን ጸሊምን ሕብሪ ዘለዎም ፈጣን ነገራት ኣብ ፈቐዶ ህንጻን ኣብ ፈቐዶ ኣፓርታማን ብፍጥነት ክወናጨፉ ከለዉ ይስትውዓል። ምናልባት ዘመናውያን መጓዓዝያ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብቲ ምስሊ ከምዝረአ እንተድኣ ኮይኑ ንሰማይ ኣንቃዕሪርካ ንኽትጥምት ዘኽእል ዕድል የለን። ምኽንያቱ ቀይሕን ደሚቕን ብርሃን ዘለዎ መብራህቲ ንኹሉ ነገር ብብርቱዕ ብርሃን ኣዕለቕሊቕዎ ስለዘሎ ኢዩ። ብሓጺር ኣገላልጻ ሓንቲ ስልጥንቲ ሃገር ወይ ከተማ፣ ኣብ ጸልማት፣ ቀይሕ ዲም ላይት ክበርሃ ከሎ ዘለዋ ትርኢት ዝዓይነቱ ነገር ኢዩ።

“ርኢኹም’ዶ!? ነዛ ከተማ መን ክገልጻ፣ መን ክሓስባ፣ መን ኣብ ኣእምሮኡ ክስእላ፣ መን ክሓንጻ ይኽእል? ብምንታይ’ከ ትምሰል?” መልሲ ኣይረኽቡን። ንሶም’ውን ኣይተጸበዩን፣ ጸጥታ...።

“እዛ ከተማ ናይዛ ፕላኔት ሓንቲ ኣካል ኢያ ክትብላ’ኳ ዘይከኣል እንተኾነ፣ እቲ ሓቂ ግና ንሱ ኢዩ! ኣብ ፕላኔትና ኣብ ውሽቲ ምድሪ ዝተሃነጸት ዓባይ ከተማ!!” ምስበሉ። ካብቶም ተኣከብቲ እቲ ኣቐዲሙ ዝተጀመረ ናይ ምግራም ሕሹኽታ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ እንዳረሰነ ከይዱ ናብ ከቢድ ጉርምርምታ ተለወጠ።

“እወ! ክትድነቕ ተጸቢየ’ለኹ! ነታ ናይ መጻኢ ከተማና’ኳ እንተዘየርከበታ፣ ኣዝያ ተደንቕ ከተማ ምኳና ክትኣምኑ ኢኹም። እዛ ከተማ ወላዲት ኣደ ናይታ መጻኢት ከተማ ኢያ! ነታ ሓዳስ ከተማ ጠኒሳ ትነብር ከምዝነበረትን ሕጂ ግዜ ሕርሳ በጺሑ ከምዘሎን ጌርኩም ሕሰብዋ! እዛ ኣደናቒት ከተማ ብናይ ነዊሕ እዋን ናይ ህንጻ ጥበብ ዝማዕረገት ከተማ’ኳ እንተኾነት፣ መሰረት ናይታ ከተማ ዝተነበረ ግና ኣብ ዘመን መግዛእቲ ናይቲ ቀዳማይ ፈርኦን ኢዩ። እቶም ተኽታቲሎም ዝመጹ ፈርኦናት’ውን ሞይቶም ዝበሃል ናብዛ ከተማ ተሰጋጊሮም ምንባር ክጅምሩ ከለዉ ኢዩ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ድማ ናትናን ናይ ልዑልናን ካልኣይ መኣዘዚ ነቒጣ ኮይና ከተገልግል ምድላዋታ ኣጻፊፉ’ላ። ኣብ ምድሪ ዘለዉ ናትና ዝኾኑ ጥበበኛታትን ዝኾነ ዓይነት ውጽኢት ቴክኖሎጂ ዘበለን ኩሉ ኣብዛ ከተማ ኣገልግሎት ክህቡ ዝጀመሩ፣ ገና ቀደም ካብ ዘመን ፈርኦናት ኣትሒዙ ኢዩ! ኣብዛ ከተማ ዘየሎ ነገር የለን። የለን ኢልና ንሓስቦ ነገር ኩሉ ብዝሓሸን ፍጹም ዘመናዊ ዝኾነ መንገድን ንዘሎ ነገር ኢና። ኣብ ውሽጢ’ዛ ከተማ ኩሉ ነገር ኣሎ! ኩሉ ናይ ዓለም ሃብቲ ተደሚሩ ክንዲ 1% ናይዛ ከተማ እኳ ኣይበጽሕን። ናይ ዓለም ጥበበኛታት’ውን ከምኡ። ናይ ዘመናዊ ኒውክሌራዊ ኣጽዋር

ምስረታ ንመጀመርታ ግዜ ዝጀመረ ድማ ቅድሚ 5 ሽሕ ዓመት ኢዩ!! ልዕሊ ናይ ወድሰብ ዝኾነን ኣዝዩ ዝተራቐቐን ጥበብ ዝተመልኡ ኮይኖም ዝተፈጠሩ፣ ናይ ልዑልና መንፈሳውያን ወተሃደራት /ኔፊሊማት/፣ ወድሰብ ብዘይሓስቦን ብዘይግምቶን መንገዲ ናይ ዘመናዊ ኒውክሌር ህንጸቶም ዝጀመሩ ገና ብኣግኡ'ዩ! ብሰንክ'ዚ ኢየ ድማ ነቲ፣ ሃገራት ብውልቅኹም ተፍርይዎ ድሑርን ዓቕመ ድሩትን ዝኾነ፣ ብኢድ ሰብ ዝትሰርሐ ኒውክሌር ረስዕዎ ዝበልኩኹም! እዞም ሰብ ዘይኮኑ ኔፊሊማት ወይ'ውን ኣብ ቀደም ዘመን ጣዖታት ኮይኖም ክምለኹ ዝጸንሑ፣ ኩሉ ስራሕ ዓሚሞም ኣብዚ ግዜ'ዚ ነታ መዓልቲ ዓወት ተዳልዮም ኣብ ምጽባይ ይርከቡ'ለዉ!

"ኩሎም ነበርቲ ናይዛ ከተማ ነቲ ምድራዊ ሞት ይሞቱ። ይኹን ደኣምበር ነፍሶም ኣብ ምድሪ ከለዉ ንልዑልና ዝተወሃበት ስለዝኾነት፣ ኣብ ዝሞቱሉ ቅንያት ነቲ ኣንጸባራቒ ስጋ ሒዞም ይጸንሑ። ንልዑና'ውን ክሳብ መወዳእታ ዘመን እሙናት ኮይኖም የገልግሉ። ስለዚ ድሕሪ ዓወት ኩሉ ነገር ናቶም ይኸውን። ኣብዛ ከተማ፣ እቲ ፈርኦናዊ ኣገዛዝኡ ከየቋረጸ ይቕጽል'ዩ ዘሎ። ኣዝዩ ዘመናውን ፍትሓውነት ዝተመልኡን ኣገዛዝኣ ኢዩ ዘሎ። እቶም ሕዝቢ'ውን ንባህታ የስተማቕሩ። ኣቕዲሞም ኢዮም ግን ከይዶም። ስለዚ ከም ኩሉ ነገድ እንዳተመርዓዉን፣ እንዳወለዱን ክሳብ ሎሚ ምስ ሙሉእ ክብሮም ኣለዉ። ስልጡናትን ጥበበኛታትን ኢዮም። ንዕላማ ልዑልና ጠንቂቕም ዝተረድኡን ነታ ናይ መወዳእታ ዓወት ዝተዳለዉን ኢዮም። ምስ ኔፊሊማት ዝተዳቐሉን ካብቲ ማይ ኣይሂ ብሓገዝ ልዑልና ብእሳተ ጎመራ ተኽሊሎም ዝተረፉ /ብርግጽ ማይ ኣይሂ ንሰብን ንእንስሳን ደኣምበር ንዖኣም ኣይመጸን/ ወገን ልዑልና ዝኾኑ ኔፊሊማትን እቶም ምስ ሰብ ዝተዳቐሉን ከምዝነበርዎ ኮይኖም፣ ካልኦት ከኣ፣ ካብ ኩሎም ናይቲ ዘመን ነገዳት ዝተዋጽኡ ሰባት ዝኾኑ ሕዝቢ ኢዮም ኣብታ ከተማ ዝነብሩ ዘለዉ። ናይ ኔፊሊም ድቓላታት'ውን ሙሉእ ብሙሉእ ሰብ ስለዘይኮኑ፣ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣእምሮኦም ክጥቀሙ ዝኽእሉ ፍርቂ ሰብ ኢዮም። ኣብዛ ከተማ ዘለዉ ሰባት'ውን እንተኾኑ፣ ሚስራ ካብ ሚኢቲ ናይ ኣእምሮኦም ክጥቀሙ ዝጀመሩ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም'ዮም። ስለዚ ኩሉ ናይ ዓለም ስልጣነ፣ ኣብዛ ምድሪ'ዚኣ ተወሲኑ ጸኒሑ'ሎ። ን 5 ሽሕ ዓመት ተሓቢኡ ጸኒሑ'ውን ሎሚ እቲ ዘመን ምስበጽሐ ተጋሂዱ'ሎ። ነዚ ሒዝና ደኣምበር መንግስትታትን ሃገራትን ብዝሰርሕዎ ኒውክሌር ተኣማሚንና ኣይኮናን ውግእ ክንገብር! ብሰብ ብዝተሰርሐ ኒውክሌር ከመይ ጌርና ንተኣማመን?

"ካብዞም ኣብዛ ትርእይዋ ዘለኹም ከተማ ዝነብሩ ሕዝቢ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ጥራይ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ክርከብ ከሎ፣ እንዳውጻእናን ፕሮፋይላቶም ባዕልና እንዳዳለናን ኣብ ወጻኢ ሃገር ተወሊዶም ከምዝዓበዩ ብምምሳል፣ መራሕቲ ሃይማኖታዊ ማሕበራትን መራሕቲ ሃገርን ጌርና

ናብቲ ግሁድ ዓለም ከነዋፍር ጸኒሕና'ለና። ንመጻኢ'ውን ካብዚ ዝወጹ ሰባት ኣብ ሃገራትኩም ብሚኒስተርነት ኮነ ብኻልእ ናይ ስልጣን ማዕርግ፣ ቦታ ሒዞም ክጸንሑ ስለዘለዎም፣ ምስ መምርሒኡ ምስተመሓላለፈልኩም ተቐቢልኩም ናይ ምእንጋድ ግዴታ ኣለኩም። ነዚ ነገር ኣጸቢቕኩም መታን ክትርድእዎ ታሪኽ ናይቲ ሓውቹም ዝኾነ መራሒ ኣሜሪካ ክነግረኩም። G8 ኣኳ ይፈልጡ ኢዮም።

"ነቶም ቅድመይ ዝነበሩ መራሕቲ ሃይማኖት ወሲኽካ እዚ ሓውቹም መራሒ ኣሜሪካ'ውን ካብዚ ፒራሚድ ዝወጹ ኢዮም። ኣብታ ዘላቶ ናይ ስልጣን ዘመኑ፣ ክዓሞ ዘለዎ ዓቢ ዕማም ስለዝነበረ መራሒ ኣሜሪካ ኮይኑ ስልጣን ከምዝሕዝ ተገይሩ። ነዚ ንምግባር ድማ ናይ ግድን በቲ መስርሕ ክሓልፍ ስለዘለዎ፣ ብመንእሰይ ዕድሚኡ ናብ ወጻኢ ከይዱ ናይ ኮሌጅ ትምህርቱ ከምዝመሃር ወይ'ውን ዝተመሃረ ክመስል ጌርና'ለና። ብዛዕባ'ቲ ካብ ግዜ ንእስነቱ ኣትሒዙ ዝነበረ ህይወት'ውን እንተኾነ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ፈቐዶ መጻሕፍትታት ዝገበርናዮ ዓይነት ናይ ሰብ ሜላ ተጠቂምና ክንገብሮ ዘለና ጌርና'ለና። ንምናልባት ኢልና ኢና ከምኡ ዝገበርናን ንገብርን።

"እቲ ዘገርም፣ ንጉዳይ ፕሮፋይል ናይቲ ሓውቹም መራሒ ኣሜሪካ ብዝምልከት፣ ከምኡ ናይ ምግባር ዕማም መንእሰይ ከለኹ ንዓይ ተዋሂቡኒ ስለዝነበረ፣ ብሓደጋ ነፋሪት ምስ ሙሉእ ታሪኹ ዝጠፍአ ጸሊም ሰብ ክደሊ ከለኹ፣ ብቐሊሉ ኣብ ሓደ ሓደጋ ነፋሪት ዝሞተ ኣፍሪቃዊ ጸሊም ህጻን ቆልዓ ረኺበ፣ ነቲ ናቱ ፕሮፋይል መበገሲ ገይረ ነቲ ታሪኽ ፈጢረዮ። ካልኦት ተሓጋገዝቲ'ውን ኣብቲ ስራሕ ሓጊዞምኒ ኣለዉ። ስሙ'ውን ብኡኡ ኮነ። እምበር ሓውቹም ኣብ ኬንያ ኣባሓጎ ኮነ ዓባይ የብሉን። ኣብ ኢንዶኒዥያ'ውን ኣደ የብሉን" ኢሎም ፍሽኽ ኢሎም ጠመትዎ፣ ንሱ'ውን ብኩርዓት ተፋሒሱ እንዳሰሓቐ ጠመቶም። እቶም ኣቡን'ውን ፍሽኽትኣም ቀጸሉ፣ "እዚ ጥራይ ዘይኮነ ሓዳር ኮነ ውላድ የብሉን። ጓል ኣይፈቱን ደኣምበር ... ሃሃሃ... ኣይኮነን ድዩ?" ሓተትዎ።

"ቅኑዕ ኣለኻ፣ ከምኡ ኢዩ" መለሰሎም።

"ብዝኾነ ሓዳር ከይሓዝካ ሃገር ምምራሕ ስለዘይከኣል... ዝተመርዓወ መሰለ። በቲ መስርሕ እንዳሓለፈ መጀመርታ ሴኔተር፣ ቀጺሉ መራሒ ኮነ። መራሒ ቅድሚ ምኽኑ'ውን መን'ያ ሸማ እታ ህብብቲ ናይ ሆሊውድ ኣክትረስ ተራ ኣባልና... ብዝኾነ ብመንገዳ ክልተ ነፍሲ ዘይፈለጡ ህጻናት ቆልዑ ካብ ኢትዮጵያ፣ ብስም ዝናበዩ ዘኽታማት ኣምጺኡ ሃበቶ። ንዐኣን ከምዝወለደን ቆልዑ ገይሩ እንዳዕበየን ይርከብ። ኣብ ኬንያ ኣለዉ ዝተባሃሉ ዘርኡ'ውን ነቲ ታሪኽ'ኳ ኣጸቢቕም ከይፈለጡ፣ ክብሪ መሲልዎም'ዩ ግዲ "ሓቁ'ዩ" ኢሎም ተቐበልዎ።

ጭራሽ ሓደ መዓልቲ እንታይ ሰሚዐ ኣብ ኬንያ ሓንቲ ሰበይቲ “ኣነ’የ ዓባዩ” ኢላ ኢሎሞ። ኣዝየ ስሒቐ። ምናልባት ዓባዩ ነቲ ብሓደጋ ነፋሪት ዝሞተ ህጻን’ደኾን ትኸውን? ከመይ ገይሩ?። በዚ ኾነ በቲ፣ ኣእማኒ ጌርና ንምስራሕ ኢና ፈቲንና። ዳርጋ ብሙሉኡ’ውን ሰሊጡ’ሎ።

“ሕጂ ኣብ ቀረባ እዋን ግና ሓደ ዝዘንጋዕኽዎ ነገር ነይሩ ግዲ ኾይኑ ትዝ ኢሉኒ። ለካስ ናይ ልደት ካርዱ ኣብ ኢዱ ክህሉ ነይርዎ። ኣነ ረሲዐ’ለኹ። ሓደ ሓደ ሰባት ካብዚ ቀረባ እዋን ኣትሒዞም ክሓቱ ጀሚሮም። ሕጂ ኣብ 2014 ዓ.ም ግና ንዕኡ’ውን ኣዘኻኽርክዎ’ሞ ካብ ኢንዶኒዥያ፣ በርዝ ሰርተፍኬቱ ጠፊእዎ ከምዝጸንሐ ኣምሲሉ ከምዘውጽአ ገይሩ ኣስሪሑ ኣብ ጉግል ጠቂዕዋ። ሕጂ ኣብ 2014 ኢያ ተጠቂዓ። ነታ ወረቐት ሕጂ’ኳ እንተውጽኣ፣ ጠፊኡኒ ኢሉ ዘውጽኣሉ ኣብ 2011 ዓ.ም ከምዝነበረ፣ ገይሩ ዝገልጽ ነገር ኣካቲቱ ጠቂዕዋ ምስረኣኹ ደስ ኢሉኒ። ንሳ’ውን እንተኾነ ፎርጅድ ምኳና ዝተፈለጠ ኢዩ። ብዝኾነ ካብ ጥራይካ ምኳን ገለ ነገር ምሓዝ ስለዝሓይሸ፣ ናይ ልደት ወረቐት ሕቶ እንተተላዒሉ፣ ተእምን ኣይተእምን ብዘየገድስ ኣውጺእዋ። ናይ ጥንሳ ስእሊ ግን እንድዒ እህ...?” ሓተትዎ።

እቲ ጸሊም ፕሬዚደንት ኣሜሪካ’ውን ክሳዱን መንኩቡን ብምዕጻፍ፣ ዘይተገዳስነት ብዘርኢ ኩነታት ፍሽኽ ኢሉ ዘረባ ኣልቦ መልሲ ሃበ።

“ጸገም የለን...ጥራይ... ሓደ ሓደ ደቀቕቲ ነገራት ተረሲዖም ደኣምበር፣ ብጽቡቕ ተቐናቢሩ’ዩ ኣባላትና ከምዝወጹ ዝግበር። ሓውኹም’ውን ነቶም ዝተሰገሩን ሕቶ ከልዕሉሉ ዝኽእሉን ነገራት መቸም ከምትፈልጥዎ መልሓሰኛ ኢዩ፣ ኣብ ፈቐዶ መድረኻት እንዳተንተነ ጽቡቕ ተዋሲኡ። ጭራሽ ሓደ ግዜ እንታይ ክብል ሰሚዐዮ “መንእሰይ ከለኻ ኣበይ ኔርካ” ዝብል ሕቶ ተላዒልዎ’ዩ መስለኒ፣ ፓኪስታን በሎም። ከመይ ኢሉ ከምዝመጸሉ እንድዒ።

“ስለዚ ክርስዑ ዘይብሎም ነገራት ረሲዕና ኔርና። ሓደ ካብኡ እንታይ’ዩ ነቲ ሰበይቱ ኣምሲሉ ዘቕረቦ ሰብ፣ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዘርኢ ፎቶ ኣየዳለወን ነይሩ። ካልኦት ከበድቲ ዕማማት ስለዝወዳእና ነተን ንኣሽቱ ነጢርናየን ኔርና። ማዕረ ክንድዚ ብዕምቆት ክሕተት’ዩ ኢልና’ውን ኣይሓሰብናን። ሕጂ’ውን እንተኾነ ጸገም የብሉን። ግን ናይ ሰብ ስራሕ ከም ምኳኑ መጠን ብዉሑዱ’ውን እንተኾነ ሽግር ምፍጣሩ ዘይተርፍ ኢዩ። ጥራይ... ጉዳይ መርዓ ተወዲኡ፣ ናይ ትምህርቲ፣ መናእሰይ ከለዉ ዝተሰኣልዎ ስእልታት፣ ናይ ዝኾነ ነገር ተጠናቒቑ ከብቅዕ እታ ወረቐትን ናይ ጥንሲ ፎቶን ተረስዓ። እቲ “ማይክል” ዝበሃል ናይ ቅድም ህቡብ ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰክዔት ስሙ ለዊጡ፣ ኣብ ርእሲ እቲ ማይክል ዝብል ሽሙ፣ ሓንቲ ኮንሶናንትን ሓንቲ ቫወልን ወሲኹ ስፔሊንግ’ውን ወሲኹ፣ ነቲ ጓል ኣንስተይቲ ከምስል ዝኽእል ማእኸላይ

መጥባሕቲ ገይሩ ምስ ብልዕቱ ከሎ ተመርዕዮም፣ ደቂ ዘኽታማት ካብ ኢትዮጵያ ኣምጺኦም ከዕብዩ ጀመሩ። ድሕሪ ግዜ'ውን መልክዕ ናይቶም ቆልዑ ንያኦም ምምሳል እንዳኣበየ ምስከደ፣ ብፍላይ ናይታ ዓባይ ኣብዚ ሕጂ ቀረባ እዋን፣ ከም ምኽሪ ዓይነት ሂበ ኣብ ቤተ ክርስቲያንና ብሚስጥር እቲ ሰርጀሪ ተገይሩላ ንማይክል ከምትመስል ክንገብር ፈቲንና።

"እንደገና ንሱ ድማ ኣብ ግዲኡ እንታይ ይርስዕ፣ ናይቶም ካብ ኢትዮጵያ በብተራ ብዘኽታምነት ዝመጹሉ ቆልዑ ናይ ልደት ሰርተፊኬት ይርስዓልኩም። እዚ'ውን ካልእ ሽግር ኮነ። ኣስተውዕሉ፣ ናቱ ናይ ልደት ሰርተፊኬት የለን። ናይ ሰበይቱ ናይ ማይክል ናይ ልደት ሰርተፊኬት የለን። ብርግጽ ማይክል ቤተሰብ ኣለዎ። ሓው'ውን ኣለዎ። ሓፍቲ ግን የብሉን። ካብቶም ካብ ሓንቲ ገዛ ዝወጹ ክልተ ናይ ኩዕሶ ሰክዔት ተጻወትቲ፣ እቲ ንእሽቶ ኢዩ ተመርዕዩ። እቲ ዓቢ ኣሰልጣኒ ኮይኑሎ፣ እቲ ንእሽቶ ፈርስት ሌዲ ኮይኑ ማለት'ዩ። ስለዚ ናይ ጓል ሰርተፊኬት ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ። ናይቶም ክልተ ደቁ ሰርተፊኬት'ውን የለን። ሰብ ብሽም ሰበይቱ ክደልዮ ኸሎ፣ ናይቲ ተጻዋታይ ኩዕሶ ሰክዔት ናይ ቀደም ፎቶን ናይ ለምዘበን ድማ ጓል ኮይኑ ዝተሳእሎ ፎቶ ጥራይ ኢዩ ዝርኣ። ናይ ጥንሲ ፎቶ የለን፣ ናይቶም ቆልዑ ናይ ህጻንነት ፎቶ የለን..... ፎቶ ናይተን ቆልዑ እኳ፣ ንገሊአን እንዳምሰለ፣ ምስረፈደ'ኳ እንተኾነ ለጠፈ። ብዝተረፈ ናይ ጥምቀት፣ ናይ ቤተ ክርስቲያን፣ ናይ ገለመለ፣ ዝበሃል ነገር የለን። ሓንቲ ነገር የላን። ሓንቲ ታሪኽ ስድራቤት የላን። ብሽም ሰበይቱ፣ ክሳብ ኣቡኡን ኣቦሓጎኡን ኣእቲኻ እንተዝድለ፣ ቤተሰብ ማይክል ኢዮም ዝድቀኑ። ጽቡቕ ነገሩ፣ ሰብ ፈርስት ሌዲ ኢሉ ክኣቱ ኸሎ፣ ፎቶ ናይቲ ናይ ሕጂ ማይክል ምምጽኡ ኢዩ። ነገር ግና መይክልን ማይክልን ኢሎም ብተመሳሳሊ ሙሉእ ስም /michelle lavaughn robinson ከምኡ'ውን micheal lavaughn robinson ማለቶም ኢዩ/ ኢልካ ኣቲኻ ሃሰስ እንተኢልካ ኣሸጋሪ ኢዩ፣ እቲ ሓቂ ኹልዕ ኢሉ'ዩ ዝወጽእ። ምኽንያቱ ነቲ ስሙ ናይ ጓል ንምግባር ክልተ ስፔሊንግ ዝወሰኽን፣ ነቲ ክልተ ስፔሊንግ ዘይወሰኽ ካልእ ማይክልን ብሓንሳብ ኢዩ ዝረኽቦም። ጥራይ ....ንኽፉእ ስለዘይህብ ኩላትና ኣቕሊልናዮ። እምበር ዓቢ ጌጋ ኢዩ ነይሩ ተፈጺሙ። ንዕኡ'ውን ብዝኾነ ያው ....ከምድላይካ ግበሮ ..... ብሓጺሩ ሓውኹም ኣብዛ ፒራሚድ ተወሊዱ ዝዓበየ ሰብ ኢዩ። ንስራሕ ወጺኡ። ስርሑ'ውን ብግቡእ ኣብ ምዕያይ ይርከብ። ካልኦት'ውን ከምኡ። እምበር ኣብ ኣሜሪካ'ውን ኣይተወለደን። ኣብ ውሽጢ ምድሪ ተወሊዱ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ዓብዩ ኢዩ ወጺኡ። ሰበይቱ'ውን ወዲተባዕታይ ኢዩ፣ ውላድ'ውን የብሎምን።

"ብዝኾነ ናብቲ ዝጀመርክዎ ክምለስ....።" ኢሎም ድምጾም ከምብሓድሽ ለዊጦምን ኣድሚቕምን፣ "ነቶም ኣብዛ ናይ ውሽጢ ምድሪ ከተማ ዝነብሩ ዘለዉ ሕዝቢ፣ ብናይ

ልዑልናን በቶም ኣከታቲሎም ዝነገሱ ፈርኦናትን ጥበብ፣ ን10 ሽሕ ዓመት ዝኣክል ስንቆም ተኸዚኑ ይርከብ። ብርሃን ጸሓይ ድማ ናይ ጸሓይ ኣምላኽ ብጥበቡ ይህቦም። ትርእይዎ ዘለኹም ዘመናዊ መብራህቲ'ውን ከም ብርሃን ጸሓይ ኮይኑ ዘገልግል ኢዩ። ምናልባት "ብዘይ ዝናብ ከመይ ገይሩ?" ክትብሉ ትኽእሉ። እኹል ዝኾነ ሃብቲ ማይ ኣሎ። ከምቲ መግቦም ተኸዚኑ ዘሎ፣ ብብዙሕ ቢልዮናት ኪውቢክ ሜትር ዝዕቀን ማይን ብሓገዝ ካልኦት ዘመናዊ መሳርሒታት፣ ኣብ ዘድለየሉ እዋን ምዝናብን፣ ነዞም ትርእይዎም ዘለኹም ኣግራብን ፍራፍረታትን ክትጥቀም ምኽኣልን ቀሊል ኮይኑ ተረኺቡ'ሎ። እዚ ጥራይ'ውን ዘይኮነ፣ እቲ ብልዑልናን በቲ ናይ መጀመርታ ፈርያንን ዝተነድፈ ስልቲ ተግባራዊ ኮይኑ ካብ 5 ሽሕ ዓመት ንላዕሊ ንዝኾነ ግዜ ግልጋሎት ክህብ ጸኒሑ'ሎ፣ ሕጂ'ውን ይህብ ኣሎ። እዚ'ውን ናይ ሩባ ኣባይ /ፈለግ ኒል/ ሓደ ርብዒ ማይ፣ ተጠቀምቲ ሩባ ኣባይ ፈጺሞም ብዘይፈልጥዎ መንገዲ፣ ካብ ሱዳን ጀሚሩ ተኸቲሩ እንዳተመጸየ ናብ ውሽጢ ምድሪ ክፈስስን በቲ ዝተሓንጸጸሉ ናይ ውሽጣ ውሽጢ መንገዲ ብዘይ መሰናኽል ተጓዒዙ ነታ ከተማ ከበልጽጋ ተገይሩ'ሎ። እዚ ስለዝኾነ ማእለያ ዘይብሉን ተጠቂምና ዘይንውድኦን ሓይሊ ምምንጫው ተኻኢሉ። እዛ ድንቂ ከተማ፣ ናይቲ መወዳእታ መጀምርታ መታን ክትከውን ኣጸቢቑ ተሓሲቡላ ኢያ ተሃኒጻ! ብዘይ ዝኾነ ሽግር ዝነብሩ ሕዝብታት'ውን ይቕመጥዋ ኣለዉ። እዚ ንነዊሕ ሽሕ ዓመታት ብሚስጥራዊ መንገዲ ተዓቂቡ ዝጸንሐ ናይ ልዑልና ሃብትን ጥበብን፣ ከምኡ'ውን ሓይሊ ሎሚ ንዓኹም ነቶም ወረስቲ ስለዝተበሰረ ዳግማይ ደስ ይበልኩም!!" ምስበሉ እቲ ኣዳራሽ ብጣቕዒት ደመቐ።

"እወ!! ዓወት ንልዑልና፣ ኣሜን!!?"

"ኣሜን!!"

"በዚ መሰረት'ውን ነቶም ካብ ቤት ማእሰርትታት ኤውሮጳን ካብ ካልኦት ክፍልታት ማሕበረሰብን ተመልሚሎም ነታ ሓዳስ ከተማ ዝሃንጹ ሰራሕተኛታትን በዓል ሞያታትን ዝኸውን መዕረፊ ኣይትጨነቑ ክብል ይፈቱ። ብቑጥታ ናብዛ ከተማ ከምርሑ'ዮም። ኣድላዩ ዝኾነ ገለጻ ክግበረሎም'ዩ። ብድሕሪኡ ናብ መምድቦም ከምርሑ'ዮም። ነዛ ከተማ'ዚኣ ኣነን ንስኹምን ከምኡ'ውን ካልኦት እሙናት ኣባላትና ጥራይ ኢዮም ዝፈልጥዋ። ሕዝቢ ዓለም ነዚ ኣይፈልጥን'ዩ። ሕዝብን መንግስትን ግብጺ'ውን ኣይፈልጥን'ዩ። መንም ሰብ'ውን ናብዛ ከተማ ኣይኣተወን። እዚ ሓውኹም ኣብኣ ዝዓበየ ስለዝኾነ ይፈልጣ'ዩ። /ንመራሒ ኣሜሪካ እንዳጠቆሙ/። ኣነ'ውን ንዝተፈላለየ ስራሕ ተመላሊሰላ'ለኹ። ንልዑልና፣ ነቲ ዓንተዎ ዝነገርኩኹም ታሪኽ ምስሓተትክዎ'ውን ናብዛ ኣደናቒት ከተማ ኢየ ተወሲደ። ፒራሚድና

እንዳበልና ኢና ንጽውዓ። ስለዚ... እቶም ኣብ ዘመን ፈርኦናት ዝነበሩ ሕዝቢ ኣትዮማ። ብድሕሪኡ ተዓጽያ። ሕጂ ግና እቲ ዘመን ምስተቓረበ እቶም ከማና ዝኾኑን ደረጅኡም ዝፈቐደሎምን ንኽሪእዋ ሰናይ ፍቓድ ልዑልና ኮይኑ'ሎ። ስፍሓት ናይ ግዝኣታ ምግላጽ ኣድላዪ'ኳ እንተዘይኮነ፣ ካብ ውሽጢ ምድሪ ግብጺ ተበጊሳ ነቲ ኣጻምእ ዝኾነ ናይ ውሽጣ ውሽጢ ግዝኣት ከምተካልል ኮይና ብሰፊሕ ዝተሃነጸት ከተማ ኢያ። ኣብ ውሽጣ'ውን ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ብሚልዮን ዝቑጸሩ ሕዝቢ ኣለውዋ። ግዝኣታ'ውን ብሸነኽ ሰሜናዊ ምብራቕ ናብ ኢትዮጵያ ከምትጽጋዕ ተገይራ ዝተሃነጸት ስለዝኾነት፣ ነታ ሓዳስ ከተማ ንምህናጽ ንዝግበር ጻዕሪ ብዘይ ጸገም ንኽነሳልጥ ከተኽእለና'ያ። ስለዚ ነቶም ሃነጽቲ ዝኸውን ቦታታት ተዳልዩ ኣሎ። ኣብ ፈለማ፣ ወሲድና ነቲ ስራሕ ብዝምልከት መጠነኛ መግለጺ ንገብረሉ'ውን ኣብዛ ከተማ'ዚኣ ኢዩ። ብዛዕባ መጓዓዝያ ኣይትሕሰቡ። እቶም ተመልመልቲ ኣብ ምድሪ ዘየለን ጋሻ ዝኾነ ነገርን ንኽይርእዩ መታን እኹል ምድላዋት ተገይሩ'ሎ። ንኣብነት ኣብቲ ወጻኢ ዓለም ዘገልግሉ ተሸከርከርቲ ኣብዛ ከተማ የለዉን። ዘመናውን ሰብ ዘይፈልጦን ተሸከርካሪ ስለዝጥቀሙ ማለት'ዩ። ስለዚ ኣቐዲምና ነእትዎ፣ ተሸከርከርትን ካልኦት ተመሳሰልቲ ነገራትን ይኸውን ማለት'ዩ። ብዛዕባ'ቲ ስራሕ ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ'ቶም ሰራሕተኛታት'ውን ምጥንቃቕ የድሊ። ክትምልምሉ ከለኹም'ውን ንስራሕ ምኺኑ ብምግላጽ ጥራይ ኣይትውሰኑን። ንኣብነት.... ናይ ጀርመን ዜግነት ዘለዎም እሱራት እንተድኣ ኮይኖም፣ ካብ ዓዶም ወጻኢ ናብ ካልእ ሃገር ከይዶም ንምስራሕን ንስራሕ ምምልማሎምን ጥራይ ዘይኮነ፣ ዝኸድዎ ዘለዉ ዓዲ'ውን ክትነግርዎም ኣለኩም። ነቲ ናይ ጀርመን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኢዩ ክትብልዎ ትኽእሉ። እቲ ዝህነጽ፣ ሓድሽ ህንጻ ወይ ሓድሽ ክልል ስለዝኾነ፣ "እዚ ቦታ'ዚ ኣበይ ኢዩ?" ኢሉ ክሓትትን ክጥርጥርን ኣይክእልን። ነቲ ዝተነገሮ ኣሚኑ ይቕበል ደኣምበር። ቴሌፎን ደዊሎም ንቤተሰቦም ከዘራርቡ ከለዉ'ውን ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ መበገሲ ኮድ ከምዝጥቀሙ ስለንገብር ዘሸግር ነገር የለን። ንኻልእ'ውን ብተመሳሳሊ ካልእ ሃገር ክንገሮ'ዩ፣ ካልእ መበገሲ ኮድ ከምዝጥቀም'ውን ይግበር። ምስ ሰባት ናይዛ ከተማ ዘራኽቦም ዝኾነ ዕድል ከምዘይህሉ'ውን ተገይሩ'ሎ። ናይ ባዕሎም ግዚያዊ ካምፕ ኣሎ፣ ኣብኡ የዕርፉ። ኩሉ ነገር ክቕረበሎም'ዩ። ነዚ ኩሉ ንገብር፣ ብሓደ ካብ ስድራቤቶም ጉርምርምታ ንኽይህሉ ተሓጉሶም መታን ክጸንሑ ደኣምበር ስግኣት ኮይኖም ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓንሳብ ዝኣተወ ስለዘይወጽእ ብሓይሊ ከምዝሰርሑ ምግባር'ውን ይከኣል ነይሩ። ልዕሊ ኩሉ ግና ልዑልና ፍትሓዊ ስለዝኾነ፣ ንጉልበቶም ብነጻ ንብዝብዘሉ ምኽንያት የለን። እዚ ናትኩም ስራሕ ስለዝኾነ ኣጸቢቕኩም ተዳለዉሉ። ብጉጅለ ብጉጅለ ወድብዎም፣ ነቶም ኣስራሕቲ ንሕና ክንምድቦም ኢና። እቲ ናይ ጀርመን ምስ ፈረንሳዊ፣ ናይ ጥልያን ምስ ቤልጅማዊ ሰራሕተኛ እንተተራኸቡ፣ እዚ ኾነ እቲ መጺኡም ዘለዉ ንስራሕ ክሳብ ዝኾነ ጋሻ ዝኾነ ነገር ኣይክህሉን'ዩ። እቲ ቀንዲ

ነገር ነቲ ዝህነጽ ትሕተ-ቕርጺ ብዝምልከት ናይ ሽፋን ስም ኣብ ምሃቡ ኢዩ። ናይ ማዕድን ኩዕታ በልዎ ዋላ ናይ ትሕቲ መሬት መንገዲ መጓዓዝያ... ቀንዲ ነገር እቲ ጎል ሚስጥር ኣብ ምኽኑ ጥራይ ኢዩ። ከምኡ'ውን እዞም ሃነጽቲ ፍጹም ዕድለኛታት ምኽኖም ኣይትረስዑ። ነዚ'ውን ባዕላቶም ብቐሊሉ ስለዝርድእዎ ሕጉሳት ከምዝኾኑ ንጹር ኢዩ። ብኽምዚ ዓይነት መንገዲ ነታ ሓዳስ ከተማ ክንሃንጻ ኢና። እቶም ሃነጽቲ'ውን እታ ከተማ እንዳገፍሐት ምስከደት ከምዝበልክዎ ዝተደላደለ ናብራ ክነብሩ ይጅምሩ። ነናይ ባዕሎም ገዛውቲ'ውን ክህልዎም ኢዩ። እቲ ዓወት'ውን ናይ ልዑልናን ናትና ናይቶም ሹማምንትን ይኸውን! እንዳበልኩ ገለጻይ ኣብዚ የጠናቐቐ ኣለኹ። ክብሪ ነቲ ናይ ጸልማት ልዑል ይኹን!! ኣሜን!?" ምስበሉ፣ እቶም ተኣከብቲ'ውን ብናይ ሓባር ድምጺ፣

"ኣሜን!!" ክብሉ ተሰምዑ።

ብድሕርዚ እቲ ናይ መንደቕ ስክሪን ጠፍኣ። ሃንደበት'ውን እቲ ኣዳራሽ ብጸልማት ተዋሕጠ። እቲ ኣብ ናይ እሳተጎመራ ባሕሪ ጥሒሉ ጸኒሑ ዝወጸ ዝመስል ጸሊም ፈረስ'ውን ብሸነኽ እቲ ናህሲ ብዘይ ዝኾነ ኣርዓዲ ድምጺ መጺኡ ኣብቲ መድረኽ ምስዓለበን ገዛእ ኣካላቱ ምስ ኣራገፈን፣ ነቲ ኣዳራሽ ብመጠነኛ ብርሃን ኾልዖ'ሞ ምርኣይ ከኣሉ። እቶም ኣቡን'ውን ብዘይ ጻዕሪ ዘሊሎም ኮፍ ክብልዎ ተራእዩ፣ ብዝመጸሉ ፍጥነት'ውን ናብ ላዕሊ ብምዝላል ነቲ ናህሲ ሓሊፉ ከደ። ዝኾነት ኳሕ ትብል ድምጺ ኣይነበረትን። ከይጸንሐ፣ እቲ ናይ መጀመርታ ብርሃን ተመልሰ'ሞ እቲ ኣዳራሽ መሊሱ ኹልዕ በለ። ሽዑ መራሒ ኣሜሪካ ግዜ ከየጥፍኣ ካብዝነበሮ ተንሲኡ ጉያ ጥራይ ብዝተረፎ ስጉምቲ ተጓዒዙ መድረኽ ተቐጻጸረ፣

"ዓወት ንልዑልና!!" ብማለት ብፍሽኽታ ደሚቑ ከመስግን ጀመረ። ኩላቶም ተንሲኦም ኣጣቐዑ። ንልዑሎም ብኣውያት፣ ብሰሓቕ፣ ብምንፍርፋርን ብምሸንዳሕን ኣኽበሩ። መራሒ ሩስያ ግና ብዘገርም ኩነታት ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝነበረ ኣይተንስኣን ነበረ። መራሒ ኣሜሪካ ቀጸለ፣ "ብሓቂ ናይ ኣደነቕቲ ነገራት በዓልቤት ምኽንና ከኹርዓና ይግባእ...!!" እንዳበለ ሒደት ምስተጃህረ፣ ብናይ ዓወት መንፈስ ተዋሒጡ ኣብቲ መድረኽ ከሎ፣ ክልተ የእዳዉ ጨቢጡ ጎል ከምዘእተወ ተጻዋታይ ኩዕሶ ብታሕጓስ ናብ ላዕሊ ዘሊሉ ምስተመለሰ "The goal of the new world order! That is it!" ብማለት ተፈሓሰ። ነዚ ኢሉ፣ ነታ ናይ ኣፕል ማርክ ዘለዋ ላፕቶፑ ዕጽፍ ኣበላ። ብድሕር'ዚ እንታይ ከምዝተኸሰተን እንታይ ከምዝቐጸለን ንሶም ጥራይ ኢዮም ዝፈልጡ.....።

****